ብዛዕባ ሃገር ሽወደን

መተኣታተዊ/ልልያ ማሕበረሰብ ብትግርኛ

"ብዛዕባ ሽወደን" ማለት፥ "OM SVERIGE" ካብ እትብል ናይ ሽወደን መጽሓፍ ዝተተርጎመት ኮይና፥ ንሓደስቲ መጻእቲ፥ ብዛዕባ ሕብረተሰብ ሽወደን ሓበሬታ እትህብ መጽሓፍ እያ። ዕላምኣ ድማ፥ ኣብ ሽወደን ዝርከባ ኮምዩናት ወይ ምምሕዳር ከባቢታት፥ ሕበረተሰብ ሽወደን ንምልላይ ኣብ ዝገብራኦ ስራሕ ንምሕጋዝ ዝዓለመ እዩ።

ካብ ታሕሳስ 01/2010 ዓ/ም ጀሚሩ ንሓደስቲ መጻእቲ ዝውሃብ ናይ ምልላይ ስራሕ፥ ሓድሽ መምርሒ (2010/1138) ወጺኡ ኣሎ። እቲ ዕላማ ድማ፥ ተሳተፍቲ፥ ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ፍልጠቶም ንኽማዕብሉ ዝዓለመ እዩ።

- ሰብኣዊ መሰላትን መሰረታዊ ደሞክራስያዊ ክብርታትን፥
- ናይ ውልቀሰብ መሰላትን ግዴታታትን ብሓፈሻ፥
- ኣቃውማ ሕብረተሰብ፥
- ማዓልታዊ ህይወት፥

እቲ መምርሒ፥ ሕብረተሰብ እንታይ ክጥርንፍ ከም ዘሎዎ ይገልጽ። "ብዛዕባ ሽወደን" ትብል መጽሓፍ፥ ነዚ መምርሒ'ዚ መሰረት ገይራ እያ ተዳልያ ዘላ።

"ብዛዕባ ሽወደን" ትብል መጽሓፍ፥ ናብ 11 ቋንቋታት ተተርጒማ ኣላ። በዘን ቋንቋታት'ዚኣተን ድማ፥ ኣብቲ ንሓደስቲ ዝዓለመ ሓበሬታ ዝሓዘ ገጻት መርበብ ሓበሬታ ናይ ምምሕዳር ዞባታት፥ ማለት **www.informationsverige.se** ሰፊሩ ይርከብ።

ናይ መጀመርታ ሕታም መጽሓፍ "ብዛዕባ ሽወደን"፥ ብኽተማ ዮተቦሪ ብ2010 ዓ/ም ዝተዳለወ እዩ።

ምምሕዳር ዞባ ቬስትራዮታላንድን ከተማ ዮተቦርን፥ ንትሕዝቶ ናይዛ መጽሓፍ'ዚኣ፥ ብቐዳሊ የሕድስኦ። እዚ ካብ 2010 ዓ/ም ጀሚሩ ንሽውዓተ ግዜ ዝተገብረ ምሕዳስ ናይዛ መጽሓፍ'ዚኣ፥ ኣብ መወዳእታ፥ ማለት ሻብዓይቲ ሕታም፥ ብ ፒያ ሰቨሪንሰን ካብ ቤት ጽሕፈት ዞባዊ ምምሕዳር ቬስትራዮታላንድ፥ ከምኡ'ውን ያኮብ ሳንዳህል ካብ ምምሕዳር ከተማ ዮተቦርን ዝተገብረ'ዩ።



ሄለነ ሆልምስትሮም
ሓላፊት ምጥርናፍን ምሙህሃድን ሕብረተሰብ
ምምሕዳር ማሕበራዊ ዓቕሚ
ከተማ ዮተቦሪ
መጋቢት 2018

ታሊየህ ኣሸጃሪ
ናይ ስነ ብዝሒ ኣካያዲት
ማሕበራዊ ክፍሊ
ምምሕዳር ዞባ ቨስትራ ዮታላንድ
ሚያዝያ 2018

መሰል ሕትመት: ከተማ ዮቶቦርን ዞባዊ ምምሕዳር ቨስትራዮታላንድን
ንድፊ ስእላዊ ትሕዝቶ: ማሪያ ኖበልን ዮሰፊን በርየርን ካብ ምምሕዳር ዞባ ቬስትራዮታላንድ
ተቐጻጻሪ ብቕዓት ትግርኛ ትርጉምን: ግርማይ ዮውሃንስ
ስእሊ ገበር: ዮሃን ልዩንበሪ
ISBN 978-91-984845-9-5

ስእሊ፥ ማርያ ኑበል

ትሕዝቶ

1. ናብ ሽወኗን ምምጻእ 7

ናብ ሽወኗን ተሰዲድካ ምምጻእ 8

ኣብ ሃገረ ሽወኗን ምስ ህዝቢ ምጽንባር 12

ታሪኽ ሃገረ ሽወኗን – ካብ ዘመነ በረድ ክሳዕ እዚ ምዕቡል እዋን፡ 15

ሽወኗን ኣብ 20 ክፍለ ዘመን 21

እዚኣቶም ፍሉያት ሕላገት ወይ መለለዪ ሽወኗን’ዮም ዘብሉ ፍሉያት ነገራት ኣለዉ ዶ? 25

መግዕን(ልምዲ) በዓላትን ኣብ ሽወኗን 28

ኣብ ጕዕዞ ህይወት እናተዘከሩ ዝነብሩ በዓላት፡ 33

ሕቶታት ዘተ፡ ምዕራፍ 1 36

2. ኣብ ሽወኗን ምንባር 37

ጂኦግራፊ፡ ቀጠባዊ ጽላትን ትሕተ ቅርጽን 38

ብዝሒ ህዝቢ 44

መንበሪ ኣባይትን ናብራን 46

ኣከባቢ፡ ተፈጥሮን ተፈጥሮኣዊ ዓቃብነትን 54

ኮምዩንካ በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ይሰርሕ 63

ምሕደራ ቀጠባ 69

ውሕስነት 72

ሕቶታት ዘተ፡ ምዕራፍ 2 74

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

3. ኣብ ሽወደን፡ ርእስኻ ምኽኣልን ምምዕባልን 75

ዕዳጋ-ዕዮ ኣብ ሽወደን 76

ተቐጺርካ፡ ማለት ኣብ ትሕቲ ሰብ ምስራሕ 83

ምንዳይ ስራሕ 85

ናይ ውልቀኻ ትካል ምኽፋት 91

መድሕን ሽቕለት ኣልቦነት (Arbetslöshetsförsäkringen) 93

ምኽፋል ግብሪ 94

ህዝባዊ ናይ ክብሪ መዝገብ (Folkbokföring) 97

ማሕበራዊ ውሕስነት 99

ስንኩል ኴንካ ምንባር 101

ትምህርቲ ንኣባጽሕ 103

ትርፊ ግዜን ማሕበራዊ ናብራን 110

ሕቶታት ዘተ፡ ምዕራፍ 3 117

4. መሰላትን ግቡኣትን ውልቀ ሰብ 119

ማዕርነትን ሰብኣዊ መሰላትን 120

ምክልኻል ኣድልዎ(ኣፈላላይ) 123

ስድራቤትን ውልቀሰብን 127

መሰላት ቆልዑ 128

ዓመጽ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮን ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ናይ ቀረባ መዛምድን፡ 130

ሕቶታት ዘተ፡ ምዕራፍ 4 135

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

5. ኣብ ሽወደን፡ ሓዳር መስሪትካ
ምስ ደቅኻ ምንባር፡ 137

ዝተፈላለዩ ኣገባባት ሓቢርካ ንምንባር፡ 138

ንቐልዑን መንእሰያትን ምክንኻን 142

ክንክን ቆልዑ (Barnomsorg) 148

መባእታ ቤት ትምህርቲ (Grundskola) 150

ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ (Gymnasium) 152

ቤት ትምህርትን ደሞክራስን 154

ቁጠባዊ ደገፍ ንወለዲ 155

ሕቶታት ክትዕ ምዕራፍ 5 159

6. ንምዕራፍ 6 ዳውንሎድ ግበሮ 161

ደሞክራሲ እንታይ ማለት’ዩ? 162

ምዕባለ ደሞክራሲ 163

ምዕባለ ደሞክራሲ ኣብ ሽወደን 164

ስርዓተ-ደሞክራሲ ኣብ ሽወደን 166

ኣርባዕተ መሰረታውያን ሕግታት ሽወደን 174

ፖለቲካዊ ስነ ሓሳባትን ሰልፍታትን 175

ናይ ሽወደን ስርዓተ ምርጫ 177

ደሞክራሲ፡ ኣብ ግዜ ምርጫን
መዓልታዊ ህይወትን 181

ሕቶታት ዘተ፡ ምዕራፍ 6 182

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

7. ኣብ ሽወደን፡ ጥዕናኻ ምሕላው **183**

ጥዕና እንታይ ማለት'ዩ? 184

ኣልኮላዊ መስተ፡ ሓሺሽን ትንባኾን፡ 189

ሓለዋ ጥዕና ኣብ ሽወደን 191

ርክብ ምስ ሕክምና 193

ንመን ትውከስ? 194

ሕክምና ስኒ 201

ዕጉብ እንተ ዘይኼንካ 203

ሕቶታት ዘተ ምዕራፍ 7 204

8. ኣብ ሽወደን ብዕድመ ምድኣእ **205**

ምእራግ 206

ናብ ኣረጋውያን ዝዓለመ
ንጥፈታትን ሓለፋታትን፡ 209

ጡረታ (Pensioner) 210

ምክንኻን ኣረጋውያን (Äldreomsorg) 213

ሞት ምስ ዘጋጥም 215

መሰል ውርሻ 217

ሕቶታት ዘተ ምዕራፍ 8 219

ዝተኣከቡ መወከሲታት **221**

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ: Colourbox

1. ናብ ሽወደን ምምጻእ

ትሕዝቶ

ናብ ሽወደን ተሰዲድካ ምምጻእ

ኣብ ሽወደን ምስ ህዝቢ ምትሕሙዋስ ወይ ምጽምባር

ታሪኽ ሽወደን – ካብ ዘመነ በረድ
ክሳዕ እዚ ምዕቡል እዋን

ሽወደን ኣብ 20 ክፍለ ዘመን

ሽወደናዊ መለለዩ ዘብሉ ፍሉያት ነገራት ኣሎዉ ዶ?

ልምድታትን በዓላትን ኣብ ሽወደን

ኣብ ጕዕዞ ህይወት ዝብዓሉ በዓላት

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ናብ ሽወደን ተሰዲድካ ምምጻእ

ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ሽወደን፡ ኣስታት 10 ሚልዮን ነበርቲ ኣሎዉዋ። ኣስታት 3.5 ሚልዮን ካብ'ዚኣቶም ኣብን ከባብን ናይ'ተን ሰለስተ ዓበይቲ ከተማታት፡ ማለት ስቶክሆልም፡ ዮተቦርን ማልመን ይነብሩ። 17% ወይ ከኣ ብቑጽሪ ኣስታት 1.7 ሚልዮን ዝኾኑ ካብ ነበርቲ ሽወደን፡ ኣብ ካልኣ ሃገር ወይ ካብ ሽወደን ወጻኢ ዝተወልዱ እዮም።

ኣብ 20 ክፍለ ዘመን፡ ብዙሓት ሰባት ናብ ሽወደን ተሰዲዶም። ብዘይካ ገለ ገለ እዋናት ገዲፍካ፡ ሽወደን ካብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ጀሚራ ካብ ዋሕዚ ስደተኛታት ዳርጋ ኣየዕረፈትን ክብሃል ይክኣል። እዚ ብስፍሕ ዝበለ መገዲ ክርኢ እንከሎ፡ ካብ'ቶም ንሽወደን ገዲፎም ናብ ካልኣ ሃገር ዝተሰዱ እቶም ካብ ካልኣ ሃገር ናብ ሽወደን ተሰዲዶም ዝኣተዉ ይበዝሑ።

ኣብ 50ታትን 60ታታን፡ ሽወደን ናይ ሰብ ሓይሊ (ብዝሒ ጕልበት ሰብ) ኣድልዩዋ። ብዙሓት ሰባት ካብ ቀረባኣ፡ ማለት ጎረባብታን ከባቢኣን ሃገራት፡ ከም ጣልያን፡ ግሪኽ፡ ዩጎዝላቭያን ቱርክን መጺኦም።

ኣብ ሰማንያታት፡ ካብ ደቡብ ኣመሪካ፡ ኢራን፡ ኢራቕ፡ ሊባኖስ፡ ሶርያ፡ ቱርክን ኤርትራን፡ ኣብ ሽወደን ዑቕባ ሓቲቶም። ጸኒሖም ድማ፡ ካብ ሶማልን ምብራቕ ኤውሮጳን መጺኦም።

ኣብ 1999 ዓ/ም ኤውሮጳዊ ቤት ምኽሪ፡ ኩላተን ኣባላት ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝኾና ሃገራት፡ ሓባራዊ ናይ ዑቕባን ስደትን ፖሊሲ ክህልወን ወሲኑ። እዚ ድማ ናይ ሓባራዊ ምትሕግጋዝ ስምምዕ "ሸንገን" ተባሂሉ ይፍለጥ። ኣብ 2001 ዓ/ም፡ ሽወደን፡ ኣባል ናይዚ ውዕል'ዚ ኮይና። ትሕዝቶ ናይዚ ስምምዕ'ዚ ከኣ፡ ዝኾነ ኣብ ሓንቲ ካብ'ተን ነዚ ስምምዕ ዝኸተማ ሃገራት ዝነብር ሰብ፡ ካብ ዶብ ናብ ዶብ ክሰጋገር እንከሎ፡ ቪዛ ከይተሓተተ ብናጻ ንኽንቀሳቐስ ዘፍቅድ ውዕል እዩ። ከም ውጽኢት ስምምዕ ሸንገን፡ ኣብ መጀመርታ 21 ክፍለ ዘመን፡ ቁጽሪ ሓተቲ ዑቕባ ክብ ክብል ተራእዩ።

ስእሊ፡ ፋንይ ሃንሶን፡ ከተማ ዮተቦርይ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ኣብ ሽወደን፣ እቲ ናይ ስደተኛታት ጕዳይ፣ ነቲ ንወጻእተኛታት ዝምልከት ሕጊ ተመርኩሱ እዩ ዝሰርሕ። እዚ ድማ ናይ ውቅባ፣ ናይ መንበሪ ፍቓድን ናይ ስድራቤት ምትእኽኻብን የጠቓልል።

ኣብ ዓመተ 2016፣ ልዕሊ 163000 (ሓደ ሚእትን ሰሳን ሰለስተን ሽሕ) ሰብ ናብ ሽወደን ተሰዲዶም። ካብ'ዚኣቶም፣ 56% ደቂ ተባዕትዮ ክኾኑ እንከለዉ፣ 44% ከኣ ደቀንስትዮ እየን። ልዕሊ 15000 (ዓሰርተ ሓሙሽተ ሽሕ) ሽወደናውያን፣ ኣብ ካልእ ሃገር ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ሽወደን ተመሊሶም። ኣብዚ ዓመት'ዚ ናብ ሽወደን ካብ ዝኣተዉ ስደተኛታት፣ እቶም ዝበዝሑ፣ ሶርያውያን እዮም።

ነዚ ብዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ እትደልዩ፣ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ኣቲኹም ኣንብቡ **www.scb.se**።

ኣብ ዓመተ 2016፣ ቑጽሪ ናይ'ቶም ኣብ ካልእ ሃገር ዝተወልዱ ነበርቲ ሽወደን፣ ከባቢ 1.7 ሚልዮን በጺሑ። ኣብዚ ታሕቲ ዘሎ ብማእከላይ ቤት ጽሕፈት ቆጸራ ህዝቢ (SCB) ዝተዳለወ ንዋሕዚ ስደተኛታት ዝምልከት ሰንጠረጅ፣ ዋሕዚ ስደት ብደረጃ መበቆል ሃገር ሰፊሩ ኣሎ።



ምንጪ: ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ስታትስቲክስ

ውቅባ ምሕታት

ናይ ሕቡራት ሃገራት "ውዕል መሰል ስደተኛታት"፣ ኣባላት ሃገራት ከመይ ገይረን ንስደተኛታት ክሕዛ ከም ዘለወን ዝሕብር ኣህጉራዊ ሕጊ ወይ ውዕል እዩ። ስደተኛ፣ ብመሰረት እቲ ውዕል ብዓሌት፣ ብዜግነት፣ ወሲባዊ ዝንባለ፣ ሃይማኖት ወይ ፖለቲካዊ ርእይቶ፣ ጾታ ወይ ካብ ካልእ ሕብረተሰብ ብምኽኑ፣ ንግፍዒ ወይ ንጸገም ዝተቓልዐ ሰብ ማለት እዩ። ሓደ ውቅባ ዝሓትት ሰብ ኣብታ ዝደለያ ሃገር ከይዱ ውቅባ ክሓትት መሰሉ'ዩ።

ብመሰረት "ውዕል መሰል ስደተኛታት" ውድብ ሕቡራት ሃገራት፣ ስደተኛ ዘይኮነ ሰብ'ውን እንተኾነ፣ ከም መጠን ደላዩ ውቅባ፣ ውቅባ ክረክብ ይኽእል'ዩ። ብመሰረት ሕገ-ወጻእተኛታት ናይ ሽወደን፣ ሓደ ሰብ፣ ከም ደላዩ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ውቅባ፡ ፍልይ ዝበለ ፍቓድ ክውሃቦ ይኽእል እዩ (ብመሰረት ሓባራዊ ሕጊ ኣውሮጳዊ ሕብረት ማለት'ዩ)።

ሃገራት፡ ንሓደ ሰብ ብኸመይ መገዲ ከም ስደተኛ ከም ዝቐጽርኦ ዝሕብር ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ሓባራዊ መምርሒ ኣሎ። ኣብቲ ዝካየድ ግምገማ፡ ናይቲ ሰብ ድሕረ ባይታን ኩነታት ኣነባብራን፡ እንታይ እዩ ከም ግፍዒ ዝቐጸር? ዝብል ሕቶን ናይቲ ሓታቲ ሰብ ሃገር ኩነታት እንታይ ይመስልን? ወዘተ ዝብሉ ነጥብታት ይግምገሙ እዩ።

ኣብ ሃገረ ሽወደን ውቅባ ክትሓትት እንተደሊኻ ንቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ተወከሶ። ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ወይ ድማ ሚግራኹንሸርከት ማለት፡ ናይ'ቶም ንሽወደን ንኽበጽሑ፡ ንኽነብሩ፡ ውቅባ ንኽሓቱ፡ ወይ ሽወደናዊ ዜግነት ደልዮም ንዝመጹ፡ ሕቶታቶም ዝግምግም መንግስታዊ ትካል እዩ።

ብመሰረት ሕጊ ዱብሊን፡ እቲ ናይ ውቅባ ሕቶኻ ኣብታ መጀመርታ ዝረገጽካያ ኤውሮጳዊት ሃገር ክካየድ ወይ ክምርመር ይግባእ። ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት፡ ሽወደን ናይ መጀመርታ እግሮም (ፋልማዮም ዝረገጹዋ ሃገር) ምኻና ንኽረጋገጽ፡ ካብ 14 ዓመት ንላዕሊ ንዝዕድመኦም ሓተትቲ ውቅባ፡ ናይ ኣጻብዕቲ ኣሰር (ዓሸራ) ይወስደሎም።

ምቅይያራት ሕገ-ውቅባ

ፓርላማ ሽወደን፡ ሓተትቲ ውቅባን ስድራ ቤቶምን ኣብ ሽወደን መንበሪ ፍቓድ ክረኽቡ ዝኽእሉሉ ዕድላት ዝድርት ሕግታት ኣጽዲቑ ይርከብ። እዚ ሓድሽ ሕጊ እዚ፡ ዕለት 20 ሓምለ 2016 ዓ/ም ኣብ ግብሪ ዝወዓለ ኮይኑ ክሳብ 3 ዓመት ከኣ ክጸንሕ እዩ። እዚ ሕጊ'ዚ ነቶም ቅድሚ 20 ሓምለ 2016 ዓ/ም ኣብ ሽወደን ውቅባ ዝሓተቱ ሰባት ከይተረፈ'ውን ክጸልዎም ይኽእል'ዩ።

ነዚ ምቅይያራት ናይ ሕጊ ብዝምልከት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ባዓል መዚ ኢሚግረሽን፡ ማለት **www.migrationsverket.se** ብምእታው ብዝርዝር ክተንብቡ ትኽእሉ።

ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ

ብመሰረት እዚ ሓድሽ ሕጊ'ዚ፡ እቶም ናይ ብሓቂ ውቅባ ዘድልዮም ሰባት፡ ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ ከም ዝውሃቦም ይግበር። ጉዳዩ ተራእዩ ከም ስደተኛ ዝቐጸር ሰብ፡ ንሰለስተ ዓመታት ዘገልግል መንበሪ ፍቓድ ይውሃቦ። ስደተኛ ዘይኮነ፡ ግን ከኣ ውቅባ የድልዮ እዩ ተባሂሉ ዝተኣምነሉ ሰብ ከኣ፡ ናይ 13 ኣዋርሕ መንበሪ ፍቓድ ይውሃቦ።

ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ ምስ ወደቐ፡ እቲ ዝምልከቶ ግለ ሰብ፡ ውቅባ ዘውሃቦ ጸገማት ከምቲ ዝጸንሐ ምስ ዝህሉ፡ መንበሪ ፍቓዱ ይሕደሰሉ። ነብሱ ዝኽእለሉ መገዲ ምስ ዘጣጥሕ ከኣ ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ ይውሃቦ።

ብዘይወለዶም ዝተሰዱ ትሕቲ ዕድመ፡ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ ዘለዉዎም እሞ ኸኣ ውቅባ ዘድልዮም ስድራቤታት፡ ቅድሚ 24 ሕዳር 2015 ዓ/ም ውቅባ ዝሓተቱ ምስ ዝኾኑ፡ ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ ይውሃቦም።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ንኣባላት ቤተሰብ ዝመሃብ ናይ መንበሪ ፍቓድ

ምስ ናይ ቀረባ ኣባል ስድራቤትኩም ብሓባር ክትነብሩ ምስ እትደልዩ፣ እቲ ዝጥርንፈኩም ኣባል ስድራ፣ መንበሪ ፍቓድ ክህሉዎ ኣለዎ። ሰብኣይኪ፣ ሰበይትኻ፣ ብሓንሳብ መናብርቲ፣ ምዝጉብ መጻምዲ ወይ' ውን ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኡም ደቅኻ፣ ኣብ ሽወደን መንበሪ ፍቓድ ንኽውሃቦም እዚ ዝስዕብ ቅጥዕታት ክማላእ ኣለዎ፣ -

- ሽወደናዊ ዜጋ፣ ወይ' ውን ናይ ስደተኛ ቀዋሚ ወይ ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ ምህላው።
- ንነብስኻን ዑቕባ ንዝሓተተን ወይ' ውን ንዝሓተቱን ኣባላት ስድራቤትካ ክትናቢ እትኽእል ምኺን።
- እኹል ስፍሓትን ቅጥዒ ዝሓለወን መንበሪ ገዛ ምህላው።
- ንስኻን ካልኣይትኻን ወይ ንስኽን ካልኣይክን፣ ዕድመኹም ብውሑዱ **18** ዓመት ክኸውን ኣለዎ።

ምስ ስድራቤቶም ክጽንበሩ ዘመልክቱ፣ ኩላቶም ኣይኮኑን ነብሶም ክኽእሉ ዝሕተቱ። ንኣብነት ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኡም ህጻናት፣ እዚ ናይ ርእስኻ ምኽኣል ቅድመ ኩነት ኣይምልከቶምን እዩ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ **www.migrationsverket.se** ኣቲኹም ኣንብቡ።

ዜግነት ሽወደን ወይ' ውን ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ ምስ ዝህልወኩም፣ ነቲ ክትምርዓውዎ ወይ ምሳኹም ሓቢሩ ንኽነብር ዝወጠንኩምሉ ሰብ' ውን ናብ ሽወደን ንኽመጽእ መንበሪ ፍቓድ ክውሃቦ ይኽእል እዩ።

ስእሊ: Colourbox

ናይ መንበሪ ፍቓድ ምስ እትደሊ፣ ምስቲ ኣብ ሃገርካ ዘሎ ወይ ክኣ ኣብታ እትነብረላ ዘለኻ ሃገር ዘሎ ናይ ሽወደን ኤምባሲ ወይ ቆንስል ተራኽብ። እቲ መንበሪ ፍቓድ ዝሓትት ሰብ ባዕሉ ቀሪቡ ሕቶ ክቕርብ ይግባእ።

ብመሰረት እዚ ሓድሽ ግዝያዊ ሕጊ' ዚ፣ እቶም ክም ስደተኛታት ናይ 3 ዓመት መንበሪ ፍቓድ ዝተዋህቦም ሰባት' ውን፣ ኣባላት ስድራቤቶም ናብ ሽወደን ንኽመጽኡን መንበሪ ፍቓድ ክውሃቦምን ይኽእል እዩ። ኣባላት ስድራቤት ክንብል እንከለና፣ ሰብኣይኪ/ ሰበይትኻ/ ምዝጉብ መጻምዲ/ብሓባር መናብርቲ ክምኡ' ውን ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኡም ደቅኺ ወይ ደቅኻ ማለትና እዩ። ኣባላት ስድራ ቤት ናይ' ቶም ቅድሚ 24 ሕዳር 2015 ዓ/ም ዑቕባ ዝሓተቱ እሞ ድማ ናይ 13 ኣዋርሕ መንበሪ ፍቓድ ዝተዋህቦም ሰባት' ውን ናብ ሽወደን ንኽመጽኡን መንበሪ ፍቓድ ክውሃቦምን ይኽእል እዩ።

እቶም ድሕሪ 24 ሕዳር 2015 ዓ/ም ዑቕባ ዝሓተቱ' ሞ ናይ 13 ኣዋርሕ መንበሪ ፍቓድ ዝተዋህቦም ሰባት፣ ኣባላት ስድራ ቤቶም፣ መንበሪ ፍቓድ ረኺቦም ናብ ሽወደን ንምምጻእን ዝኽእሉሉ ዕድል ኣዝዩ ጸቢብ እዩ።

ኣባላት ስድራ ቤት ናይ' ቶም ድሕሪ 24 ሕዳር 2015 ዓ/ም ዑቕባ ዝሓተቱን ናይ 13 ኣዋርሕ መንበሪ ፍቓድ ዝወሰዱን ትሕቲ ዕድመ፣ ኣብ ትሕቲ ውሱን ኩነታትን ፍሉይ ምኽንያታትን ናብ ሽወደን ንኽመጹ መንበሪ ፍቓድ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ዜግነት ሽወደን

ዜግነት ሽወደን ክውሃበኩም ምስ እትደልዩ፣ ናብ በዓል መዚ ኢሚግሬሽን ክተመልክቱ ኣለኩም። ናይ ሽወደን ዜግነት ንኽውሃበኩም፣ 18 ዓመት ዝመላእኩም፣ ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ ዘለኩምን ኣብ ሽወደን ከኣ ክባቢ 5 ዓመት ዝተቐመጥኩምን ክትኮኑ ኣለኩም። ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድመኦም ቆልዑ፣ ምስ ኣቦኦም ወይ ኣደኦም ብሓባር ዜግነት ሽወደን ይውሃቦም። ዜግነት ንኽውሃበኩም ድሕሪ ምምልካትኩም፣ መልሲ እትረኽቡሉ ግዜ ክከም ኮነታቱ ክፈላለ ይኽእል።

መልሲ ድሕሪ ኽንደይ ይውሃበኩም ንዝብል ጽጹይ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ብዓል መዚ ኢሚግረሽን **www.migrationsverket.se** ኣቲኹም ኣንብቡ።

ዜግነት ኤውሮጳዊ ሕብረት

ናይ ስዊዘርላንድ ወይ ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት/ኢኢኤስ ሃገር ዜጋ ምስ እትኽውን፣ ኣብ ውሽጢ ብኤውሮጳዊ ሕብረት ዝሕቆፉ ሃገራት፣ ከም ድላይካ ክትገይሽ ትኽእል ኢኻ። ኣብዚ ግዜ'ዚ፣ ካብተን 28 ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣባላት፣ እተን 22 ኣብ ውዕል ሽንገን እቶዋት እየን። ከምዚ ክብሃል እንከሎ፣ እቲ ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ዜጋ፣ ኣብዘን ሃገራት'ዚኣተን ብናጻ ክዛወር ይኽእል ማለት እዩ። ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ሃገራት ወጻኢ ዝኾና ሃገራት፣ ማለት ናይ ሳልሳይ ሃገር ዜጋ ምስ እትኽውን፣ ኣብ'ዘን ኣባላት ሽንገን ዝኾና ሃገራት፣ ከም ድላይካ ክትገይሽ ትኽእል ኢኻ። እንተኾነ ግን፣ በዚሑ እንተተባህለ ንሰለስተ ኣዋርሕ ጥራይ ኢኻ ክትገይሽ ትኽእል።

ናይ ስራሕ ፍቓድ

ናይ ስራሕ ፍቓድ፣ ብቤትጽሕፈት ስደተኛታት (ኢሚግሬሽን) ዝውሃብ ፍቓድ ኮይኑ፣ ሓደ ወጻእተኛ፣ ኣብ ሽወደን ንኽሰርሕ መሰል ዝህብ ናይ ስራሕ ውሳነ እዩ። እቲ ቀንዲ ሕጊ፣ 'ናብ ሽወደን ገና ከይኣቶኻ እንከለኻ ናይ ስራሕ ሕቶኻ ክጸድቕ ኣለዎ' ዝብል ሕጊ እዩ። ዜጋታት ኖርወይ፣ ናይ ኣባላት ኤውሮጳዊ ሕብረትን/ኢኢኤስ-ዜጋ፣ ዜጋታት ስዊዘርላንድን ኣባላት ስድራቤቶምን ግን፣ ፍቓድ ክሓቱ ኣየድልዮምን። ኣብ ሓንቲ ካብ ኣባላት ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት፣ ንሓሙሽተ ዓመታት ዝተቐመጡ፣ ናይ ስራሕ ፍቓድ ክሓቱ ኣየድልዮምን'ዩ።

ናይ ገዛእ ርእሱ ዋኒን ዘሎዎ ሰብ እንተኾይኑ ናይ ስራሕ ፍቓድ ኣየድልዮን እዩ፣ ናይ መንበሪ ፍቓድ ግን ክህሉዎ ይግባእ።

ኣብ ሃገረ ሽወደን ምስ ህዝቢ ምጽንባር

ምትሕውዋስ ወይ ምጽንባር ማለት፣ ነቲ ሕብረተሰብ ኣብ ውሽጡ ኣቲኻ ንዕኡ ምምሳል ማለት እዩ። ኩሉ ሰብ፣ ኣባል ሕበረተሰብ ሽወደን ኮይኑ ክስምዖ ይግባእ። ምስ ዝተፈላለዩ ሰባትን ጉጅለታትን ተራኺቡ ሓሳባት ክለዋወጥ ኣለዎ ማለት እዩ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ: Colourbox

ሽወደን፡ ብብዙሕነት እትልለ ሃገር እያ። ባህላዊ፡ ሃይማኖታዊ ወይ ‘ውን ቀቢላዊ መበቆል ብዘየገድስ፡ ኩላቶም ኣባላት ሕብረተሰብ ሽወደን፡ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ሕብረተሰቦም ብማዕረ ናይ ምስታፍ መሰል ኣሎዎም።

ኣብ ሽወደን፡ ናይ ምጽንባር ፖሊሲ መምርሒ ዘውጽእ፡ እቲ መንግስቲ እዩ። እቲ መንግስቲ፡ ኩሉ ሰብ ኣበይ ከም ዝተወልደ ወይ እንታይ ብሄሩ ብዘየገድስ፡ ኣብቲ ሕብረተሰብ ክጽንበር ይደልዮ። ስለዚ ድማ እዩ እቲ መንግስቲ፡ ንሓደስቲ መጻእቲ፡ ኣብ’ተን ቀዳሞት ዓመታት፡ ዝያዳ ሓገዝ ዝገብረሎም። ከምዚ ዝገብር ከኣ፡ ነቶም ሓደስቲ መጻእቲ ግሩም ምጅማር ክኾነሎምን ናጻ ህይወት ንክነብሩ ድማ መሰረት ክረኽቡን ብምሕሳብ እዩ።

መደብ መትከሊ እግሪ ንሓደስቲ

ንኣኻ 20 ዓመት ንዝመላእካን (65 ግን ዘይመላእካ) ናይ መንበሪ ፍቓድ ዘሎካን፡ ከምኡ’ውን ከም ስደተኛ፡ ከም ናይ ክዎታ ስደተኛ (ብሪሰትልመንት ወይ ሓገዝ ዝመጻእካ)፡ ከም ደላይ ዑቕባ ወይ ከኣ ነቶም ከምኡ ዘድልዮም ዘመድ ዝኾንካ፡ ፍሉይ ናይ ምትካል እግሪ ትልሚ፡ ወይ ናይ ምትካል እግሪ ድጎማ፡ መሰል ኣሎካ። ናብ ሽወደን ዝኣቱ ሓድሽ ሰብ፡ ወጻእተኛ ወይ ድማ ስደተኛ እዩ።

ትልሚ ምትካል-እግሪ

ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ ስራሕ፡ (Arbetsförmedlingen) ሓደ ካብ’ቶም ንስደተኛታትን ወጻእተኛታትን ኣብ ሕብረተሰብ ሽወደን ንክጽንበሩ ዝሕግዝ መንግስታዊ ትካል እዩ። ውጥን መትከሊ እግሪ (etableringsplan) ዝምልከተኩም ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ ስራሕ፡ ተሓዚ መዝገብ መደብ መትከሊ እግሪ (etableringshandläggare) ተራኺብኩም መስርሕ ምድላይ ስራሕ ንክትተሓሓዙዎ እንታይ ከም ዘድልየኩም ተመያየጡ። ውጥን መትከሊ እግሪ፡ ዝተፈላለየ ስራሕ ንምርካብ ዝሕግዘኩም ንጥፈታት ዝሓዘለ እዩ። እቲ ውጥን እንታይ ዓይነት ንጥፈታት ዘስፈረ ክኸውን ከም ዝኽእል፡ ኩነታትኩምን ድልየታትኩምን ዝውስኖ ኮይኑ፡ ንመደብ ትምህርቲ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛታት (SFI) ከምኡ’ውን ንስራሕ ዘዳሉ ንጥፈታትን - arbetsförberedande insatser - (ንኣብነት ልምምድ - ስራሕ፡ ሞያውን ትምህርታውን ክእለታትኩም ንምንዳር ወይ ንምፍታሽ) ከምኡ’ውን መባእታዊ ኣፍልጦኹም ብዛዕባ ሕብረተሰብ ሽወደን ዘንልብት ሕብረተሰብኣዊ ትምህርቲ (samhällsorientering) ዝሓቐፈ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ቤት ጽሕፈት ዕዮ፡ ናይ ውልቀኻ ዋኒን ኣብ ምኽፋት ንዝሀሉ መስርሓት'ውን ይሕግዘካ'ዩ።

ስእሊ፡ ዮነር

እዩ። እቲ ዋና ነገር፡ ውጥን መትከሊ እግሪ፡ ናይ ምሉእ ሰዓታት፡ ማለት ኣብ ሰሙን ናይ 40 ሰዓታት ንጥፈታት ዘስፈረ ክኸውን ኣለዎ። ውጥን መትከሊ እግሪ፡ ከም ልሙድ ን24 ኣዋርሕ ዝቕጽል ንጥፈታት ዝሓዘ' ዩ። ፍርቂ መዓልቲ ናይ ወላዲ ዕረፍቲ ምስ እትወስዱ፡ ውጥን መትከሊ እግሪ ን12 ኣዋርሕ ክናዋሕ ይኽእል። ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ ስራሕ **www.arbetsformedlingen.se** ኣቲኹም ነዚ ብዝምልከት ዝርዝር ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ዕላማ ናይዚ መደብ' ዚ፡ ብዝተኻእለን ብዝቐልጠፈን መጠን ቋንቋ ክትማሃሩን ስራሕ ረኺብኩም ድማ ነብስኹም ክትክእሉን' ዩ።

እዚ መስመር ወይ ሊንክ' ዚ፡ ኣብ ሓድሽ ገጽ ይኽፈት' ዩ።

ኣበል መትከል እግሪ

ብመሰረት ውጥን መትከል እግሪ፡ ኣብ ዝተመደበልኩም ንጥፈታት ኣብ እትሳተፉሉ ግዜ ዝውሃበኩም ገንዘብ፡ ' ሓገዝ መትከል እግሪ' (Etableringsersättning) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣበየናይ ከባቢ ናይ ሽወደን ትነብሩ ኣለኹም ብዘየገድስ፡ ዝውሃበኩም ደገፍ መትከል እግሪ፡ መጠኑ ሓደ እዩ። ምሉእ ገንዘባዊ ደገፍ ክውሃበኩም እንተኾይኑ፡ ኣብ ንጥፈታትኩም ምሉእ ብምሉእ ክትሳተፉ ኣለኹም። ኣብ ውጥን መትከል እግሪ ኣብ ዘለኹምሉ ግዜ፡ ስራሕ ምስ ዝህልወኩም፡ እቲ ዝውሃበኩም ደገፍ፡ በቲ ትሰርሑዎ መጠን ወይ ኣታዊ ይንኪ። ደገፍ መትከሊ እግሪ ዘሎኩም፡ በይንኹም ኣብ ነብሱ ዝኸኣለ ገዛ ኽራይ ትነብሩ ምስ እትኾኑ፡ ደገፍ ገዛ - ኽራይ ክውሃበኩም ይኽእል' ዩ። ገለ ቅጥዕታት መሰረት ብምግባር፡ ንኣብነት ቆልዑ ምስ ዝህልዉኹም፡ ደገፍ ቆልዑን ደገፍ ክራይ ገዛን ክውሃበኩም ይኽእል። ነዚ ተወሳኺ ደገፍት ዝመምን ዝውስንን መንግስታዊ ትካል፡ ማዕከን ማሕበራዊ ውሕስነት፡ ማለት ፎርሼክሪንካሳን (Försäkringskassan) ተባሂሉ ይፍለጥ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ሃገርካ ገዲፍካ ናብ ካልእ ሃገር ክትስደድ ከለኻ፡

ሃገርካ ገዲፍካ ናብ ካልእ ሃገር ክትስደድ ከለኻ፡ ጸገማትን ብድሆታትን ኣሎዉኻ። ምናልባት ተሳቒኻ ትኸውን፡ ገንዘብ፡ ገዛ፡ ብጾትን ኣዝማድን ኣብ ሃገርካ ጠፊኦምኻ ይኾኑ። ሓድሽ ቋንቋ፡ ሓድሽ ኣገባብን ሓድሽ ባህልን ንኽትምሃር ኣሸጋሪ እዩ። ጸገማት ከጋጥሙኻ ድማ ባህርያዊ እዩ። ገሊኦም ግን ናይ መንበሪ ፍቓድ ምስ ተዋህቦም ጸገማት ይጅምሮም።

ሕማቕ ምስ ዝስምዓካ ዝሕግዙኻ ሰብ ሞያ ኣለዉ። ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ ነቲ ኣብ ጥቓኻ ዘሎ ማእከል ጥዕና ተወከሶ። ናይ መትከል እግሪ መሰል ምስ ዝህልወካ፡ ምስቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዕዮ ዘሎ ተሓጋጊኻ (ሃንድሌጋረ) ብዛዕባ ተወሳኺ ሓገዝ ትረኽበሉ ኣገባብን መንገድን ተዘራረብ።

ታሪኽ ሃገረ ሽወደን – ካብ ዘመነ በረድ ክሳዕ እዚ ምዕቡል እዋን፡

ጥንቲ

ቀደም ዘመን’ ክብሃል እንከለ፡ ነዊሕ መዋእል ዝገበረ ማለት’ዩ። ’ቅድመ ታሪኽ’ ’ውን ይብሃል’ዩ። ቅድሚ 15000 ዓመታት፡ ብምልእታ ሽወደን፡ ብበረድ ዝተሸፈነት ሃገር’ያ ነይራ። እቲ ዘመን’ቲ ድማ፡ ’ዘመነ በረድ’ ይብሃል። 3000 ዓመታት ጸኒሑ ግን፡ እቲ በረድ ካብ ደቡብ ሽወደን

ንጸጋም - ሩንስተን ዝብሃል፡ ኣብ ልዕሊኡ ሩን ዘለዎ እምኒ እዩ። እቲ ጽሕፈት’ቲ፡ ልዕሊ 1000 ዓመት ገይሩ።

ስእሊ: Colourbox

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ንየማን - ኣብቲ ስእሊ ዘላ መርከብ፡ ኣብ ምስሊ መራኽብ ቫይኪንግ ተመርኩሳ ዝተሰርሐት'ያ።

ስእሊ: Colourbox

ጠፊኡ። ኣትክልቲ፣ እንስሳታትን ሰባትን ድማ መጺኦም። ሰባት፣ ብሃድን፣ ዓሳ ብምግፋፍን ዝብላዕ ፍረታት ብምእራይን ክናበሩ ጀሚሮም።

ኣስታት 6000 ዓመታት ይገብር፣ ኣብ ሽወደን ዝነብሩ ዝነበሩ ሰባት፣ ኣትክልቲ ከብቁሉን እንስሳታት ከፋርዩን ጀሚሮም። ካብ እምንን ዕንጸይትን ዝተሰርሐ መሳርሒታት ክጥቀሙ ጀሚሮም። እቲ ግዜ'ቲ ድማ፣ 'ዘመነ እምኒ' ተባሂሉ ይፍለጥ።

ኣስታት 1500 ዓመታት ቅድሚ እዚ ዘለናዮ ዘመን፣ ሰባት፣ ሓጺንን ነሓስን ክጥቀሙ ጀሚሮም። እቲ ግዜ'ቲ ድማ፣ 'ዘመነ ነሓስ' እዩ ዝብሃል። ደቂ ሰባት፣ ኣብቲ ግዜ'ቲ፣ ኣብ ውሽጢ ኤውሮጳ ንግዲ ከካይዱ ጀሚሮም።

500 ዓመታት ቅድሚ'ዚ ዘለናዮ ዘመን፣ ሰባት፣ ሓጺን ክጥቀሙን ከዘውትሩን ጀሚሮም። እዚ ግዜ'ዚ ድማ፣ 'ዘመነ ሓጺን' ይብሃል።

ዘመነ ቫይኪንግ

ካብ ታሽዓይ ክሳዕ መፋርቕ 11 ክፍለ ዘመን ዝነበረ ግዜ፣ "ዘመነ ቫይኪንግ" ተባሂሉ እዩ ዝፍለጥ። ቫይኪንጋውያን፣ ኣብ ምስራሕ መራኽብን ናይ ባሕሪ ጕዕዞን ንፋዓት እዮም ነይሮም። ምስ ብዙሓት ሃገራት ተዋጊኦምን ነጊዶምን። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ሰሜን ኤውሮጳ ድማ፣ ስልጣን ሒዞም ነይሮም።

ማእከላይ ዘመን

ኣብ ታሪኽ ሽወደን፣ ማእከላይ ዘመን ዝብሃል፣ ካብ ኣስታት 1000 - 1520ታት ዝነበረ ግዜ እዩ።

ክርስትና ናብ ሽወደን ቅድሚ ምምጽኡ፣ ህዝቢ ሽወደን፣ ኣብ ጣኦታት እዩ ዘምልኽ ወይ ዝኣምን ነይሩ። ካብ'ዚኣቶም ገለ ንምጥቃስ፣ ኦደን፣ ቱር፣ ከምኡ'ውን ፍረያ ዝብሃሉ ይርከቡዎም። እዚ ድማ፣ ኣሳትሮ እምነት ይብሃል።

© ናይ ቫስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ: Colourbox

ክርስትና ናብ ሃገረ ሽወደን ምስ መጸ፣ እቲ ሕብረተሰብ ተለዊጡ። ሽወደን፣ ኣብ ከባቢ 1000 ዓ.ም፣ ኦሎፍ ሾትኮኑንግ ዝብሃል ናይ መጀመርታ ክርስትያን ንጉስ ገዚኡዋ። ኣብ 13 ክፍለ ዘመን፣ ብዙሕ ነገራት ተፈጺሙ። ሕርሻን ንግድን ኣዚዩ ተወዳዲቡ። ሓደስቲ ከተማታት ተሃኒጸን። ሽወደን፣ ኣብ ዞናታት ተመቓቒላ። ነፍስ ወከፍ ዞና፣ ናቱ ሕጊ ነይሩዎ። ቅድም ኣፋዊ ሕጊ ጥራሕ እዩ ነይሩ። ኣብ 13 ክፍለ ዘመን ግን፣ እቲ ሕጊ ብጽሑፍ ሰፊሩ።

ኣብ ማእከላይ ዘመን፣ ሕጊ ሃገር ዘውጽእ ናይ ሽወደን ባይቶ ተመስሪቱ። ንሱ፣ ኣብ ኣርባዕተ ጽፍሕታት ተመቒሉ ነይሩ። ንሳቶም ድማ፣ ዓበይቲ ዓዲ፣ ካህናት፣ ነጋዶን ሓረስቶትን' ዮም። ዓበይቲ ዓዲ፣ ብውርሻ ዝረኽቡዎ ስልጣንን መሰላትን ነይሩዎም።

ካህናት፣ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ልዑል ስልጣን ነይሩዎም። 20% ናይ ብሉጽን ልሙዕን መሬት ሽወደን ድማ ይውንኑ ነይሮም። እቶም ነጋዶ፣ ኣብ ከተማታት ንንግድን ሰንዓን የመሓድሩ ነይሮም። ዓበይቲ ሓረስቶት፣ ንመነባብሮ ገጠራት የመሓድሩ ነይሮም። ሓረስቶት ከኣ፣ ኣብቲ ዝሰርሑሉ ቦታ፣ ኣዝርእቲ እናዘርኡን እንስሳታት እናርብሑን ይነብሩ ነይሮም።

ኖርዲካዊ ሕብረት

ማእከላይ ዘመን ኣብ ምውድኡ፣ ደንማርክ፣ ኖርወይን ሽወደንን ' ኣብ ሃገራት ኖርዲክ መን ሓይሊ ይሃሉዋ?' ብዝብል ሰበብ ተዋጊኦን። ብ 1397 ዓ/ም "ሕብረት ካልማር" ንዝብል ውዕል ፈሪመናሉ። ኩላተን እዘን ሃገራት' ዚኣተን ድማ፣ ሓንቲ ሃገር ኮይነን።

ዓቢ ሓደሊ

ኣብ 16 ክፍለ ዘመን፣ ኣብ ዓለም ዓቢ ነገር ተኸሲቱ። ኮሎምቦስ፣ ንኣመሪካ ዳህሲሱዋ። ጉተንበርግ ድማ፣ ናይ ሕትመት ማሺን ምሂዙ። ናይ ሮማ ናይ ካቶሊክ ጳጳስ ከኣ፣ ሓደ ዓቢ ክፋል ናይቲ ኣብ መላእ ኤውሮጳ ዝነበሮ ቤተክርስትያናዊ ስልጣን ኣጥፊኡዎ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ኣብ ለኮ ቤተ መንግስቲ ዝርከብ ዓቢ ክሽነ፡ ካብ 17 ክፍለ ዘመን

ስእሊ: Lennart Haglund

ብዙሓት ሽወደናውያን፡ ኣመራርሓ መራሒ ናይ' ተን ዝሓበራ ሃገራት፡ ደንማርካዊ ንጉስ ደስ ኣይበሎምን። ንሱ፡ ኣብቲ "ህልቂት ስቶክሆልም" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ተግባር፡ 100 ዓበይቲ ዓዲ ሽወደን፡ ብግፍዒ ቀቲሉዎም። ብድሕሪ' ዚ፡ ሽወደናውያን ኣዲሞም። ጉስታቭ ቮሳ ድማ፡ ወታሃደራት ኣኽቲቱ ካብቲ ደንማርካዊ ንጉስ፡ ስልጣን መንዚዑ። ንጉስ ቮሳ፡ ሰነ 6 1523 ዓ/ም ኣኽሊል ደፊኡ። ሽዑ፡ ኣብ ሽወደን ሰላም ኮይኑ፡ ነታ ሃገር ድማ ከም ሓንቲ ገይሩ ኣመሓዲሩዋ። ስለዚ ድማ፡ ሰነ 6 ሃገራዊ በዓል ሽወደን እዩ።

ጉስታቭ ቮሳ ምስ ነገሰ፡ እቲ ቤተክህነት ተለዊጡ። ጀርመናዊ ካህን ማርቲን ሉተር፡ ነቲ ናይ ሽወደን ቤተ ክህነት ጸልዩዎ። ማርቲን ሉተር፡ ብዛዕባ ኣመራርሓ ቤተ ክርስትያን፡ ብዙሕ ሓደስቲ ሓሳባት ነይሩዎ። እታ ካቶሊክ ዝነበረት ቤተ ክርስትያን፡ ፕሮተስታንት ኮይና። ብዙሕ መሬት ድማ ኣረኪባ። ነቲ ብዓል ሓያል ስልጣን ዝኾነ መንግስቲ' ውን ግብሪ ክትከፍል ግድን እዩ ነይሩ። ብእኡ መጠን ድማ፡ ባይቶ ዝያዳ ስልጣን ረኺቡ።

ካብ መፋርቕ 16 ክፍለ ዘመን ክሳዕ መጀመርታ ናይ 18 ክፍለ ዘመን፡ ሽወደን፡ ኣብቲ ኣብ ምብራቓዊ ባሕሪ ወይ ኦስተርሾን፡ ኣብ ዝተኻየዱ ብርክት ዝበሉ ውግኣት ተጸሚዳ ነይራ። ኦስተርሾን፡ ኣብ መዳይ ንግዲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ባሕሪ እዩ ነይሩ። ቀንዲ ምኽንያት ናይቲ ውግእ ድማ፡ ንኦስተርሾን መን ተቖጻጸረ እዩ ነይሩ። ብዘይካ' ዚ፡ ሽወደን፡ ኣብቲ 30 ዓመታት ዝወሰደ ካብ 1618 - 1648 ዓ/ም ዝነበረ ሃይማኖታዊ ውግኣት' ውን ተጸሚዳ ነይራ እያ። ሽወደን፡ ኣንጻር ዴንማርክ፡ ራሻ፡ ፖላንድን ጀርመንን' ውን ውግኣት ድሕሪ ምክያድ፡ ዝዓበየ ክፋል ምብራቓዊ ባሕሪ ክትቆጻጸር ክኢላ። ኣብ መፋርቕ 17 ክፍለ - ዘመን፡ ሽወደን ዓቢ ክፋላት ሰሜን ጀርመንን ፖላንድን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ የእትያቶ ነበረት። ድሕሪ እዚ ኸኣ፡ ሽወደን፡ ርእሰ ሓያል ሃገር ኮነት።

ሽወደን፡ ኣብ ልዕሊ እዚ ሕጂ ዘሎዋ ስፍሓት፡ ንፊንላንድ፡ ኤስትላንድ፡ ለትላንድ፡ ክፋል ሩስያን ጀርመንን ወኒና ነይራ። ብድሕሪ' ዚ፡ ንጉስ ሽወደን ካርል ሻብዓይ፡ ኣብ ብዙሕ ኩናት ስለ ዝተሳዕረ፡ ብዘይካ እዚ ሕጂ ሽወደን

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ኮይኑ ዘሎ መሬት፣ ነቲ ዅሉ መሬት ኣጥፊኡዎ። ብ 1721 ዓ/ም ኣብ ሽወደን ከም ብሓድሽ ሰላም መጺኡ። እቲ ሽወደን ኣብ ኦስተርሾን ዝነበራ ዕብለላ ግን ጠፊኡ።

ናጽነት፡ ናይ ፍልጠት ብርሃንን ሰውራን

ድሕሪ ውድቀት ዓለማዊ ስልጣናትን ሞት እቲ ንጉስን ከኣ፣ ኣብ ሽወደን ሓዲሽ መንግስታዊ ምምሕዳር ተኣታትዩ። ስልጣን ናብቲ ሕብረተሰብ ወሪዱ። ህዝባዊ ናጽነት ድማ፣ እናወሰኸ ከይዱ። እዚ ድማ፣ "ዘመነ ናጽነት" ተባሂሉ ይፍለጥ። እቲ ዝለዓለ ስልጣን፣ ነቲ ብዓበይቲ ዓዲ፣ ካህናት፣ ነጋዶን ሓረስቶትን ዝቑመ ባይቶ ተዋሂቡዎ ነይሩ። ነፍስወከፍ ጉጅለ ብዛዕባ ጉዳይ ሕግታትን ቀረጽን ድምጹ ከስምዕ መሰል ነይሩዎ። እቲ ባይቶ ብደሞክራስያዊ መገዲ ዝተመርጸ ኣይነበረን፣ ኣብ ግዜኡ ግን ፍሉይ ህዝባዊ ውክልና ነይሩዎ።

ሽወደን ኣብቲ ግዜ'ቲ፣ ብመገዲ ምርምርን ሳይንስን ገይራ ቑጠባኣ ኣመሓይሻቶ ነይራ። በዚ መገዲ'ዚ፣ ነብሳ ክኢላ ካብ ደገ ንኽይትዕድግ ክእለት ኣጥሪያ ነይራ። ብ 1740 ዓ/ም፣ ሓደ ሳይንሳዊ ኣካዳሚ ተኸፊቱ።

ኣብ 18 ክፍለ ዘመን፣ "ዘመነ ሓበሬታን መረዳእታ ግዜን" ዝብሃል ዘመን ተኸሲቱ ነይሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፣ መብዛሕትኡን ሃገራት ኤውሮጳ፣ ግሩም ዝኾነ ቑጠባ ነይሩወን። ኣብ 18 ክፍለ ዘመን፣ ኣብ ኤውሮጳ፣ ዓበይቲ ለውጥታት ይርኢ ነይሩ። ሰባት ከንብቡ ጀሚሮም። ነቲ ናይ ቤተ ክህነትን ናይ ዓበይቲ ዓድን ስልጣን ድማ ክምክቱዎ ጀሚሮም። "ቁጠባውን ማሕበራውን ምምሕያሽ ምስ ብሩህ ሓሳባት"፣ ኣብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ለውጢ ኣለዓዒሉ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ብ 1789 ዓ/ም፣ ውሩይ ናይ ፈረንሳ ሰውራ ተኸሲቱ።

ብ 1771 ዓ/ም ናይ ሽወደን ንጉስ ጉስታቭ ሳልሳይ፣ ኣኽሊል ንግስነት ደፊኡ። ብዙሓት ፖለቲካውያን ሰልፍታት ነንሓድሕደን ክባኣሳ ጀሚረን። ብ 1772 ዓ/ም ድማ፣ እቲ ንጉስ፣ ናይ መንግስቲ ምብታን መስርሕ ኣካፍዱ። ስልጣን ብምግባት ድማ፣ በይናዊ ሓይሊ ክውንን ፈቲኑ። "ዘመነ ናጽነት" ድማ ተወዲኡ። እዚ ሓይልን ስልጣንን እዚ ግን፣ ምዕዝምዛም ኣኽቲሉ፣ እቲ ንጉስ ከኣ፣ ብ 1792 ዓ/ም ኣብ ሓደ ፌስታ ተቐንጺሉ።

ሽወደን፡ ኣብ 19 ክፍለ ዘመን

ጉስታቭ ኣዶልፍ ራብዓይ፣ ኣብ መንጎ 1796 - 1809 ዓ/ም ንጉስ ሽወደን ነይሩ። ኣብ ዘመኑ፣ ሽወደን ምስ ሩስያ ተዋጊኣ። ኣብቲ ውግእ'ቲ ምስ ተሳዕረ፣ ሽወደን ንፊንላንድ ናብ ሩስያ ኣረኪባታ። ካብ 1815 ዓ/ም ንደሓር፣ ኣብ ሽወደን፣ ሰላም ሰፊኑ። ይኹን እምበር ናይ ንጉስ ጉስታቭ ኣዶልፍ ራብዓይ ኣመራርሓን ኣብ ኩናት ምስዓሩን፣ ብ 1809 ዓ፣/ም፣ ካብ ዝፋኑ ከም ዝወርድን ንግስነት ንሓወቡኡ ካርል ሻምናይ ክገድፈሉን ኣገዲዱዎ። ኣብ ተመሳሳሊ እዋን፣ እቲ ባይቶ፣ ኣርባዕተ መሰረታውያን ሕግታት ኣጽዲቑ። ሓደ ካብ'ቶም ሕግታት ድማ፣ ነቲ ናይ ንግስነት ስልጣን ዘጉድል ሕጊ እዩ ነይሩ። እተን ኣብ 1809 ዓ/ም ዝጸደቓ ኣርባዕተ መሰረታውያን ሕግታት፣ እዘን ዝስዕባ እየን፣ -

- መንግስቲ ሽወደንን ሕግታቱን ብኽመይ መንገዲ ክቐሙ ከም ዘለዎም፣
- ናይ ንግስነት ውርሻ ብኽመይ ከም ዝመሓላለፍ ወይ ከም ዝወራረስ።

- ናይ ሕትመት ናጽነትን ብኽመይ ከም ዝዕቀብን።
- እቲ ባይቶ፣ ኣርባዕተ ጕጅለታት፣ ማለት፣ ዓበይቲ ዓዲ፣ ካህናት፣ ነጋዶን ሓረስቶትን ክልዉዎ።

ካርል ሻምናይ፣ ንግስነቱ ዝወርስ ውላድ ኣይነበሮን። ስለዚ ን ፈረንሳዊ ገፍን ባፕቲስተ በርናዶቲ፣ ከም ናይ ሽወደን ንጉስ ክኽውን ሓጽዩዎ። ገፍን ባፕቲስተ በርናዶቲ፣ ናይ ሽወደንን ኖርወይን ሕብረት መስሪቱ። እዚ ድማ፣ ዳርጋ ን100 ዓመታት ጸኒሑ። ብ 1865 ዓ/ም፣ እተን ኣርባዕተ ጕጅለታት ናይ ባይቶ ተደምሲሰን። እዘን ጕጅለታት እዚኣተን "ካማረ" ብ ዝተባህለ ክልተ ክፍልታት ተተኪእን።

ኣብ 19 ክፍለ ዘመን፣ ብዝሒ ህዝቢ ሽወደን፣ ወሲኹ። ኣብ መጀመርታ 19 ክፍለ ዘመን፣ ሽወደን፣ 2.4 ሚልዮን ህዝቢ ነይሩዋ። ኣብ 20 ክፍለ ዘመን ናብ 5.1 ሚልዮን ደዩቡ። ምውሳኽ ብዝሒ ህዝቢ ድማ፣ ሰብ፣ ካብቲ ዝነብረሉ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ከይዱ ክሰርሕ ኣገዲዱዎ። ብዙሓት፣ ካብ ገጠራት ናብ ከተማታት ኣትዮም። ብዙሓት ድማ ናብ ኣመሪካ ተሰዲዶም። ኣብ መንጎ 1865 - 1914 ዓ/ም፣ ኣስታት 1,000,000 (ሓደ ሚልዮን) ሽወደናውያን ናብ ኣመሪካ ተሰዲዶም።

ፋሉ ዕጸና ነሓሲ፡
ዓለማዊ ባህላዊ ውርሻ

ስእሊ: Colourbox

ምስፋሕ ኢንዱስትሪ

ምንቅስቓስ ኢንዱስትሪ፣ ድሕሪ ካልኦት ብዙሓት ሃገራት ኤውሮጳ እዩ ናብ ሃገራት ስካንዲናቪያ ኣትዩ። ኣብ መፋርቕ 19 ክፍለ ዘመን፣ መብዛሕትኦም ሽወደናውያን፣ ብሕርሻ ዮም ዝመሓደሩ ነይሮም። ኣብ 1860ታት፣ ኣብ ሽወደን መገዲ ባቡር ክስራሕ ጀሚሩ። በዚ ምኽንያት ድማ፣ ሽወደናውያን፣ ሎሕን ሓጺንን ንወጻኢ ክሸጡ ጀሚሮም። ዓበይቲ ኢንዱስትሪታት ተመስረቱ። ሳላ ሓድሽ ማሺነሪ ድማ፣ ስራሕ ክቀላጠፍ ጀሚሩ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ሽወደን ኣብ 20 ክፍለ ዘመን

ምትእትታው ደሞክራሲ

ኣብ ፈለማ 20 ክፍለ ዘመን፡ ሰባት ካብ ገጠራት ናብ ከተማታት ምውሓዝ ቀጺሎም። ሓረስቶት ጎዲሎም፡ ሽቓሎ ድማ በዚሐም። ብዙሓት ሰባት መሰል ምድማጽ ክወሓሰሎም ደለዩ። ብ 1907 ዓ/ም ኩሉ ልዕሊ 24 ዓመት ዕድመ ዘሎዎ ሰብ ናይ ምድማጽ መሰል ረኺበ። ኣብ ቀዳማይ ዓመት 1919 ዓ/ም ከኣ፡ ፓርላማ፡ መሰል ምድማጽ ንደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ብማዕረ ኣፍቀደ። ኣብ መወዳእታ 19 ክፍለ ዘመን፡ ሰራሕተኛታት፡ ንዕኦም ዝጥርንፍ ዓቢ ማሕበር ሽቃሎ ኣቑሞምም። ዕላማ ናይዚ ማሕበር'ዚ፡ ኩነታት ስራሕተኛታት ንምምሕያሽን ደሞዝ ሰራሕተኛታት ክብ ንምባልን ዝዓለመ እዩ ነይሩ። ኣብ ገለ ገለ እዋናት ይዕወቱ ነይሮም እዮም። ግዳያት ዘይርትዓዊ ኩነታት ስራሕ ክኾኑ እንከለዉ ተቓውሞኦም ንምግላጽ ስራሕ ደው የብሉ ነበሩ። እዚ ኸኣ "ኣብያ" (strejka) ይብሃል። ኣብ ዓመተ 1909 ሰፊሕ ናይ ሰራሕተኛታት ኣብያ ተኻይዱ። ኣብዚ ኣብያ'ዚ 300'000 (ሰለስተ ሚእቲ ሽሕ) ሰራሕተኛታት ተሳቲፎም። እዚ ፍጻመ'ዚ ድማ፡ እምነ ኩርናዕ ንምምዕባል መሰል ስራሕን ደሞክራስን ኮይኑ።

ቀዳማይ ውግእ ዓለምን ኣብ መንጎ'ዚ ውግኣት'ዚ ዝነበረ ግዜን፡

ቀዳማይ ኩናት ዓለም ብ 1914 ዓ/ም ክጅመር እንከሎ፡ ሃገራት ኖርዲክ ኣብቲ ውግእ'ቲ ንኸይሳተፋን ካብ ሻራነት ነጻ ክኾናን ስምምዕ ከቲመን። ቀዳማይ ኩናት ዓለም፡ ካብ 1914 - 1918 ዓ/ም ተኻዩዱ።

ኣብ 1922 ዓ/ም ኣብ ሽወደን፡ ብደረጃ ዓለም ቀዳማይ ዝኾነ ናይ ስነ ህይወታውያን ዓሌት ኢንስቲትዩት ወይ ትካል ተመስረቱ። ተልእኾ ናይዚ ትካል'ዚ ከኣ ኣብ መንጎ ደቂ ሰባት ዘሎ ፍልልይ ንምጽናዕ ነበረ። ብመሰረት ናይቲ ንምምስራቱ ዝደረኽ ዕላማ ኸኣ፡ "ሃገራዊ ትካል ዓሌት ስነ ህይወታውያን" (Statens institut för rasbiologi) ዝብል ስም ተዋህቦ። ህላወ ናይዚ ትካል'ዚ ኸኣ፡ ኣብ ምጽዳቕ ናይቲ ንምምካን ዝምልከት ኣብ 1934 ዓ/ም ዝጸደቐ ሕጊ፡ ወሳኒ ተራ ነይሩዎ። ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት፡ ከም ትሑታን ወይ ዋጋ ዘይብሎም ተራእዮም ብዘይድልየቶም ከም ዝመኽኑ ተገይሮም። ናዚስታዊ ስነ ሓሳብ ኣብ ሃገረ ጀርመን ክቀላቐል ኣብ ዝጀመረሉ ግዜ፡ "ዓሌታዊ ስነ ህወታዊ ስነ ሓሳብ" ነቐፌታ ክዘንቦ ጀመረ። ደቂ ሰባት ከከም መበቆሎም ፈላሊኻ ምርኣይ፡ ካብ መፋርቕ ቀዳማይ ኩናት ዓለም ጀሚሩ ድሕሪ ምስፍሕፋሑ፡ ኣብ መላእ ኣውሮጳ ዘይተኣደነ ፖለቲካውን ሰብኣውን ስምብራታት ገዲፉ። ነዚ ብዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ **www.levandehistoria.se** ኣሎኩም።

ኣብ ዓመተ 1931፡ ንፋስ ቑጠባዊ ዝሕታለ ናብ ሽወደን መጽኣ። እዚ ኣብ መላእ ዓለም ዘስፋሕፈሐ ቑጠባዊ ዝሕታለ'ዚ፡ ኣብ ዓመተ 1929፡ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ብዘጋጠመ 'ዕዳጋ ልውውጥ ኣክሲዮን' ነበረ። እቲ ቅልውላው'ቲ፡ ሽቕለት ኣልቦነት፡ ኣብያን ሰለማዊ ሰልፍታትን ኣኸተለ። ሽወደን፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ዝሓሸ ስርዓተ

ውሕስነት ሽቕለት - ኣልቦነትን መሰል ናይ ስራሕ ዕረፍትን ኣተኣታተወት። ጡረተኛታት' ውን ጽቡቕ ደሞዝ ጡረታ ከምዝረኽቡ ተገብረ።

ኣብ 1930ታት ናይ ደቂ ኣንስትዮን ቆልዑን ህይወት ተመሓዪሹ። ቆልዑ ዘሎውወን ኣደታት፣ ናይ ሕክምና ክንክንን ተወሳኺ ገንዘብን ተዋሂቡወን። ከምዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ፣ እቲ መንግስቲ ብዙሓት ህጻናት ክውለዱ ስለ ዝደለየ እዩ። ኣደታት ኣብ ሆስፒታል ክሓርሳ ከለዋ ኣይከፍላን ነይረን። እቲ መንግስቲ፣ ናይ ቆልዑ ሆስፒታላትን ንስድራቤታት ቆልዑ ዝኽውን ግሩም ኣባይትን ሃኒጹ። ነፍሰ ጾራት ኣደታት፣ ካብ ስራሕ ምስጓግ ድማ፣ ክልኩል ከም ዝኽውን ተገይሩ።

ስምምዕ፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ኣካላት ዕዳጋ-ዕዮ

ኣብ ዕዳጋ - ዕዮ' ውን ዓቢ ለውጢ ተገብረ። ካብ መጀመርታ ዓመታት ናይ 20 ክፍለ ዘመን - 1930ታት ኣብ ዝነበረ ግዜ፣ ኣብ መንጎ ወሃብቲ ስራሕን ሰራሕተኛታትን፣ ንደሞዝ፣ ንሰዓታት ስራሕን ንኹነታት ስራሕን ዝምልከት ምስሕሓባት፣ ልሙድ ነይሩ። ኣብ 1938 ዓ/ም ማሕበር ሰራሕተኛታት (LO) ከምኡ' ውን SAF (ማሕበር ወሃብቲ ስራሕ) ኣብ መጻኢ ብኽመይ ኣገባብ ክደጋገሱን ኣብ ሓባራዊ ምርድዳእ ክበጽሑን ከም ዘለዎም ኣብ ሓባራዊ መዕለቢ ወይ መደምደምታ ክበጽሑ ከኣሉ። ከም ውጽኢት ናይዚ ከኣ፣ "ሳልት ኾባድሳቭታለት (Saltsjöbadsavtalet)" ዝብል ውዕል ከተሙ። እዚ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ዝተበጽሐ ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ስምምዕ' ዚ፣ ኣብ ዕብየት ቑጠባ ሽወደን እወንታዊ ተራ ተጻወተ።

ካልኣይ ውግእ ዓለም

ካልኣይ ውግእ ዓለም፣ ብ 1939 ዓ/ም' ዩ ተጀሚሩ። ኣብቲ ውግእ' ቲ፣ ሂትለርን ናዚስትን፣ ልዕሊ 5 ሚልዮን ኣይሁድ፣ ኣማኢት ኣሽሓት ሮመራውያን፣ ኮምዩኒስት፣ ግብረ ሰዶማውያንን ስንኩላንን ኣህሊቕዎም። ካልኣይ ኩናት ዓለም ምስ ተጀመረ፣ ሽወደን፣ ማእከላይ መርገጺ ከም ዘሎዋ ብኽታማ ኣፍሊጣ። ሽወደን ነቶም ካብ ደንማርክ፣ ኖርወይን ሃገራት ባልቲክን ዝመጹ ስደተኛታት ተቐቢላ። 7,500 ናብ ጀርመን ክለኣኹ ዝነበሮም ደቂ ደንማርክ ዝኾኑ ኣይሁዳውያን' ውን ተቐቢሉቶም።

ኣብ እዋን ኩናት ይኹን ብድሕሪኡ፣ ' ሽወደን ዘርኣየቶ መርገጺ፣ ካብ ሻራነት ናጻ ዝኾነ ንጥፈታት ኣይኮነን ነይሩዋ' ዝብል ወቕሳ ዘኪቡዋ እዩ። ንኣብነት፣ ናዚስታውያን ብመሬት ሽወደን ኣቢሎም ወተሃደራትን ኣጽዋርን ከሰጋግሩ ኣፍቂዳ።

ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም፣ ብዙሓት ሃገራት ብሓባር፣ ካልእ ኩናት ክይለዓል ኢለን ብምሕሳብ "ውድብ ሕቡራት ሃገራት" መስሪተን።

ኤውሮጳ፡ ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም

ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም፣ ኤውሮጳ፣ ኣብ ክልተ ተኸፊላ። ናብ ምብራቕን ምዕራብን ኤውሮጳ ማለት' ዩ። ምብራቕ ኤውሮጳ ኣብ ትሕቲ ኮምዩኒዝም ኣትያ፣ ዝበዝሐ ሓይላ ድማ ብሕብረት ሶቭየት ይምራሕ ነይሩ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ምዕራብ ኤውሮጳን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን፡ ዴስነት ኣብ ምዕራብ ኣውሮጳ ከየስፋሕፍሕ ዝከላኸል ብ ' ሰሜን ኪዳን ኣትላንቲክ ወይ ኔቶ ' ዝፍለጥ ኣካል ኣቑመን። እቲ ኣብ መንጎ ምብራቓውን ምዕራባውን ቀጽርታት ዝተኻየደ ግጭትን ምትፍናናትን፡ ' ዝሑል ኩናት ' ተባሂሉ ይፍለጥ።

ኣብ 1961 ዓ/ም፡ እቶም ኣብ ትሕቲ ዴሳዊ ረጋጺ ስርዓት ምብራቕ ጀርመን ዝነበሩ ሰባት ምእንቲ ከይሃድሙ ተባሂሉ፡ ብቐጽሪ በርሊን (Berlinmuren) ዝፍለጥ መንደቕ ኣብ ሃገረ ጀርመን ተሃንጸ። ምብራቕ ጀርመን ኣብቲ እዋን ' ቲ፡ ኣብ ትሕቲ ዴሳዊ ስርዓት ብምንባራ፡ ነበርታ ካብቲ ቦታ ' ቲ ወጺኦም ናብ ካልእ ክኸዱ ኣይፍቀደሎምን ነይሩ። እቲ ቀጽሪ ቅድሚ ምህናጹ ግን፡ ብዙሓት ሰባት ካብ ምብራቕ በርሊን ናብ ምዕራብ በርሊን ሃዲሞም ' ዮም። ቀጽሪ በርሊን፡ ዘይሃስስ ምስክር ናይቲ ዝሑል ኩናት ኣብ ኤውሮጳ ዘስዓቦ ምግምማዕ እዩ። ቀጽሪ በርሊን ክሳብ ' ታ ዝፈረሰላ ግዜ፡ ማለት ዓመተ 1989 ክምህ ከይበለ እዩ ጸኒሑ። እዚ ግዜን ኩነታትን እዚ ድማ፡ ምፍራስ ቀጽሪ በርሊን ተባሂሉ ይፍለጥ።

ሽወደን፡ ካብ 1960 ክሳዕ 2000 ዓ.ም

ኣብ 1960ታት ናይ ሽወደን ቁጠባ ጽቡቕ ሰጕሙ። ናይ ህጻናት ክንክን፡ ሆስፒታላትን ናይ ኣረጋውያን ክንክንን ትካላት ተሃኒጸን። ሰራሕተኛታት ናይ ኣርባዕተ ሰሙን ዓመታዊ ዕረፍቲ ረኺቦም። ሽወደን፡ ንህዝባ እትሕብሕብ ምዕብልቲ ሃገር ኮይና። መግቢ፡ ናይ መንበሪ ኣባይትን ስራሕን ናይ ምርካብ ውሕስነት ተረጋጊጹ። እዚ ውሕስነት ' ዚ፡ " ሽወደናዊ ውሕስነቱ ዘረጋገጸ መነባብሮ" ይብሃል። ብ 1974 ዓ/ም፡ " ኩሉ ስልጣን ንህዝቢ ይወሃቦ" ዝብል መሰረታዊ ሕጊ ተመስሪቱ። ሽሕ ' ኳ ንጉስ ናይታ ሃገር፡ ዝለዓለ በዓል ስልጣን እንተ ነበረ፡ ኩሉ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ግን በቲ መንግስትን በቲ ባይቶን ከም ዝካየድ ተገብረ።

እዚ ሕጊ ' ዚ ኣብ ግብሪ ድሕሪ ምውዓሉ፡ ናብ ስልጣን ዝደየበ ቀዳማይ ንጉስ ሽውደን፡ ካርል ጉስታቭ ዓሰርተ ሸዱሸተ ነበረ። ኣብ 1980 ዓ/ም ድሕሪ ዝተገብረ ምቅይያር ናይቲ ሕጊ፡ ጓል ተንስተይቲ ዝፋን ክትወርስ ተፈቕደላ። እዚ ማለት ከኣ፡ ልእልቲ ቪክቶርያ ንኣብነት፡ ንምንኣስ ሓዋ ልኡል ካርል ፍሊፕ ቀዲማ ወራሲት ዝፋን ኮይና።

ኣብ ዓመተ 1979፡ ዋጋ ነዳዲ ንሃሩ። ኣባላት ውድብ ነዳዲ ዝልእካ ሃገራት (Opec) ብዝወሰነኦ መሰረት ' ዩ ዋጋ ነዳዲ ክኸብር ክኢሉ። ክብሪ ዋጋ ነዳዲ ዘስዓቦ ከኣ፡ ኣብ ብርክት ዝበላ ሃገራት ምዕራብ፡ ቁጠባዊ ቅልውላው ተኸስተ።

ብ 1986 ዓ/ም፡ ናይ ሽወደን ቀዳማይ ሚኒስተር ተቐቲሉ። ቀታሊኡ ክሳዕ ሎሚ ኣይተፈልጠን።

መጀመርታ 1990ታት፡ ንኤውሮጳ ሕማቕ ግዜ እዩ ነይሩ። ሽወደን ኣብ ናይ ባንክን ገንዘብን ቅልውላው ኣትያ። ብዙሓት ካብ ስራሕ ወጺኦም። ብዙሓት ኩባንያታት ሓቒቐን። ቁጠባ ሃገር ተበላሸዩ።

ብ 1994 ዓ/ም፡ ህዝቢ ሽወደን፡ ምስ ኤውሮጳዊ ሕብረት ክጽምበር ኣድሚጹ።

መንደቕ በርሊን

ስእሊ: Colourbox

ሚኒስተር ወጻኢ ጕዳያት ሽወደን፣ ኣና ሊንድ፣ ብ 2003 ዓ/ም ተቐቲላ። ቀታሊኣ ንሕልፊት ተፈሪዱ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ይርከብ።

ኣብ 21 ክፍለ ዘመን ዓቢ ብድሆ ዝሓተተ ግሎባላዊ ቕጠባዊ ቅልውላው ተኸሲቱ።

ኣብ ከባቢ 2000 ዓ/ም ኣብ ጽላት ኣይቲ (IT - INFORMATION TECHNOLOGY) ቅልውላው ኣጋጢሙ። ከም ሳዕቤኑ ከኣ፣ ኣብ መዳይ ኢንተርነታዊ ሓበሬታ ወይ ኣይቲ ዝሰርሓ ካምፓኒታት ጠፊሸን። ጠንቂ ናይዚ ከኣ፣ ዘይንቡር ኣመትን ኣንፈትን ኮይኑ ንዕዳጋ ኣክስዮን ባይታ ከም ዝዘብጥ ገበሮ።

ኣብ ከባቢ 2008 ዓ/ም፣ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፣ ምስ ዕዳጋ መንበሪ ኣባይቲ ዝተተሓሓዘ ቕጠባዊ ቅልውላው ተራእዩ። እዚ ኸኣ ንኸም ብዓል ኣይስ ላንድ፣ ግሪኽን ስፓኛን ዝኣመሰላ ብዙሓት ሃገራት ተንኪፉ ከም ዝኸስራን ናብ ምጥፋሽ ገጸን ከምዘምራሓን ገይሩወን። እቲ ጽልዋ እቲ፣ ገና ክሳዕ ሎሚ 2017 ዓ/ም ይሰርሕ ኣሎ።

ዓመተ 2010፣ ኣብ ኤውሮጳ ክሳዕ'ዚ 2017 ዓ/ም ዝኸይድ ዘሎ ናይ ዕዳ ቅልውላው ተኸሲቱ። መብዛሕትኦን ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት፣ ካብ ኣታዊታተን ወጻኢታተን በዚሑ። እዚ ቅልውላው እዚ፣ ናብ ብርክት ዝበላ ሃገራት ኤውሮጳ ኣስፋሕፊሑ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

እዚኣቶም ፍሉያት ሕላገት ወይ መለለዩ ሽወደን'ዮም ዘብሉ ፍሉያት ነገራት ኣለዉ ዶ?

ሕላገት (መለለዩ) ሽወደናዊ ባህሊ እንታይ እዩ? ወይ' ውን ፍሉይ ባህሪ ሽወደን እንታይ እዩ? ንዝብል ሕቶ ምምላሱ ቀሊል ኣይኮነን። ኩላቶም ኣብ ዓለምና ዝርከቡ ማሕበራዊ ጉጅለታት (ሕብረተሰባት)፣ ንሓድሕዶም ዘተኣሳስሩዎም ባህላዊ ክብርታት ኣሎዉዎም። ብዙሓት ሕብረተሰባት፣ ንሓድሕዶም ዘራኽብ ተመሳሳሊ ባህላዊ ክብርታት ክህሉዎም ይኽእል እኳ እንተኾነ፣ ብነፍሲ ወከፍ ማሕበራዊ ጉጅለ ግን ተመሳሳሊ ሚዛን ዘይክውሃቦ ይኽእል። ብገለ ሽወደናውያን ባህሊ ኮይኑ ዝርኢ፣ ብኻልኦት ክምኡ ኮይኑ ዘይክርኢ ይኽእል።

መበቆል ሽወደናውያን፣ ካብ ዘርኢ ጀርመን እዩ። ሕጂ ግን ብዙሕ መበቆል ኣሎዎም። እተሕብሮም (ሓደ እትገብሮም) ነገር እንተላ፣ ቋንቋ እያ። ቋንቋ ሽወደን፣ ናይ ኢንዶ ኤውሮጳውን ጀርመናውን ቋንቋ ኮይኑ፣ ብኣስታት ዓሰርተ ሚልዮን ህዝቢ ይዝረብ። ኣብ ሽወደንን ገለ ኽፋል ፊንላንድን ማለት' ዩ። ቋንቋ ሽወደን፣ ምስ ናይ ደንማርክን ኖርወይን ስለ ዝመሳሰለ፣ ኣህዛብ ናይ' ዘን ሰለስተ ሃገራት እዚኣተን፣ በዚ ቋንቋ' ዚ ንሓድሕዶም ይሰማምው ወይ ይረዳድኡ እዮም።

ባህሊ ምስ ግዜ ይልወጥ እዩ። ኣብ ሕብረተሰብ ብዘጋጥሙ ዝተፈላለዩ ረቂሒታት ድማ ይጽሎ። ባህሊ ሽወደን፣ ኣብቲ ሕብረተሰብ ብዝተፈጥሩ ነገራት ተጸልዩን ይጽሎን ኣሎ። ንኣብነት ናይ ኢንዱስትሪ ምትእትታው፣ ምዕባለ ውሑስ መነባብሮ፣ መስርሕ ዓለማውነትን (ዘይሃይማኖታዊ) ውልቃውነትን ዝኣመሰሉ ረቓሒታት፣ ነቲ ባህሊ ይጸልዉዎ እዮም። እዞም ዝተጠቕሱን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ተርእዮታትን፣ ሰባት ብዛዕባ ዓለምን ሕብረተሰብን፣ ኣቀራርብኦም ናብ ካልኦትን፣ ዘሎዎም መኣዝን ኣረኣእያን፣ ባህልን ሕብረተሰብን ንኽቕየር ጸልዩዎ እዩ።

ስእሊ: Colourbox

ነኣሽቱን ቀዪሕ ዝተለኽዩን ገዛውቲ፡ ብብዙሓት ሰባት ከም ናይ ሽወደን ሕላገት መሲሉ ይርኢ ወይ ከኣ ከምኡ ይመስሎም።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ከም ባህሊ ገይሮም ዝተሓላለኹን ዝተደባለቐን ክህልዉ ዝኽእሉ ነገራት፡ ኣዝዮም ውሑዳት ’ዮም። ኣብዚ፡ ገለ ካብ መሰረቱ ሽወደናዊ ባህሊ ዘሎዎ ዝመስል ኩነታት ተጠቒሱ ኣሎ። ኩሉ ኣብ ሽወደን ዝቕመጥ ሰብ ዝሰማምዓሉ ወይ’ውን ዘለልዮ ነገር እዩ ምባል ግን ኣይኮነን።

እምነት ኣብ ልዕሊ ስልጣን መንግስትን ትካላቱን

ህዝቢ ሽወደን፡ ኣብ ልዕሊ መንግስትን ትካላቱን፡ ዳርጋ ልዑል ዝኾነ እምነት ኣሎዎ። ከምቲ ኣብ ጥርኑፍ ሕብረተሰብ፡ ስድራቤት ዝጻወቶ መሪሕ ተራ፡ ኣብ ውልቃውን ሰብኣውን ናይ ሕብረተሰብ፡ ርግኣት ኣብ ምርግጋጽ መሪሕ ተራ ዝጻወት ኣካል ክህሉ ኣለዎ። ኣብ ሽወደን፡ ነዚ ተራ እዚ ዝጻወት ኣካል ከኣ፡ መንግስቲ እዩ። ነባሮ ሽወደን፡ ኣብ ውሳነታት መንግስታዊያን ትካላት፡ ፍትሓዊ ስርዓት፡ ከምኡ’ውን ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ብተዛማዲ ልዑል እምነት ኣሎዎም። ከምዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ፡ ሃገረ ሽወደን ብ ደሞክራስያዊ ኣገባብ ስለ ዝተሃንጸት እዩ። መስርሕ ህንጸት ደሞክራሲ፡ ብሃገር ለኻዊ ተሳትፎ ዝነበሮ ህዝባዊ ምንቅስቃስ፡ ከም ኣብነት ማሕበር ሽቃሎ፡ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ፡ ከምኡ’ውን ምንቅስቓስ ነብሰ ግትኣትን (ዝኾነ ነገራት ካብ ምግባር ወይ ምውሳንን ምፍጻምን ነብስኻ ምግታእ)፡ እዩ ተማዓራርዩ።

ጽልዋ ኩነታት ኣየር

"ኩነታት ኣየር’ውን ኣብ ልዕሊ ባህሊ ሽወደን ናቱ ጽልዋ ኣቐሚጡ እዩ" ዝብል ርድኢት ኣሎ። እቲ ነዊሕን ጸልማት ዝዓብለሎን ክረምቲ (ዊንተር)፡ ሰባት ኣብ ክፉት ኣየር (ደገ) ከይራኸቡ ይድርቶም። ኣብ ክንድኡ ድማ፡ ኣብ እንዳ ሻሂ፡ ቤት መግብን ኣብ ገዛን ከምዝራኸቡ ይገብሮም። ስለዚ ድማ ምስ ሓጋይ (ሳመር) ክነጻጸር እንከሎ፡ ክረምቲ (ዊንተር) ማለት፡ ከምድላይካ ብዙሓት የዕሩኽን መሓዙትን ዘይትረኽበሉ ግዜ ይኸውን ኣሎ ማለት እዩ። ሓጋይ ክኣቱ እንከሎ እምበኣር፡ ማሕበራዊ ህይወት ይቕየር። ኣንጻር ናይቲ ኣብ ክረምቲ ዘሎ ኩነታት ከኣ፡ ሰባት ከም ድላዮም ደገ ይወጽኡ። ምስ ዓርከ መሓዛ’ውን ብብዝሒ ይራኸቡ። (ክረምቲ ኤርትራን ክረምቲ ኤውሮጳን ይፈላለ እዩ። ሳመር ኤርትራ ክረምቲ እዩ። ሳመር ናይ’ዚ ዓዲ ከም ሓጋይ’ዩ ክብሃል ይክኣል።)

ስእሊ: Colourbox

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ተፈጥሮ

ብዙሓት ሽወደናውያን ፍሉይ ናይ ተፈጥሮ ፍቕሪ ኣሎዎም። እቲ ሓባራዊ ሕጊ፣ እቲ ናይ ተፈጥሮ ቦታ ናይ መን ' ዩ ብዘየገድስ ኩሉ ሰብ ኣብ ዝደለዮ ናይ ተፈጥሮ ቦታታት ክንቀሳቐስ መሰል ይህቦ። እዚ ኸኣ፣ መንነት ሕብረተሰብ ሽወደን የንጸባርቕ። ሽወደን፣ ኣብ "ዓለማዊ ምዕቃብ ኣከባቢ" ዓቢ ተራ እያ ትጻወት።

ሃይማኖት ኣብ ሽወደን

ክርስትና፣ ኣብ ሽወደን ዓቢ ተራ ተጻዊቱ እዩ። እቲ ሕብረተሰብ ድማ ብናይ ክርስትና ሉተራን ክብርታት ዝተሃንጸ እዩ። ክብርታት ክብሃል እንከሎ፣ ኣብ ሂወት፣ ቅኑዕን ኣገዳስን ነገር እንታይ እዩ ኣብ ዝብል ኣምር ዝተመርኮሰ እዩ። ዝበዝሑ ናይ ሃገረ ሽወደን በዓላት፣ ሃይማኖታዊ ሰረት ዘሎዎም እዮም። ንኣብነት፣ ትህድስቲ፣ ጥምቀት፣ መርዓን ቀብርን። ኣብዚ ግዜ ' ዚ ሽወደን፣ ሓንቲ ካብ ' ተን ኣብ ዓለምና ኣብ ጎደና ዓለማውነት (ዘይሃይማኖታዊ) ኣርሒቐን ዝመረሻ ሃገራት ሓንቲ እያ። ዓለማውያን (ዘይሃይማኖታውያን) ሃገራት ሕግታተን ኣብ ሃይማኖት ወይ እምነት ሰረት ዘይገብር ኮይኑ፣ ንእምነት ብዝምልከት ' ውን፣ እታ ሃገር ማእከላይ ወይ ሻራ ዘይብሉ መርገጺ ትወስድ። እዚ ኸኣ ሕላገት ዓለማውያን ሃገራት እዩ። ሕመረት ዓለማውነት፣ ሕብረተሰብ ኣብ ሰብኣዊ ክብርታት ዝተሰረተ ክኸውን ኣለዎ ዝብል ኮይኑ፣ እምነት ከኣ ውልቃዊ ጉዳይ ክኸውን ኣለዎ ዝብል እዩ።

ኣስታት 60% ሽወደናውያን፣ ኣባላት ናይ ክርስትያናዊ ቤተክርስትያን ሽወደን (Svenska kyrkan) እዮም። ይኹን እምበር፣ እቶም ብስሩዕ ኣብ ቤተ ክርስትያን ብምኻድ ኣብ ጸሎት ዝሳተፉ ግን ኣዝዮም ውሑዳት እዮም። ኣስታት 45% ናይ ' ቶም ኣብ ሽወደን ዝውለዱ ህጻናት፣ ኣብ ቤተ ክርስትያን ሽወደን ይጥመቑ። ልዕሊ ፍርቂ ዝኾኑ ሽወደናውያን፣ ካብ ቤተ ክርስትያን ወጻኢ ክምርዓዉ ይመርጹ። ከባቢ 75% ስነ ስርዓት ናይ ቀብሪ ግን፣ ኣብ ቤተክርስትያን ይካየድ።

ኣብ ሽወደን፣ ብዘይካ ዝተፈላለያ ናይ ፕሮተስታንት ሃይማኖታት፣ ካልኦት ብዙሓት ዓይነት ሃይማኖታት ኣለዋ። ካብኣተን ድማ ምስልምና፣ ሂንዱ፣ ኣይሁድነት፣ ቡዲዝም፣ ባሃኢ፣ ኣሳትሮ፣ ሻማኒዝም ከምኡ ' ውን ካቶሊክን ተዋህዶን ዝኣመሰላ ሃይማኖታት ምጥቃስ ይከኣል።

ኣብ ኣምላኽ ዘይኣምኑ ኣተይዝም ዝባሃሉ ' ውን ኣለዉ። ኣግኖስቲዝም ዝብሃሉ "ህላው ኣምላኽ ምፍላጥ ኣይከኣልን እዩ" ዝብሉ ድማ ኣለዉ። መብዛሕቶም ኣተይስትን ኣግኖስቲክን ድማ ነዚ ዘይሃይማኖታዊ መንግስቲ እዮም ዝድግፉ።

ኣልኮል

ሽወደን፣ ነዊሕ ዝገበረ ናይ መስተ ባህሊ ኣሎዋ። ኣብ ሽወደን፣ ካብ ዘመነ እምኒ ኣትሒዙ እዩ ኣልኮል ዝስራሕ ነይሩ። ወይኒ ከይበቁል፣ እቲ ሃገር ዝሑል እዩ። እኽልን ድንሽን ጽቡቕ ስለ ዝበቁል ግን፣ ብ እኽልን ድንሽን ገይሮም ኣልኮላዊ መስተ ይሰርሑ ነይሮም። ኣብ 19 ክፍለ ዘመን፣ ሓደ ሰብ፣ ኣብ ዓመት ዳርጋ ሓምሳ ሊትሮ ኣልኮላዊ መስተ ይሰቲ ነይሩ። ብምኽንያት ሃልኪ ብዝሑ መስተ

ድማ፡ "መስተ ናይ ዘይምስታይ" ማሕበራት ቆይመን ነይረን። ኣልኮል ምስ ሰተኻ ሓደጋ ስለ ዘስዕብ፡ ብዓቕን ክስተ ኣለዎ ዝብል ምንቅስቓሳት ነይሩ። እዚ ድማ፡ "ዓቂንካ ናይ ምስታይ ምንቅስቓስ" ይብሃል ነይሩ። ካብ ሽዑኡ ጀሚሩ፡ ኣብ ሽወደን፡ ናይ ኣልኮል ሕቶ ዓቢ ቦታ ሒዙ።

ዝምድና ምስ ግዜ

ኣብ ሽወደን፡ ሰዓትካ ምሕላው ኣገዳሲ እዩ። ንሓደ ሰብ ሰዓት 14፡00 እንተ ቆጺርካዮ፡ ሰዓት 14፡00 ክትረኽቦ ከም ዘለካ ከም ትሑዝ እዩ ዝወስዶ። ድሒርካ ምምጻእ ከም ርድኢት ብዙሓት፡ ኣብ ሰብ ዘለካ ክብረት ምጉዳል እዩ ዝቕሩጸር።

መግዕን(ልምዲ) በዓላትን ኣብ ሽወደን

ልምዲ ወይ ወግዒ ማለት፡ ሰብ ደጋጊሙ ዘዘውትሮም ነገራት ማለት እዮም። በዓል፡ ንኣብነት ኣፋስጋ ከኣ፡ ኣብ ፍሉይ ኣጋጣሚ ዝግበር ወይ ዝካየድ ኣገዳሲ ነገር እዩ። እቶም ዝበዝሑ በዓላትን ወግዕታትን ሽወደን፡ ሃይማኖት ሰረት ዝገበሩ ኮይኖም፡ ክርስትናዊ ድሕረ ባይታ ዘሎዎም እዮም። ገሊኦም ድማ፡ ሽወደናውያን፡ ጣኦታት የምልኹ ኣብ ዝነበሩሉ ግዜ ዝተራዕሙ እዮም። ኣብዚ እዋን' ዚ፡ በዓል ክብሃል እንከሎ፡ ቤተሰብን ኣዕሩኽን ዝራኸቡሉ ኣጋጣሚ እዩ።

ገለ ኣገደስቲ መግዕታት

ጥሪ

ጥሪ 01 ሓድሽ ዓመት እዩ። ዝበዝሕ ሰብ ናብ ስራሕ ኣይከይድን። ድሮ እቲ በዓል ዘሎ ምሸት ከኣ፡ ኒኦሽኣፍቶን (ድሮ ሓዲሽ ዓመት ወይ ዋዜማ) ይብሃል። ሓዲሽ ዓመት ሽዑ ስለ ዝጅምር፡ ብዙሓት የብዕሎዎ።

ለካቲት

ኣብ ወርሒ ለካቲት፡ ኣብያተ ትምህርቲ ሽወደን ናይ ለካቲት ወይ ናይ ስፖርት ዕረፍቲ ኣሎወን። ሽዑ፡ ቆልዑ፡ ካብ ትምህርቲ ዕረፍቲ' ዮም። እቲ ዕረፍቲ ንሓደ ሰሙን እዩ። ኣብ ወርሒ ለካቲት ወይ መጋቢት፡ ዝበዝሑ ህጻናት፡ ብላህመትን ቅብኣትን ዝተሰርሐ ሽኮራዊ ሕብስቲ (ሰምሎር) ይበልዑ። እዚ፡ ሽወደናውያን፡ ኣብ ናይ ጾም ወርሓት ዝኽተሉዎ ዝነበሩ ናይ ቀደም ልምዲ እዩ። እቲ ህዝቢ፡ ጾም ቅድሚ ምጅማሩ፡ ስብሒ ዘሎዎ መግቢ ይበልዕ ነይሩ። እቶም ዝጾሙ፡ ብሃይማኖት ምኽንያት ንገለ ሰዓታት ምንም ነገር ኣይበልዑን ነይሮም።

መጋቢትን ሚያዝያን

ፋሲጋ፡ ኣብ ወርሓት መጋቢት ወይ ሚያዝያ ዝብዓል ናይ ክርስትያን በዓል እዩ። መሰረት ናይዚ በዓል' ዚ ከኣ፡ ሞትን ትንሳኤን የሱስ ንምዝካር ዝብል እዩ። ፋሲጋ ኣብዚ እዋን' ዚ፡ ምስ ቤተሰብን ኣዕሩኽን ኪንካ ዝብዓል በዓል' ዩ። ኣብ ጥንቲ፡ ቅድሚ ፋስጋ ዘሎ 40 መዓልታት ምጻም ልሙድ እዩ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ኣብ ግዜ ፋሲጋ፡ ብዙሓት ሰባት፡ ናይ ፋስጋ ጨንገር፡ ማለት ንቑጽ ኮይኑ ገለ መመላኽዒ ዝግበረሉ ጨንገር የቐምጡ።

ስእሊ: Colourbox

ነይሩ። ፋስጋ ምስ ኮነ፡ ምዝዛም ናይ ጾም ይብዓል። ጾም ድሕሪ ምዝዛሙ ኽኣ፡ እንቋቑሑ ይበልዑ ነይሮም። ካብዚ ልምዲ ′ዚ ብምብጋስ ድማ፡ ክሳብ ሕጂ መብዛሕትኦም ሽወደናውያን ኣብ ማዓልቲ ፋስጋ፡ ብዙሕ እንቋቑሑታት ይበልዑ። ኣብ ቅነ ፋሲጋ፡ ቆልዑ፡ ናይ ሓደ ሰሙን ናይ ትምህርቲ ዕረፍቲ ኣሎዎም። እዚ ኽኣ፡ "ዕረፍቲ ፋስጋ" (Påsklov) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ቅድሚ ፋስጋ፡ ብዙሓት ቆልዑ፡ ክዳውንቲ ተኽዲኖም ገዛ ገዛ እናኸዱን ማዕጾ እናኳሕኩሑን "ርሑስ ፋስጋ (ቦኖፌስታ)" ይብሉ። ሰብ ገዛ ብወገኖም፡ ነቶም ቆልዑ፡ ካራሜለ ይህቡዎም።

ኣብ ግዜ ፋሲጋ፡ ብዙሓት ሽወደናውያን፡ ናይ ፋስጋ ጨንገር (Påskris) የዳልዉ። እዚ ናይ ፋስጋ ጨንገር ′ዚ፡ ጨንፈር ናይ ሓደ ብዮርክ (ዓይነት ኦም) ዝተባህለ ገረብ ኮይኑ፡ ሕብራዊ ክንቲት ገይሮም የማዕርጉዎ። ሚያዝያ 30፡ ድሮ 01 ግንቦት፡ "ቫልፑርጊስ (Valborgsmässoafton)"፡ ዝተሰምየ በዓል እዩ። ኣብዚ ዕለት ′ዚ፡ ሰባት፡ ንጽድያ እንቋዕ ደሓን መጻእካ (ብፍሰሃ ንምቕባል ከም መግለጺ ሰናይ ትምኒት) ይብሉዎ። ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ሽወደን፡ መጋርያታት ይውላዕ፡ ብዛዕባ ጽድያ′ውን ይደርፉ ወይ ይዝምሩ።

ናውሩዝ

ናውሩዝ፡ ብኢራናውያን፡ ኩርዳውያንን ኣፍጋናውያንን ዝብዓል፡ ብዓል ሓድሽ ዓመት እዩ። ኣብ ሽወደን ግን፡ መብዛሕትኡ ግዜ፡ ንሓዲሽ ዓመት ናይ ፐርሻውያንን ኩርዳውያንን ሓዲሽ ዓመት እዩ ናውሩዝ ዝባሃል። ንውሓት መዓልትን ለይትን ሕደ ኣብ ዝኾነሉ፡ "ጽድያ እንኳዕ ደሓን መጻእካ" ዝብሃለሉ፡ ኣብ መጋቢት 20፡ 21 ወይ 22 ዝብዓል በዓል ′ዩ። ሓፈሻዊ ግን ኣብ መወዳእታ መጋቢት ይዝውተር። ናይ ናውሩዝ በዓል፡ ን13 መዓልታት፡ ብብልዕን ሓጎስን ይካየድ። ሓዊ ኣጕዶም ከኣ ይሳገሩዎ።

ግንቦት

ግንቦት 01፡ መዓልቲ ሰራሕተኛታት እዩ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ድማ፡ ካብ 19 ክፍለ ዘመን ጀሚሩ ይብዓል ነይሩን ኣሎን። ግንቦት 01፡ ተምሃሮን ሰራሕተኛታትን የዕረፍም ዝውዕሉ መዓልቲ እዩ። ኣብ ግንቦት 01፡ ንምኽባር መሰል ሰራሕተኛታት ዝዓለመ ሰልፊ ይግበር።

ስእሊ: Colourbox

በዓል ዕርገተ ክርስቶስ፣ 40 መዓልታት ድሕሪ ፋሲጋ ይብዓል። ነቲ ናይ የሱስ ካብ ሞት ተንሲኡ ናብ ሰማይ ዝዓረገሉ ፍጻመ ድማ የዘክር። ዕርገተ ክርስቶስ ዝብዓለሉ መዓልቲ፣ ዝበዝሕ ሰራሕተኛ ስራሕ ኣይከይድን። መብዛሕትኡ ድኳናት' ውን ዕጹው' ዩ። 10 መዓልታት ድሕሪ ዕርገት፣ መንፈስ ቅዱስ ዝመጽኣሉ ወይ ዝወርደሉ ናይ ክርስትያን በዓል እዩ።

ሰነ

ሰነ 06፣ ናይ ሽወደን ሃገራዊ በዓል እዩ። ኣብዚ ዕለት' ዚ ገለ ሰባት ሃገራዊ ልብሲ ይለብሱ። ዝተፈላለያ ክፍላተ ኣከባቢታት ናይ ሽወደን፣ ዝተፈላለየ ሃገራዊ ልብሲ ስለ ዘሎወን መን ካበይ መጺኡ ክፍለ ይከኣል።

መጀመርታ ሰነ፣ ናይ ተማሃሮ ቆልዑ፣ ክረምታዊ ዕረፍቲ እዩ። ሽዑ፣ ምዕጻው ቤት ትምህርቲ እዩ። ነዚ ናይ ምዕጻው ትምህርትን ምጅማር ናይ ዕረፍቲ ግዜን (ሶማርሎቭ) ድማ፣ የብዕሉዎ። ኣብ ምዕጻው ቤት ትምህርቲ፣ እቶም ነኣሽቱ ቆልዑ፣ ምስ ወለዶም ይመጽኡ።

ድሮ ሚድሶማር ህዝባዊ በዓል እዩ። እቲ በዓል፣ ኣብ መንጎ ዕለታት 19 - 25 ሰነ ዘላ ዓርቢ እዩ ዝኽበር። እዚ በዓል እዚ፣ ሃገረ ሽወደን፣ ገና ክርስትያን ከይኮነት እንከለ እዩ ተጀሚሩ። ኣብ ድሮ በዓል፣ ሰባት፣ ኣብ ክቢ ናይ ሓደ ፓሎ ይስዕስዑ። እቲ ፓሎ፣ ብኣቑጽልትን ዕንበባታትን ዘጌጸ እዩ። ህጻናትን በጽሕታትን ድማ፣ ኣብ ርእሶም እሳር ዕንበባታት ይገብሩ። ኣብቲ ግዜ' ቲ፣ ሰባት፣ ሲል ከምኡ' ውን ላክስ ዝባሃሉ ዓይነታት ዓሳ፣ ድንሽን ስትሮቤርን ይበልዑ።

ሓምለን ነሓሰን

ኣብ ሽወደን፣ መብዛሕትኡ ሰብ፣ ሓምለን ነሓሰን' ዩ ዓመታዊ ዕረፍቲ ዝውሃቡ። ኣብ ከባቢ ነሓስ ዕስራ፣ ትምህርቲ እንደገና ይጅመር። ኣብ መወዳእታ ነሓስ ናይ ዕንቅርቢት ባሕሪ ፌስታ ይግበር። ኣብዚ ፌስታ' ዚ ዝተቐልወ ዕንቅርቢት ባሕሪ ይብላዕ። ሓደ ብኬሪ መስተ' ውን ይሰተ። እቲ መስተ፣ ኑብ ወይ ስናፕስ ይብሃል። ናይ ኑብን ናይ ስናፕን ዝምልከት ደርፍታት ድማ ይድረፍ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

መፋርቕ ሓጋይ ኣብ ኔስ

ስእሊ: Bianca Rösner

መስከረምን ጥቅምትን

ኣብ መወዳእታ ጥቅምቲ ወይ መጀመርታ ሕዳር፣ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ንሓደ ሰሙን ዝኣክል ይዕጸዋ። ቆልዑ ' ውን የዕርፉ። "ናይ ቀውዒ ወይ ከኣ ናይ ንባብ ዕረፍቲ" ተባሂሉ ኽኣ ይጽዋዕ።

ጥቅምቲ ናብ ሕዳር ክሰጋገር እንከሎ፣ ወቕቲ በዓል ሃሎዊን (ዋዜማ ዕለተ ትንሳኤ ሙታን) እዩ። ኣብዚ በዓል ' ዚ፣ ቆልዑ፣ ነቲ ዕለት ዘንጸባርቕ ክዳውንቲ ተኽዲኖም ገዛ ገዛ እናኸዱ ' ካራሜለ ሃቡና ' ይብሉ። መብዛሕትኦም ድማ፣ ዱባ ገዚኦም ኣብቲ ዱባ መብራህቲ ይተኽሉ። በዓል ሃሎዊን፣ ኣብ ሽወደን፣ ዳርጋ ሓድሽ በዓል እዩ። መበቆል ናይዚ በዓል ' ዚ፣ ካብ ሃገረ ኣየርላንድ ዝተበገሰ ኮይኑ፣ ኣየርላዳውያን ስደተኛታት፣ ነቲ ባህሊ ሒዘሞ ናብ ኣሜሪካ ድሕሪ ምኻዶም ' ዩ እቲ ልምዲ፣ ኣብታ ሃገር ክምዕብል ዝኽኣለ።

ዮም ኪፕፑር (ናይ እብራውያን በዓል)

መስከረም ወይ ነሓሰ ኣቢሉ፣ ' ዮም ኪፕፑር ' ዝተሰምየ ኣገዳሲ በዓል እብራውያን ይኽበር። እዚ በዓል እዚ፣ ብጾም፣ ጸሎት፣ ቅዳሴን ከባቢኻ ንዘለዉ ሰባት ይቕረ ብምሕታትን ይብዓል። ዮም ኪፑር፣ ዕለተ - ዕርቂ (መዓልቲ ስኒት) ድሕሪ 10 መዓልታት ካብ መዓልቲ ሓድሽ ዓመት እብራውያን (ሮሽ ሃሻና) ኣብ ዘሎ ዕለት ይኽበር።

ሕዳር

ፈስታ ምውታን፣ ኣብ መንጎ 31 ጥቅምትን 06 ሕዳርን ዘላ ቀዳም ይውዕል። እዚ በዓል ' ዚ፣ ምዉታን ዝዝከሩሉ ናይ ክርስትያን በዓል እዩ። ብዙሓት ሽወደናውያን፣ ናብ መቓብር ብምኻድ ኣብቲ ናይ ኣዝማዶም ወይ ብጾቶም መቓብር ሽምዓ ይውልዑ።

ስእሊ: Colourbox

ታሕሳስ

ታሕሳስ፣ ናይ ልደት ወርሒ እዩ። ልደት ድማ፣ ምውላድ ክርስቶስ ዝዝከረሉ ናይ ክርስትያን በዓል እዩ።

13 ታሕሳስ፣ ናይ ሉሲያ መዓልቲ እዩ። እዚ በዓል ’ዚ ’ ክረምቲ ቅድሚ ምእታዉ ዝኽበር በዓል ’ዩ። ክረምቲ፣ ጸልማት ዝበዝሓሉ እዋን ስለ ዝኾነ፣ ድሕሪ ክረምቲ ጸሓይ ንኽትምለስ ተባሂሉ ዝብዓል በዓል እዩ። ናይ መውዓሊ ህጻናትን ናይ መደበኛ ቤት ትምህርትን ተምሃሮ፣ ጻዕዳ ኽዳን ተኸዲኖም ብዛዕባ ሉሲያን ልደትን ይዝምሩ።

ሐደት መዓልታት ቅድሚ ልደት፣ ኣብያተ ትምህርቲ ይዕጸዋ። ዕረፍቲ ልደት፣ ክሳብ መጀመርታታት ጥሪ ይጸንሕ። 24 ታሕሳስ፣ ድሮ ልደት እዩ። ልደት ንመብዛሕትኦም፣ ካብ ስራሕ የዕረፍም ምስ ስድራቤቶም ብሓባር ዘብዕሉዎ ዝዓበየ በዓል እዩ። ኣብቲ እዋን ’ቲ፣ ብብዝሒ ዝብላዕ መግቢ ናይ ልደት መግቢ ’ዩ። ንኣብነት ሲል፣ ብትኪ ዝበሰለ ዓሳ ወይ ላክስ፣ ድንሽ፣ ብትኪ ዝበሰለን ዝደረቐን ስጋ ሓሰማ፣ ሾትቡላር (ነኣሽቱ ኮዓሳ ዝመስል ስጋ)፣ ግዕዝም ላሉል ወይ ፕሪንስ ኮርቸን ገዓት ሩዝን የጠቓልል። ሰባት ናይ ልደት ህያብ ይለዋወጡ። ዘንጸባርቐ ነገራትን መብራህትን ዘሎዎ ናይ ልደት ጽሕዲ ይዳሎ። ህያባት ከኣ ከም ልምዲ ኣብ ትሕቲ ጽሕዲ ልደት ይቕመጥ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ቶምተን ፔፓርካኩርን፡ ምስ ልደት ይተኣሳሰሩ፡

ስእሊ: Colourbox

06 ጥሪ፡ መበል 13 መዓልቲ ድሕሪ ልደት ኮይኑ፡ ከም በዓል ድማ ይብዓል።
13 ጥሪ፡ ናይ ልደት በዓላት ይውዳእ። እቲ ጽሕዲ ድማ ተቐንጢጡ ይድርበ።

ሮመዳን

ሮመዳን፡ ንሓደ ወርሒ ዝጸንሕ፡ ናይ ኣመንቲ ምስልምና ናይ ጾም እዋን እዩ። እቶም ንጾም ዝኣኽሉ ወይ ክጾሙ ዝግበኦም ሰባት፡ ጸሓይ በሪቓ ክሳብ ትዓርብ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ካብ ብልዒ፡ መስተ፡ ምትካኽን ጾታዊ ርክብን ነብሶም ይገትኡ። ጾመ ሮመዳን፡ ብዒድ ኣልፈጥር ' ዩ ዝድምደም። ነፍሰ ጾራት ወይ ዘጥቡዋ ደቂ ኣንስትዮ፡ ካብ ጾም ነጻ እየን። ሕሙማንን ኣረጋውያንን ' ውን ክምኡ። ጾመ ሮመዳን፡ ብኣቆጻጽራ ወይ ካላንደር ኣመንቲ ምስልምና፡ ኣብ ታሽዓይ ወርሒ ይውዕል። እምነት ምስልምና ዝኽተሎ ኣቆጻጽራ ግዜ፡ ኣብ ወርሒ ዝተሰረተ ስለዝኾነ፡ ሮመዳን፡ ክቕድምን ክድሕርን ይኽእል።

ኣብ ጕዕዞ ህያወት እናተዘከሩ ዝነብሩ በዓላት፡

ጥምቀት

ኣስታት 45% ካብ ሽወደናውያን ቐልዑ፡ ኣብ ቤተ ክርስትያን ይጥመቑ። ኣብቲ ዝግበር ፌስታ ድማ፡ ነቲ ዝጥመቕ ህጻን፡ ስም ይወጽኣሉ። እዚ ፌስታ ' ዚ፡ ' ስም ናይ ምውጻእ ፌስታ ' ተባሂሉ ይፍለጥ። ኣብዚ ናይ ምጥማቕ ወይ ስም ናይ ምውጻእ ፌስታ ' ዚ፡ ኣዝማድን ዓርከ መሓዙን ይጽውዑ። እቶም ኣጋይሽ ድማ፡ ነቲ ህጻን ህያባት የምጽኡሉ።

ስእሊ፡ ዮነር

ትህድስቲ

ትህድስቲ፣ ንእምነት ክርስትና እዩ ዝምልከት። ትህድስቲ፣ ነቲ ጥምቀት ንምርግጋጽ ብመንእሰያት ኣብ ቤተክርስትያን ዝግበር ስነ ስርዓት እዩ። መብዛሕትኦም፣ ኣብ 14 ዓመት ዕድመኦም ይህደሱ። ምስዚ እዋን’ዚ ክነጻጸር ከሎ፣ መንእሰያት ቀደም፣ ብብዝሒ’ዮም ዝህደሱ ነይሮም። ድሕሪ ናይ ቤተ ክርስትያን ትህድስቲ ድማ፣ ቤተሰብ፣ ኣዝማድን ዓርከ መሓዛን ዘለውዎ በዓል ይግበር። ነቶም ዝተሃደሱ ድማ፣ ህያብ ይውሃቦም።

መርዓ

ኣብ ግዜ መርዓ፣ ኣዝማድን ዓርከ ማሓዛን ይዕደሙ። ኣጋይሽ፣ ኣብ ናይ ቃልኪዳን ስነ ስርዓት ይርከቡ። ድሕሪ’ቲ ናይ ቃልኪዳን ጽምብል፣ መግብን ሳዕስዒትን ይስዕብ። መርዑት ድማ ካብ’ቶም ኣጋይሽ ህያባቶም ይቕበሉ።

ዕለተ ትውልዲ

ኣብ ሽወደን፣ ዝበዝሕ ሰብ፣ ዝተወልደሉ መዓልቲ የኽብሮ እዩ። ቆልዑ ድማ፣ ብጾቶም ወይ መዛኑኦምን መማህርቶምን ብምጽዋዕ የብዕሉዎ። ነቲ ፈስታ ድማ፣ "ካላስ" ኢሎም ይጽውዑዎ። ኣብቲ ዕለትን ስነ ስርዓትን እቲ ድማ፣ ይጻወቱን ቶርታ ይበልዑን። ነቲ ልደቱ ዘኽብር ዘሎ ቆልዓ ድማ፣ ህያብ ይውሃቦ። ዓበይቲ’ውን መዓልቲ ልደቶም የኽብሩ እዮም። ነዚኣቶም’ውን ካብ ናይ ቀረባ ኣዝማዶምን የዕሩኽቶምን ህያባት ይውሃቦም። እቶም ምሉእ ቑጽሪ፣ ንኣብነት 50 ዓመቶም ዝመልኡ ሰባት፣ ነቲ በዓል፣ ብዓቢ ድምቀት’ዮም ዘኽብሩዎ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ዕለተ ልደታ እተብዕል ስድራ፡

ስእሊ: Colourbox

ቀብሪ

ሰብ ምስ ሞተ፣ ኣብ ቤተ ክርስትያን ወይ ካፐል፣ ማለት ቤተ ጸሎት፣ ጸሎት ምስተገብረሉ፣ ናይ ቀብሪ ስነ ስርዓት ይካየድ። ካፐል ማለት ኣብ ክንዲ ቤተ ክርስትያን ኮይና እተገልግል ንእሽቶ ቤት እያ። ኣብቲ ናይ ቀብሪ ስነ ስርዓት ቤተሰብን ናይ ቀረባ ኣዕሩኽን ይርከቡ።

ሕቶታት ዘተ፡ ምዕራፍ 1

ኣብ ሽወደን፡ ንምጽንባር ወደ ምውህሃድ ናይ ህዝቢ ሓላፍነት ዘሎዎ ኣካል፡ መን እዩ?

ምጽንባር ወደ ምውህሃድ ምስ ዘደሰርሕ ኣብ ሕብረተሰብ ዘስዕቦ ዝዓበየ ጸገም እንታይ እዩ?

ሓደ ሰብ፡ ኣብ ካልእ ሓዳስ ሃገር ክቕመጥ ከሎ ዘጓንፎ ዝዓበየ ብድሆ እንታይ እዩ?

ኣብታ ዘለኻያ ሓዳስ ሃገር ምንባር ንኽትቅጽል እንታይ የድልየካ?

ቅድሚ ሕጂ፡ ብዛዕባ ታሪኽ ሽወደን፡ እንታይ ትፈልጥ ኔርካ?

ሽወደን፡ ሕጂ ንዘላቶ ኩነታት፡ ዝጸለመ ታሪኻዊ ፍጻመ እንታይ ይመስለካ?

ሽወደን ዘይሃማኖታዊት ሃገር ብምኺና እንታይ ትብል?

ኣብ መንጎ ናይ ሽወደንን ካልኦት ሃገራትን ናይ በዓላትን ልምድታትን፡ ፍልልያትን ምምስሳላትን ኣሎ ትብሎ እንታይ እዩ?

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ኣፓርትመንት ኣባይቲ።

ስእሊ: Colourbox

2. ኣብ ሽመደን ምንባር

ትሕዝቶ

ጂኦግራፊ፡ ቑጠባዊ ጽላትን ትሕተ ቕርጽን

ብዝሒ ነባሪ ህዝቢ

መንበሪ ኣባይትን ናብራ ገዛን

ኣከባቢ፡ ተፈጥሮን ተፈጥሮኣዊ ዓቃብነትን

ኮምዩንካ በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ይሰርሕ

ኣተኣላልያ ወይ ምሕደራ ቑጠባ

ድሕነት

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ካርታ ሽወደንን ጎረባብታ ሃገራትን

ስእላዊ መግለጺ-ዮሰፌን በርናር

ጂኦግራፊ፡ ቁጠባዊ ጽላትን ትሕተ ቅርጽን

ሽወደን፡ ኣብ ምብራቓውን ሓውሲ ደሴታውን ሽጎኽ ናይ ስካንዲናቭያ፡ ኣብ ሰሜን ኤውሮጳ እትርከብ ሃገር እያ። ሽወደን፡ ደንማርክ፡ ኖርወይ፡ ኣይስላንድን ፊንላንድን ብሓደ ክጽዋዓ እንከለዋ፡ ኖርደን ይብሃላ። ሽወደን፡ ዓባይን ነዋሕን ሃገር እያ። ካብ ሰሜን ክሳብ ደቡብ 1600 ኪ.ሜ እዩ። ካብ ምዕራብ ክሳብ ምብራቕ ድማ 500 ኪ.ሜ እዩ። ጠቕላላ ስፍሓት ሃገረ ሽወደን፡ 450,000 ትርብዒት ኪ.ሜ እዩ። ሽወደን፡ ኣብ 3 ክፍልታት ትኽፈል። ዮታላንድ ኣብ ደቡብ፡ ስቪያላንድ ኣብ ማእከል፡ ኖርላንድ ኣብ ሰሜን። ሽወደን፡ ኣብ 25 ክፍለ ሃገራት፡ 21 ዞባታትን 290 ኮምዩናትን ትኽፈል።

ተፈጥሮን ኩነታት ኣየርን

ተፈጥሮኣዊ ቅርጺ ናይ ሰሜንን ደቡብን ሽወደን፡ ካብ ነንሕድሕዱ ዝተፈላለየ እዩ። ሰሜን ሽወደን፡ ኣኽራን፡ ዱርን ቀላያትን ዝበዝሑ እዩ። ዝበዝሑ ወሓይዝ ሰሜን ሽወደን፡ ሃይድሮ - ኤለክትሪካዊ ጸዓት ንምምንጫው የገልግሉ። ኣብ ማእከላይ ሽወደን፡ ብዙሕ ጫካታት ኣሎ። ኣብ ደቡብ ሽወደን ብዙሕ ናይ ሕርሻ ቦታን ጥጡሕ ሜዳን ኣሎ። ኣብ ምዕራባውን ምብራቓውን ገማግም ባሕሪ፡ ብዙሓት ደሴታትን ነዋሕቲ ገማግምን ኣሎዉ። እተን ዝዓበያ ደሴታት፡

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ኦላንድን ዮትላንድን ኮይነን ኣብ ምብራቓዊ ገማግም ባሕሪ፡ ካብ ስቶክሆልም ንደቡብ ይርከባ። ናይ ሽወደን ዝዓበየ እምባ፡ እቲ ኣብ ሰሜን ሽወደን ዝርከብ "ከብነካይሰ" ተባሂሉ ዝፍለጥ 2099 ሜተር ዝንውሓቱ እምባ እዩ።

ሽወደን፡ ኣርባዕተ ወቕትታት ኣሎዋ። ንሳቶም ድማ፡ ጽድያ፡ ሓጋይ፡ ቀውዕን ክረምትን እዮም። ኣብ መንጎ እዚኣቶም ዓቢ ናይ ሙቐት ፍልልይ ኣሎ። ናይ ሽወደን ኩነታት ኣየር፡ በቲ ናይ ኣትላንቲክ ውዑይ ጋልፍስትሪም ይጽዕ። ስለዚ ሽወደን፡ ካብተን ኣብ ተመሳሳሊ ሰሜናዊ ሽነኽ ዘለዋ ካልኦት ሃገራት፡ ዝሞቐት እያ ክብሃል ይክኣል።

ኣብ ሽወደን፡ እቶም ዝዓበዩ ሰለስተ ቀላያት ቬነርን፡ ቬተርን፡ ሜላረን ይብሃሉ።

ምንጪ ስእሊ፡ ኩዩስ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ምርኢት ኣኽራን

ስእሊ: Colourbox

ሕዛእቲ ተፈጥሮ

ሕዛእቲ ተፈጥሮ፡ ብምኽንያት ፍሉያት፡ ተነቀፍቲ፡ ብርቅታትን ጽቡቓትን ዝኾኑ እንስሳታትን ኣትክልትን ብምህላዎም፡ ብመንግስቲ ክሕዛእ ዝተወሰነ ቦታ እዩ። ኣብ ሽወደን፡ ኣስታት 4000 ሕዙኣት ናይ ተፈጥሮ ቦታታት ኣሎዉ። እዚ ማለት፡ ናይ ቀደም ዱራት፡ ነዋሕቲ ኣኽራናት፡ ናይ ሕርሻ ቦታታት ወይ ኣርኪፐላጎ ደሴታት። ኣብ ዝኾነ ሕዙእ ናይ ተፈጥሮ ቦታ፡ እንታይ ትገብር ወይ ኣይትገብርን ዝሕብር ታቤላ ኣሎ። ኣብ ዝተፈላለየ ሕዙእ ናይ ተፈጥሮ ቦታ፡ ዝተፈላለየ መምርሒታት ኣሎ።

ህዝባዊ መሰላት

ኣብ ሽወደን፡ ' ህዝባዊ መሰል ' ዝብሃል ሕጊ ኣሎ። እዚ ድማ፡ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ቦታታት፡ ከምኡ ' ውን ኣብ ዋና ዘይብሉ መሬት፡ ብናጻ ክትዛወር ከም እትኽእል ይገልጽ። ይኹን ' ምበር ህዝባዊ መሰላት ክብሃል እንከሎ ነቲ ቦታ ክንጥንቀቕሉን ከነኽብሮን ከም ዘሎና ' ውን ይገልጽ እዩ። ሕገ ህዝባዊ መሰላት፡ ኣብቲን ኣርባዕተ መሰረታውያን ሕግታት ሽወደን ሰፊሩ ኣሎ።

እንታይ ክትገብርን ዘይክትገብርን ድማ ይውስን። ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ እዚ፡ **www.naturvardsverket.se** ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ዝተዳለወ ብዛዕባ ህዝባዊ መሰላት ዝገልጽ ሓበሬታ ኣሎ።

ኣብ ናይ ተፈጥሮ ቦታ፡ ብመሰረት ሕገ ህዝባዊ መሰላት፡ ክትገብሮ ዘለካ ወይ ዝፍቀደልካ ነገራት፡

- ኣብ ቦታ ተፈጥሮ፡ ብእግርኻ፡ ብብችክለታን ብፈረስን ክትዛወር ትኽእል ኢኻ። ጥቓ ገዛውቲ ግን ኣይትኹን። ኣፍደገ ምስ እትኽፍት ድማ፡ ምስ ኣተኻ ወይ ምስ ወጻእካ ዕጸው።
- ኣብ ናይ ብሕቲ መገድታት፡ ብእግርኻ፡ ብብችክለታን ብፈረስን ክትዛወር ትኽእል።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ሕዛእቲ ተፈጥሮ ኣብ ንቦ ሀረስታ

ስእሊ: Maria Nobel

- ንሓደ ለይቲ ቴንዳ ክትተክል ትኽእል ኢኻ። ንነዊሕ ግዜ ቴንዳ ክትተክል ምስ እትደሊ ግን፣ ነቲ ዋና መሬት ሕተቶ።
- ክትሕምብስን ብጃልባ ክትዛወርን ትኽእል ኢኻ፣ ጥቓ ገዛውቲ ግን ኣይትኹን።
- ዕምባባ መሮር፣ ዓጋምን ቃንጥሻን ክትቅንጥብ ትኽእል ኢኻ።
- ኣብ ገማግም ባሕሪ ጥራይ ዘይኮነ፣ ኣብተን ሓሙሽተ ዓበይቲ ቀላያት ሽወደን ' ውን ብስልኪ ዓሳ ክትገፍፍን ዕምባባ መሮር ክትቅንጥብን ትኽእል ኢኻ።
- ብጥንቃቐ ሓዊ ክትኣጉድ ትኽእል ኢኻ። ኣብቲ ፍሉይ ንመእንዲ ዝኸውን ቦታ እንተገበርካዮ ግን ይምረጽ። ብግዜ ሓጋይ ሓዊ ምእንድ ከኣ ክልኩል እዩ።

ብመሰረት ሕገ-ህዝባዊ መሰላት፡ ክትገብሮም ዘይግብኡኻ ነገራት፡

- ብልዕሊ ግራት፣ ብጃርዲን፣ ብሕሩስ ወይ ዝተዘርአ መሬት ኣይትኺድ።
- ኣብቲ ናይ ተፈጥሮ ቦታ፣ ማኪናን ሞቶር ሳይክልን ምጥቃም ክልኩል እዩ።
- ኣብ ናይ ኣጋር መገዲ፣ ፓርክን ናይ ጆጊንግ መገድን ተሽከርካሪ ምጥቃም ክልኩል እዩ።
- ኣብ ድሩቕን ንፋስ ዘለዎን ቦታ ሓዊ ኣይትእንድ። እቲ ሓዊ ክላባዕ ይኽእል እዩ።

- ኣብ ልዕሊ ከውሒ ሓዊ ኣይትእጎድ፣ እቲ ከውሒ ረሲኑ ክስንጠቕ ስለ ዝኽእል። ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ወርሓት ሓጋይ ሓዊ ምእጋድ ክልኩል እዩ።
- ገረብ ወይ ቆጥቋጥ ኣይትጉዳእ ወይ ኣይተዕኑ። ንገዛኻ ውን ኣይትውሰዶም።
- ኣብ ጀርዲን ዝበቁል ፍረታት፣ ዓጋም፣ ኣሕምልቲ ወይ ዝኾነ ኣብ ግራውቲ ዝበቁል ዘበለ ነገራት ኣይትውሰድ።
- ኣብ ናይ ተፈጥሮ ቦታ ጎሓፍ ነገር ኣይትደርቢ።
- እንስሳታት ክትሃድን ወይ ክትጎድእ ኣይግባእን። ናይ ኣዕዋፍ እንቋቑሓ ኣይትውሰድ ወይ ንነኣሽቱ ማለት ውላዳት ደቆም ኣይትሓዞም።
- ኣብ ነኣሽቱ ቀላያት ወይ ካልእ ክፋል ማያት፣ ብዘይ ፍቓድ ዓሳ ኣይትግፈፍ።
- ካብ 01 መጋቢት - 20 ነሓሰ ኣብ ዘሎ ግዜ ከልብኹም ብዘይልዓም ኣይተዛውሩ። ኣብዚ እዋን’ዚ እንስሳታት ጫካ ዝወልዱሉ እዋን እዩ። ልዓም ዘይብሉ ከልቢ ነቶም ዕሽላት እንስሳታት ከሰንብዶም ወይ’ውን ሃስያ ከውርደሎም ይኽእል’ዩ። ስለዚ ከልብኹም ኩሉ ግዜ ልዓም ክትገብሩሉ ኣገዳሲ እዩ።
- ኣብ ሕዙእ ቦታ ዝበቐሉ ዕንባባታት ምቕንጣብ ክልኩል እዩ። ክልኩል ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ፣ ኣብ ምጽናት ዝርከቡ ዓይነታት ኣትክልቲ ንምዕቃብ እዩ።

ሓለዋ እንስሳታት

ኣብ ሽወደን፣ ንሓለዋ እንስሳታት ዝምልከት ሕጊ፣“ሕገ - ድሕነት እንስሳታት (Djurskyddslagen)” ተባሂሉ ይፍለጥ። እቲ ሕጊ፣ እንስሳታት ብኽመይ ክተሓዙን ክእለዩን ኣለዎም ዝብል መምርሒታት ዝሓቐፈ እዩ። ሕመረት መምርሒታት ክንክን እንስሳታት፣ እንስሳታት ጽቡቕ ጌርና ንምሓዝን ካብ ስቓይን ሕማምን ክንከላኸለሉም ክንጽዕር ከምዘለናን ዝጽውዕ እዩ።

ናይ ተፈጥሮ ሃብቲ

ሽወደን፣ ዓቢ ናይ ተፈጥሮ ሃብቲ ኣሎዋ። እቲ ቀንዲ ድማ፣ ዱር፣ ማዕድንን ሓይሊ ማይን እዩ።

ካብ ፍርቂ ንላዕሊ መሬት ሽወደን፣ ብዱር ዝተሸፈነ እዩ። መብዛሕትኡ፣ ታል ዝብሃል ዓይነትን ጽሕዲ እዩ። ጸዓት፣ ኤለክትሪክን ዋዕን፣ ካብ ወሓይዝ፣ ካብ ኑክሌሳዊ ሓይልን ካብ ናይ ወጻኢ ነዳድን ይምንጩ። ሓይሊ ንፋስ’ውን ኣብ ጥቕሚ ይውዕል እዩ።

ዳርጋ 7.5% መሬት ሽወደን፣ ንሕርሻ ይውዕል። ብውሑዱ 5% ናይ ህዝቢ ሽወደን፣ ኣብ ጽላት ሕርሻ ይነጥፍ። ኣብዚ ግዜ’ዚ፣ ኣእካል፣ ናይ ከብቲ ሳዕርታት፣ ድንሽ፣ ናይ ዘይቲ ፍረን ሽኮር ዘውጽኡ ድንሽን ይዝርኡ። እቲ ኣገዳሲ ናይ ሽወደን ሕርሻ፣ ውጽኢት ጸባ እዩ።

ቁጠባዊ ንጥፈት

ንሽወደን፣ ናብ ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳ ኣቑሑ ምሻጥ፣ ኣዚዩ ኣገዳሲ እዩ። ሽወደን፣ ካብ ሃገራት ኤውሮጳ፣ እታ እንኮ ዝበዝሐ ሓጺን እትሸይጥ ሃገር

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

እያ። ኣብ መጀመርታ 20 ክፍለ ዘመን፣ ኢንዱስትሪ ክትተክል ምስ ጀመረት፣ ብዙሕ ክትሽይጥ ጀሚራ። ሉሕ፣ ወረቐት፣ ኣቓየን ሓጺንን ሽይጣ። ብድሕርዚ፣ ኣብ 20 ክፍለ ዘመን ቕሩብ ጽንሕ ኢላ፣ ከም መካይን፣ ተሌፎናት፣ ናይ ጽዕነት መካይን፣ ኩሽነቲን ዝተፈላለዩ ማሺናትን ክትሽይጥ ጀሚራ። ሕጂ ግን ብዙሕ ክንድቲ ዝሓለፈ ዝምብዝሑ ኣይትሽይጥን ዘላ። ንኣብነት ከም ኣቑሑት ገዛን ክዳውንትን ዝኣመሰሉ ነገራት ካብ ሽወደን ወጻኢ እዮም ዝስርሑ ዘለዉ። እንተኾነ ግን ብናይ ሽወደን ኩባንያታት እዮም ዝሽየጡ። ካልእ ኣዚዩ ኣገዳሲ ንጥፈት፣ እቲ ናይ ተለኮምዩኒከሽንን ናይ ኢንተርነት ተክኖሎጅን እዩ።

ትሕተ ቕርጺ

ሽወደን፣ ብፍላይ ኣብቲ ብዙሓት ሰባት ዝነብሩሉ ቦታታት፣ ብዙሓት መገዲ መካይን ጽርግያታትን መገዲ ባቡራትን ኣሎዉዋ። ዝበዝሑ መገዲ ባቡራት፣ ኣብ ከባቢ ስቶክሆልም፣ የተቦርን ደቡብ ሽወደንን ይርከቡ። ኣብ ሰሜን ሽወደን ግን ብኣውቶቡሳት ወይ ብናይ ውልቂ መኪና ምጋሽ ፣ዩ ልሙድ። እቶም ነዊሕ ወይ ርሑቕ መገሻ ዝገሹ፣ ነፋሪት ፣ዮም ዘዘውትሩ። ኣብ ፣ተን ዕብይ ዕብይ ዝበላ ከተማታት፣ መዓርፎ ነፈርቲ ኣሎዉ። እቲ ካብ ስቶክሆልም ውጽኢ ኢልካ ዝርከብ "ኣርላንዳ" ዝብሃል መዓርፎ ነፈርቲ፣ እቲ ዝዓበየ መዓርፎ ነፈርቲ ናይ ሽወደን እዩ። ናይ የተቦሪ ዝዓበየ መዓርፎ ነፈርቲ፣ "ላንድቨተር" ይብሃል። ብዙሓት ካብ ፣ቶም ኣብ ደቡብ ሽወደን ዝነብሩ፣ ነቲ ኣብ ኮፐንሃገን ዝርከብ "ካስትሩፕ" ዝብሃል ናይ ደንማርክ መዓርፎ ነፈርቲ ይጥቀሙ።

ስእሊ፡ ዮነር

ስእሊ፡ ዮነር

ብዝሒ ህዝቢ

ኣብ ሽወደን ልዕሊ 10 ሚልዮን ህዝቢ ይቕመጡ። ኣብዚ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ቀጽሪ ህዝቢ ሽወደን ወሲኹ። ምኽንያቱ ድማ ናይ ስደተኛታት ምምጻእን ናይ ሰብ ዕድመ እናወሰኽ ብምኻዱን እዩ። ኣንስቲ ብገምጋም ክሳዕ 84 ዓመት ሰብኡት ድማ ክሳዕ 80 ዓመት ይጸንሑ። ዝበዝሕ ህዝቢ ኣብ ከተማታት እዩ ዚነብር። ኣብ ከባቢታት ስቶክሆልምን የተቦሪን ማልመን ጥራይ 3.5 ሚልዮን ህዝቢ ይነብር።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ሰኣላይ: Anders Suneson - samer.se

ሳፕሚ - ናይ ሳመራውያን ሃገር

ሳመራውያን፡ ኣብ 4 ሃገራት፡ ማለት ሩስያ፡ ፊንላንድ፡ ኖርወይን ሽወደንን ይነብሩ። እቲ ዝቕመጡሉ ቦታታት፡ ሳፕሚ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ጂኦግራፊካዊ ከባቢ፡ ካብ ኢድረ ኣብ ዞባ ዳላርና ሽነኽ ደቡብ፡ ክሳብ ኣርክቲካዊ ውቅያኖስ ሽነኽ ሰሜን ነርወይን ብምብራቕ ክኣ ክሳብ ሓውሲ ደሴት ኩላ ኣብ ሃገረ ራሻን ይምጠጥ።

ናይ ሽወደን፡ ንኡሳን ወይ ትሑት ኣቓልቦ ዝውሃቦም ህዝብን ንኡስ ቋንቋታቶምን

ኣብ ሽወደን፡ ንንኡሳን ብሄራት ዝሕሉ ሕጊ ኣሎ። እቶም ሓሙሽተ ንኡሳን ብሄራት፡ እዞም ዝስዕቡ እዮም። ኣይሁድ፡ ሮመር፡ ሳመር፡ ናይ ሽወደን ፊንላንዳውያንን ቶርነዳላውያንን ይብሃሉ። ናይ'ዞም ብሄራት'ዚኣቶም ታሪኻዊ ቋንቋታት ድማ፡ ዩዲሽ፡ ሮማኒ ቺብ፡ ሳሚስካ፡ ፊኒስካን መኣንኪየሊን እዮም። መንግስቲ፡ ነዚ ናይ'ዚኣቶም ሰብኣዊ መሰላት ከደልድል ይጽዕር።

ነዞም ንኡሳን ሕብረተሰብኣዊ ጉጅለታት'ዚኣቶም፡ ሓደ ዝገብሮም ነገር፡ ኣብ ሽወደን ነዊሕ ምቕማጦምን ጽኑዕ ሕድሕዳዊ ስጥመቶምን እዩ። ብዘይካ'ዚ ናይ በይናም ሃይማኖት፡ ቋንቋን ባህላዊ ጸግዕን፡ ባህላውን ቋንቋኣውን መንነቶም ናይ ምዕቃብ ድልየት'ውን ኣሎዎም።

ሳመራውያን፡ እቶም ብሽወደን፡ ወግዓዊ ኣፍልጦ ወይ ተቐባልነት ዘሎዎም እንኮ ደቀባት እዮም። ኣብ ሽወደን፡ ኖርወይ፡ ፊንላንድን ራሻን ድማ ይነብሩ። ኣብ ሽወደን፡ ከባቢ 20,000 ዝኾኑ ሳመራውያን ኣለዉ። ሳመራውያን፡ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም፡ ኣብ ሃድን፡ ምግፋፍ ዓሳ፡ ኢደ ጥበብን ኣብ መፍረ ዓጋዘንን ዝተዋፈሩ እዮም። ሳመራውያን፡ ነቲ እንስሳ ዘገዳም ዝኾነ ሽውዓት ቀርኑ፡ ናብ እንስሳ ዘቤት ክቕይሩ ዝበቕው ህዝቢ እዮም። 06 የካቲት ሃገራዊ መዓልቲ ናጽነት ሳመራውያን እዩ። ድሕሪ'ቲ ኣብ ከተማ ትሮንድሃይም ነርወይ ኣብ 06 የካቲት 1917 ዓ/ም ዝተኻየደ ናይ ሳመራውያን ናይ መጀመርታ ሃገራዊ ምትእኽኻብ'ዩ እታ ዕለት ሃገራዊት መዓልቶም ክትከውን ጸዲቓ።

ንኣስታት 600 ዓመታት ዝኸውን፡ ሽወደንን ፊንላንድን ሓንቲ ሃገር ስለ ዝነበራ፡ ናይ ሽወደን ፊንላንዳውያን ወይ 'ስቫርያ-ፊናር' ካብ ማእከላይ ዘመን ኣትሒዞም ኣብ ሽወደን ክነብሩ ጸኒሖም። ኣብዚ እዋን'ዚ ካብ 450,000-600,000 ዝኾኑ ናይ ሽወደን ፊንላንዳውያን፡ ኣብ ሽወደን ይነብሩ። እቶም ቋንቋ መኣንኪየሊ ዝዛረቡ ቶርነዳላውያን ብ1809 ዓ/ም ኣብ ክልተ ተኸፊሎም። ድሕሪ'ዚ ኸኣ፡ እቶም ብምዕራብ ዝነበሩ ምስ ሽወደን፡

እቶም ብምብራቕ ዝነበሩ ድማ ምስ ፊንላድ ተጸንቢሮም። እቶም ኣብዚ እዋን’ዚ ኣብ መሬት ሽወደን ዝነብሩ እምበኣር እቶም ንኡሳን (ማይኖር) ዝኾኑ ቶርነዳላውያን እዮም። ዓመተ 2014 ድሕሪ ዝተወሰደ ውሳኔ መሰረት ብምግባር፣ 15 ሓምለ፣ ’ዝኽረ ዓመት’ ወይ ’ኣኒቨርሳሪ’ ናይ ቶርነዳላውያን ኮይና።

ኣይሁዳውያን፣ ካብ 17 ክፍለ ዘመን ጀሚሮም እዮም ኣብ ሽወደን ክነብሩ ጀሚሮም። ኣብ 20 ክፍለ ዘመን፣ ከም ሳዕቤን ካልኣይ ውግእ ዓለምን ንሱ ዘኸተሎ ምህዳን ኣይሁዳዊ መበቆል ዘሎዎም ሰባትን፣ ቊጽሪ ናይ’ቶም ናብ ሽወደን ዝስደዱ ኣይሁዳውያን ክውሰኽ ተራእዩ። ኣብዚ እዋን’ዚ፣ ኣስታት 25,000 ኣይሁዳውያን ኣብ ሽወደን ይነብሩ። ካብ’ዚኣቶም እቶም 4000 ዝኾኑ፣ ቋንቋ ይደኾ ማለት ዩዲሽ ይዛረቡ። ቋንቋ ይደኾ፣ ካብ 2000 ዓ/ም ከም ሓደ ካብ ሃገራዊ ቋንቋታት ንኡሳን (ማይኖሪቲ) ሃገረ ሽወደን ተቐጺሩ ይርከብ።

ሮመራውያን፣ ካብ 16 ክፍለ ዘመን ጀሚሮም ኣብ ሽወደን ይነብሩ ነይሮም። ኣብዚ እዋን’ዚ ካብ 50.000 - 100.000 ዝኾኑ ሮመራውያን ኣብ ሽወደን ይነብሩ። ሮመራውያን፣ ናይ ቋንቋ፣ ሃይማኖትን ባህልን ፍልልያት ዘሎዎም ጕጅለ ኮይኖም፣ ብሓፈሻ ግን ሮማኒ ቺብ ዝብሃል ቋንቋ ይዛረቡ።

መንበሪ ኣባይትን ናብራን

ኣብ ገሊኡ ኮምዩናት፣ ገዛ ምርካብ ቀሊል ክኸውን ከሎ፣ ኣብ ገሊኡ ግን ከቢድ እዩ። ኣብ ኮምዩናት፣ ቅድሚ ኹሉን ልዕሊ ኹሉን ብዙሕ ዝካረ ኣባይቲ የድሊ።

ኣብ ከተማታትን ከባቢኦምን ናይ መንበሪ ገዛ ምርካብ

ኣብ ውሽጥን ኣብ ከባብን ዓበይቲ ከተማታት፣ ብዙሕ ሰብ ስለ ዝነብሮ፣ ዝካረ ገዛ ንምርካብ ኣዝዩ ኣሸጋሪ እዩ። ዝበዝሑ ሓደስቲ መጻእቲ ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ክነብሩ እዮም ዝደልዩ። ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ክነበር ዝደሊ

ስእሊ: Colourbox

ስድራቤታት ዝሕዝ ኣፓርታማ(ብሎክ)= ናይ ክራይ ኣባይትን ኮንዶሚንዩምን ብሓጺ ከም መንበሪ ኣባይቲ ወይ ኣፓርታማ ስድራቤታት ይጽውዑ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ሰብ ብዙሕ ስለ ዝኾነ፣ ብዙሕ ውድድር ኣሎ። እቲ ዝሓሸ፣ ምስ ካልእ ሰብ ምንባር ወይ ኣብ ናይ ካልእ ሰብ ማለት ብኻልኣይ ኢድ (ኣንድራ ሃንድ) ተኻሪኻ ምንባር እዩ። ካብ ዓበይቲ ከተማታት ወጻኢ ግን ዝሓሸ ዕድል ኣሎ። ናብቲ ዓበይቲ ከተማታት ንምኻድ ድማ፣ ብዘይጸገም ዘመላልሳ ኣውቶቡሳትን ባቡራትን ኣሎዋ።

ዝተፈላለዩ ዓይነታት ናይ መንበሪ ኣባይቲ

ገዛ፣ ካብ ኣካራዱ፣ ማለት ብቑጥታ ካብ ብዓል ንብረት ክትካረዩዎ ትኽእሉ ኢኹም። በዚ ኸኣ፣ ቀዳማይ ኢድ ናይ ክራይ ኮንትራት ይህልወኩም። ኣፓርታማ ምግዛእ'ውን ይክኣል'ዩ። እዚ ድማ ኮንዶሚንየም ይብሃል። ገዛ ምስትገዝኡ፣ ናይ ዋንነት መሰል ኣለኩም። ካብ ሓደ ሰብ፣ ነቲ ዝተኻረዮ ወይ ከኣ ነቲ ዝወነኖ ገዛ፣ ተኻሪኹም ክትነብሩ'ውን ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ኸኣ ኣንድራ ሃንድ ወይ ዘይቀጥታዊ ውዕል ክራይ ገዛ ይብሃል። ሓደ ሰብ ገዛ ተኻርዩ ኣሎ ወይ ወኒኑ ኣሎ ንበል፣ ካብቲ ተኻርዩዎ ወይ ወኒኑዎ ዘሎ መንበሪ ኣባይቲ፣ ንገለ ክፍልታት ተኻሪኻ ምንባር ድማ ዝክኣል ኮይኑ፣ ኢነቦየንደ ይብሃል። ዓይነት ናይቲ ውዕል ብዘየገድስ፣ ምስቲ ዘካረየኩም ሰብ፣ ውዕል ምፍርራም ኣይትረስዑ። ከም ውሽጣዊ ተኻራዱ ክፍሊ መጠን'ውን ኢንሹራንስ ናይ ገዛ ክትፍርሙ ኣለኩም። እንተዘየሎ ግን፣ ገለ ጸገም ምስ ዝጋጥም ዝኾነ መድሕን የብልኩምን።

ኣካራዱ

ገዛ ተኻሪኻ ምስ እትቕመጥ፣ ካብ ሓደ ኣካራዱ ኢኻ ተኻሪኻዮ ዘለኻ። ነቲ ገዛ ዝውንኖ ኣካራዱ፣ መብዛሕትኡ ግዜ፣ ሓደ ትካል እዩ። እቲ ትካል ግን ብብዙሓት ሰባት ወይ ብኮምዩን ዝውነን እዩ። ብኣኻ፣ ወይ ክበጽሓካ ብዝመጸ ሰብ፣ ኣብቲ መንበሪ ኣባይቲ ገለ ነገር ምስ ዝሰብር፣ ንምዕራዩ ክትከፍል ትግደድ። ኣሪጉ ንዝበላሾ ነገራት ግን እቲ ኣካራዱ እዩ ዘወርዮ ወይ ዝቕይሮ። ኣሪጉ ዝስበር ማለት ከም ኣብነት፣ ኤለክትሪካዊ እቶን ክኸውን ይኽእል።

ነቲ እትነብረሉ ገዛ፣ ብናይ ቀዳማይ ኮንትራት ተኻሪኻዮ ምስ እትኸውን፣ ክሳዕ ዝደለኻ ግዜ ክትቅመጦን ክትጥቀመሉን ትኽእል ኢኻ። ክራይ ገዛ ግን ናይ ግድን ኣብ እዋኑ ማለት ኣብ ወወርሑ ክትከፍል ኣለካ፣ ንጎረባብቲ ድማ ክትርብሽ የብልካን። ካብቲ ገዛ ክትወጽእ፣ ማለት ክትገድፎ ምስ እትደሊ፣ ናይ 3 ኣዋርሕ ክራይ ገዛ ክትከፍል ይግባኣካ። እዚ ማለት ድማ፣ 'ናይ ስምዕታ ግዜ' ዝብሃል ኮይኑ' ክትገድፎ ምስ እትደሊ ኣቐዲምካ ቅድሚ 3 ኣዋርሕ ንገር ማለት እዩ። ናይ ቀዳማይ ደረጃ ውዕል ወይ ኮንትራት ምስ ዝህልወካ፣ ምስ ካልእ ተኻራዱ ክትለዋወጥ ትኽእል ኢኻ። ነቲ ምልውዋጥ ግን፣ እቲ ኣካራዱ ክቕበሎ ኣለዎ። እቲ ትቕመጠሉ ገዛ ናይ ምሕዳስ ውሳነ ንዋናኡ'ዩ ዝምልከት። ነቲ ገዛ ክተሐድሶ ምስ እትደሊ'ውን እቲ ኣካራዱ ክፈልጥን ክሰማማዓሉን ኣለዎ።

ቤት ፍርዲ ኣባይቲ

ቤት ፍርዲ ኣባይቲ፣ ኣብ መንጎ ኣካራዱን ተኻራይን ንዝህሉ ምስሕሓባት ዝዳኒ ኣካል'ዩ። ኣብ ሽወደን፣ 8 ኣብያተ ፍርዲ ክራይ ኣባይቲ ኣለዋ። ንሳተን ድማ፣ ኣብ ስቶክሆልም፣ ቨስተሮስ፣ ሊንሾፒን፣ ዮንሾፒን፣ ማልሞ፣ የተቦሪ፣ ሱንድስቫልን ኡመዮን ይርከባ። ቤት ፍርዲ ክራይ ኣባይቲ ኣብ መንጎ ኣካራይን

ተኻራይን ዘይምርድዳእ ምስ ዝህሉ ውሳነ ይህብ። ንኣነብነት እቲ ተኻራዩ፡ ነቲ ገዛ መሊሱ ከካርዮ ምስ ዝደሊ'ሞ ዘይምርድዳእ ምስዘጋጥም ማለት'ዩ። ብዛዕባ'ቲ ሕግታት ሕቶ ምስ ዝህልወካ፡ ነቲ ቤት ፍርዲ ክትውከሶ ትኽእል ኢኻ። ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብቲ ናይ ቤት ፍርዲ ወብሳይት ኣቲኻ **www.hyresnamnden.se** ኣንብብ።

ኮንዶሚንየም

ኣብ ኮንዶሚንየም ክትቅመጥ እንተደሊኻ ገንዘብ ከተውጽእ ክትግደድ ኢኻ። እዚ ማለት ድማ፡ ካብቲ ናይ ወነንቲ ማሕበር፡ ብርኪ ትገዝእ ማለት'ዩ። እቲ ማሕበር፡ "ናይ ኮንዶሚንዩም ማሕበር" ይብሃል። በዚ መንገዲ'ዚ ኣባል ምስ ኮንካ፡ ነቲ ገዛ ክትጥቀመሉ ትኽእል።

ገለ ማሕበራት ኮንዶሚንየም፡ ኣብ ሓደ ኣብ ምሉእ ሽወደን ዝርከብ፡ ኣባይቲ ዝውንን ዓቢ ማሕበር ይጥርነፉ፡ ከም ኣብነት፡ 'HSB ወይ Riksbyggen ሪክስቢገን' ዝብሃል ማሕበር። እተን ካልኦት ማሕበራት ንኣሽቱ እየን። ነፍስ ወከፍ ማሕበር፡ ንናታ ቑጠባ ትግደስን ትጥንቀቕን። ኣብ ኮንዶሚንየም ክትቅመጥ ከለኻ፡ ነቲ ማሕበር ዝኽፈል ወርሓዊ ክፍሊት ኣሎካ። ነዚ ቤት ዝኸውን ገንዘብ ካብ ባንክ ተለቂሕካ እንተ ኾንካ፡ ነቲ ባንኪ፡ ቀንዲ ገንዘቡን ወለዱን በብቑሩብ ክትከፍሎ ኣለካ። ኣብ ኮንዶሚንዩም፡ ገዛኻ ንምልማጽ፡ ንምሕዳስን ንምጽብባቕ ወይ ምህናጽን፡ ባዕልኻ ኢኻ ትውስን። ናይቲ ማሕበር'ቲ ኣባላት፡ ብሓደ ኾይኖም፡ ነቲ ገዛ ከመይ ገይሮም ከም ዝውግኡዎ ወይ ዓቢ ምሕዳስ ከም ዝገብሩሉ ይመያየጡን ይውስኑን።

መሰል ምውናን

ኣብ ሽወደን፡ ወነንቶም፡ ንኽውንንዎም መሰል ዘሎዎም ኣባይቲ፡ ውሑዳት'ዮም። መብዛሕትኦም ገዛውቲ፡ ኮንዶሚንየም ወይ ክኣ ናይ ሓባር ገዛውቲ፡ ከምኡ'ውን ናይ ተኻራዩ መሰል ዘሎዎም እዮም። ናይ ወናኒ መሰል ዘሎዎም ገዛውቲ፡ እቶም 'ሂዩስ ወይ ከኣ ሮድሂዩስ' ተባሂሎም ዝፍለጡ ሰርቪስ ዝመስሉ ዓይነት ገዛውቲ እዮም። ሽዑ፡ ነቲ ገዛ ባዕልኻ ትውንኖን ሓላፍነት ትወስደሉን። ኣብ ሮድሂዩስ ዝብሃል ሰርቪስ - መሰል ገዛውቲ'ውን ሓድሓደ ግዜ፡ ማሕበር ይቐውም'ዩ። እቲ ማሕበር፡ ነቲ ሓባራዊ ከባቢታት፡ ከም መንገድታት፡ መጻወቲ ህጻናትን ናይ ሳዕሪ ቦታታትን፡ ሓላፍነት ይወስደሉ። ኩላቶም ኣብቲ ከባቢ ዘለዉ ሰባት ድማ፡ ነቲ ወጻኢታት ተማቒሎም ይኸፍሉዎ።

ገዛ ከመይ ገርካ ከም እትረክብ

ኣብ ሓያለ ከተማታት፡ ኣብያተ ጽሕፈት 'መራኸብቲ - ገዛ' ኣለዉ። ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ - ገዛ፡ ተመዝጊብካ ገዛ እተናድየሉ ናይ ኢንተርነት መርበብ ሓበሬታ ኣሎዎ።

ምስ ተመዝገብካ : ናብቲ መርበብ ሓበሬታ እናኣተኻ፡ ሓደስቲ ናጻ ገዛውቲ ዘለዉን ዘየለዉን ወይ ከኣ ዝመጹን ዘይመጹን ግድን ብቐጻሊ ክትርኢ ኣለካ። ሓድሽ ገዛ ከም ዘሎ ዝነግር ሓበሬታ እንተ ርኢኻ : እሞ ድማ ምስ እትደልዮ፡ ነቲ ገዛ ክትካረዮ ተመልከት።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ዝካረ ገዛ፡ ባዶ ምህላዉ ኣብ ምልክታ ምስ ወጸ፡ እቶም ክመጽኡ ዝግበኦም ሰብ ሪጋ ከይመጹ ዕለተ ምልክታ እንተሓሊፉ፡ ኣካራዩ፡ ነቶም ነቲ ገዛ ክርእዩ ዝመጽኡ ሰባት ይመርጽ። እዚ ማለት ግን ዝኾነ ዝመጸ ዘበለ ማለት ዘይኮነስ ኣብ ሪጋ ስዒቦም ዝርከቡ ክኾኑ ኣለዎም። መብዛሕትኦም ኣካረይቲ፡ ናይ ገዛ ስርዓተ - ሪጋ ኣሎዎም። ነታ ትካረ ገዛ ምስ ርኣኹማ፡ ትደልዩዋ ምኺንኩምን ዘይምኺንኩምን ነቲ ኣካራዩ ክትሕብሩ ኣለኩም። እታ ገዛ ከም ቀዳማይ ኢድ ምስ እትበጽሓኩም ከኣ፡ እቲ ኣካራዩ ኣካል ወይ ሰብ ክረኽበኩምን ከዘራርበኩምን እዩ።

ንሓንቲ ገዛ ዝግደሱላ፡ ብዙሓት እንተ ኾይኖም፡ ዋና ገዛ፡ ንሓዲኦም ክመርጽ መሰል ኣሎዎ። መን ናይ ገዛ ኽራይ ውዕል ይፍርም ንምውሳን፡ ነቲ ገዛ ወይ ህንጻ ዝውንን ትካል ወይ ውልቀ ሰብ እዩ ዝምልከት። ቤት ጽሕፈት ' መራኸብቲ - ገዛ ' ፡ ስለዘይምልከቶም ክውሰኑ ኣይክእሉን ' ዮም። ኣብ ዓበይቲ ኮምዩናት ሽወደን፡ ዓቢ ሕጽረት ገዛ ስለ ዘሎ፡ ገዛ ንኽትረክብ ብዙሕ ግዜ እዩ ዝወስድ።

ምኽሪ ንደለይቲ ገዛ

ሓድሓደ ግዜ፡ ነቶም ኣራኸብቲ - ገዛ ጥራይ ምውካስ እኹል ኣይኮነን። ነቲ ኣካራዩ ብቐጥታ ክትረኽቦ ዝሓሸ እዩ። እቶም ዓበይቲ ኣካረይቲ፡ ናታቶም ወብሳይት ኣሎዎም። ኣብኡ ድማ፡ ናይ ገዛ ምድላይካ ክትገልጽ ትኽእል ኢኻ። ብሰበሰብ፡ ብኣዝማድ ወይ ኣዕሩኽ ' ውን ብዛዕባ ናጻ ዘሎ ኣባይቲ፡ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ካልእ መንገዲ ድማ ኣብ ድኳናት፡ ኣብያተ መጻሕፍትን ኮረድዮታትን ወይ ካልእ ናይ መለጠፊ ሰሌዳ ዘሎዎ ቦታ ምልክታታት ምልጣፍ ይክኣል ' ዩ።

ከምኡ ' ውን ኣብ ገለ ጋዜጣታት ወይ ወብሳይታት ንገዛ ዝምልከት ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ብኽልኣይ ኢድ ዝካረ ገዛ ክትረክብ ትኽእል። እዚ ማለት ካኣ ብቐጥታ ካብቲ ኣካራዩ ዘይኮነስ ካብቲ ተኻርዩዎ ዘሎ ' ሞ ከካሪ ዝደሊ ዘሎ ማለት እዩ።

ኣብ ኮምዩንካ፡ ገዛ ንምርካብ ዘሸግር ምስ ዝኸውን ናብ ካልእ ኮምዩን ምግዓዝ ዝበለጸ ክኸውን ይኽእል ' ዩ።

ስእሊ፡ ዮነር

ምግዓዝካ ኣቑዲምካ ምሕባር

ትግዕዝ ማለት ትቕይር እንተ ኾንካ፡ ንቤት ጽሕፈት ቀረጽ፡ ማለት ንስካተቨርከት፡ ግድን ከተፍልጥ ኣለካ። በዚ ድማ፡ እቲ በዓል መዚ፡ ነቲ ሓድሽ ኣድራሻኻ ይፈልጦ። ናብ ቤት ጽሕፈት ቀረጽ ምምልካት፡ ኣይከፈሎን' ዩ። ዝመጸካ ቡስጣ፡ ናብ ሓድሽ ኣድራሻኻ ማለት ናብቲ ንስኻ ዘለኻዮ ክመሓላለፈልካ ኣንተ ደሊኻ ግን፡ ምኽፋል ከድልየካ' ዩ።

ሓበሬታ ምግዓዝ ገዛን ምምሕላፍ ቡስጣን ብመንገዲ መርበብ ሓበሬታ 'ስቬንስክ ኣድረስኤንድሪን' ማለት ኣብ **www.adressandring.se** ከተፍልጥ ትኽእል ኢኻ።

ንኻልእ ሰብ፡ ማለት ብኻልኣይ ኢድ ምክራይን ክፉል ክፍልታት ምክራይን፡

ብኻልኣይ ኢድ ንሰብ ምክራይ ማለት፡ ሓደ ብስሙ ውዕል ክራይ ዘሎዎ ሰብ፡ ማለት፡ ካብ ዋና ገዛ ብቐጥታ ኮንትራት ገዛ ክራይ ዘሎዎ፡ ንኻልእ ሰብ ክካርይ ከሎ ማለት' ዩ። እቲ ገዛ ብኻልኣይ ኢድ ክካረ እንተኾይኑ፡ ዋና ገዛ ከፍቅድ ኣለዎ። ዋና ገዛ ብኻልኣይ ኢድ ንሰብ ከተካሪ ዘየፍቅድ እንተኾይኑ ፡ ካብ ቦርድ ክራይ ኣባይቲ፡ ፍቓድ ክትረክብ ክትፍትን ትኽእል ኢኻ። ብዘይ ፍቓድ ዋና ገዛ ብኻልኣይ ኢድ ገዛ ንሰብ እንተ ኣካሪኻ፡ ካብቲ ገዛ ክትወጽእ ክትግደድ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ገዛኻ እናነበርካ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ክፍልታት' ውን ከተካሪ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ዝተኻረኻዮ ገዛ ዝተኻረየ ሰብ ኣሎካ ማለት እዩ። ከምዚ ንምግባር፡ ፍቓድ ኣካራዱ ኣየድልየካን። ብዙሓት ግን ክኾኑ የብሎምን። ደባል ክህልወካ ዝኽእል ድማ፡ ቀዳማይ ኢድ ኮንትራት ምስ ዝህልወካ እዩ።

ቀዳማይ ኢድ ኮንትራት ሃልዩካ ከተካርዮ ምስትደሊ፡ ብቐዕ ምኽንያት ክህልወካ ይግባእ። ኣብ ካልእ ከተማ ትሰርሕ ወይ መናብርቲ ሳምቦ ክትገብር ትፍትን ክትከውን ኣሎካ። እቲ ኣካራዱ ግን ንሓደ ዓመት ዝኣክል ግዜ እዩ ዘፍቅደልካ። ስለዚ ዓመታዊ ክትሓቶ ኣለካ።

ገዛ ንኻልእ ንምክራይ ዝውሃብ ምኽንያታት ዳርጋ ተመሳሳሊ እዩ።

ስእሊ: Maria Nobel

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ገዛ ካብ ካልእ ሰብ፡ ማለት ብኻልኣይ ኢድ ምክራይ

ብኻልኣይ ኢድ ገዛ ክትካረ እንተደሊኻ፡ ዋና ገዛ ዘፍቀደ ምኺኑን ዘይምኺኑን ክትፈልጥ ኣገዳሲ ' ዩ። ብኻልኣይ ኢድ ገዛ ክትካረ ከለኻ ኮንትራት ክትፍርም ከም ዘሎካ ምሕሳብ የድሊ። እቲ ኮንትራት፡ ኣብ መንጎ በዓል ኮንትራት ገዛን ኣብ መንጎኻን ማለት ብኻልኣይ ኢድ ገዛ ትካረ ዘለኻን ይፍረም። ኮንትራት እንተ ዘይፈሪምካ፡ በዓል ገዛ (ኮንትራት ዝውንን) ክትወጽእ እንተ ጠሊቡ ክትወጽእ ክትግደድ ትኽእል ኢኻ። ብዓል ገዛ፡ ነቲ ብኻልኣይ ኢድ ምክራይ እንተ ድኣ ዘይተቐበሎ፡ እቲ ቀዳማይ ኢድ ኮንትራት ዘሎዎ ሰብ ካብ ገዛ ክወጽእ ይኽእል እዩ።

ናይ ክራይ መሰልን ግዴታን፡

እቲ ቀዳማይ ኢድ ኮንትራት ገዛ ዘሎዎ ሰብ፡ በዓል ገዛ ኽራይ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ከም መጠን በዓል ገዛ ኽራይ፡ እቲ ብኻልኣይ ኢድ ዘካረኻዮ ሰብ፡ ክራይ ገዛ ንኽኸፍል ሓላፍነት ዝስከም ንስኻ ኢኻ። እቲ ብኻልኣይ ኢድ ዘካረኻዮ ሰብ፡ ክራይ ገዛ እንተ ዘይከፈሉ ወይ ጎረባብቲ ዝርብሽ እንተኾይኑ፡ ናይ ገዛ ክራይ ዘለካ ኮንትራት ክትሕደግ ትኽእል ኢኻ።

ንሰብ ብኻልኣይ ኢድ ከተካሪ እንከለኻ፡ ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ ኢኻ ትወስድ?

ቀዳማይ ኢድ ኮንትራት ገዛ ወይ ኮንዶሚንዩም (ናይ ባዕልኹም) ምስ ዝህልወኩም፡ እሞ ነቲ ገዛ ብኻልኣይ ኢድ ከተካርዩዎ ምስ እትውስኑ፡ ክሳብ ክንደይ ዝኸውን መጠን ገንዘብ ክትሓቱ ወይ ከተኽፍሉ ከም እትኽእሉ ዝድርት ሕጊ ኣሎ። ንወጻኢታት መንበሪ ገዛ ዝሸፍነልኩም መጠን ክራይ ገንዘብ ክትሓቱ ወይ ከተኽፍሉ መሰል ኣሎኩም። እቲ ገዛ፡ መሰቐሑቱ ተካርዩዎ እንተኺንኩም፡ 10 - 15% ናይ ዋጋ ክራይ ወሲኽኩም ከተካርዩዎ ቅቡል እዩ። ኣብ ናይ ካልኣይ ኢድ ገዛ ኽራይ እናነበርኩም፡ እሞ ኸኣ ኣብቲ ክራይ ገዛ ልዑል መጠን ገንዘብ ትኽፍሉ ምስ እትህልዉ፡ ብዛዕባ ' ቲ ጉዳይ ምስ ተጸዋዒ ጉዳያት ክራይ (Hyresnämnden) ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም። ተጸዋዒ ጉዳያት ክራይ ገዛ፡ ገንዘብኩም ከም ዝምለሰልኩም ክገብር ይኽእል ' ዩ። እቲ እተኻረኹሞ ገዛ ግን ኮንደሚንዩም ክኸውን የብሉን። ተጸዋዒ ጉዳያት ክራይ፡ ንፍሉይነት ናይቲ ኩነታት መሰረት ገይሩ፡ ናቱ ገምጋም ይገብር እዩ።

ገዛ ምልውዋጥ

ወናኒ ቀዳማይ ኢድ ኮንትራት ክራይ ገዛ ምስትኻውን፡ እሞ ድማ ቅቡል ምኽንያት ምስ ዝህልወካ፡ ገዛ ኽትለዋወጥ መሰል ኣሎካ። ከም ቅቡል ምኽንያት ዝቐጸር ንኣብነት፡ ገፊሕ ገዛ፡ ሕስር ዝበለ ክራይ ገዛ፡ ወይ ጥቓ ስራሕካ ገዛ ምስ ትረክብ ክኸውን ይኽእል ' ዩ። ገዛ ክትላወጥ እንተደሊኻ፡ ዋና ገዛ ቕድም ክፈቕደልካ ኣለዎ። ዋና ገዛ ከይፈቐደልካ እንተተለዋዊጥካ፡ ዘሎካ ቀዳማይ ኢድ ኮንትራት ገዛ ኽራይ፡ ክትሕደግ ትኽእል ኢኻ። ተኻራዩ እንተኺንካ፡ ቀዳማይ ኢድ ኮንትራት ኣብ ዝረኽብካሉ ግዜ ገዛ ክትለዋወጥ ትኽእል ኢኻ።

ጸሊም ኮንትራት

ጸሊም ኮንትራት ማለት፣ ብገንዘብ ዝግዛእ ወይ ዝሸየጥ ቀዳማይ ኢድ ኮንትራት ገዛ ኽራይ ማለት ‘ዩ። ቀዳማይ ኢድ ኮንትራት ገዛ ኽራይ ምሻጥ ሕጋዊ ኣይኮነን። እንተ ተፈጺሙ ግን፣ እቲ ቀዳማይ ኢድ ኮንትራት ዝሸይጥ ሰብ ናይ 2 ዓመት ማእሰርቲ ክፍረድ ይኽእል ‘ዩ። ቀዳማይ ኢድ ኮንትራት ምግዛእ፣ ብሕጊ ክልኩል ኣይኮነን። ክምኡ ዝገብር ሰብ ግን፣ ኣብ ዘስግእ ወይ ዘሕትት ኩነታት ይወድቕ። እቲ ገዛ፣ ብጸሊም እንተደኣ ተኻርዩ፣ ዋና ገዛ ንቐዳማይ ኢድ ኮንትራት ክራይ ገዛ ክስሕቦ መሰል ኣሎዎ።

ቁጽጽር ገዛ

ናብ ሓደ ገዛ ቅድሚ ምግዓዝካ፣ እቲ ገዛ ክምርመር ክትጠልብ ትኽእል ኢኻ። እዚ ማለት ከኣ፣ እቲ ዋና ገዛ፣ ማለት ኣካራዩ፣ ኣብቲ ገዛ ገለ ብልሽት ከይህሉ ንብረቱ ይቆጻጸር ማለት ‘ዩ። ኣብቲ ገዛ ብልሽት ወሪዱ እንተ ጸኒሑካ፣ ክትከፍሎ ኣይትግደድን ኢኻ።

ምብቃዕ ኮንትራት ገዛ ኽራይ

ካብ ዝነበርካዮ ገዛ ክትቅይር እንተ ደሊኻ፣ ናይዚ ዝጸናሕካዮ ገዛ፣ ኮንትራት ዘብቅዓሉ ግዜ ኣሎካ። እቲ ኮንትራት ዘብቅዓሉ ግዜ፣ "ክቕይር ‘የ" ኢልካ ምስ ሓበርካ፣ ወይ ካብታ ዝሓበርካላ ግዜ ‘ዩ ዝጅምር። ዝበዝሕ እዋን፣ ናይ ሓደ ገዛ ኮንትራት ዘብቅዓሉ ግዜ፣ 3 ኣዋርሕ ‘ዩ። እዚ ማለት ከኣ፣ ካብታ "ክወጽእ ‘የ" ኢልካ ዝሓበርካላ ወርሒ ጀሚርካ ናይ ዝመጽእ 3 ኣዋርሕ ኣብ ግምት ከተእቱዎ ኣለካ። ቅድሚ 3 ኣዋርሕ ክትሕብር ግድን እዩ። ኣብታ ዝሓበርካላ ግዜ ክትወጽእ ምስ ትደሊ ግን፣ ናይ ዝመጽእ 3 ኣዋርሕ ክትከፍል ምኽንካ ኣብ ግምት የእቱ።

ተኻረይቲ፣ ኣደብ ዘይብሉም እንተ ኾይኖም፣ ዋና ገዛ ንኾንትራቶም ደው ክብሎ መሰል ኣሎዎ። ኣደብ ዘይብሉ ሰብ ዝብሃል፣ ንኣብነት ክራይ ገዛ ኣብ እዋኑ ዘይከፍል፣ ነቲ ገዛ ወይ ህንጻ ዘበላሹ፣ ወዘተ ምስ ዝኸውን ማለት ‘ዩ።

ስእሊ፡ ዮነር

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ጠቕምቲ ምኽርታት ንተቐማጦ ገዛ

ኩላቶም ኣብ ሽወደን ዝተሃንጹ መንበሪ ኣባይቲ፣ ኣብ እዋን ክረምቲ ምዉቓት ክኾኑ ከምዘሎዎም ተገይሮም'ዮም ተሃኒጾም። ብጠሊ ብቐሊሉ ተጠቃዕቲ እዮም። ብሕማቕ ምስ ዝተሓዙ ኽኣ፣ ብቐሊሉ ክንቀፉ ይኽእሉ። ቡምባ ወይ ቱቦ ማይ ከልሑኽ ወይ ከንጥብ ምስ እትዕዘቡ፣ ንኣካራዩ ክትሕብሩ ኣለኩም። ኩሉ ኣባይቲ፣ ጠሊ ዝሓዘ ንፋስ ንደገ ንምስታኹ ዝዓለመ መተንፈሲ ኣሎዎ። ስለ ዝኾነ ኽኣ፣ እቲ ናይ መተንፈሲ ቀዳዳት፣ ኩሉ ግዜ ክፉት ክኸውን ኣለዎ።

ናይ ሓባር ቦታታት

ኩላቶም ኣብ ገዛ ኽራይ ዝቕመጡ ተኻረይቲ፣ ኣብ'ቶም ብሓባር ዝጥቀሙሎም ቦታታት ናይቲ ህንጻ፣ ናይ ሓባር ሓላፍነት ይወስዱ። ንኣብነት ኣብ መደያይቦ መሳልል፣ ቤት ሕጽቦ: ከምኡ'ውን ናይቲ ገዛ ከባቢ ዘበለ ማለት'ዩ። ክራይ ገዛ ክትከፍል ከለኻ፣ ዝበዝሕ እዋን ናይ ጽሬት'ውን ትኸፍል ኢኻ። ንኣብነት ጽሬት ናይ መደያይቦ ኣስካላን ኣብ ታሕቲ ወይ ኣንደር ዝርከብ መኻዚናን ማለት'ዩ። ባዕልኻ ከተጽሪ ድማ ሓላፍነት ኣሎካ። ኣብ መደያይቦ መሳልል ኣቕሓ ከተቐምጥ ኣይፍቀደካን እዩ። ምኽንያቱ ኣብቲ ህንጻ ባርዕ ሓዊ እንተ ኣትዩ ወይ ካልእ ነገር እንተ ኣጋጢሙ ንተቐማጦ መህደሚ ዝኸውን ቦታ ክህሉ ስለዘለዎ። ንቤት ሕጽቦ ሪጋ ንምሓዝ፣ ምምዝጋብን ሕጽቦ ወዲእካ ምጽራይን ዝምልከቱ መምርሒታት ግድን ክትክተሎም ኣለካ።

ውሕስነት ወይ ኢንሹራንስ ናይ ገዛ

ውሕስነት ገዛ፣ ማለት ኢንሹራንስ ክህልወኩም ኣገዳሲ እዩ። ከመይ'ሲ፣ መሰረታዊ ቅሳነት ስለ ዝህበካ። ውሕስነት ገዛ ዝሸጣ ብዙሓት ትካላት ኣለዋ። ውዕል ውሕስነት ገዛ ክትዕድጉ ወይ ክትፍርሙ ምስ ትደልዩ፣ ምስ ምርጫኹም ዝሳነ ዝበለጸ ኣማራጺ ኣወዳዲርኩም ዓድጉ። ንብረትኩም ምስ ዝስረቐ ወይ ምስዝዓኑ፣ ብሰንኪ ባርዕ ወይ ዕልቕልቕ ንብረታዊ ሃስያ ምስ ዘጋጥመኩም፣ ግን ከኣ ውሕስነት ገዛ ምስ ዝህልወኩም፣ ገንዘባዊ ሓገዝ ይውሃበኩም። ትካል ውሕስነት ገዛ፣ ንኹሉ'ቲ ኣብ ገዛኹም ዘሎ ንብረት የውሕስልኩም። ንኹላቶም እቶም ኣብ ደብዳበ ናይቲ ውዕል ውሕስነት ዝተመዝገቡን ኣብቲ ገዛ ዝቕመጡን ሰባት ውሕስነት ይህብ። እትንብሩሉ ገዛ፣ ናይ ባዕልኹም ምስ ዝኾነ፣ ንውሕስነት ገዛ ብዝምልከት፣ ምስ ትካላት ውሕስነት ኮንዶሚንዩም ወይ ውሕስነት ቪላ ተዘራረቡ።

ውሕስነት ገዛ፣ ዝተፈላለዩ ክፋላት ኣለዉዎ።

- ውሕስነት ዊኒን (Egendomsskydd) – እዚ ዓይነት ውሕስነት'ዚ፣ ንዝተሰብሩ ወይ ንዝተሰርቁ ንብረታት ንምትካእ ገንዘባዊ ካሕሳ ይህበኩም።
- ውሕስነት ሕጊ ወይ ጽላል (Rättsskydd) – እዚ ዓይነት ውሕስነት'ዚ፣ ምስ ሰብ እንተ ተባኢስኩም፣ ንናይ ሕጋዊ ጠበቓ ወጻኢታትኩም ዝሸፍን ገንዘባዊ ሓገዝ ክትረኽቡ የኽእለኩም።
- ውሕስነት መጥቃዕቲ (Överfallsskydd) – እዚ ዓይነት ውሕስነት'ዚ፣ ንኣብነት ግዳያት መጥቃዕቲ ወይ ዓመጽ ምስ እትኾኑ እሞ መጕዳእቲ ምስ ዘጋጥመኩም፣ ቀጹጠባዊ ሓገዝ ክውህበኩም ዘኽእል ዓይነት ውዕል እዩ።

- ውሕስነት ሓላፍነት (Ansvarsförsäkring) – እዚ ዓይነት ውሕስነት ’ዚ፡ ንኻልኦ ሰብ ካሕሳ ክትከፍሉ ምስ እትግደዱ፡ ገንዘባዊ ደገፍ ክግበረልኩም ዘኽእል ውዕል እዩ።
- ውሕስነት መገሻ (Reseskydd) - ኣብ ውሽጢ 45 መዓልታት ናብ ካልኣ ሃገር ኣብ እትገሹሉ ግዜ ውሕስነት መገሻ ኣሎኩም።

ውሕስነት ዝህበካ ካልኣ ዓይነት ኣገባባት ውሕስነት ’ውን ኣሎ።

- ንኹሉ ስግኣታት ዝጥቕልል ውሕስነት (Allriskförsäkring) – እዚ ዓይነት ውሕስነት ’ዚ፡ ንንብረትካ ልዕል ዝበለ ሓለዋ ይህብ። ማለት ኣብ ድንገትን ዘይተጸበኻዮ ነገራትን፡ ንኣብነት ሞባይልካ ኣብ ቀላይ ምስ እትኣቱ ዘውሕስ ዓይነት ውዕል እዩ።
- ናይ ሕማምን ድንገትን ውሕስነት (Sjuk- och olycksfallsförsäkring) – እዚ ዓይነት ውሕስነት ’ዚ፡ ሓደጋ ምስ ዘጋንፈካ ንሕክምና ዝግበር ወጻኢታት ዘውሕስ ዓይነት መድሕን እዩ። ምስ እትስንክል ድማ ብዙሕ ገንዘብ ዘውህበካ ውዕል መድሕን እዩ።

ኣከባቢ፡ ተፈጥሮን ተፈጥሮኣዊ ዓቃብነትን

ተፈጥሮኣዊ ዓቃብነት ክብሃል እንከሎ፡ እቲ ሕብረተሰብን ትካላቱን ምስ ተፈጥሮ ተሳኒዮም ነቲ ኣከባቢ ብዘይሃሲ መገዲ ክነብሩ ከለዉ ማለት እዩ።

ባይቶ ሽወደን፡ ኩሉ ሽወደናዊ ዝሰርሓሎም፡ ንተፈጥሮኣዊ ዓቃብነት ዝምልከቱ ዕላማታት ሓንጺጹ ኣሎ። እዚ ማለት ከኣ፡ ንኣብነት ካብ ፋብሪካታትን ተሽከርከርትን ዝወጹ ጋዝት፡ ንደቂ ሰባት ከምዘይጎድኡ ምግባርን ህይወታዊ ብዙሕነት (biologiska mångfalden) ምዕቃብን ማለት ’ዩ። ናይ ክሊማ ስግኣት መታን ከይፍጠር፡ ኣጠቓቕማ ጸዓትን ባህርያውያን ጸጋታትን፡ ክድረትን ውጽኢታዊ ክኸውንን ኣለዎ።

ኮምዩናት ከኣ፡ ንኽባቢኦም ዝምልከት ስራሓት፡ ማለት ንኣተሓሕዛ ኣከባቢ ዝምልከት ሓላፍነት ይስከማ። ንኣብነት ሓደ ኮምዩን፡ ንጓሓፍ፡ በየናይ መገዲ ከም ዝኣልዮ ወይ ከመይ ገይሩ ብዘዕግብ ኣገባብ ንሓይሊ ጸዓት ከም ዝጥቀመሉ ዝምልከት ክኸውን ይኽእል። ኩሉ ነባሪ ሽወደን፡ ምስ ተፈጥሮ ተሳኒዩ ንኽነብር ግዴታ ኣሎዎ።

ኣተሓሕዛ ጎሓፍ

ኣብ ሽወደን፡ ዓመታዊ፡ ብዙሕ ጎሓፍ ይእከብ። ካብ ኣባይቲ ዓመታዊ፡ 4.2 ሚልዮን ቶን ዝኸውን ጎሓፍ ይወጽእ። እዚ ማለት ከኣ፡ 430 ኪሎ ግራም ጎሓፍ ካብ ሓደ ሰብ ማለት ’ዩ። ነዚ ኹሉ ጎሓፍ ንምእላይ፡ ብዙሕ ወጻኢታት ይወጽእ። ስለዚ፡ ጎሓፍ፡ ብዝተኻእለ መጠን ብጽቡቕ ኣገባብ ምእላይ ኣገዳሲ እዩ።

ዝበዝሕ ካብቲ ንጕሕፎ፡ ከምብሓድሽ ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና። ከምዚ ብምግባር ከኣ ነቲ ናይ ተፈጥሮ ሃብቲ ንዕቅቦ። ኣብ ሃገረ ሽወደን፡ ኩሉ ሰብ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ነቲ ጎሓፍ ወጋጊኑ ክድርብየ ከም ዘለዎ ዝሕብር ሕጊ ኣሎ። ነቲ ጎሓፍ ወይ ነቲ ኣብ ጎሓፍ ዝርከብ ጸዓት ከም ብሓድሽ ናይ ምጥቃም ብልሓት ' ውን ኣሎ።

ዳርጋ ኩሉ ዝካረ ኣባይቲ እንዳ ጎሓፍ ኣሎዎ።

ከምዚ ክብሃል ከሎ፣ ተረፍ መረፍ - መግቢ፣ ታኒካታት፣ ወይ ሓጺነ - መጺን መሰልቲ፣ ጠራሙዝ፣ ፕላስቲክን ወረቐትን ኣብ ነንበይኑ መቐመጢ ትእክቦ ማለት እዩ።

ብዙሓት ዋናታት ገዛ፣ ንተኻረይቶም፣ ንመእከቢ ተረፍ - መረፍ መግቢ ዝኸውን ፕላስቲክ ይዕድሉዎም ' ዮም። ተረፍ - መረፍ መግቢ ድማ፣ ብሓደ ተኣኪቡን ተደኪዑን ሓመድ ይኸውን።

ጎሓፍ ክትድርብየሉም እትኽእል ካልኦት ቦታታት ' ውን ኣለዉ።

- መደበር ዳግመ - መዓላ (Återvinningstaion)
  ኣብዚ፣ ዝተጠቕለሉ ጎሓፋት ፡ ጋዜጣታትን ባተርያታትን ክትገድፍ ትኽእል።
- መደበር ኣከባቢ (Miljöstation) - መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መዕደሊ ነዳዲ ይርከብ
  ኣብዚ ቦታ ' ዚ፣ ንኣከባቢ ሓደገኛ ዝኾኑ ጎሓፋት ምግዳፍ ይክኣል።
- ማእከል ዳግመ - መዓላ (Återvinningscentral)
  ኣብዚ ቦታ ' ዚ፣ ግዝፍ ዝበሉ ጎሓፋት ከምኡ ' ውን ሓደገኛ ዝኾኑ ኬሚካላትን ጎሓፋት ኤለክትሮኒክስን ምግዳፍ ይክኣል።

ምፍልላይ ተረፍ-መረፍ መግቢ

ተረፍ - መረፍ መግቢ ተኣኪቡ ንድኾዒ ይኸውን። ተረፍ - መረፍ መግቢ ክትውግኖ እንከለኻ፣ እቲ ክነድድ ዝግብኡ ጎሓፍ ይጎድል ኣሎ ማለት ' ዩ።

ስእሊ፡ ምምሕዳር ዑደትን ማይን ከተማ ዮተቦርይ

ከም ተረፍ - መረፍ ኮይኖም ንድኸኡ ዝበቕዑ ነገራት፣

ተረፍ - መረፍ ዓሳ ወይ ናይ ባሕሪ እንስሳታት፣ ስጋ፣ እንቋቑሑ፣ ኣሕምልትን ፍረታትን፣ ባኒ፣ ቀጠፍ ሻሂ፣ ዳካ ቡን፣ ናይ ቡን ፊልተር፣ ናይ ክሽነ ወረቐት፣ ዕምባባታት፣ ኣትክልትን ሓመድን እዮም።

ምፍልላይ መዐሸጊታት: ጋዜጣታትን ባተርያታትን፣

ኣብ ከሉላተን ኮምዩናት፣ ከም መዐሸጊታት : ጋዜጣታትን ባተርያታትን ክትድርብየሎም እትኽእል ቦታታት ዳግመ - መዓለ ኣለዉ። ዝተዓሸጉ ጎሓፋት፣ ኣብ ቦታታት ዳግመ - መዓለ ክግደፉ ከለዉ ንቐጻትን ጽሩያትን ክኾኑ ኣለዎም።

ኣብ ቦታታት ዳግመ - መዓለ፣ ነዘም ዝስዕቡ ዘገልግሉ መዕቆሪታት ኣለዉ፣

- ጋዜጣታት
- መዐሸጊታት ወረቐት
- መዐሸጊታት ፕላስቲክ
- መዐሸጊታት ሓጺነ - መጺን
- መዐሸጊታት ሕብራውያን ጠራሙዝ
- መዐሸጊታት ዘይሕብራውያን ጠራሙዝ
- ባተርያታት

ስእሊ፣ ምምሕዳር ዑደትን ማይን ከተማ ዮተቦርደ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ጋዜጣታት

ጋዜጣ ኣብ ዳግመ - መዓለ ከነውዕል ከለና : ነቶም ዝኣረጉ ኣመጻሪኻ ሓደስቲ ጋዜጣታት ኣብ ምድላው ብዝካየድ መስርሕ ብዙሕ ጸዓት ወይ ሓይሊ ከነድሕን ንኽእል።

መዐሸጊታት መረቐት

ብወረቐት ዝተሰርሑ መዐሸጊታት ንኣብነት ካርቶናት፣ ከም ብሓድሽ ተማጸርዮም ሓድሽ መዐሸጊ ኣብ ምስራሕ ይጠቕሙ።

ብፕላስቲክ ዝተሰርሑ መዐሸጊታት

ልስሉሳትን ተረርትን ዓይነታት ፕላስቲክ፣ ኣብ ዳግመ - መዓለ ክውዕሉ ይኽእሉ ' ዮም። ኣብቲ ንፕላስቲክ ተባሂሉ ዝተቐረበ መዕቆሪ፣ መዐሸጊታት ፕላስቲክን ስታይሮፎምን (frigolit) ምድርባይ ይክኣል ' ዩ። ብፕላስቲክ ዝተሰርሑ ግን ከኣ ከም መዐሸጊ ዘየገልግሉ ነገራት፣ ንኣብነት ከም ኣስባስላ መሕጸብ ኣቕሑ፣ መጻወቲ ቆልዑ ዝኣመሰሉ፣ ከም ማንም ጎሓፍ ስለ ዝጽብጸቡ ኣብዚ ኣይድርበዩን እዮም።

ብሓጺን ዝተሰርሑ መዐሸጊታት

ሓጺን፣ ብተደጋጋሚ ኣብ ዳግመ - መዓለ ብምውዓል ብዙሕ ጸዓት ምቕላጣብ ይክኣል።

ኣብቲ ንሓጺን ተባሂሉ ዝተቐረበ መእከቢ፣ ከም ብሓጺን ዝተሰርሑ ነገራት፣ ዚንጎን ኣለሚንዩምን ምድርባይ ይክኣል።
ኣብዚ መዕቆሪ ' ዚ፣ ሕብሪ ወይ ኮላ ዘሎዎም መዐሸጊ ሓጻውን ዘይምግዳፍ። ምኽንያቱ ሕብርታትን ኮላታትን ከም ሓደገኛ ጎሓፋት ' ዮም ዝጽብጸቡ። እዚኣቶም፣ ኣብ መደበር ኣከባቢ (miljöstation) እዮም ክጎሓፉ ዘለዎም። ከም ፍሊት ዝንፍሑ ታኒካታት ' ውን ኣብ ' ዚ ኣይድርበዩን ' ዮም። ንሳቶም ' ውን ከም ሓደገኛ ጎሓፋት ' ዮም ዝጽብጸቡ።

መዐሸጊታት ጥርሙዝ

ጥርሙዝ፣ ብተደጋጋሚ ኣብ ዳግመ - መዓለ ምውዓል ይክኣል ' ዩ። ጥርሙዝ ኣብ ዳግመ - መዓለ እንድሕር ኣውዒልና፣ ጸዓትን ጥረታት ኣቕሑን ካብ ምብኻን ንድሕን። ዳርጋ 40% ዝኸውን ኣብ ዳግመ - መዓለ ዝውዕል ጥርሙዝ፣ ሓደስቲ ዓይነታት ጠራሙዝ ኣብ ምስራሕ የገልግል። ንኣብነት ናይ ፈሳሲ ጠራሙዝ። ጠራሙዝ ክትጉሕፍ እንከለኻ፣ ሕብሪ ዘለዎምን ዘይብሎምን ፈላልዮም።

ተረፍ-መረፍ ጎሓፍ

እቲ ክፍለ ዘይክእል ጎሓፍ፣ ኣብ እንዳ ጎሓፍ ኣብ ዘሎ ልሙድ መጕሓፊ ይድርበ። ኣብ ዓበይቲ መቃጸሊ ቦታታት ከኣ ይቃጸል። ተረፍ - መረፍ ጎሓፍ ክነድድ ከሎ፣ እቲ ዋዒ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል። ንኣብነት ገዛውቲ ኣብ ምውዓይ ክጠቕም ይኽእል። "ግዳማዊ ዋዒ" ተባሂሉ ድማ ይጽዋዕ።

ፍርያት ኤለክትሪክ

ኩሉ እንድርብዮ መሳርሕታት ኤለክትሪክ፡ ጎሓፍ ኤለክትሪክ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኩሉ ጎሓፍ ኤለክትሪክ፡ ኣብ ቦታታት ዳግመ - መዓላ ይግደፍ። ከም ጎሓፍ ኤለክትሪክ ዝጽብጸቡ፡ መብራህቲ ‘ ፍሎረሰንት ‘ ፡ ገመዳት ኤለክትሪክን ባተርያን ዝኣመሰሉ እዮም። ባተርያታት ተኣኪቦም ነንበይኖም ይፈላለዩ።

ገዘፍቲ ጎሓፋት

ከም ገዘፍቲ ጎሓፋት ዝጽብጸቡ፡ ንኣብነት፡ ዝኣረጉ ኣቑሑ ገዛ፡ ዝተሰብራ ሸግለታታት ክኾኑ ይኽእሉ። ኣብ ገዛ ኽራይ ትቕመጥ እንተ ኾይንካ፡ ገዘፍቲ ጎሓፋት ኣብ ምጉሓፍ ካብ ዋና ገዛ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እንተዘይኮይኑ፡ ናብ ዝምልከቶ ቦታ ዳግመ - መዓላ ውሰዶ።

ሓደገኛ ጎሓፍ

ሓደገኛ ጎሓፍ ዝብሃል፡ መርዛም ነገራት፡ ነታጉ፡ ተባራዕን ዝባላዕን ነገራት ክኸውን ይኽእል። ሓደገኛ ጎሓፍ፡ ብውሑድ ዓቕን ‘ ውን እንተኾነ ጉድኣት ከውርድ ይኽእል ‘ ዩ።

ሓደገኛ ጎሓፍ፡ ምስቲ ልሙድ ጎሓፍ ሓዊስካ ክይትድርቢ ኣስተብህል ኢኻ።

ሓደገኛ ጎሓፍ፡ ኣብ መደበር ኣከባቢ (miljöstation) ፡ ኣብ ቦታ ዳግመ - መዓላ፡ ወይ ክኣ ንሓደገኛ ጎሓፍ ተባሂለን ኣብ ዝተመደባ ፍሉያት መካይን ይግደፍ።

ኣብነት ሓደገኛ ጎሓፍ፡

ባተርያታት መካይን፡ ነዳዲ፡ ዘይቲ፡ ሕብሪ፡ ተረፍ - መረፍ ኮላ፡ ክሎሪን፡ መብራህቲ ፍሎረሰንት፡ መብራህቲ ኣምፑል፡ ኣሕቀቕቲ ፈሳሲታት፡ ላክናፍታ፡ መቕጠኒ ሕብሪ፡ ተርፐንቲን፡ ላምባን፡ ኣቸቲናን፡ ነዳዲ መንከስ - ሓዊ ፡ ዝምልኡ ባተርያታትን ስብሒ ዝኣልዩ መሕቀቕትን ‘ ዮም።

ስእሊ፡ ቡ ኮየፉድ

ዳርጋ ዝበዝሑ ሰብ ኣብ ገገዝኡ ሓደገኛ ጎሓፍ ኣሎዎ። ንኣብነት ኣቸቲና፡ መንከስ ሓዊ፡ ኣዝማልቶ ወይ መጠንቀቕቲ ባርዕ (brand-varnare)። ባተርያ ማኪና፡ ተረፍ ዘይቲ፡ ሕብሪ፡ ክሎሪን፡ ኮላን መብራህቲ ፍሎረሰንትን፡ ብተወሳኺ ከም ሓደገኛታት ጎሓፍ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ: ክሪስተር ኢህርሊን

ተረፍ-መረፍ መድሃኒት: ኣብ ኣብያተ መድሃኒት (Apotek)ይጉሓፁ። ኣብ ኣብያተ መድሃኒት ድማ: ክትድርብዮም ንዝደለኻዮም መድሃኒታትን መሳርሒታት መድሃኒትን: መጕሓፊ እትጥቀመሎም ንማታት ኣሎዉ።

ኣብ ፈቐዶኡ ምድርባይ

ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ጸገማት፣ ኣብ ደገ ጎሓፍ ምድርባይ እዩ። እዚ ድማ ንተፈጥሮ ሃሳዩ እዩ። ነዚ ጎሓፍ ' ዚ ንምጽራይ፣ ዓመታዊ ብሚልዮናት ዝቑጸር ገንዘባዊ ወጻኢታት ይሓትት።

ማይን ረሳሕ ፈሳስን

ኣብ ሽወደን፣ ብዙሕ ማይ ኣሎ። እቲ ብቡምባ ዝመጽእ ማይ፣ ጽርየቱ ኣተኣማማኒ ' ዩ። ዝበዝሕ እዋን፣ ካብ ' ቲ ብንማ ዝእክ እትሰትዮ ማይ ከይተረፈ ይበልጽ። ግን ከኣ፣ ዝሑል ማይ ቡምባ ጥራይ ' ዩ ጽሩይ። እቲ ውዑይ ማይ ብሰንኪ ' ቲ ዝመሓላለፈሉ ሻምብቆታት፣ ረሳሕ ክኸውን ይኽእል ' ዩ። ስለዚ ውዑይ ማይ ቡምባ፣ ክትሰትዮ ኮነ መግቢ ክትሰርሓሉ የብልካን። ማይ፣ ብሻምብቆታት ኣቢሉ ናብ መጻረዩ ቦታ ይኸይድ። ምስተጻረየ ድማ፣ እቲ ተረፍ ኣብ ባሕሪ ይኣቱ። ኩሉ ማይ ኣይጻረን ' ዩ። ኩሉ ማይ ካብ መርዛም ባእታ ንምጽራይ ብርቱዕ ' ዩ። ስለዚ ኣብ ማይ እንታይ ከም ነፍስ ከነስተብህልን ጥንቃቐ ከነዘውትርን ይግብኣና።

ኣብ መተሓላለፊ ረሳሕ ማይ እንታይ ይኣቱ?

ኣብ መተሓላለፊ ርስሓት፣ ማለት ሽቓቕ ክጉሓፍ ዝግበኡ ርስሓት፣ መሕሰሲ ንጥቀመሉ ወረቐት ሽቓቕን ካብ ኣካላትና ዝወጽእ ርስሓትን ' ዩ። ናይ ሽቓቕ ወረቐት፣ ብማይ ዝሓቅቕ ፍሉይ ወረቐት ' ዩ። ካልእ ወረቓቕቲ፣ ንኣብነት ወረቐት ክሽነ፣ መሕሰሲ ኢድ ትርኩስ ሶፍቲ፣ ኣብ ሽቓቕ ዘሎ መሕሰሲ ኢድ ሶፍቲ፣ ንሻምብቆታት መተሓላለፊ ረሳሕ ፈሳሲ ክዓብሶ ይኽእል ' ዩ። ማይ ኣብ ምጽራይ ድማ ጸገም ክፈጥር ይኽእል።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ዝሑል ማይ ቡምባ ጥራይ'ዩ ዝስተ።

ስእሊ፡ ሃና ኾዌስተት

ሻምብቆ ረሳሕ ማይ ካብ መርዛማት ከሚካላት ነጻ ምእንቲ ክኸውን፣ ንኸባቢ ዘይጎድኡ ፍርያት ክትገዝኡ ትኽእሉ ኢኹም። ንኣብነት ክዳን ወይ ኣቑሑ ንመሕጸቢ ዘገልግሉ ፈሰስቲ ብዝምልከት ክልተ ዓይነት ምልክታት 'ስቫነን' (Svanen) ወይ 'ብሮ ሚልዮቫል' (Bra miljöval) ዘሎዎም ኣለዉ። መሳርሒታት ሕክምና ወይ መድሃኒት፣ ብፍጹም ኣብ ሻምብቆ ረሳሕ ማይ ክድርበዩ ወይ'ውን ምስ ጎሓፍ ገዛ ክሕወሱ የብሎምን። ዘየድልዩኹም መድሃኒታት ኣብ ፋርማሲ ኬድኩም ክትጉሕፉዎም ኣለኩም። ኣብ ፋርማሲታት፣ ንመደርበዩ መድሃኒታት ተባሂሉ ዝተዳለወ ፍሉይ ፈሰታላት ኣለኩም።

ምዕረያ ኣከባቢ፡ ግሩም ናይ ኣከባቢ ምርጫ፡ ስቫነን/ዩርሆ ማይ፡

ጽዓት

ኩሉ እንጥቀመሉ ሓይሊ ጽዓትን ሓይሊ ኤለክትሪክን ንኣከባቢና ይጸልዎ'ዩ። ኣብ መጎዓዝያ፣ ኣብ ምማቕሉ ህንጻታትን ኣብ ኢንዱስትሪታትን ብዙሕ ጽዓት ይፈስስ። ዝበዝሐ እዋን፣ ጽዓት ካብ ነዳዲ፣ ካብ ጋዝን ከሰልን ይምንጩ። እዚ ድማ ንዕቃበ ኣከባቢ ጽቡቕ ኣይኮነን። ነዞም ኣብ ክሊማ ዝረኣዩ ዘለዉ ለውጥታት ንምንካይ፣ ውሕድ ዝበለ ጽዓት ክንጥቀም ይግባኣና። እቲ እንጥቀመሉ ጽዓት'ውን ምስ ኣከባቢ ዝሳነ ክኸውን ኣለዎ። ንኣብነት ከም ካብ ማይ፣ ንፋስን ጽሓይን ዝርከብ ጽዓት ምጥቃም ንኣከባቢ ግርም እዩ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ካብ መካይን ዝወጽእ ጋዝ ንምንካይ፡ ህዝባዊ መጓዓዝያ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ። ኣብ ክንዲ ብማኪና : ከም ትራም (spårvagn) : ባቡር ትሕቲ ምድሪ (tunnelbana) : ካልኦት ባቡራት ወይ ኣውቶቡስ ጌርካ ክትጕዓዝ ትኽእል ማለት'ዩ። ኣብ ክንዲ ብነፋሪት'ውን፡ ብባቡር ክትጕዓዝ ትኽእል ኢኻ። ካብ ዕዳጋታት እንታይ ከም ትገዝእ'ውን ምስትብሃል ጽቡቕ'ዩ። ኣብ ከባቢኻ ዝፈረዩን ዝተሰርሑን ነገራት ክትገዝእ ዝከኣለካ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ዝወሓደ ስጋ ምብላዕ። ከመይ'ሲ፡ ስጋ ንኽበስል ብዙሕ ጸዓት እዩ ዝወስድ። ኣብ ገዛኻ ጸዓት ምቕጣብ'ውን ጽቡቕ እዩ።

ኣብ ገዛኻ፡ ጽዓት ምቕጣብ

ኣቕሑ ገዛኻ ኣብ ጥቓ መውዓዩ ናይ ገዛ፡ ማለት ኤለመንት እንተ ዘየቕሚጥካ ጽዓት ትቕሑጥብ። ምኽንያቱ እቲ ሙቐት ብቐሊሉ ኣብቲ ገዛ ይዝርጋሕ ኣሎ ማለት'ዩ። ዝበዝሕ እዋን፡ መሳርሒታት ኤለክትሪክ ውሉዓት'ዮም። ንመሳርሒታት ኤለክትሪክ ኩሉ ሳዕ ምስ እተጥፍኦም ብዙሕ ጽዓት ትቕሑጥብ። ገለ ነገር ከተብስል እንከለኻ'ውን፡ ነቲ ድስቲ፡ መኽደኒ እንተ ጌርካሉ ብዙሕ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ክትቕሑጥብ ትኽእል።

ትሑት ጽዓት ዝወስድ መብራህቲ ተጠቐም። ካብ ገዛ ክትወጽእ ከለኻ ድማ መብራህቲ ኣጥፍኣዮ።

ሓይሊ ኤለክትሪክ ካበይ ይመጽእ?

ዝዓበየ ክፋል ሓይሊ ኤለክትሪክ ሽወደን፡ ካብ ሓይሊ-ማይን ኒዩክለራዊ ሓይልን ይመጽእ። ናይ ሃይድሮ ኤለክትሪክ ሓይሊ፡ ኣብ ውሽጢ መብዛሕትኡ ወሓይዝ ሽወደን፡ ብሓይሊ ኤለክትሪክ ዝምንጩ ሓይሊ እዩ። ኣብ ሽወደን፡ ሰለስተ ነቕጣታት መመንጨዊ ሓይሊ ኑክሌር ምስ ዓሰርተ ማሺናት ኒዩክለሳዊ መፈልፈሊ ሓይሊ ኤለትሪክ ትካላት ኣሎዉ። ኑክለሳዊ ሓይሊ፡ ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ጠለብ ኤለክትሪክ ሃገረ-ሽወደን ይሸፍን። ካብ ተፈጥሮኣዊ ነዳዲ፡ ነዳድን ጋዝን ዝመጽእ ሓይሊ ኤለክትሪክ ውሑድ እዩ። ተፈጥራዊ ነዳዲ ካብ ኣዕጻው ዝርከብ ነዳዲ እዩ። 10% ሓይሊ ጽዓት፡ ካብ ንፋስ ይርከብ። ጸዓት፡ ካብ ንፋስን ጸሓይን ምውሳድ ጽቡቕ እዩ። ከመይ'ሲ ኣይውዳእን ስለዝኾነ።

መንግስቲ ሽወደን፡ ንስርዓተ-ጸዓት ብዝምልከት፡ ፍሉይን ዘላቕን ዝኾነ 100% ኣብ ዳግመ-ምሕዳስ ዝምርኮስ ጸዓት ናይ ምጥቃም ሽቶ ኣቕሚጡ ይርከብ።

ምምራጽ ትካላት ኤለክትሪክ

ኤለክትሪክ ዝዝርግሓ ትካላት (Elhandelsföretag) ብምቕያር ብዙሕ ገንዘብ ክትቕሑጥቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ሌገንሀት ዝዓይነቱ ኣፓርታማ ትቕመጡ ምስ እትኾኑ፡ ካብ 400-1000 ክሮነር ዝኸውን መጠን ገንዘብ ክትቕሑጥቡ ትኽእሉ። ኣብ ቪላ መሳሊ ገዛ ትቕመጡ ምስ እትኾኑ ከኣ ብዓጸፋታ፡ ማለት ብኣሽሓት ዝኸውን ገንዘብ ክትቕሑጥቡ ትኽእሉ። ኤለክትሪክ ዝዝርግሓ ትካላት እምበር ኤለክትሪክ ዘመንጭዋ ትካላት (Elnätsföretag)፡ ክትቅይሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

ስእሊ: Colourbox

ኤልፕሪስኮለን (Elpriskollen) – ምውድዳር ዋጋታትን ውዕላትን

ኣብቲ "መርኣዩ ዋጋታት ጸዓት" (Elpriskollen) ዝብል መርበብ ሓበሬታ ኣቲኹም፣ ዋጋታትን ውዕላትን ናይ ኩላተን ኤለክትሪክ ዝዝርግሓ ትካላት ሽወደን ከተወዳድሩ ትኽእሉ ኢኹም።

ንዓኹም ትሰማማዓኩም ትካል ኣየንይቲ ምኺና ንምርካብ፣ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ **www.elpriskollen.se** ኣቲኹም ፈትሹ።

ንዘርጋሕቲ ጸዓት ብዝምልከት፣ ካብ ትካል ናብ ትካል ምቕያር ቀሊል እዩ። ነዚ ንምግባር ተሌፎን ደዊልኩም ' ውን ክትውድኡዎ ትኽእሉ ኢኹም። መጀመርታ ግን እንታይ ዓይነት ውዕል ከምዘለኩም ረኣዩዎ። ምኽንያቱ ኣብ ገለ ገለ እዋናት፣ ኣብ መንጎ ናይ ውዕል፣ ማለት ውዕልካ ከይተወደአ ዘርጋሕቲ - ጸዓት ምቕያር ክቡር ክኸውን ይኽእል ' ዩ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ዝተፈላለዩ ዓይነታት ውዕላት ኤለክትሪክ፡

ቀዋሚ ዋጋ ሓይሊ ኤለክትሪክ (Fast elpris):

ናይዚ ሓይሊ ኤለክትሪክ' ዚ ዋጋ፣ ንገለ እዋን፣ ውሱን ማለት ትሙን' ዩ። በቲ ሓደ ወገን፣ ከምዚ ዓይነት ውዕል ክህልወካ ጽቡቕ' ዩ። ምኽንያቱ ዋጋ ሓይሊ ኤለክትሪክ ንላዕሊ ክድይብ እንከሎ ውሑስ ኢኻ - ኣይከብረካን' ዩ። ማዕረ - ማዕሪኡ ግን፣ ዋጋ ሓይሊ ኤለክትሪክ ክጎድል ከሎ ኣይሓስረልካን' ዩ።

ተንቀሳቓሲ መይ ተቐያያሪ ዋጋ ሓይሊ ኤለክትሪክ (Rörligt elpris):

ናይዚ ሓይሊ ኤለክትሪክ' ዚ ዋጋ፣ ምስ ኩነታት ዕዳጋ ይቀያየር' ዩ። ዋጋ ሓይሊ ኤለክትሪክ ክጎድል ከሎ ይሓስረልካ። ክውስኽ ከሎ ድማ ይኽብር። ኣብዚ ውዕል' ዚ፣ ዋጋ ሓይሊ ኤለክትሪክ ክውስኽን ክጎድልን ይኽእል' ዩ።

እዋናዊ ዋጋ (Tillsvidarepris):

እዚ፣ ባዕልኻ ዝሕሸካ እንተዘይመሪጽካ ብቐጥታ ዝውሃበካ ዋጋ' ዩ። እዚ ዋጋ' ዚ፣ ተንቀሳቓሲ' ዩ። ኣብ ዓመት ከኣ፣ ዳርጋ 3 ሻዕ ይቀያየር። እዋናዊ ዋጋ፣ ዝበዝሕ ግዜ፣ ካብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ዋጋ ይኽብር።

ምስ ኣከባቢ ዝሳነ ኤለክትሪክ (Miljömärkt el) መይ ሓምላይ ኤለክትሪክ (grön el):

ምስ ኣከባቢ ዝሳነ ኤለክትሪክ ክብሃል እንከሎ: እቲ እትጥቀመሉ ሓይሊ ኤለክትሪክ፣ ካብ ምስ ኣከባቢ ዝሳነዩ ምንጭታት፣ ከም ሓይሊ - ንፋስን ሓይሊ - ማይን ዝፈረየ ማለት' ዩ።

ኮምዩንካ በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ይሰርሕ

ኩሉ ኣብ ሽወደን ዝነብር ሰብ፣ ኣብ ኮምዩን፣ ማለት ምምሕዳር ከባቢ ይቕመጥ። ኣብዛ ሃገር 290 ኮምዩናት ኣለዋ። ኣብ ሽወደን ዘለዋ ኮምዩናት፣ ዜጋታት ክንደይ ዝኣክል ግብሪ ከም ዝኽፍሉን እቲ ገንዘብ ኣበየናይ መዓላ ከም ዝውዕልን ባዕላቱን ይውስና። እዚ ድማ ኮምዩናዊ ርእሰ ምሕደራ ይብሃል።

ኮምዩናዊ ርእሰ - ምምሕዳር፣ ንገለ ውሱን ነገራት ኣመልኪቶም ናይ ምውሳን ስልጣን ዘሎዎም እኩባት ፖለቲከኛታት ዘለውዎ እዩ። ንኣብነት ብጉዳይ ትምህርቲ፣ ክንክን ህጻናት፣ ክንክን ዓበይቲ፣ ማሕበራዊ ጉዳይ፣ ትራፊክ፣ ኣከባቢ፣ ንጥፈታት ዕረፍትን ባህልን ዝርከቡዎም ንጥፈታት የማልእ።

ፖለቲከኛታት ኮምዩናዊ ርእሰ - ምምሕዳር፣ ኣብ ነጻ ግዚኦም ዝነጥፉ ኣባላት' ዮም። እዚ ማለት ከኣ፣ ንድኒ ንድኒ ናይ ካልእ ስርሒም ወይ ትምህርቶም' ዮም ኣባላት ፖለቲካ ርእሰ - ምምሕዳር ኮይኖም ዝዋስኡ። ነፍሲ ወከፍ ኣባል ርእሰ - ምምሕዳር፣ ካብቲ ካልእ ዝተፈልየ መጠን ገንዘብ ይውሃቦ። ክንደይ ክወሃቦም ከምዘለዎ፣ ኣብ ባጀት ናይቲ ኮምዩን እዩ ዝምርኮስ። ነፍሲ ወከፍ ካብኣቶም ከኣ፣ ምምሕዳራዊ ጨንፈር ኣሎዎ። ኣብዚ

ኩላቶም ህጻናት ሽወደን፡ 6 ዓመት ምስ መልኡ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ቅድመ ትምህርቲ ክኸዱ መሰሎም እዩ።

ስእሊ: Colourbox

ጨንፈር ' ዚ፣ ኣባል ርእሰ - ምምሕዳር ዝወሰዶም ውሳነታት፣ ኣብ ምውጣንን ምትግባርን ተጸሚዶም ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ኣለዉዎ።

ዝበዝሐ ግዜ፣ ንመዓልታዊ ህይወትካ ዝምልከት ሓላፍነት ዝስከም፣ እቲ ኮምዩን እዩ። ብዛዕባ እተን ኮምዩናት ሓላፍነት ዝወስዳሎም ከባቢታት፣ ኣብዚ ታሕቲ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

ክንክን ቆልዑ

ክንክን ቆልዑ፣ ነቲ ናብ ቆልዑ ዝዓለመ ትምህርታዊ ንጥፈታት ዝሸፍን ስም እዩ። ክንክን ቄልዑ፣ ቆልዑ ዝእለዩሉ፣ ንኣብነት ከም ቤት ትምህርቲ ህጻናትን ማእከል ትርፊ ግዜን (fritidshem) ዝኣመሰለ የጠቓልል።

ትምሃር፣ ትሰርሕ ወይ ስራሕ እተናዲ እንተ ኾንካ : ንውላድካ፣ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ መውዓሊ ህጻናት ክትገድፎ መሰል ኣሎካ። መውዓሊ ህጻናት፣ ካብ 1 - 5 ንዝዕድሚኦም ህጻናት ' ዩ ዝምልከት።

መባእታ ቤት ትምህርቲ

ኣብ ኩላተን ኮምዩናት፣ ካብ 6 - 16 ዓመት ዝዕድመኦም ቆልዑ ዝማሃሩሉን ናይ መባእታ ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋ። ናጻን ብሕታውያንን ኣብያተ ትምህርቲ ' ውን ከህሉዋ ይኽእላ ' የን። ኣብ ብሕታዊ ቤት ትምህርቲ ትምሃር እንተ ኾንካ፣ ክፍሊት ትኽፍል። ወጻኢታት ናይ ' ተን ኣብያተ ትምህርቲ ኮምዩናትን ናይ ' ተን ናጻ ኣብያተ ትምህርትን ግን ብገንዘብ ናይ ኣታዊ ግብሪ እዩ ዝሸፈን። ሓደ ቐልዓ፣ ኣብታ 6 ዓመት ዝመልኣላ ዕድሚኡ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ህጻናት፣ ቦታ ክረክብ ይኽእል። ውላድካ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ህጻናት ክምሃር እንተ ደሊኻ፣ ባዕልኻ ኢኻ ትመርጽ። እቶም ዝበዝሑ ኣብ ሽወደን ዘለዉ ቆልዑ፣ ትምህርቲ ህጻናት ይምሃሩ። ቆልዑ፣ 7 ዓመት ዕድመ እንተ መሊኦም፣ ግድን ክማሃሩ ኣለዎም። እዚ ድማ ' ትምህርቲ ብግዲ ' ተባሂሉ ይጽዋዕ። መባእታ ቤት ትምህርቲ : ኣብ ክልቲኡ፣ ማለት ኣብ ኮምዩናውያን ኣብያተ ትምህርትን ናጻ ኣብያተ ትምህትን፣ ካብ ክፍሊት ናጻ እዩ። ኣብቲ እትቕመጦ ኮምዩን፣ ኣየኖት ኣብያተ ትምህርቲ ከም ዘለዋ ንምፍላጥ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይቲ ኮምዩን ምርኣይ ይክኣል ' ዩ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ፡ ሱሳን ክረንሆልም፡ ዮነር

ክንክን ኣረጋውያን

ዕድመ ዝደፍኡ ሰብ፡ ኣብ ማዓልታዊ ህይወቱ ሓገዝ የድልዮ። ብመሰረት ሕጊ ሽወደን፡ ዝኣረገ ሰብ፡ ካብቲ ሕብረተሰብ፡ ሓገዝን ደገፍን ክግበረሉ መሰል ኣሎዎ።

መብዛሕትኦም ኣረጋውያን፡ ኣብ ገዝኦም ክቕመጡ እዮም ዝደልዩ። ኣብ ገገዝኦም ምእንቲ ክነብሩ ድማ፡ እቲ ኮምዩኖም ክንክናዊ ደገፍት ይገብረሎም። እዚ ኽኣ "ኣገልግሎት ክንክን ኣብ ገዛ" ወይ ከኣ (Hemtjänst) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ክንክን ናይ ገዛ ክግበረሉ ዝደለየ ሰብ፡ ኣብ ምምሕዳር ናይቲ ዝነብረሉ ኮምዩን ብምኽኒድ የመልክት። እዚ ኣገልግሎት እዚ ንኽወሃቦ ዝሓተተ ሰብ፡ ዝኽፍሎ ክፍሊት ኣሎ። እዚ ክፍሊት' ዚ ኽኣ፡ ካብ ኮምዩን ናብ ኮምዩን ክፈላለ ይኽእል። ኣብ ገዛ ምንባር ንምትብባዕ' ውን ካልኣ ዝግበር ንዋታዊ ደገፍት ኣሎ። ንኣብነት ዊልቼር፡ ሰፊሕ መሕጸቢ ነብሲ ጋብላ ወይ' ውን ኣትሕት ኣቢልካ ዝመቻቻእ መሳለጥያታት።

ብውልቂ ክትነብር ዘይትኽእል እንተ ኾንካ፡ መንበሪ ገዛ ንኣረጋውያን (äldreboenden) ኣሎ። እዚ መንበሪ ገዛ ኣረጋውያን' ዚ፡ ክንክንን ኣገልግሎትን ዝረኽቡሉ ገዛ' ዩ። ኣብቲን ኮምዩናት፡ ዝተፈላለየ ናይ ኣረጋውያን ናይ ብሕቶም መንበሪ ኣባይቲ ኣለዉ። ኣብኡ፡ ናይ ክንክን፡ መግብን ጽርየትን ኣገልግሎት ዝህቡ ሰራሕተኛታት ኣለዉ።

ማሕበራዊ ኣገልግሎት/ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት

ልክዕ ከም ኣብ ካልኦት ሃገራት ዓለም፡ ኣብ ሽወደን ዘለዉ ወለዲ' ውን፡ ደቆምን መንእሰያቶምን ናይ ምክንኻን ሓላፍነት ይስከሙ። ናይ ኣተሓሕዛን ክንክንን ሕጽረታት ምስ ዝርአ ግን፡ ኣካል ምምሕዳር ከተማ ዝኾነ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ዝለዓለ ሓላፍነት ይስከም። ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ኣብ ጸገም ንዝርከቡ ቆልዑን ስድራቤታትን፡

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ብዝተፈላለየ መልክዓት ደገፉ ይህብ። ንኣብነት፣ እኹል ገንዘብ ንዘይብሎም ስድራ ቤታት ዝምልከት ክኸውን ይኽእል። ዝቕመጡሉ ገዛ ንዘይብሎም ሰባት፣ ናይ ወልፊ ጸገም ንዘሎዎም፣ ንሓደጋ ወይ ንዓመጽ ንዝተቓልዑ ዝምልከት ' ውን ክኸውን ይኽእል። እቲ ካብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝዋሃብ ደገፍ፣ ምኽሪ ክኸውን ይኽእል፣ ስልጠና ንወለዲ፣ ተወካሲ ሰብ ንመንእሰያት ወይ ንስድራቤት ክኸውን ይኽእል። ብቑጥታ ዝውክስ፣ ወይ ' ውን ምስ ምሉእ ስድራቤት ተማሓዝዩ ጸገማት ዘለሊ ትምህርቲ ' ውን ክኸውን ይኽእል። "ተወካሲ ሰብ" ክብሃል እንከሎ፣ ከም ተወሳኺ ዓርከ - ማሓዛ ወይ ዘመድ ኮይኑ ዘዛርብ፣ ዘማኽር፣ ዘዘናግው ነገራት ኣብ ምፍጣር ዝተሓጋገዘን ዘገልግልን ሰብ ማለት ' ዩ። ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፣ ዝኾነ ህጻን፣ ኣብ ገዛ፣ ሕማቕ ኣታሕዛ ይግበረሉ ምህላዉ ሓበሬታ ምስ ዝመጸ፣ ብመሰረት ሕጊ ዝብሎ፣ ቀልጢፉ፣ ንኹነታት ናይቲ ህጻን ኣብቲ ገዛ፣ ብደቂቕ ንክፈልጦ ገምጋማዊ ስርሓት ክጅምር ኣለዎ።

ሓደ ቐልዓ፣ ብሕማቕ ከም ዝተታሕዘ ሓቅነቱ እንተተረጋጊጹ፣ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፣ ነቲ ቐልዓ፣ ካብ ስድርኡ ናይ ምፍላይን ናይ ምውሳድን ስጉምቲ ይወስድ።

ኣብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክትረኽቦም እትኽእል ኣገልግሎታት፣

- ምኽርን ሓገዝን፣ ንመንእሰያትን ንስድራቤታት ቐልውን።
- ሕማቕ ኣታሕዛ ወይ ምግፋዕ ዘጋጥመካ እንተኾይኑ፣ ምኽርን ሓገዝን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።
- ምኽርን ሓገዝን ብዛዕባ ስራሕን ትምህርትን።
- ቑጠባዊ ደገፍ

ቑጠባዊ ደገፍ

ቑጠባዊ ደገፍ፣ ኣብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ናይ እትነብሩሉ ከተማ ኬድኩም እትሓቱዎ ሓገዝ ' ዩ። ነዚ ደገፍ ' ዚ እትሓቱ፣ ነብስኹም ናይ ምኽኣል ጸገም ምስ ዝህልወኩም እዩ። እዚ ኸኣ፣ "" ሓገዝ መናበሪ" " ተባሂሉ ይጽዋዕ። ንኻልእ ጎድንኣዊ ወጻኢታት ንምሸፋን ዘኽእለኩም ገንዘባዊ ደገፍ ' ውን ክውሃበኩም ይኽእል እዩ። ገለ ካብዚ ወጻኢታት ንኣብነት፣ ወጻኢታት ክንክን ህጻናት፣ ሕክምና፣ መድሃኒታትን ክንክን ስንን ክጥቀስ ይክኣል።

መጠን መናበሪ - ሓገዝ፣ ሃገራዊ ቅጥዒ እዩ ዝኽተል። እዚ ማለት ከኣ ኣበየናይ ቦታ ትነብሩ ብዘየገድስ ሕደ እዩ። ንኣብነት ንወጻኢታት መነባብሮ፣ ከም ተወሳኺ ንወጻኢታት ኤለክትሪክን ውሕስነት ገዛን ተባሂሉ ዝውሃብ መጠን ገንዘብ፣ ሕደ እዩ። መናበሪ ሓገዝ፣ ብኣታዊታት ዝጽሎ ኮይኑ፣ ኣታዊታት ተራእዩ ክጎድል ይኽእል ' ዩ።

ቑጠባዊ - ደገፍ፣ ናይ መወዳእታ ናይ ደገፍ መገዲ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፣ እቲ ሰብ፣ ነብሱ ዝኽእለሉ መገዲታት ዕጹው ምስ ዝኸውን ጥራይ ዝውሃብ ደገፍ እዩ። እቲ መናበሪ - ደገፍ ዝሓትት ዘሎ ሰብ፣ ክሰርሕ ዘኽእል ዓቕሚ ወይ ብቕዓት ምስ ዝህሉዎ፣ ክሰርሕ ወይ ከኣ ስራሕ ክናዲ ኣለዎ። ኣብቲ ብቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝዳሎ፣ ሰባት ብቑሊሉ ስራሕ ንኽረኽቡ ዝሕግዝ ንጥፈታት ምስታፍ ' ውን ከም ቅድመ - ኹነት ይስራዕ እዩ። ኣብ ንጥፈታት ዘይሳተፍ ሰብ፣

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ሓገዝ ክንፈጎ ይኽእል እዩ። ኣብ ባንኪ ገንዘብ ዘሎዎ፣ ወይ ዝጠቅም ንብረት፣ ንኣብነት ማኪና ዝውንን ሰብ'ውን መብዛሕትኡ ግዜ ሓገዝ ኣይወሃቦን እዩ።

ነዚ ብዝምልከት፣ ኣብ'ቲ ኣብ ሳልሳይ ምዕራፍ ዝርከብ፣ ንማሕበራዊ ውሕስነታት ዝምልከት ክፋል፣ ብዝርዝር ክተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ትርፊ-ግዜን ባህልን

ኮምዩናት ሽወደን፣ ኣብ መዳያት ትርፊ ግዜን ባህልን፣ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ኣዋዲደን ይርከባ። እዘን ኮምዩናት፣ ማለት ከባብያዊ ምምሕዳራት'ዚኣተን፣ መጻሕፍቲ ብናጻ እትልቅሑለን ኣብያተ ንባብ ኣሎወን። ብትሑት ክፍሊት፣ ቆልዑን መንእሰያትን፣ ዝተፈላለዩ መሳርሒታት ሙዚቃ: ቅብኣን ትያትርን ክመሃሩለን ዝኽእሉ ኣብያተ ትምህርቲ ባህሊ'ውን ክህልወኣን ይኽእላ'የን። እዘን ኮምዩናት'ዚኣተን፣ ንማሕበራት'ውን ሓገዝ ክበርክታ ይኽእላ'የን።

ቤተ መጻሕፍቲ

ኩላተን ኮምዩናት ሽወደን፣ ተቐማጦኣን ዝጥቀሙለን ኣብያተ መጻሕፍቲ ኣለወኣን። ዝበዝሐ እዋን፣ እተን ዕብይ ዕብይ ዝበላ ኣብያተ መጻሕፍቲ 'ስታድስቢብሊዮቴክ' ዝብል ስም ይውሃበን። ኣብ ማእከል ከተማ ድማ ይርከባ።

ኣብ ዓበይቲ ኮምዩናት፣ ኣብ ከከባቢኡ፣ ንእስ ንእስ ኢለን ፋሕ ዝበላ ኣብያተ ንባብ'ውን ክህሉዋ ይኽእላ እየን። ኣብዘን ኣብያተ ንባብ'ዚኣተን፣ መጻሕፍቲ ክትልቅሑ፣ ጋዜጣታት ክትነቡ፣ ሙዚቃ ክትሰምዑን ኮምፕዩተራት ክትጥቀሙን ትኽእሉ ኢኹም። ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝተደርሱ መጻሕፍትን ዝተጻሕፉ ጋዜጣታትን'ውን ይርከበን እዩ። ገለ ገለ ኣብያተ ንባብ፣ ልምምድ ቋንቋን ደገፍ ምስራሕ ዕዮ ገዛን ዝኣመሰለ ንጥፈታት ኣሎወን።

መጻሕፍቲ: ጋዜጣታትን ሲዲን ብናጻ ትልቃሕ። ንኽትልቃሕ ግን ካርዲ ቤተ መጻሕፍቲ (ላይብረሪ ካርድ) የድልየካ። ካርዲ ቤተ መጻሕፍቲ፣ ማለት ላይብረሪ ካርድ እንተደሊኻ ኸኣ፣ ናብ ዝኾነት ቤተ መጻሕፍቲ ኬድካ ናይ ቤተ መጻሕፍቲ ካርዲ ክተውጽእ ትኽእል ኢኻ።

ስእሊ: Colourbox

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ኮሚቴ ሃለኽቲ ኣቑሑ

ኣብ መብዛሕተን ዕብይ ዝበላ ኮምዩናት፣ ኮሚቴ ዕድጊ ኣቑሑ ኣሎ። ሓደ ኣቓሓ ድሕሪ ምዕዳግኩም ዕጉባት ምስ ዘይትኾኑ፣ ናብዚ ኮሚቴ ብምኻድ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ከም ዓደግቲ መጠን፣ እንታይ መሰልን ግዴታን ከም ዘለኩም ክትፈልጡ ጽቡቕ እዩ። ዝዓደግኩሞ ግን ከኣ ዘይዓገብኩሙሉ ወይ ብልሹው ንብረት ንምምላስ፣ እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩም፣ ካብ ኮሚቴ ዓደግቲ ኣቑሑ ጽጹይ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ **www.hallakonsument.se** ኣቲኹም ክተንብቡ ወይ' ውን ናብዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ስልኪ **0771-525 525** ደዊልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ርክብ ምስ ትካላት መንግስቲ፡

ምስ መንግስታዊያን ትካላት ሽወደን፣ ብብዙሕ መገድታት ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም። ቅልል ዝበለ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም፡ መርበብ ሓበሬታ ናይ' ተን ትካላት ክትጥቀሙ ጽቡቕ እዩ። እተን መንግስታውያን ትካላት፣ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት፣ ሓበሬታ ክህሉወን ልሙድን ርዱእን' ዩ። ማዕከን ማሕበራዊ

ተርጓሚ ክግበረልካ መሰል ኣሎካ፡

ስእሊ: Colourbox

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ውሕስነት፡ ማለት ፎርሽክሪንግስካሳን ንኣብነት ፡ ብ 22 ቋንቋታት ሓበሬታ ኣዳልዩ ይርከብ። ገለ ካብ ' ዘን ቋንቋታት ንኣብነት ዓረብኛ፡ ሶማልኛ፡ ፋርሰኛን ሱራኒን ምጥቃስ ይክኣል። ናብ ኣብያተ ጽሕፈታት ናይ ' ዘን ትካላት ' ዚኣተን ኬድኩም ' ውን ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

መሰል ተርጓሚ

ቋንቋ ሽወደንኛ ዘይርድኣካ እንተኾይኑ፡ ኣስተርጓሚ ክምደበልካ መሰል ኣሎካ። ኣብ ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ - ስራሕ ፡ (Arbetsförmedlingen) ኣብ ቤት ጽሕፈት ውሕስነት (Försäkringskassan) ፡ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎትን (socialtjänsten) ሕክምናን (sjukhus) ፡ ኣስተርጓሚ ክምደበልካ መሰል ኣሎካ። ቆጸራ ክትገብር ከለኻ፡ ኣስተርጓሚ ዘድልየካ እንተ ኾይኑ፡ ግድን ክተፍልጥ ኣሎካ።

ምሕደራ ቑጠባ

ባንክታት: ሕሳብ ባንክን ካርድ ሕሳብን

ዝበዝሕ ሰብ፡ ናይ ባንኪ ሕሳብን ካርዲ ናይ ባንክን ኣሎዎ። ብካርዲ ናይ ባንኪ ጌርካ፡ ካብ ' ኣውቶማት ' ፡ ማለት ኣብ ጎደናታት ዝርከባ ኮይነን፡ ካርዲ ተጠቂምካ ካብ ሕሳብካ ገንዘብ እተውጽኣለን ማሺናት፡ ገንዘብ ከተውጽእ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ዝኾነ ድኳናት መሸጣ ወይ ዕዳጋ ድማ፡ በዚ ካርዲ ናይ ባንኪ ጌርካ ዝደለኻዮ ነገር ክትሽምት ትኽእል ማለት ' ዩ። ናይ ባንኪ ሕሳብን ናይ ባንኪ ካርድን ከተውጽእ እንተደሊኻ፡ ምስ ባንኪ ክትዘራረብ ኣለካ።

ዝተፈላለየ ዓይነታት ካርዲ ኣሎ ፡ -

- ባንክ ካርድ (Bankkort) – እዚ ካርዲ ' ዚ፡ ካብ ' ባንኮማት ' ገንዘብ ንኽተውጽእ እትጥቀመሉ ካርዲ እዩ። ነዚ ካርዲ ተጠቂምካ ክትከፍል ' ውን ይክኣል ' ዩ። እቲ ገንዘብ ከኣ ብቐጥታ ካብ ሕሳብካ ይወጽእ።
- መኽፈሊ ካርድ (Betalkort) – እዚ ካርዲ እዚ ተጠቂምካ ክትከፍል ትኽእል። እቲ ገንዘብ ብቐጥታ ካብ ሕሳብካ ኣይወጽእን ' ዩ። ኣብ ክንድኡ ግን መኽፈሊ ወረቐት፡ ሓንሳእ ኣብ ወርሒ ይመጸካ። ግን ከኣ፡ መኽፈሊ ካርዲ፡ ዝበዝሕ እዋን፡ ካብ ባንክ ካርድ ይኽብር።
- ክረዲት ካርድ (Kreditkort) – እዚ ዓይነት ካርዲ እዚ፡ ገንዘብ ክትልቃሕ ዘኽእለካ ዓይነት ካርዲ እዩ። ብክረዲት ካርድ ክትከፍል እንከለኻ፡ ገንዘብ ካብ ባንኪ ትልቃሕ ኣለኻ ማለት ' ዩ። ብክረዲት ካርድ ክትልቃሕ እንከለኻ፡ ዝበዝሕ እዋን፡ ልውል ወለድ ትኽፍል።

ዝበዝሕ ሰብ፡ ገዛ ወይ ማኪና ክገዝእ ኣብ ዝምድበሉ ግዜ፡ ካብ ባንኪ ገንዘብ ይልቃሕ። ካብ ባንኪ ገንዘብ ክትልቃሕ ክትክእል እንተኺንካ ግን፡ ግድን ርጉእ ወይ ውሑስ ኣታዊ ክህልወካ ኣለዎ።

ወጻኢታትካ ብ'ኣውቶጂሮ' ወይ ብኢንተርነት ምኽፋል

ወጻኢታት (ፋክቱራት) ንኽትከፍልን: ብኢንተርነት ኣብ ሕሳብካ ኣቲኻ ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ ከም ዘሎካ ክትፈልጥን፣ ፈለማ ግድን ናብ ባንክኻ ክትከይድ ኣሎካ። ኣብ ባንኪ ኢኻ ከመይ ክትገብር ከም ዘለካ ሓበሬታ እትረክብ።

'ኣውቶጂሮ' ማለት፣ እቲ ዝኽፈል ገንዘብ: ካብ ሕሳብካ ብቐጥታ ይሰሓብ ወይ ይውሰድ ማለት' ዩ።

ምንጪ ሓበሬታ BankID.com

ባንኪ ኣይዲ (BankID)፣ ኤለክትሮኒካዊ መነጸሪ መንነት እዩ። ኣብ ኢንተርነት ብምእታው፣ ብቐሊሉ ውዕል ክትወዓሉ፣ ንኽፍሊታት ገንዘብ ብዝምልከት ብኤለክትሮኒካዊ መገዲ ክትፍርሙ የኽእለኩም። ብባንኪ - ኣይዲ ጌርኩም ምስ እትፍርሙ፣ ብሕጋዊ ዓይኒ፣ ልክዕ ከምቲ ብኣካል እትፍርሙዎ እዩ ዝቐጸር። በዚ መገዲ እዚ እትፍርሙሉ ነገር ከኣ፣ ብትሕዝትኡ ቅዩዳት ኢኹም። ባንኪ - ኣይዲ ንኽተውድኡ፣ ውልቃዊ ማሕበራዊ ቁጽሪ፣ ማለት ፐርሶንኑመር ናይ ሽወደን ክህሉወኩም ኣሎዎ። ንውልቀ ሰባት ባንኪ ኣይዲ ዝህባ ትካላት ድማ፣ ባንክታት እየን።

ምስጢራዊ - ቁጽሪ ወይ ኮድ ናይ ባንኪ - ኣይዲኹም፣ ውልቃዊ እዩ። እዚ ኮድ እዚ ፈጺምኩም ንዝኾነ ሰብ ከይትህቡ ወይ ከይተርእዩ። ብተሌፎን ወይ' ውን ብማሕበራዊ - ሜድያታት፣ ባንኪ - ኣይዲ ጌርኩም እተዉ ዝብል ጠለብ ምስ ዝቐርበልኩም፣ ነቲ ጠለብ ኣሚንኩም ክትኣትዉ የብልኩምን። ናይ ምትላል ሓደጋ ከጋጥመኩም ይኽእል' ዩ።

ኣቐሑ ገዛን ካልእ ንብረትን ንምግዛእ፣ ገንዘብ ተለቅሑ።

ሓደ ኮምዩን፣ ማለት ከባብያዊ ምምሕዳር፣ ንዓኻትኩም ወይ ንቤተሰብኩም፣ ከም ስደተኛታት ተቐቢሉ ገዛ ምስ ዝህበኩም፣ ኣቐሑ ገዛን ካልእ ንብረትን ንምግዛእ፣ ካብ በዓል መዚ ትምህርታዊ ደገፍ (CSN) ክትልቅሑዎ እትኽእሉ ገንዘብ ኣሎ። እዚ ኸኣ፣ "ልቓሕ መግዝኢ ንብረት - ገዛ" (hemutrustningslån) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ክንደይ ዝኽውን ገንዘብ ክትልቅሑ ከም ዝፍቀደኩም፣ ኣብ ቁጽሪ ኣባላት ስድራ ከምኡ' ውን፣ እቲ ገዛ፣ ምስ ንብረቱ ድዩ ወይስ ባዶ ኢኹም ተረኪብኩሞ ዝብል ረቒሒታት ይውስኖ።

ልቓሕ ንመግዝኢ ናውቲ ገዛ ክትሓቱ ምስ እትደልዩ፣ ምስቲ ኣብ ኮምዩንኩም ዘሎ ፈጻሚ - ጕዳይኩም፣ ወይ ከኣ ምስ ኣብ ቤት ጽሕፈት መራኽብቲ - ስራሕ ዘሎ ናይ መትከል - እግሪ፣ ፈጻሚ - ጕዳይኩም (etableringshandläggare) ተዘራረቡ። ብሓባር ኺንኩም ናይ ልቓሕ - ቅጥዒ ብምምላእ፣ ናብ ብዓል መዚ ትምህርታዊ - ደገፍ (CSN) ትልእኹዎ። ኣብታ ኮምዩን ካብ ዝኣተኹምላ ዕለት፣ ኣብ ውሽጢ 2 ዓመት ከተመልክቱ ኣለኩም።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ልቓሕ ንመግዝኢ ናውቲ - ገዛ ' ፡ ስሙ ከም ዘመልክቶ፡ ልቓሕ እዩ። እዚ ማለት ከኣ፡ እቲ እትልቅሑዎ መጠን ገንዘብ፡ ውዒልኩም ሓዲርኩም፡ ምስ ወለዱ ናብቲ ዘለቅሓኩም ትካል ማለት በዓል መዚ ትምህርታዊ - ደገፍ (CSN) ክትመልሱዎ ኣለኩም። ካብ ሽወደን ወጻኢ ዓዲ ምስ እትቕይሩ ' ውን ነቲ ገንዘብ ክትከፍሉዎ ኣለኩም።

ብዛዕባ ' ዚ ልቓሕ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ኣብ መርበብ ሓበሬታ በዓል መዚ ትምህርታዊ - ደገፍ (CSN) **www.csn.se/hemutrustningslan** ኣቲኹም ኣንብቡ።

ትዕዝብቲ ክፍሊት/ መዘኻኸሪ(Betalningsanmärkning)

ወጻኢታትኩምን ዕዳታትኩምን ብእዋኑ ምስ ዘይትኸፍሉ፡ ክትከፍሉ ከምዘለኩም ዘዘኻኽር ደብዳበ ይለኣኸለኩም። መዘኻኸሪ ተቐቢልኩም ክነስኹም፡ እንተዘይከፊልኩም፡ እቲ እትኸፍሉዎ ገንዘብ ናብ ትካል ' ኢንካሶ ' (inkassoföretag) ይማሓላለፍ። እዛ ትካል እዚኣ ' ውን ክፈሉ ዝብል ጠለብ ሰዲዳ ምስ ዘይትኸፍሉዎ፡ ኣብ መወዳእታ እቲ ጉዳይ ናብቲ ክፍሊት ወይ ዕዳ ኣስገዲዱ ዘኽፍል መንግስታዊ ትካል ' ክሮኖፉግደን ' (Kronofogden) ይሰጋገር። እቲ ጉዳይ ኣብዚ ምስ ዝበጽሕ ግን፡ ናይ ዘይምኽፋል ጸሊም ነጥቢ ይምዝገበልኩም።

ትዕዝብቲ ክፍሊት፡ ንጉዳይ ክፍሊታትካ ዝምልከት፡ ብዝግባእ ከምዘይኣለኻ ሓደ ምልክት ' ዩ። እዚ ድማ ውልቃዊ ሳዕቤን ኣሎዎ። ንኣብነት ልቓሕ ንኽትረክብ፡ ገዛ ክትካረ፡ ስራሕ ወይ ጠለብ ተሌፎን ክትሓትት ከለኻ ክኣብዩኻ ይኽእሉ።

ሓደ ውልቀሰብ፡ ወይ ሓደ ትካል፡ ከመይ ዝበለ ቕጠባ ከም ዘሎዎ ሓበሬታ ኣብ ምሃብ ዝነጥፋ ትካላት ኣለዋ። " ትካላት ሓበሬታ ክረዲት" (kreditupplysningsföretag) ተባሂለን ይጽወዓ። ንኣብነት ሞባይል ተሌፎን በብቕሩብ እናኸፈልካ (avbetalning) ክትገዝእ ምስትደሊ፡ እቲ ዝሸይጥ ትካል ምስ ሓንቲ ' ትካል ሓበሬታ ክረዲት ' ርክብ ይገብር። ሽዑ ' ትዕዝብቲ ክፍሊት ' ከም ዘሎካ ክሕብሩዎም ይኽእሉ። ትዕዝብቲ ክፍሊት ውልቀሰባት፡ 3 ዓመት ይጸንሕ። ትዕዝብቲ ክፍሊት ዋኒናት ከኣ፡ 5 ዓመት ይጸንሕ።

ትካል 'ክሮኖፎግደን' (Kronofogden)

ትካል "ክሮኖፎግደን" (Kronofogden)፡ ዝበዝሕ እዋን፡ "ክሮኖፎግደን" ጥራይ ተባሂሉ ይፍለጥ ' ዩ። "ክሮኖፎግደን"፡ ንዘይተኸፍሉ ዕዳታት ምምሕዳር እዩ ስርሑ። ሓደ ሰብ፡ ዝግባኣኩም ገንዘብ ምስ ዝኣብየኩም፡ እዚ ትካል እዚ፡ ገንዘብኩም ንኽወሃበኩም ይሕግዘኩም። እዚ ትካል ' ዚ ብተወሳኺ፡ ኣብ ዕዳታት ምጽራይ (skuldsanering) ' ውን ይሰርሕ ' ዩ። እዚ ማለት ከኣ፡ ነቶም ብዙሕ ዕዳ ዘሎዎም፡ ቕጠብኦም ከስተኻኽሉ ይሕግዞም።

ውሕስነት

ኣብ ሽወደን፡ ውሑስ ህይወት ክትነብር ምስ እትደሊ፡ ነዚ ዘካይድ ትካል ኣሎ። ንውሕስነትካ ዝምልከት ንስኻ እትገብሮም ነገራት ‘ውን ኣሎዉ።

ኣገልግሎት ድሕነት (Räddningstjänsten)

ኣገልግሎት ድሕነት፡ ብዙሕ ዕማማት ይዓምም። ንኣብነት ባርዕ ሓዊ የጥፍእ : ኣብ ትራፊክ ወይ ከኣ ኣብ ባሕሪ ዘጋጥሙ ሓደጋታት ይረድእ። ኣገልግሎት ድሕነት፡ ባርዕ ሓዊ ኣብ ምክልኻል ‘ውን ይነጥፍ ‘ዩ። ንኣብነት መጠንቀቒ ባርዕ ሓዊ (ኣላርም) ከምኡ ‘ውን መጥፍኢ ሓዊ ብኽመይ ከም ዝሰርሕ ይሕብር። "ኣገልግሎት ድሕነት መጥፍእቲ ሓዊ" ተባሂሉ ‘ውን ዝጽዋዕ ኮይኑ፡ ዋንነቱ ድማ ናይቲ ከምዩን ‘ዩ።

ባርዕ ሓዊ ምስ ዘጋጥም፡ ነዚ ዝስዕብ ግበር

- ኣድሕን! – ኣብ ሓደጋ ዘሎ ህይወት ኣድሕን። ኣብ ንህይወትካ ዘስግእ ኩነታት ግን ኣይትእቶ። ትኪ መርዛም ምኺኑ ኣይትረስዕ። እንተጋጢሙ፡ ኣብ ምድሪቤት ፍሑኽ እናበልካ ውዳእ። መዓጹን መሳኹትን ዕጾ።
- ኣጠንቅቕ! – ነቶም ኣብ ሓደጋ ሓዊ ዘለዉ ኣጠንቅቕ።
- ኣስምዕ! (ኣጠንቅቕ!) – መጠንቀቒ ባርዕ ሓዊ እንተሎ ወልዕ ወይ ኣብ ዘተኣማምን ውሑስ ቦታ ኺንካ 112 ደውል። ኣገልግሎት ድሕነት ምስ መጹ ርኸቦም።
- ሓዊ ኣጥፍእ! – መጥፍኢ ሓዊ እንተሎካ፡ ሓዊ ምጥፋእ ጀምር። መጥፍኢ ሓዊ ክትጥቀም እንከለኻ፡ ናብ ሃልሃልታ ሓዊ ዘይኮነስ ናብ ጓህሪ ኣቕኒዕካ ንጸግ።

ባርዕ ምስ ዘጋጥም፡ እቲ ክትገብሮ ዘለካ ኣገዳሲ ነገር፡ 112 ምድዋል ‘ዩ! እንታይ ከም ዘጋጠመን እንታይ ዓይነት ዝረአ ጕድኣት ከም ዝወረደን፡ ረድኤት ዘድሊ እንተ ኾይኑን ንገር። እቲ ረዲኦት ኣበይ ከም ዘድልን መን ምኺንካን ‘ውን ሓብር።

ምንጪ ሓበሬታ SOSalarm.se

ፖሊስ

ንፖሊስ ዝሕተት ሕቶ እንተሎካ፡ ወይ ብዛዕባ ሓደ ገበን ሓበሬታ ክትህብ እንተ ደሊኻ፡ 114 14 ደውል። ኣብ መላእ ሽወደን፡ ሓደ ዓይነት ወይ ናብዚ ቁጽሪ ‘ዚ ‘ዩ ዝድወል። ህጹጽ ኩነታት ወይ ሓደ ዘየላቡ ነገር ምስ ዘጋጥም፡ ናብ ቁጽሪ 112 ደዊልካ ሓብር። ገበን ክግበር እንተርኢኻ፡ ዝተጎድአ ወይ ረዲኦት ዘድልዮ ሰብ እንተሎ፡ ወይ ባርዕ ሓዊ እንተተኸሲቱ፡ ናብ 112 ኢኻ ትድውል።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ፡ ዮነር

ድሕነት ትራፊክ

ክፍሊ ትራፊክ፣ ንድሕነት ትራፊክ ሽወደን ዝቆጻጸር በዓል መዚ እዩ። ዕላምኡ ኸኣ፣ ኣብ ሽወደን፣ ማንም ሰብ፣ ብናይ ተሸከርከርቲ ሳዕቤን ከይመውት ወይ ከቢድ መጕዳእቲ ንኸይወርዶ ምክትታል ፣ ዩ። እቲ ቀንዲ ክግበር ዘለዎ ድማ፣ ግቡእ ፍጥነት ምጥቃም፣ ህድእ ምባልን መከላኸሊ ምጥቃምን እዩ። ኩሉ ብማኪና ዝጕዓዝ ሰብ፣ መዕጠቂ ቁልፊ - ማኪና (bilbälte) ክጥቀም ብሕጊ እዙዝ ፣ ዩ። ብሕልፊ ቆልዑ፣ ፍሉይ ውሕስነት የድልዮም። ንኣብነት ኮፍ መበሊ፣ መተርኣስ ወይ ከኣ ኣብ ማኪና ዝገጥም ኮፍ መበሊ ቆልዑ ክህሉዎም ኣለዎ። ትሕቲ 15 ዓመት ዝዕድመኦም ቆልዑ፣ ሽግለታ ክዝውሩ እንከለዉ፣ ቆብዕ (ህልመት) ክወድዩ ብሕጊ ግዱዳት እዮም።

ኣብ ሽወደን፣ ብየማናይ ክፋል ናይቲ ጽርግያ ኢኹም ሽግለታ ትዝውሩ። ንሽግለታ ዝተሓዝአ ፍሉይ መገዲ እንተሎ ተጠቐሙሉ። ኣጋር እንተኽኢንኩም : መገዲ ኣጋር ወይ ማርሻቤዲ ክትጥቀሙ ኣለኩም። ብጸጋማይ ወገን ናይ ጎደና ወይ መገዲ ፣ ውን ክትጕዓዙ ትኽእሉ ኢኹም። መገዲ ክትሰግሩ እንተ ደሊኹም : መሳገሪ ኣጋር፣ ዜብራ - ላይን ተጠቐሙ። ከምዚ ምስትገብሩ፣ መካይንን ሽግለታታትን ንኽትሰግሩ ደው ይብላልኩም።

ሕቶታት ዘተ፡ ምዕራፍ 2

ኣብ ሃገርካ እንታይ ዓይነት ንኡሳን(ግምት ዘይዋሃበን) ብሄራት ኣሎዋ? ኣብ እትፈልጠን ካልኦት ሃገራት ከ?

ብዛዕባ ህዝባዊ መሰል እንታይ ትፈልጥ ወይ ከመይ ትርድኦ?

ገዛ ብኽመይ መገዲ ትረክብ?

ኣብቲ እትነብረሉ ቦታ፡ ምስ ካልኦት ሓቢርካ ንኽትነብር፡ እቲ ዝሓሸ ሜላ ኣነባብራ፡ ኣየናይ እዩ ትብል?

ሓደገኛ ጎሓፋት ዘይምድርባይ ወይ ኣብ ሸቓቕ ዘይምእታው ”ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ” ዝብሃል ስለምንታይ እዩ?

ምስ ኣየናይ ኮምዩን(ምምሕዳር) ንጡፍ ርክብ ኣሎካ?

ግቡእካን ኣብ ግዜኻን ናይ ዘይምኽፋል መጸዋዕታ ምስ እትቐበል እንታይ ይስዕብ?

ህጹጽ ሓገዝ ዘድልዮ ኩነታት ምስ ዘጋጥም፡ ንኣብነት ገዛ ክቃጸል ምስ እትዕዘብ፡ ናብ ኣየናይ ቑጽሪ ክትድውል ኣለካ?

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን



ስእሊ፡ ኒክሶን ዩሃንሰን ካሰረስ፡ ዮነር

3. ኣብ ሽወደን፡ ርእስኻ ምኽኣልን ምምዕባልን

ትሕዝቶ

ዕዳጋ-ዕዮ ኣብ ሽወደን
ተኞጺርካ፡ ማለት ኣብ ትሕቲ ሰብ ምስራሕ
ምንዳይ ስራሕ
ምኽፋት ትካል
መድሕን ሽኞለት ኣልቦነት (Arbetslöshetsförsäkringen)
ምኽፋል ግብሪ
ህዝባዊ ናይ ክብሪ መዝገብ (Folkbokföring)
ማሕበራዊ መድሕን
ምስ ስንክልናኻ ምንባር
ትምህርቲ ንኣባጽሕ
ትርፊ ግዜን ማሕበራዊ ናብራን

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ዕዳጋ-ዕዮ ኣብ ሽወደን

ዕዳጋ - ዕዮ ኣብ ብሕታውን ህዝባውን ጨንፈራት ወይ ክፋላት ይኽፈል።

እቲ ብሕታዊ ሸነኽ፣ ብውልቀ ሰብ ዝመሓደር ኮይኑ፣ ዕላምኡ መኽሰብ እዩ። ከምዚ ዓይነት ዋኒን፣ ገሊኡ፣ ድኳናት ክኸውን ይኽእል ገሊኡ ድማ ከም ናይ መሰንዒ ኢንዱስትሪ፣ ናይ ህንጻ ኢንዱስትሪ፣ ናይ ፍትሕን ቁጠባን፣ መጎዓዝያን ኣብያተ መግብን ክኸውን ይኽእል። ከባቢ 70% ካብ ሰራሕተኛታት፣ ኣብ ብሕታዊ ክፍሊ እዮም ዝሰርሑ።

እቲ ህዝባዊ ክፋል ግን፣ ብመንግስቲ፣ ብኮምዩንን ብኣውራጃዊ ምምሕዳርን እዩ ዝውነን። ኣብዚ ክፍሊ' ዚ ብዙሓት ሰባት ይሰርሑ፣ ማለት ኣብ ክንክን ጥዕና፣ ኣብ ትምህርቲ፣ ፖሊስ፣ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክንክን፣ መውዓሊ ህጻናት፣ ምዕቃብ ኣከባቢ፣ ምውጋን ጎሓፋት፣ ማይን ረሳሕ ፈሳስን ከምኡ' ውን ናይ ረድኤት ወይ ድሕነት ኣገልግሎት ይርከቡዎ።

ሕጽረት ሞያ - ኣብዚ ስራሕ ኣሎ።።

እቶም ንመጻኢ እናተሳእኑ ክኸዱ ይኽእሉ እዮም ዝብሃሉ ሞያታት፣ "ሕጽረት ሞያ" ይብሃሉ።

ብዙሕ ትምህርቲ ወይ ስለጠና ናይ ካልኣይ ደረጃ ወይ ላዕለዋይ ደረጃ ድማ፣ ስራሕ ንምርካብ ዓቢ ተኽእሎ ይህበካ። ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ፣ ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ፣ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ወይ ላዕለዋይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ትምሃሮ።

ኣብ ሃገረ ሽወደን ስራሕ ንምርካብ፣ ትምህርቲ ወሳኒ ተራ ይጻወት። ነዊሕ ግዜ ዝወስድ ትምህርቲ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ሰፊሕ ስራሕ ናይ ምርካብ ዕድላት ይኸፍተልኩም። መብዛሕትኦም ኣስራሕቲ፣ እቶም ምስኣቶም ስራሕ ክረኽቡ ዘመልክቱ ሰባት ብዉሑዱ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዘጠናቐቐ ክኾኑ ይጠልቡ። እዚ ማለት ከኣ፣ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ፣ ማለት ጂምናስየት ዲፕሎም ክህልወኩም ኣለዎ። ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ክትቅጽሉ ምስ እትደልዩ' ውን እዚ ናይ ጂምናስየት ዲፕሎም ክህልወኩም ኣለዎ።

ኣብዚ ታሕቲ፣ ብቤት ጽሕፈት መራኸብቲ - ስራሕ ዝቐረበ፣ ኣብ ዝመጽእ ግዜ ዝጥለቡ ሞያታት ተዘርዚሩ ኣሎ። (ማዕከን ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ - ስራሕ Arbetsförmedlingen) ።

ኣብ ዩኒቨርስቲ ብዙሕ ሰብ ዘደመረጾም ሞያዊ ስልጠናታት፡ ኣብ ዓመተ 2017 (ብቐሊሉ ስራሕ ክትረኽበሉም እትኽእል)

- ናይ ዕደናን ስነ - ሜታልን፣ መሃንዲስን ተክኒሻንን፣
- ሓኪም (ዶክተር)
- ሶፍትወይር - ናይ ኢንተርነት ኣማዕባሊ
- ማሕበራዊ ሰክረታሪ
- ገምጋሚ ገንዘባዊ ደገፍ
- ኣለይቲ ሕሙማን ኣብ መዳይ ስነ ኣእምሮኣዊ ፍወሳ፣ ህጹጽ ክንክን

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ሕሙማን፣ ክንክን ኣረጋውያን፣ ህጻናትን ኤክስረይን፣ ከምኡ ' ውን ናይ መጥባሕቲ ኣለይቲ ሕሙማንን ከባብያዊ ኣለይቲ ሕሙማንን።

- ፍሉይ መምህር
- ሲቪል ኢንጂነር፣ ህንጻን ትሕተ ቅርጽን፣ ኤለክትሮኒክን ተሌ ተክኒክን
- ናይ ህንጻ መሃንዲስን ተክኒሻንን
- ናይ ኢንተርነት ኣርኪቲክት
- VVS - መሃንዲስ
- መምህር ህጻናት
- ኣብ መባእታ ትምህርቲ፣ ናይ መወዳእታ ዓመታት (ክፍሊ) መምህር

ኣብ ካልእ ደረጃታት ትምህርቲ ዝወሃቡ፣ ሰብ ክመሃሮም ዘይመርጾም ሞያታት፣ (ብቐሊሉ ስራሕ ክትረኽቡሎም እትኽእሉ ሞያታት) ኣብ ዓመተ 2017

- ከሸንቲ
- ነዳቓይ
- ተሓጋጋዚ ነርስ
- ጸጋኒ ናሕሲ
- ካብ ስታኛ (ታኒካ) ዝተሰርሑ ነገራት ዘለሓሕም
- መካኒክ ናይ ገዛን ናይ ጽዕነትን መካይንን
- ኣውቲስታ ናይ ጽዕነት መኪና
- ዓብዓቢ ማለት ዓሻጊ ነገራት፣ ለጣፋይ/ Isoleringsmontörer
- ማቶነላ ኣንጻፋይ
- ናይ ምግጥጣም ቴክኒሻን
- ኢድራውሊኮ
- ሰራሕተኛታት ናሕሲ
- ሰራሕ ኮንክሪት
- ጽርበት ዕንጸይቲ/ካርፔንተር
- ለማጻይ
- ሰራሕ መሳርሒታት
- ሰራሕተኛ ህንጻ
- ሰራሕተኛ ህንጻ፣ ምድር ቤትን መንደቕን
- ናይ ስርዓትን ምቁጽጻርን ተክኒሻን
- ሰክረታሪ ሕክምና

ኣብ መጻኢ ግዜ፣ ስራሕ ኣበይ ዝርከብ?

ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ ስራሕ፣ ኣብ ዘውጽኡ ንሞያታት ዝምልከት ናይ ሓምሽተ ክሳብ ዓሰርተ ዓመታት ትንቢት፣ ኣብ ብዙሕ ሞያታት ሕጽረት ሓይሊ ሰብ ከጋጥም ምኻኑ ይሕብር። እዚ ከጋጥም ዝብሃል ዘሎ ሕጽረታት፣ በቶም ናብ ሽወደን ዝመጽኡ ዘለዉ ሰባት ብኽፊል ክትካእ ይኽእል። ኣብ ዝመጽእ 5 ክሳብ 10 ዓመታት ኣብ ዘሎ ግዜ፣ ሕጽረታት ሓይሊ ሰብ ዘጋጥመሎም ሞያታት፣ ቀጺሎም ተዘርዚሮም ኣለዉ።

ስእሊ፡ ዮነር

ኣብ ዝመጽእ 5 ክሳብ 10 ዓመታት፡ ዝዓበየ ሕጽረት ሓደሊ ሰብ ዘጋጥመሎም ሞያታት፡

- ሞያታት ሓበሬታዊ ተክኖሎጂ (ኣይቲ)
- ናይ ህጻናት መምህርን ናይ ትርፊ ግዜ ፍሉይ መምህርን
- መምህር መባእታ ቤት ትምህርቲ
- መምህር ካልኣይ ደረጃ
- ሓኪም (ዶክተር)
- ነርሳት
- ፍሉይ መምህር
- ሓኪም ስኒ
- ናይ ስኒ ነርሳት
- ተሓጋገዝቲ ነርሳት
- ሞያታት ምህንድስና
- ናይ ገዛን ናይ ጽዕነትን መካይን መካኒክ
- ኦፕሬተራት ማሺነሪ
- ዘወርቲ ኣውቶቡሳት
- ዘወርቲ ባቡር
- ተቐጻጻሪ ናይ ብኮምፕዩተር ተደጊፈን ዝሰርሓ ማሺናት
- ኮኮ (ክሻኒ)
- ብርክት ዝበሉ ሞያታት ኣብ መዳይ ህንጻ

ምንጪ፡ ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ-ስራሕ

ማዕርነት ኣብ ዕዳጋ-ዕዮ

ማዕርነት ክብሃል እንከሎ፣ ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ኣብ ኣገደስቲ መዳያት ህይወት፣ ማዕረ መሰላት፣ ግቡኣትን ዕድላትን ኣሎዎም ማለት እዩ። ጥርዚ ምዕራይነት ንምብዳሕ፣ መንግስቲ ሽወደን፣ ንጹር ሽቶታት ኣቐሚጡ ይርከብ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

(ነዚ ብዝምልከት ኣብ ራብዓይ ምዕራፍ ብዝርዝር ኣንብቡ)። ዓቕምታትን መሃዝነትን ናይ ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ብግቡእ ምጥቃም፣ ፍትሓውን ዕብየቱ ዘረጋገጸን ሕብረተሰብ ኣብ ምፍጣርን ወሳኒ እዩ።

ሽወደን፣ ብብዙሕ መዳያት ማዕርነት ዘሎዋ ሃገር እያ። ዳርጋ 80% ኣብ መንጎ 20ን 64ን ዓመት ዝዕድሚኦን ኣብ ሽወደን ዝርከባ ደቀንስትዮ፣ ካብ ገዝኦን ወጻኢ ይሰርሓ። እዚ ኸኣ ምስ ካልኦት ሃገራት ክነጻጸር እንከሎ ዓቢ ክፋል ናይቲ ሕብረተሰብ ከም ዝሸፍን ዘረድኣ'ዩ። ግን ከኣ፣ ኣብ ስራሕ፣ ጉድለት ማዕርንት ይርኢ እዩ። ደቀንስትዮ ልክዕ ከም ደቂ ተባዕትዮ እናሰርሓ እንከለዋ ትሕት ዝበለ ደሞዝ ይኽፈላ። ኣብ መሪሕነት ኩባንያታት፣ ብዝሒ ደቀንስትዮ ዝተሓተ እዩ። ኣብ ናይ ስድራ ስራሕን ዝርኢ ናይ ስራሕ ምክፍፋል'ውን ኣብ መንጎ ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ፍልልይ ኣሎ። ደቀንስትዮ ልክዕ ከም ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ደገ እናሰርሓ እንከለዋ፣ ናይ ስድራቤት ዕዮ ድማ ይውሰኽን። ብዙሓት ደቀንስትዮ፣ ምስ ወለዳ፣ ንደቀን ክኣልያ ንብዙሕ ግዜ እየን ካብ ስራሕ ዝእለያ።



እዚ ስእሊ እዚ፡ ነቲ ኣብ ሽወደን፡ ኣብ ስራሕ ዝርኢ ኣብ ጾታ ዝተመስረተ ምክፍፋል ይገልጽ። ኣብተን 3 ካብ'ቶም 30 ዝዓበዩ ሞያታት ጥራይ እዩ እቲ ማዕርነት ክረኢ ዝኽእል። ንኡ ድማ፡ 40%-60% ካብ ናይ ክልቲኡ ጾታታት እዩ።

ምንጪ፡ SCB

መንግስቲ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት፣ ማዕርነት ንምምሕያሽ ካብ ምጽዓር ደው ኣይበለን። እቲ ክብጻሕ ዝድለ ዘሎ ዕላማ ኸኣ፣ ንኣብነት ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን፣ ኣብ ጾታ ዘይኮነስ ኣብ ብቕዓት፣ ክእለትን ድልየትን ተመርኩሶም ሞያ ክመርጹ ኣለዎም። ኮይኑ ግን፣ ኣብ ሽወደን፣ ኣብ ጾታ ዝተመርኮሰ ሞያዊ ፍልልያት ኣሎ። ንኣብነት ጽላት ምክንኻንን ምእላይን ብደቀንስትዮ ዝተዓብለለ ክኸውን እንከሎ፣ ጽላት ህንጻን ቴክኒክን ከኣ ብደቂ ተባዕትዮ ይዕብለል። ኣካየድቲ ስራሕ፣ ሓለቓታት፣ ከምኡ'ውን ናይ ውልቂ ትካል ዝጅምሩ፣ መብዛሕትኦም ደቂ ተባዕትዮ እዮም።

ማሕበራዊ ኮዳት ኣብ ዕዳጋ-ዕዮ

ናይ ሽወደን ሕላገት ኮይኑ ዝረአ ሓድሓደ ማሕበራዊ ኮድ ናይ ዕዳጋ-ዕዮ ኣሎ።

ኣብ ቦታ ስራሕ፣ ልሙድ ዝኾነ ኣወዳድባ፣ ልሙጽ እምበር ጽፍሓዊ ኣይኮነን። እዚ ማለት ካኣ፣ መብዛሕትኦም ንስራሕ ዝምልከቱ ነገራት፣ ብሓለቓታትን ሰራሕተኛታትን ብሓባር እዩ ዝወሰን። እዚ ኣገባብ እዚ፣ ውሳነ ኣብ ምውሳድ ነዊሕ ግዜ ዝሓትት እኳ እንተኾነ፣ ንሰራሕተኛታት ግን ተሳታፍነትን ሓላፍነት ናይ ምውሳድ መንፈስን የስፍሉም'ዩ።

ናይቲ ስራሕ ሃዋሁው፣ መብዛሕትኡ ግዜ፣ ምቕሉልነት ዝሰፈኖ እዩ። እዚ ማለት፣ እቲ ኣጸዋውዓ ሰብን ኣከዳድናን። ናብ ስራሕ፣ ኣብ ናይ ደገ ናይ ማዓልታዊ ህይወትና እንጥቀመሉም ክዳውንቲ ለቢስና ምምጻእ ልሙድ እዩ።

ኣብ መብዛሕትኡ ናይ ሽወደን ናይ ስራሕ ቦታ፣ ግዜ፣ ወሳኒ እዩ። ኣብ ሰዓትካ ክትርከብ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ መዓልቲ ስራሕ፣ እታ ኣገዳሲት ክፋል ናይ መብዛሕትኡ ቦታታት ስራሕ፣ እታ ሰራሕተኛታት ሓቢሮም ሻሂ ቡን እናበሉ ዘዕልሉላ ግዜ እያ።

መሃብቲ ስራሕን ሰራሕተኛታትን

ዕዳጋ-ዕዮ ኣብ ክልተ ይኽፈል፣ መሃብቲ ስራሕን ተቐበልቲ ስራሕን።

ተቐበልቲ ስራሕ፣ ከም ሰራሕተኛታት ይፍለጡ። ናይ መሃብቲ ስራሕን ተቐበልቲ ስራሕን ማሕበራት/ውድባት ኣሎዋ። ኣብዘን ማሕበራት እዚኣተን፣ መሃብ ስራሕ ይኹን ተቐባል ስራሕ፣ ንሓድሕዶም ብምትሕብባር ብዛዕባ'ቲ ንድሊታቶምን ንጥቅሞምን ዘቐድም ነገራት ይሰርሑን ይነጥፉን። ኩላቶም ኣባላት ናይዚ ማሕበር ወይ ውድብ'ዚ ክነጥፉን ኣበርክቶ ክገብሩን ይግባእ።

ናይ መሃብቲ ስራሕ ውድባት፣ ናይ ባዕላቶን ድሌታትን ጥቕምታትን'የን ዘቐድማ።

እተን ዝዓበያ መሃብቲ ስራሕ ውድባት፣ እዘን ዝስዕባ እየን፣

- ሽወደናዊ ኮንፈደረሽን ዋኒን Svenskt näringsliv ንብሕታውያን ትካላት።
- በዓል መዚ ኣስራሕቲ (arbetsgivarverket) ከምኡ'ውን ምትእኽኻብ ኮምዩናትን ዞባታትን ሽወደን (SKL) ንህዝባዊ መካነ-ስራሕ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ውድብ ማሕበረ-ሞያ፡ ንጥቅምታት ሰራሕተኛታት የቐደም።

እተን ዓበይቲ ውድባት "ማሕበረ-ሞያ" እዘን ዝስዕባ እየን

- **LO** (ናይ ሽወደን ሃገራዊ ማሕበር)
- **TCO** (ፈደረሽን ኣገልገልቲ ህዝቢ)
- **SACO** (ናይ ሽወደን፡ ኣካዳምያዊ ኮንፈደረሽን)

እተን ሃገራውያን ማሕበራት፡ ንዝተፈላለየ ሞያን ክፍልን ዝውክላ ነኣሽቱ ማሕበራት ሰራሕተኛታት ኣሎወን።

ኣብ ሽወደን፡ ካብ 1880ታት ጀሚሩ እዩ ውድባት "ማሕበረ-ሞያ" ቆይሙ። ብዙሓት ሰራሕተኛታት ካኣ፡ ኣባላት ኮይኖም። ኣባል ምኻን ወለንታዊ ኮይኑ፡ ክትከውን ምስ እትደሊ ግን፡ ዝኽፈል መጠን ገንዘብ ኣሎ። ኣብ ውድባት "ማሕበረ-ሞያ"ን ኣብ "ውሕስነት ንሽቅለት-ኣልቦነት" ወይ "ኣ-ካሳ"፡ ብሓደ ግዜ ኣባል ምኻን ይክኣል እዩ። ኣ-ካሳ፡ ቑጠባዊ ማሕበር ኮይኑ፡ ኣባላቱ፡ ስራሕ ኣልቦ ምስ ዝኾኑ፡ ገንዘብ ይህቦም። ዝተፈላለያ ኣ-ካሳታት ኣለዋ። ዝበዝሕ ግዜ ድማ፡ ምስታ ኣባል ዝኾንካያ ውድብ ማሕበረ-ሞያ ዝተኣሳሰረት እያ።

ናይ ሰራሕተኛታት ማሕበራትን፡ ውድባት ወሃብቲ ስራሕን፡ ቀጻሊ እናተራኸቡ ንዕዳጋ-ዕዮ ዘማእክል ሕግታት ኣመልኪቶም ኣብ ሓባራዊ ስምምዓት ይበጽሑ። እዚ ስምምዓት' ዚ፡ ንኣብነት ብዛዕባ ደሞዝ፡ መሰላትን ኣብ ቦታ ስራሕ ክትግበሩ ዘለዎም ግቡኣትን ዝምልከት ክኸውን ይኽእል። እዚ ናይ ስምምዕ መሰል' ዚ፡ ኣብ ሓቢርካ ናይ ምውሳን መሰል ዝድህስስ ሕጊ (MBL) ሰፊሩ ይርከብ።

ሕጊ ዕዮ (Arbetsrätt)

ኣብ ሃገረ ሽወደን፡ ንስራሕ ዝምልከት ብዙሕ ሕግታት ኣሎ። እቶም ኣብ መንጎ ወሃብቲ ስራሕን ሰራሕተኛታትን ዝጸንዑ፡ ሕግታትን ኩነታት ውዕልን፡ ' ሕጊ-ዕዮ ' ተባሂሎም ይፍለጡ።

ንዕዳጋ-ዕዮ ናይ ሽወደን ዘስተኻኽሉ፡ ዝተፈላለዩ ሕግታትን ስምምዓትን ኣሎዉ።

ስእሊ፡ ዮነር

ሕጊ መሰል ተሳትፎ፡ ኣብ ሞያዊ ናብራ (lagen om medbestämmanderätt i arbetslivet, MBL)

ሕጊ መሰል ተሳትፎ ኣብ ሞያዊ ናብራ፡ ኣገዳሲ ክፋል ሕጊ - ዕዮ እዩ። ኣብዚ ሕጊ ' ዚ፡ ንመሰል "ማሕበረ - ሞያዊ ውደባ ሰራሕተኛታት ኣብ ኣብያተ ዕዮ" ዝምልከቱ መምርሒታት ኣሎዉ። እዚ ሕጊ ' ዚ "ወሃብቲ ስራሕ፡ ንኣብያተ ዕዮ ዝምልከቱ ኣገደስቲ ነገራት ንሰራሕተኛታቶም ግድን ክሕብሩ ኣለዎም" ይብል። ወሃብቲ ስራሕ፡ ኣብ ኣብያተ ዕዮኦም ለውጥታት ቅድሚ ምውሳኖም ' ውን ምስ ውድባት ማሕበረ - ሞያ ክዛተዩ ኣለዎም።

ሕጊ ውሕስነት-ስራሕ (lagen om anställningsskydd, LAS)

ሕጊ ውሕስነት - ስራሕ (Lagen om anställningsskydd, LAS) ኣብ እዋን ስንብታ (uppsägning) ንሰራሕተኛታት ውሕስነት ይህብ።

እቲ ሕጊ፡ ብቐዳምነት፡ ነቶም ብቐዋሚ መንገዲ ዝተቐጽሩ ይምልከት። ኣብዚ ሕጊ ' ዚ፡ "ሓደ ሰራሕተኛ ብዘይ ገለ ብቐዕ ምኽንያት ካብ ስራሕ ክሰናበት ኣይክእልን ' ዩ" ዝብል ኣሎ። ብቐዕ ምኽንያት ክብሃል እንከሎ፡ ኣብቲ ቤት ዕዮ ሕጽረት ስራሕ ምስ ዝህሉ፡ ወይ ካኣ፡ ሓደ ሰራሕተኛ፡ ስርሑ ብዝግባእ ምስ ዘይዓምም ክኸውን ይኽእል።

ሕጊ ውሕስነት ስራሕ : ሕጽረት ስራሕ ምስ ዝህሉ : ፈለማ ኣየኖት ሰራሕተኛታት ከም ዝሰናበቱ ' ውን ይውሰን ' ዩ። እዚ ኸኣ ናይ ' ቅደም ተኸተል ስርዓት ' ይብሃል። እቲ ቀንዲ ትሕዝቱኡ፡ ነቶም ንሓጺር ግዜ ዝተቐጽሩ ሰራሕተኛታት፡ ቅድሚ ' ቶም ንነዊሕ ግዜ ዝተቐጽሩ ሰራሕተኛታት ንምስንባት እዩ።

ሓባራዊ ውዕል (Kollektivavtal)

ሓባራዊ ውዕል (kollektivavtal) ዝብሃል ኣብ መንነ ወሃብቲ ስራሕን ማሕበራት - ሞያን ዝእቶ ጽሑፋዊ ውዕል ' ዩ። ኣብ ሓደ ሓባራዊ ውዕል፡ ንሳዓታት ስራሕ፡ ንዓመታዊ ዕረፍትን ንደሞዝ ሰራሕተኛታትን ዝምልከቱ መምርሒታት ኣሎዉ። ዝበዝሕ እዋን፡ መጠን ደሞዝካ ዝውስኖ፡ ሓባራዊ ውዕል ወይ ስምምዕ ' ዩ።

ሓባራዊ - ውዕል፡ ነዞም ዝስዕቡ መምርሒታት ይጥርንፍ፡

- ዓይነት ስራሕ
- ትርፊ ሰዓት
- ደሞዝን ካሕሳን
- ሰዓታት ስራሕ
- ዕረፍቲ
- ስንብታ
- ጡረታን ናይ ሓደጋ መድሕንን

እቲ ዝተሓተ ደሞዝ ሰራሕተኛታት ክንደይ ክኸውን ከም ዘሎዎ፡ ኣብ ሓባራዊ ውዕል ይውሰን። እቲ ውዕል፡ ኣብ ሓባራዊ ውዕል ዘሎዎ ትካል ዝሰርሑ፡ ግን ካኣ ኣባላት ማሕበረ ሞያ ዘይኮኑ ' ውን ይምልከት ' ዩ። ኣብ ሽወደን፡ እቶም ዝተሓቱ ደሞዛት ክንደይ ክኾኑ ከም ዘሎዎም ውዕል እምበር ሕጊ የለን።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ወሃብ - ስራሕካ፡ ዋላ ናይ ስራሕ ውዕል ይሃሉዎ፡ ብዛዕባ ደሞዝካ ዝምልከት ምስኡ ክትመያየጥን ክትካታዕን ተኽእሎ ኣሎ። ደሞዝካ ኣብቲ ዓይነት ብርተዐ ስራሕን ኣብቲ እተርእዮ ብልሓትን ዝተመስረተ እዩ። ዝበዝሑ ዓበይቲ ውድባትን ዋኒናትን፡ ምስ ማሕበር - ሞያ እዮም ናይ ስራሕ ውዕል ዝገብሩ። ሓባራዊ ውዕል ዘይገብሩ ወሃብቲ ስራሕ ' ውን ኣለዉ።

ኣብ ቦታ ስራሕ ዘጋጥሙ ግርጭታት

ኣብ ቦታ ስራሕ ዝኽሰት ግርጭት ወይ ባእሲ፡ ብዝተኻእለ መጠን ብቕልጡፍ ክፍታሕ ኣለዎ። እቲ ሓላፊ ስራሕ ' ዩ ግርጭት ክፍታሕ ሓላፍነት ዝስከም። ኣብ ግርጭት እንተ ኣቲኻ፡ ምስ ሓላፊኻ ተዛረብ። ምስ ሓላፊኻ ግርጭት እንተለካ፡ እሞ ድማ ኣብ ሓደ ማሕበረ - ሞያ ኣባል እንተ ኾንካ ፡ እቲ ዘለኻዮ ማሕበረ - ሞያ ደገፉ ክህበካ ይኽእል ' ዩ። ወሃቢ ስራሕን ተቐባል ስራሕን ብሓደ ጕዳይ ተባኢሶም፡ ነቲ ጕዳዮም መዕለቢ ምስ ዝስእኑ፡ ነቲ ናይ ስራሕ ቤት ፍርዲ ክውከሱዎ ይኽእሉ እዮም። እቲ ናይ ስራሕ ቤት ፍርዲ ' AD ' ድማ፡ ነቲ ጕዳይ ኣጽኒዑ ውሳነ ይህብ።

ተቐጺርካ፡ ማለት ኣብ ትሕቲ ሰብ ምስራሕ

ስራሕ ምስ ተቐጸርካ፡ እቲ ምስቲ ወሃቢ ስራሕ ዘሎካ ናይ መሰልን ግዴታን መምርሒታት ክትፈልጦም ኣገዳሲ እዩ። እምበኣር እዚ ዝስዕብ፡ እቲ ምስ ተቐጸርካ ክትፈልጦ ዘለካ ነጥብታት እዩ።

መልክዓት ስራሕ

ክልተ ዓይነት መልክዓት ስራሕ ኣሎዉ ፡

- ደረት - ኣልቦ ስራሕ (tillsvidareanställning)
- ድሩት ስራሕ (tidsbegränsad anställning)

ደረት - ኣልቦ ስራሕ፡ ስሕት ኢሉ ቀዋሚ ስራሕ ተባሂሉ ይጽዋዕ ' ዩ። እዚ ዓይነት ስራሕ ' ዚ፡ ንግዚኡ ዝጸንሕ ወይ ምስ ግዜ ዝኽይድ ስራሕ እዩ። ዘብቅዓሉ ፍሉይ ዕለት የብሉን።

ድሩት ስራሕ፡ እዋናዊ ስራሕ (visstidsanställning) ተባሂሉ ' ውን ይጽዋዕ ' ዩ። ብሓፈሻ ግን ደረት ግዜ ዘሎዎ ስራሕ ' ዩ።

ኣብነታት ካብ ዓይነታት ድሩት ስራሕ፡-

ብዙሕ ዓይነታት ድሩታት ስራሓት ኣሎዉ።

ሓፈሻዊ ግዝያዊ ስራሕ

ሓፈሻዊ ግዝያዊ ስራሕ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ድሩት ግዜ ትሰርሕ ማለት እዩ። ወይ ከኣ ንሓደ ዕማም ንምውዳእ ተባሂሉ ኣብ ሓደ ፍሉይ ግዜ ትሰርሕ ማለት እዩ።

ንኣብነት ናይ ሓደ ፍሉይ ፕሮጀክት ሰራሕተኛ ኪንካ ንዝተወሰነ ግዜ ትሰርሕ። ወይ ድማ እቲ ሓለቻ ይድውለልካ’ሞ ብሰዓታት ክትሰርሓሉ ይሓተካ። እዚ ሓድሓደ ግዜ ሰዓታዊ ስራሕ ይብሃል።

ቪካርያት ወይ ተካኢ

ከም ቪካርያት ወይ ተካኢ ኪንካ ክትሰርሕ እንከለኻ፣ ናይ ካልእ ሰብ ስራሕ ኢኻ እትዓምም ዘሎኻ። እዚ ማለት ድማ፣ ንኣብነት ሓደ ብናይ በዓልቲ ቤቱ ምሕራስ ዕረፍቲ ዝወሰደ ሰብ።

ተሞክሮኣዊ ወይ ናይ ፈተነ ስራሕ (Provanställning)

ዝበዝሕ ግዜ፣ ደረት-ኣልቦ ስራሕ ክወሃበካ እንከሎ፣ ብናይ ምኮራኣዊ ስራሕ ኢኻ እትጅምሮ። ምኮራኣዊ ስራሕ፣ ሓደ ወሃብ ስራሕ፣ ከም ሰራሕተኛ ክፍትነካ ኢሉ ዝጥቀመሉ ሓደ ኣገባብ’ዩ። እቲ ምኮራኣዊ ስራሕ፣ ጸኒሑ ናብ ቀዋሚ (ቀዋሚ ስራሕ ክብሃል እንከሎ ትጅምረሉ እምበር ትውድኣሉ ኣይፍሉጥን። ስራሕ ወዲእካ ኣለኻ እንተተባሂልካ ግን ስለምንታይ ዝብል ሕቶ ክምለሰልካ ኣለዎ።) ስራሕ ይቕየር። ምኮራኣዊ ስራሕ፣ ካብ ሽድሽተ ኣዋርሕ ንላዕሊ ክኸውን የብሉን። ኣቐዲሙ ግን ክብቅዕ ይኽእል’ዩ።

ኣብ ሓደ ስራሕ ንብዙሕ እዋን ከየልገስካ ከም ሓፈሻዊ ግዜኣዊ ሰራሕተኛ ኪንካ ምስ እትሰርሕ ብመሰረት ሕጊ ቀዋሚ ስራሕ ክውሃበካ መሰል ኣሎካ። ማለት ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ዓመታት፣ ናይ ክልተ ዓመት ቀጻሊ ድምር ስራሕ ምስ እትሰርሕ፣ ሽዑ ናብ ቀዋሚ ሰራሕተኛ ክትሰጋገር ትኽእል። እዚ ድማ ’ኢንላሳድ’ ምኽን ይብሃል። እዚ፣ ካብቲ ’LAS’ ዝብል ናይ ምክልኻል ሰራሕተኛታት ሕጊ ዝነቐለ ቃል እዩ።

ደሞዝ

ወርሓዊ ዝኽፈል ቀዋሚ ደሞዝ፣ ወርሓዊ ደሞዝ ይብሃል። ሰዓታዊ ደሞዝ ምስ ዝኸውን ግን ኣብ ሰዓት ንዝሰራሕካዮ ዕማም ኢኻ ትኽፈል።

ውዕል ስራሕ

ስራሕ ምስ ረኸብካ፣ ውዕል ስራሕ ወይ ኮንትራት ስራሕ ትፍርም። ኣብቲ ዝፍረም ውዕል ስራሕ፣ እዞም ዝስዕቡ ክህሉዉ ኣለዎም።

- ስምን መለለዪ ቁጽሪ መንነትን (ፐርሶንኑመር)
- ዕማምን መዝነት ስራሕን
- ስም ወሃቢ ስራሕን ቦታ ስራሕን
- ስራሕ እትጅምረሉ ዕለት
- እንታይ ዓይነት ስራሕ ምኽኑ
- ግዜ ስንብታ፣ (uppsägningstid) ማለት ካብ ስራሕ ግድን ከም እትሰናበት ካብ እትሕበረሉ መዓልቲ ክሳብ ስራሕ እተብቅዓሉ ዘሎ መዓልቲ።
- ቅድሚ ግብሪ ምኽፋልካ እትረኽቦ ደሞዝ
- ንኽንደይ እዋን ዝኽፈሎ ዕረፍቲ ዓመት መሰል ከም ዘሎካ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ሰዓታት ስራሕ

ኣብ ሓደ ቦታ ስራሕ፣ እቲ ልሙድ ግዜ ስራሕ 40 ሰዓታት ንሰሙን ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ሰሙን 40 ሰዓታት ምስ እትሰርሕ፣ ናይ ምሉእ ሰዓታት ስራሕ ይብሃል። ኣብ ካልእ ሰዓታት፣ ንኣብነት ለይቲ ምስ እትሰርሕ፣ እቲ ሰሙናዊ 40 ሰዓታት ክጎድል ይግባእ። ሓደ ሰብ ልዕሊ ' ቲ 40 ሰዓታት ንሰሙን ምስ ዝሰርሕ፣ እዚ፣ ' ኦቨርቲድ ' ወይ ' ኦቨርታይም ' ይብሃል። ልዕሊ ግቡእ ሰዓታት ምስ እትሰርሕ ካሕሳ ይግብኣካ እዩ።

ሕጊ ዕረፍቲ ዓመት

ብመሰረት ' ሕጊ ዕረፍቲ ' ፣ ሓደ ሰብ፣ እንታይ ዓይነት ስራሕ ይሰርሕ፣ ብኽፊል ወይስ ምሉእ መዓልቲ ይሰርሕ ብዘየገድስ፣ ኩሉ ሰብ፣ እንተዋሓደ፣ ናይ 25 መዓልቲ ዕረፍቲ ዓመት ክወስድ ኣለዎ።" ዝብል ሕጊ ኣሎ። እዚ ግን ነቶም ብሰዓታት ዝሰርሑ ኣይምልከቶምን እዩ። ብሰዓታት ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፣ ኣምሳያ ዕረፍቶም፣ 12 ሚእታዊ ናይ ምሉእ ደሞዞም (ቅድመ - ግብሪ) ክም ካሕሳ ናይ ዕረፍቲ ዓመት ይወስዱ።

ዝነበረኩም ናይ ስራሕ ግዜ፣ ዕረፍቲ ከይወሰድኩም ምስ ዝዛዘም፣ ኣብ ክንዲ ዕረፍትኹም፣ ገንዘብ ክውሃበኩም ይኽእል። እዚ ማለት ድማ፣ 12% ናይ ዓመታዊ ኣታዊኹም ይውሃበኩም ማለት ' ዩ።

እናሰራሕካ እንከለኻ እንተ ሓሚምካ

ኣብ ስራሕ እንከለኻ እንተ ሓሚምካ፣ ኣብታ ዝሓመምካላ ፋልመይቲ መዓልቲ፣ ክም ዝሓመምካ ንወሃብ ስራሕ ሓብር። ኣብ ' ተን ዝሓመምካለን ቀዳሞት 14 መዓልታት፣ ደሞዝ ሕማም (sjuklön) ዝኽፍለካ፣ ወሃብ ስራሕካ ' ዩ። እታ ፋልመይቲ ዝሓመምካላ መዓልቲ ' ማዓልቲ - ብቕዓት (karensdag) ' ትብሃል። እዚ ማለት፣ ናይታ ማዓልቲ ' ቲኣ ደሞዝ ኣይትወስድን ማለት ' ዩ። ካብታ ዝሓመምካላ ካልኣይቲ መዓልቲ ኣትሒዝካ 80 ሚእታዊ ናይ ደሞዝካ ትወስድ። ሓሚምካ ካብ ሸውዓት መዓልቲ ንላዕሊ ካብ ስራሕ እንተ በኽኮርካ ካብ ሓኪም ምስክር ሕማም ከተምጽእ ኣለካ። ናይ ሓኪም ወረቐት እንድሕር ኣምጺእካ፣ ሕማምካ ቅቡል ኮይኑ ይቕጽል። እዚ ኽኣ ሕክምናዊ መወከሲ (medicinskt underlag) ይበሃል።

ምንዳይ ስራሕ

ስራሕ ምርካብ፣ ብዙሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል።

- ናብ ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ - ስራሕ ኬድካ፣ ነቲ ኣብኡ ዝወጽእ ምልክታታት ተጠቒምካ ስራሕ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።
- ምስ ኣካረይትን ቆጸርትን ትካላት ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ኣካራይት ትካል፣ (bemanningsföretag) ንዝተፈላለያ ትካላት፣ ሰራሕተኛታት ተካሪ።
- ቆጻሪት ትካል፣ (rekryteringsföretag) ሓደስቲ ሰራሕተኛታት ክቐጽሩ ንዝደልዩ ትካላት፣ ዝሰርሑ ሰባት ተናዲየሎም።

- ኣብ መዓልታውያን ጋዜጣታትን ኣብ ኢንተርነትን ንዝወጹ ምልክታታት፣ መልሲ ክትህብ ትኽእል ኢኻ።
- ባዕልኻ ምስ ወሃብቲ ስራሕ ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።
- ንእትፈልጦም ሰባት ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ምኽንያቱ ብዙሓት ሰባት፣ ብውልቃዊ ጻዕሮምን ብመገዲ ዝፈልጡዎም ዓርኪ - መሓዛን ወይ ቤተሰብ ኣቢሎም ስራሕ ይረኽቡ እዮም።

ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ-ስራሕ

ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ - ስራሕ፣ ኣብ መላእ ሃገር ዝርከብ መንግስታዊ ትካል ' ዩ። ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ - ስራሕ፣ ከመይ ጌርካ ስራሕ ክም እትናድን፣ ከመይ ጌርካ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ሞያታትን ትምህርቲታትን፣ ሓበሬታ ክም እትረክብን ይሕብረካ።

ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ - ስራሕ፣ ኣብ መርበብ ሓበሬታኡ ምልክታታት ክፋት ስራሕ ስለ ዘውጽእ፣ ኣብኡ ኣቲኹም ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም። **www.arbetsformedlingen.se**

መንበሪ ፍቓድ ምስ ወሰድካ፣ ክም ደላይ ስራሕ፣ ኣብ ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ - ስራሕ ክትምዝገብ ኣገዳሲ እዩ።

ናይ መትከሊ እግሪ ካሕሳ

ንናይ መተከል እግሪ ካሕሳ፣ መሰል ምስ ዝህሉወካ እቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ - ስራሕ ዘሎ ኣሳላጢ (ሃንድሌጋረ) እዩ ምሳኻ ኮይኑ ነቲ ውጥን ዘውጽኦ። መደብ ' መሰል መትከል እግሪ ' ፣ ናብ ዕዳጋ - ዕዮ ክመይ ኢልካ ክም እትኣቱ ዝገልጽ ውጥን እዩ። ኣብ ' ተን ናይ መትከል - እግሪ መሰል ዘሎካ ክልተ ዓመታት ከኣ እዩ ዘገልግል።

ንደለይቲ ስራሕ ዝሙሃብ ደገፍ

ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ ስራሕ፣ ነቶም ስራሕ ዝደልዩ ዝተፈላለየ ሓገዛት ይገብረሎም። ናዓኻ ንሓድሽ መጻእተኛ ድማ፣ ብቐሊሉ ስራሕ ምእንቲ ክትረክብ ፍሉይ ሓገዝ ይገብረልካ።

ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ቦታ፣ ክትለማመድ ተኽእሎ ኣሎ። ልምምድ ማለት፣ ካብ ፎርሽክሪንግካሳን ማለት ትካል መድሕን፣ መከሓሓሲ እናተቐበልካ ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ቦታ፣ ንገለ እዋናት ትሰርሕ ማለት እዩ። ካብቲ ወሃብ ስራሕ ግን ዝሙሃበካ ደሞዝ የለን።

እቲ ልምምድ፣ ኣብ ሽወደን ስራሕ ክም እትረክብን ክእለትካ ክም እተርእን ይገብረካ። ብዛዕባ ናይ ሽወደን ኣሰራርሓ፣ ተሞክሮ ይህበካ። ስራሕ ንኽትረክብ ድማ ዕድልካ ክብ የብሎ። እቲ ናይ ልምምድ ስራሕ ደስ ምስ ዝብለካ፣ ሓድሽ ስራሕ ክትደሊ እንከለኻ ነቲ ወሃብ ስራሕ ክም መወከሲ ክትጥቀመሉ ትኽእል። ከምዚ ክብሃል እንከሎ፣ እቲ ክም ሓድሽ ዝቐበለካ ዘሎ ወሃብ ስራሕ፣ ነቲ ኣብ ግዜ ልምምድ ወይ ፕራክቲክ ወሃብ ስራሕካ ዝነበረ፣ ደዊሉ ጽቡቕ ምስራሕካን ዘይምስራሕካን ክሓቶ ይኽእል ማለት ' ዩ። ስለዚ መወከሲ ዝኾነካ ክህልወካ ጽቡቕ እዩ። ምኽንያቱ ዳርጋ ኹሉ ወሃብ ስራሕ፣ ሰብ ከስርሕ ከሎ፣ መንን ከመይን ምኟኑ ንምፍላጥ መወከሲ ይደሊ እዩ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ቤት ጽሕፈት መራሽብቲ-ስራሕ፡ ሰብ፡ ስራሕ ዘናድየሎምን ምስ ወሃብቲ ስራሕ ክራኽብ ዕድል ዝህቡን ምርኢታት (mässor) የዳሉ’ዩ።

ስእሊ፡ ብዮርን ተሸ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስራሕ ተልመዴን ወይ ስራሕ ንተሞክሮ፡

ስእሊ: Colourbox

ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ - ስራሕ፣ ብዛዕባ ኣድለይቲ ሞያታት፣ ስልጠና ይህብ እዩ። ዕላምኡ ድማ እቲ ስልጠና ናብ ስራሕ ንኽመርሕ ወይ ንኽምርሕ ብማለት እዩ።

መእተዊ-እግሪ ስራሕን (Instegsjobb) ሓዱሽ ዝጅመር ስራሕን (nystartsjobb)

ኢንስተግስዮብ ከምኡ ′ ውን ኒስታርትስዮብ፣ ነቶም ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት መንበሪ - ፍቓድ ዝወሰዱ ሰባት ዝምልከት ናይ ስራሕ ዕድል እዩ። ኣስራሒ፣ ንዓኻትኩም ብምቕዳሩ፣ ቤት ጽሕፈት ኣማዳእቲ - ስራሕ፣ ሓደ ኽፋል ናይ ደሞዝኩም ዝሸፍን ገንዘባዊ ደገፍ ይገብረሉ። ኢንስተግስዮብ ምእንቲ ክፍቀደልኩም ግን ጎድኒ ጎድኒ ስራሕ፣ ቋንቋ ሽወደን ንሓደስቲ (SFI) ትመሃሩ ክትኮኑ ኣለኩም። ስለዚ ኢንስተግስዮብ ወይ ′ ውን ኒስታርትስዮብ ምስ ዘገድሰኩም ምስ ቤት ጽሕፈት ኣማዳእቲ ስራሕ ተዘራረቡ።

ሰነዳት ምልክታ

ስራሕ ከተመልክቱ እንከለኹም፣ ወሃቢ - ስራሕ ዝጠልቦም ወረቓቕቲ ምስቲ ምልክታኹም ኣሰኒኹም ክትሰድዎ ኣለኩም። ዝበዝሕ እዋን፣ ወሃብቲ - ስራሕ፣ ውልቃዊ ደብዳበን ሰነድ መድለዩ ስራሕ ወይ ሲቪ (CV) ክትሰዱሎም ይደልዩ።

(CV) ሴቨ

ሴቨ፣ ካብ ላቲን ዝመጸ ቃል ኮይኑ፣ "ታሪኽ ህይወት" ማለት እዩ። ኣብ ሴቨ፣ ንዘለካ ተመኩሮ ስራሕ፣ ደረጃ ትምህርትን ካልኣ ክእለትካን ትጽብጽብ። ብዛዕባኻን ከመይ ዝበልካ ሰብ ምኻንካን ድማ ቁሩብ ትትርኽ።

ኣብ ሲቪ (CV) ክኣቱ ዝኽእል እዚ ዝስዕብ እዩ :

- ስም፣ ኣድራሻ : ቁጽሪ ስልኪ፣ ኣድራሻ ኢ - መይል።
- ምህሮ፤ ዝርዝራት ዝቐሰምካዮም ዓይነታት ትምህርቲ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ: Colourbox

ሸቶኻ ኣብ ናይ ስራሕ ህይወትካ፡ ተመኩሮ ስራሕካ፡ ትምህርትኻን ካልእ ፍልጠትካን፡ ከም ሰብ ድማ ብዛዕባ እንታይነትካን ባህርያትካን ተዛረብ።

- ስራሕ፤ ዝርዝር ተመኩሮ ስራሕ።
- ከም ክእለት ቋንቋን ዳታን ዝኣመሰሉ ካልኦት ተመኩሮታት።
- መወከሲታት (Referenser)፥ ስም ወሃብ ስራሕካ ነበር ወይ ከኣ ስም ኣጸቢቕ ዝፈልጠካ ሰብ። ናይ'ቲ ዝጥቀስ ሰብ ስም፡ ቁጽሪ ስልክን ቦታ ስራሕን።
- ሓጺር ውልቃዊ ሓበሬታ፡ ድሌታትካ ወይ ዝንባለታትካ : ቤተሰብካን ኣብ ትርፊ ግዜኻ እትገብሮም ንጥፈታትን።

ኣብቲ ዝነበረካ ስራሕ፡ እንታይ ትሰርሕ ከም ዝነበርካን ትሕዝቶ ትምህርትኻን'ውን፡ ኣብ ሴቪ፡ ኣሕጽር ኣቢልካ ክትትርኽ ትኽእል ኢኻ። ወሃብ ስራሕ ምስ ዝሓተካ፡ ነጥብታት ትምህርትን (Betyg) ምስክር ወረቐትን ድሒርካ ወይ ቃለ-መጠይቕ ምስ ገበርካ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ።

ደብዳበ ምልክታ-ስራሕ/ውልቃዊ ደብዳበ

ኣብቲ ስራሕ እትሓተሉ ደብዳበ ወይ ውልቃዊ ደብዳበ፡ እታ እተመልክተላ ዘለኻ ስራሕ ወይ ትካል፡ ስለምንታይ ከም ዘገደስትካ ትሕብር። ንስኻ ነታ ስራሕ ስለምንታይ ብቑዕ ከም ዝኾንካን ኣቐዲሙ ዝነበረካ ተመሳሳሊ ተመኩሮን'ውን ትገልጽ። እታ ደብዳበ ነታ ስራሕ ተባሂላ ብልክዕ ዝተጻሕፈት ክትከውን ኣገዳሲ'ዩ።

እታ ደብዳበ ክትነውሕ የብላን፡ እንተነውሐት ሓንቲ ገጽ A-4 ኣኽሊት እያ።

ምልክታ ተገዳስነት ወይ ድሌት(Intresseanmälan)

ኣብ ሓደ ቦታ ስራሕ ክትሰርሕ ምስ እትደሊ'ሞ ብዛዕባ ክፋት ቦታ ምንም ረክላም ዘየለ ምስ ዝኸውን ናይ ተገዳስነት ደብዳበ ክትልእኽ ትኽእል። ምስቲ ደብዳበኻ ሲቪ (CV) ልኣኽ። ስለምንታይ ነቲ ስራሕ ከም እተገደስካሉን እንታይ ዓይነት ክእለት ከም ዘሎካን ድማ ግለጽ።

ኣብ ግዜ ቃለ ምልልስ፡ ነዛ ስራሕ እዚኣ፡ ስለምንታይ ከም ዝመረጽካያ ንዝቐርቡልካ ሕቶታት ክትምልስ ኢኻ።

ስእሊ: Colourbox

ናይ ስራሕ ቃለ መጠይቕ(Anställningsintervju)

ናይ ስራሕ ቃለ መጠይቕ፡ ወሃብ ስራሕ፡ ንስራሕ ዝሓትት ሰብ ሕቶታት ዘቕርበሉ ዝርርብ እዩ። ቃለ መጠይቕ ክትገብር ኣብ እትቀራረበሉ እዋን፡ ሓደሓደ ክትሓስበሎም ዝግበኣካ ኣገደስቲ ነገራት ኣሎዉ። ብዛዕባ’ታ ስራሕ ትሓተላ ዘለኻ ትካል ምንባብ ጽቡቕ’ዩ። ነታ ትሓተላ ዘለኻ ስራሕ ዝኸውን ብቐዕ ተመኩሮ ግለጽ። ንኣብነት ኣብ ኢንተርነት ሓበሬታ ክትፍትሽ ትኽእል ኢኻ። እዚ ድማ፡ ኣብታ ተመልክተላ ዘለኻ ስራሕ፡ ተገዳስነት ከም ዘሎካ የርኢ።

ልሙዳት ሕቶታት

ኣብ ቃለ መጠይቕ፡ ንዝተፈላለዩ ሕቶታት እንታይ መልሲ ከም እትህበሎም ምሕሳብ ጽቡቕ እዩ። ርግጸኛ ንኽትከውን ስለ ዘኽእለካ።

ገለ ገለ ልሙዳት ሕቶታትን መዘኻኸሪታትን፡

- ብዛዕባ ነብስኻ ተርኽ!
- ንስኻ ከም ሰብ መን ኢኻ?
- ብዛዕባ ዝቐደሙ ስራሕካን ትምህርትኻን ተርኽ፡
- ምስ ጕጅለ ሰባት፡ ከመይ ትሰርሕ?

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

- ነቲ ስራሕ ዝምችእ፡ ሓያልን እወንታውን ጎድኒ እንታይ ኣሎካ?
- ኣየናይ ጎድንኻ ከተማዕብሎ ትደሊ? (ድኹም ጎድኒታትካ ምልላይ ሓጋዚ እዩ።)
- ነዛ ስራሕ፡ ስለምንታይ መመልከቲ የእቲኻላ?
- ናብኣ ዝሰሓበካ ነገር ወይ ምክንያት ከ እንታይ እዩ?
- ከም ሰራሕተኛ ንኽንቆጽረካ እንታይ ምኽንያት ተቕርበልና?
- ነዚ ስራሕ ከም እትበቅዕ ዘተኣማምነካ ነገር እንታይ እዩ?
- ናይ ርሑቕ መጻኢ መደብካ እንታይ እዩ?

ካልእ፡ ኣብ ግዜ ቃለ መጠይቕ ናይ ስራሕ ክሕሰበሉ ዘሎዎ ነገር፡

ንወሃቢ ስራሕ ክትረኽቡዎ እንከለኹም፡ እቲ እተሕድሩዎ ቀዳማይ ጥብላሕታ ወሳኒ እዩ። እቲ እትኽዱዎ ቦታ ስራሕ፡ ፍሉይ ዝኾነ ኣገባብ ኣከዳድና ወይ ናይ ኣለባብሳ ኮድ ከይህሉዎ ኣጽንዑ።

መብዛሕትኡም ወሃብቲ ስራሕ፡ ኢደካ ዘርጊሕካ ሰላም ክትብሎም ይጽበዩኻ እዮም።

ኣብ ግዜ ቃለ መጠይቕ፡ ሰዓታት ቆጸራ ምኽባር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እንተዘየሎ ግን፡ ነቲ ስራሕ ናይ ምርካብ ዕድልካ ክትከስሮ ትኽእል ኢኻ።

ናይ ውልቀኻ ትካል ምኽፋት

ኣብ ዓመተ 2017፡ ጠቕላላ ቁጽሪ ናይ’ቶም፡ ኣብ ሽወደን ወነንቲ ትካላት ዝኾኑ ሰባት፡ 500 000 በጺሑ። ብቑጽሪ ደረጃ ክርኢ እንከሎ፡ ወነንቲ ትካላት፡ 9% ናይ’ቶም ኣብ ዕዳጋ-ዕዮ ተዋፊሮም ዘለዉ ሰባት እዮም።

ናይ ውልቂ ትካል ክትከፍቱ መደብ ምስ ዝህልወኩም፡ ዝተፈላለያ ድርጅታትን መንግስታውያን ትካላትን፡ ምኽርን ሓገዝን ክልግሳልኩም ይኽእላ እየን። ንኣብነት ትካል ኣልሚ (ALMI) ከምኡ’ውን ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ-ስራሕ ዝመሰላ ማለት’ዩ። ኣብ’ዞም መርበብ ሓበሬታታት **www.tillvaxtverket.se** ከምኡ ’ውን **www.verksamt.se** ናይ ውልቂ ትካል ብኽመይ ትኽፍት ንዝብል ብዙሕ ሓበሬታ ኣሎኩም ኣንብቡዎ።

በዓል መዚ ቀረጽ (Skatteverket) ናይ ውልቂ ትካል ንምምስራት ዝምልከት ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሽወደን ብነጻ ዝውሃብ ናይ ሓበሬታ ሰሚናራት የካይድ። ብዓል መዚ ቀረጽ፡ ትካልኩም ብኽመይ ተመዝግቡ ከምኡ’ውን ኣብ ምጅማር ናይቲ መስርሕ ዝጠቕመኩም ሓበሬታታት ይልግሰልኩም። ኣብዚ ሓበሬታዊ ሰሚናራት፡ ምስ ወከልቲ ከባብያዊ ውድባት ወይ ማሕበራት ናይ ምርኻብ ዕድል ኣሎኩም። ከም ናይ መጻኢ ወናኒ ትካል፡ ብወገኖም እንታይ ዓይነት ሓገዝ ከበርክቱልኩም ይኽእሉ’ውን ይሕብሩኹም።

ኣብዚ ንምስታፍ ብኽመይ ትምዝገቡ ብዝምልከት ናይ ብዓል መዚ ቀረጽ መርበብ ሓበሬታ www.skatteverket.se ብምእታው ኣንብቡ።

ቀምቀምቲ፡ መብዛሕትኡ ግዜ፡ ዋናታት ትካላቶም እዮም።

ስእሊ: Colourbox

(ALMI) 'ኣልሚ ፎረታግስፓርትነር ኣብ' (ALMI Företagspartner AB) ዝብሃል ትካል፡ ብመንግስቲ'ዩ ዝውነን። ኣልሚ፡ ኣብ ሽወደን፡ ብዙሓት ዋኒናት ክጅምራን ንኣሽቱን ማእከሎትን ዋኒናት ክድንፍዓን ይጽዕር። ኣልሚ፡ ዋኒን ንምኽፋት ዘድሊ ናይ ንግዲ ውጥን ኣብ ምሃብ ይሕግዝ። ናይ ንግዲ ውጥን፡ ንዋኒንካ ከመይ ጌርካ ከም እተካይድ ይገልጽ።

ኢፍስ ሮድገቭኒን (IFS Rådgivning)፡ ሓደ ክፋል ኣልሚ ኮይኑ፡ ነቶም ዋኒን ክኸፍቱ ዝደልዩ ወጻእተኛታት ይድግፍ። ኢፍስ IFS ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ናጻ ምኽሪ ይህብ። ኢፍስ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ሽወደን ኣሎ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ኣቲኹም ኣንብቡ **www.almi.se**

ትካል ንምኽፋት ዘድሊ ገንዘብ

ትካል ክትምስርቱ ምስ እትሓስቡ፡ ወትሩ፡ ምወላ (ገንዘብ) ዝብል ነገር፡ ቀዳማይ ዝመጽእ ኣርእስቲ'ዩ። ኣብ ገለ ገለ ኣጋጣሚታት፡ ካብ ካልእ ሰብ ወይ'ውን ኣካል ገንዘብ ምውሳድ የድልየኩም ይኸውን። ጽቡቕ ትካላዊ ሓሳብን ጽቡቕ ውጥን ምምስራት ትካልን ምስ ዝሀልወኩም ምምዋል ኣሸጋሪ ኮይኑ ኣይክትረኽቡዎን ኢኹም። ትካል ንምጅማር፡ ብዙሕ ናይ ምወላ ኣማራጺታት ኣሎኩም። ንኣብነት፡ -

- ልቓሕ ባንኪ
  ንባንኪ ምስ እትውከስ፡ እቲ ባንኪ ነቲ ገንዘባዊ ኩነታትካ ይግምግሞ። ብድሕር'ዚ ክንደይ ከለቃሓካ ከም ዝኽእል ይውስን። ልቓሕ ግን ምስ ወለዱ እዩ ዝምለስ።
- ዘይርጉጽ ርእሰማል (Riskkapital)
  ዘይርጉጽ ርእሰማል ዝብሃል፡ እቲ ብዓል ገንዘብ፡ ኣብ መጻኢ ገንዘብ ንኽረክብ ዘለቃሓካ ልቓሕ እዩ። እዚ ድማ ጽቡቕ ውጥንን ሓሳባትን የድልዮ። ከምዚ ክብሃል እንከሎ፡ እቲ ብዓል ገንዘብ ኣብቲ ትካልካ ዋንነት ንኽህሉዎ ስምምዕ ይግበር ማለት እዩ።
- ብገንዘባዊ ሓገዝ ወይ ህዝባዊ ልቓሕ፡ ንኣብነት ካብ ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ ስራሕ ወይ ኣልሚ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

መድሕን ሽቕለት ኣልቦነት (Arbetslöshetsförsäkringen)

ኣስታት ፍርቂ ህዝቢ ሽወደን፡ ስራሕን ደሞዝን ኣሎዎም። ሽቕለት ኣልቦነት ዳርጋ 6.5% እዩ። ኣብ’ ቶም ካብ 15 - 24 ዝዕድመኦም መንእሰያት ግን ሽቕለት ኣልቦነት ክብ ዝበለ እዩ። 16.4% ድማ ይበጽሕ።

ኣብ ሽወደን፡ ነቶም ስራሕ ዘይብሎም ሰባት ውሕስነት ዝህብ ትካላዊ ስርዓት ኣሎ። እዚ ድማ፡ "መድሕን ሽቕለት ኣልቦነት" ይብሃል። እዚ ስርዓተ - ውሕስነት’ ዚ ኸኣ፡ ሓደ ሰብ ስራሕ ኣብ ዘናድየሉ እዋን ደሞዝ ከም ዝህሉዎ ይገብር። ኣባላት ናይ ካሳ ሽቕለት ኣልቦነት ወይ ኣ - ካሳ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ኣ - ካሳ ነቶም ኣባላቱ ዝኾኑ ስራሕ ዘይብሎም ሰባት ገንዘብ ዝኸፍል ቑጠባዊ ማሕበር እዩ። ኣባል ኣ - ካሳ ንኽትከውን ወርሓዊ ክፍሊት ኣባልነት ክትከፍል ኣለካ።

ኣ-ካሳ (a-kassa) ንምውሳድ ዝህሉ ቅድመ ኹነት፡

ሓደ ዓመት ምሉእ ኣባላት ኣ - ካሳ ኺንኩም ምስ እትጸንሑ፡ ኣብ ውሽጢ’ ታ ዓመት እቲኣ ን 6 ኣዋርሕ ምሉእ ምስ እትሰርሑ፡ ስራሕ ደው ኣብ ዘበልኩምሉ እዋን፡ ኣብቲ እተእትውዎ ዝነብርኩም ደሞዝ ዝተሰረተ መጠን ገንዘብ ካብ ኣ - ካሳ ይውሃበኩም። ቆልዓ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ ምስ ዝህልወኩም 300 ወይ 450 ማዓልታት ሓገዝ ይውሃበኩም። ኣብ’ ተን 200 ቀዳሞት ማዓልታት፡ እቲ ዝውሃበኩም ገንዘብ፡ እንተበዝሐ 80% ናይቲ ዝነበረኩም ኣታዊ ይኸውን። ብድሕሪ’ ዚ መዓልታት’ ዚ፡ እቲ ዝውሃበኩም ሓገዝ፡ እንተበዝሐ 70% ናይቲ ዝነበረኩም ኣታዊ ይኸውን። እተን ቀዳሞት 100 ማዓልታት፡ ኣብ መዓልቲ እንተበዝሐ 910 ክሮነር ይውሃበኩም። ካብ 101 ክሳብ 300 ዘለዋ መዓልታት ከኣ፡ ኣብ መዓልቲ እንተበዝሐ 760 ክሮነር ይውሃበኩም።

ኣ - ካሳ፡ ንውሱን እዋን ጥራይ’ዩ ዝውሃበኩም። ኣ - ካሳ እናወሰድኩም ከኣ ስራሕ ከተናድዩ ኣለኩም። ንመዓልቲ ክንደይ ይውሃበኩም ንዝብል፡ እቲ ኣባላቱ ዝኾንኩሞ ኣ - ካሳ እዩ ዝውስኖ።

ስእሊ: Arbetsförmedlingen

ኣብ ኣ-ካሳ፡ ኣባላት ምስ ዘይትኾኑ፡ ወይ’ውን ክትኮኑ ምስ ዘይትደልዩ፡ ካሕሳ ሽቕለት ኣልቦነት ንኽውሃበኩም እትውከሱዎ ኣ-ካሳ፡ እቲ "ኣልፋ-ካሳ" (Alfakassan)፣ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ናይ ሽቕለት ኣልቦነት ትካል እዩ። ብኣልፋ-ካሳ ዝዋሃብ መጠን ካሕሳ መባእታዊ ክፍሊት (grundbelopp) ኮይኑ፡ ንመዓልቲ 320 ክሩነር እዩ።

መባእታዊ ክፍሊት፡ ነቶም ኣባላት ኣ-ካሳ ዘይነበሩ ወይ’ውን ንሓጺር እዋን ኣባላት ዝነበሩ ሰባት ዝውሃብ ዓይነት ካሕሳ እዩ። መባእታዊ ክፍሊት ክውሃበኩም እንተኾይኑ ድማ፡ ዕድመኹም ካብ 20 ዓመት ንላዕሊ ክኸውን ኣለዎ። መባእታዊ ክፍሊት፡ ካብ ኣልፋ-ካሳ ወይ’ውን ካልእ ተመሳሳሊ ኣ-ካሳ ክውሃበኩም ይኽእል’ዩ።

ምኽፋል ግብሪ

ስርዓተ ግብሪ ሽወደን፡ መሰረት ብልጽግና ሽወደን እዩ። መንግስቲ፣ ነቲ ዝኣቱ ግብሪ ተጠቒሙ፣ ንኹሉ ዜጋ፣ ንትምህርትን ጥጡሕ ናብራን፣ ማዕረ ዕድል ይህብ። እቲ ዝለዓለ ክፋል ብልጽግና ናይ ሽወደን፣ ሳላ ግብሪ እዩ ክኽሰት ክኢሉ። ግብሪ ስለ ዝኣቱ እዩ ናይ ጥዕናዊ ክንክን፣ ናይ ቆልዑ ክንክን፣ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ናይ ኣረጋውያን ክንክንን ክህሉ ዝኽኣለ። ከምኡ’ውን፣ መንገድታትን ህዝባዊ መጎዓዝያን፣ ናይ ስደተኛታት ምቕባል፣ ናይ ኣከባቢ ሓፈሻዊ ዕማማትን ክካየድ ዝኽኣለ፡ ሳላ ግብሪ እዩ።



ስእሊ: Skatteverket

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

መብዛሕትኦም ኣብ ሽወደን ዝነብሩ ሰባት፣ እቲ ዝኽፍሎ ግብሪ፡ ኣብ ምምስራት ሓባራዊ ህይወት ማሕበረሰብ ከም ዝውዕል ይኣምኑ እዮም።

ክትሰርሕ ከለኻ ካብ እቶትካ ግብሪ ትኽፍል። እዚ ግብሪ ' ዚ "ናይ ኣታዊ ግብሪ" ይብሃል። እቲ ቅድሚ ግብሪ ምኽፋልካ እትረኽቦ ደሞዝ፡ "ምሉእ ደሞዝ" ይብሃል። እቲ ግብሪ ምስ ከፈልካ እትረኽቦ ድማ፣ "ጽሩይ ደሞዝ" ይብሃል። በቲ ጽሩይ ደሞዝ ጌርካ ኢኻ እትናበር። ናይ ሽወደን ስርዓተ ግብሪ፣ እቶም ልዑል እቶት ዘሎዎም፣ ልዑል ግብሪ ከም ዝኽፍሉ ይገብር። እቶም እኹል እቶት ዘይብሎም፡ ካብቲ ሕብረተሰብ ክሕገዙ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ነፍስ ወከፍ ኮምዩን፣ ግብሪ ይፈላለ እዩ። እቲ ልሙድ ግብሪ፣ 29 - 35% ናይ እቶትካ እዩ። ብዙሕ እቶት ምስ ዝህሉወካ ንመንግስቲ ' ውን ግብሪ ትኽፍል ኢኻ።

ብዛዕባ ' ዚ ዝያዳ ክትፈልጥ ምስ እትደሊ፣ ኣብቲ ናይ ቤት ጽሕፈት ስካተቨርከት መርበብ ሓበሬታ እቶ፣ **www.skatteverket.se**

ዓመታዊ እቶት	እትኽፍሎ ናይ ኣታዊ ግብሪ
ልዕሊ **662 300** ክሩነር	29-35 % ናይ ኮምዩናዊ ግብሪ + 20 % መንግስታዊ ግብሪ + 5 % መንግስታዊ ግብሪ ካብዚ ንላዕሊ ንዝኣታዊኡ
ኣብ መንን **455 300 - 662 300** ክሩነር	29-35 % ናይ ኮምዩናዊ ግብሪ + 20 % መንግስታዊ ግብሪ ካብዚ ንላዕሊ ንዝኣታዊኡ
ትሕቲ **455 300** ክሩነር	29-35 % ናይ ኮምዩናዊ ግብሪ
ትሕቲ **19 247** ክሩነር	ግብሪ ኣይከፍልን

ናይ ዝተፈላለየ ደረጃታት ኣታዊ፣ ዝኽፈል ግብሪ ሰሌዳ (ካብ 2018 ዝተወስደ ኣሃዛት)።

ምንጪ፣ Skatteverket

ከም መተካእታ ደሞዝ ሕማምን ጡረታን ዝኣመሰሉ እቶታት ' ውን ግብሪ ይኽፈሎ እዩ። ንሓለፋታት ' ውን ትኽፍል ኢኻ። ሓለፋታት ማለት፣ ከም ኣብ ስራሕካ መኪና እንተ ተጠቒምካ፣ ኣብ ቤት መግቢ ምሳሕ ወይ ድራር ክትገዝእ፣ ካብ ስራሕካ ኩፖን እንተ ወሲድካ፣ ግብሪ ትኽፍል።

ምልክታ ግብሪ ናይ ኣታዊ (Inkomstdeklaration)

ኩላቶም ስራሕ ሃልዩዎም ግብሪ ዝኽፍሉ ሰባት፣ ንበዓል መዚ ግብሪ፣ ዓመታዊ ጸብጻብ ኣታዊ ክገብሩ ኣለዎም። በዓል መዚ ግብሪ፣ ምልክታ ግብሪ ናብ ኣድራሻኹም ይሰደልኩም። እዚ ምልክታ ' ዚ ኣብ ውሽጢ ዓመት ኣታዊኹም ክንደይ ምኺኑ፡ ክንደይ ዝኽውን ግብሪ ከም ዝኽፈልኩምን ዘስፈረ እዩ። እዚ ሓበሬታ ' ዚ ካብ ወሃቢ ስራሕኩም፡ ትካል መድሕንን ባንክታትን ዝተረኽበ እዩ። እቲ ኣብዚ ምልክታ ግብሪ ' ዚ ሰፊሩ ዝርከብ ሓበሬታ፣ ቅኑዕ ምኺኑ ክትርእዩዎ ኣለኩም። ነዚ ምልክታ ግብሪ ' ዚ ንምፍራም፣ ነቲ ኣብቲ ዝተላእከ ወረቐት ዘሎ ኮድ ወይ ' ውን ኤለክትሮኒካዊ መረጋገጺ መንነት ተጠቒሙ። ብኽመይ ምልክታ ግብሪ ከም እትልእኩ ናባኹም ዝግደፍ ምርጫ

ምልክታ ግብሪ፡ ብደብዳበ መልክዕ'ውን ናብ ብዓል መዚ ቀረጽ ክትልእኩዎ ትኽእሉ ኢኹም። ምልክታ ግብሪ፣ እንተደንጎየ ኣብ መጀመርታ ወርሒ ግንቦት ኣብ ኢድ ብዓል መዚ ቀረጽ ክበጽሕ ኣለዎ።

ስእሊ፡ ማርኩስ ሉንድስተት፡ ዩነር

ኮይኑ፣ ስልኪ ብምድዋል፡ ብኤስኤምኤስ፡ ብናይ ስካተቨርከት ኣፕ ወይ ብኤለክትሮኒካዊ መንገድታት ከተሳልጡዎ ትኽእሉ። እቲ ንመረጋገጺ መንነት ዘገልግል ኮድ፣ ኣብ ላዕሊ ናይቲ ዝተላእከልኩም ወረቐት ኣሎ።

ግብሪ ሸቐጥ (Moms)

ወሰኽ ግብሪ ኣቕሑት፣ ከምቲ ልሙድ፣ 'ሞምስ' ተባሂሉ ይጽዋዕ። ሞምስ፣ ናይ ኣቕሑን ኣገልግሎታትን ግብሪ እዩ። ኩሉ ሰብ፣ ንዝዕድጎም ኣቕሑን ኣገልግሎታትን፣ ግብሪ ይኸፍለሎም እዩ። ሞምስ ኣብቲ እንኸፍሎ ዋጋ እቱው'ዩ። እንኸፍሎ መጠን ሞምስ፣ ካብ ኣቕሓ ናብ ኣቕሓ ክፈላለ ዝኽእል ኮይኑ 25፡ 12 ወይ 6 ሚእታዊት ክኸውን ይኽእል። ገለ ኣቕሑት ወይ ኣገልግሎታት፣ ካብ ሞምስ ናጻ እዮም። ንኣብነት ሕክምናን ትምህርትን። መንግስቲ፣ ነቲ ሞምስ ከም ፖለቲካዊ መሳርሒ ይጥቀመሉ፡ ነቲ ሰባት ክዕድጉዎ ጽቡቕ እዩ ኢሉ ዝሓስቦ ነገራት ካኣ፣ ትሑት ሞምስ ይገብረሉ።

ግብሪ ፍሉይ ኣቕሓ (Punktskatter)

ግብሪ ፍሉይ ኣቕሓ፣ (Punktskatt) ስሙ ከምዝሕብሮ፡ ካብ ፍሉያት ኣቕሑ፣ ንኣብነት ከም ኣልኮል፡ በንዚን፡ ጸዓትን ትምባኾን፡ ዝውሰድ ግብሪ እዩ። ግብሪ ፍሉይ ኣቕሑ፣ ኣንፈት ዕድጊ ንምምእዛን የገልግል። መንግስትን ፓርላማን እዮም 'ኣየኖት ኣቕሑ ዝያዳ ግብሪ ክኸፈለሎም ኣሎዎ?' ኢሎም ዝውስኑ። መብዛሕትኡ ግዜ፣ እቶም ንጥዕናን ኣከባብን ዝሃስዩ ኣቕሑ፣ ዝያዳ ግብሪ ክኸፍሉ ይብየነሎም።

ማሕበራውያን ክፍሊታት (Sociala avgifter)

ወሃብቲ ስራሕ፣ ነቶም ዘስርሑዎም ሰባት ማሕበራዊ ክፍሊት ይኸፍሉሎም። እዚ፣ 'ወጻኢታት ወሃብቲ ስራሕ' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ክፍሊት ናብ ካዝና ማዕከን ጡረታ፡ ደሞዝ ዕረፍቲ ወለድን ደሞዝ ሕማምን ከምዝኣቱ ይግበር። ብዘይካ'ዚ፣ ወሃብቲ ስራሕ ነቶም ዘስርሑዎም ሰባት'ውን ግብሪ ክኸፍሉሎም ኣለዎም። ምኽፋል ግብሪ ናይ ሰራሕተኛታት ብኣስራሕቲ፡ ኣብ ወርሒ ሓንሳብ ናብ በዓል መዚ ግብሪ ይኽፈል። እቶም ናይ ውልቆም ትካል ዘሎዎም ሰባት ከኣ፣ ውልቃዊ ወጻኢታት (egenavgifter) ዝተሰምየ ማሕበራዊ ክፍሊታት ይኸፍሉ እዮም።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ብጸሊም ምስራሕ

ብጸሊም ምስራሕ ማለት፣ ግብሪ ዘይትኽፍሉ ኣታዊ ኣሎኩም ማለት እዩ። ሕብረተሰብ፣ ዝሰርሕ ዘበለ ሰብ ኩሉ፣ 'ግብሪ ክኽፍል ኣለዎ' ኣብ ዝብል ዓንዲ ዝተሰረተ እዩ። ሕክምና፣ ጽርግያ ምስራሕ፣ ክንክን ዓበይትን ካልእ ማሕበረ-ውሕስነታዊ ኣገልግሎታትን ብግብሪ እዩ ዝምወል።

ብጸሊም ትሰርሑ ምስ እትኾኑ፣ ቀዳማይ ውዕል ኩንትራት ገዛ ወይ' ውን በብወርሑ ዝኽፈል ነገር (kredit) ክትገዝኡ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ኣካረይትን ትካላትን፣ ወትሩ፣ ምስክርነት ስራሕ ይደልዩ።

ንዓኻትኩም፣ ነቶም ብጸሊም እትሰርሑ፣

- ውዕል ስራሕ ስለዘይብልኩም፣ ደሞዝኩም ክትዕመጹ ትኽእሉ ኢኹም።
- ስራሕ ደው ምስ እተብሉ ናይ ኣ-ካሳ ሓገዝ ኣይውሃበኩምን እዩ።
- ናይ ሕማም ወይ' ውን ዕረፍቲ-ስራሕ፣ 'መተካእታ ደሞዝ' ኣይውሃበኩምን እዩ።
- ናይ ሕማም ወይ' ውን ዕረፍቲ-ወላዲ፣ 'መተካእታ ደሞዝ' ኣይወሃበኩምን እዩ።
- ትሑት መጠን ገንዘብ ጡረታ ይውሃበኩም።
- ኣብ ስራሕ ማህሰይቲ ምስ ዘጋጥመኩም፣ ንኽልኦት መጕዳእቲ ምስ እተስዕቡ፣ ወይ' ውን ንብረት ስራሕኩም ምስ እትሰብሩ፣ ውሕስነት የብልኩምን።

ህዝባዊ ናይ ክብሪ መዝገብ (Folkbokföring)

ኣብ 'ህዝባዊ ናይ ክብሪ መዝገብ ሽወደን' ምምዝጋብ ማለት፣ ከም ነባሮ፣ ኣብ ሓንቲ ኮምዩን ሽወደን፣ ኣብ መዝገብ ብዓል መዚ ግብሪ ተመዝጊብኩም ኣለኹም ማለት' ዩ። ኩላቶም ኣብ ህዝባዊ መዝገብ ሽወደን ዝሰፍሩ ሰባት፣ ውልቃዊ መለለዩ ቁጽሪ (ፐርሹን ኑመር) ይውሃቦም። እትቋደሱዎም መሰላትን ዝምልከተኩም ግቡኣትን ምስ ኩነተ ምምዝጋብ ኣብ መዝገብ ህዝቢ ሽወደንን ኣበይ ትነብሩን ዝተታሓሓዘ እዩ። ንኣብነት መሰል ምርካብ ገንዘባዊ ደገፍ ንቐልዑ፣ ደገፍ ክራይ ገዛ፣ ግብሪ ኣበይ ትኽፍሉን ኣብ እዋን ምርጫ ኣበይ ኬድኩም ኢኹም ተድምጹን፣ ዝብል ነገራት ምስ ህዝባዊ መዝገብን ኣበይ ትነብሩን ዝተታሓሓዘ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ኮምዩን፣ ከከም ብዝሒ ተቐማጦኡ፣ ናቱ ምምሕዳራዊ ኣገልግሎታት ይሰርዕ። ኣድራሻ ምስ እትቕይሩ፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን፣ ንብዓል መዚ ቀረጽ፣ ማለት ስካተቨርከት ክትሕብሩ ኣለኩም።

ንህዝባዊ መዝገብ ሽወደን ብዝምልከት፣ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ብዓል መዚ ቀረጽ፣ ኣብዚ ዝስዕብ ፍሉይ ገጽ ኣቲኹም ኣንብቡ። **www.skatteverket.se/folkbokforing**

ፐርሾንበቪስ፡ ማለት ውልቃዊ መለለዩ ሰነድ (Personbevis)

ውልቃዊ መለለዩ ሰነድ፣ ማለት ፐርሹን በቪስ፣ (personbevis) ፣ ብዓል መዚ ግብሪ፣ ብዛዕባኹም መዝጊቡዎ ዝርከብ ውልቃዊ ሓበሬታ፣ ንኣብነት፣ ስም፣ ኣድራሻን ኩነተ መርዓን ዝብል ዝሓዘ ሰነድ እዩ። እዚ ሰነድ ' ዚ ንኣብነት ፍቓድ መዘወሪ ማኪና ከተውጽኡ እንከለኹም የድልየኩም። ፐርሹንበቪስ፣ ማለት ውልቃዊ መለለዩ ሰነድ ግን፣ ከም ታሴራ ወይ መረጋገጺ መንነት ከገልግል ከምዘይክእል ምስትውዓል ኣገዳሲ እዩ።

ውልቃዊ መለለዩ ሰነድ፣ ማለት ፐርሹን በቪስ እንተ ደሊኻ፣ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ስካተቨርከት ወይ ከኣ፣ ናብ ሓደ ካብ ኣብያተ ጽሕፈት ስካተቨርከት ብምኻድ ክትእዝዝ ትኽእል ኢኻ። ፐርሹን በቪስ ንምውጻእ ቀሊል እዩ።

መረቐት መንነት (Identitetskort)

ኣይዲ ካርድ፣ ኣሕጽሮተ ቓል ናይ identitetskort ወይ መረቐት መንነት እዩ። ኣይዲ ካርዲ፣ ዕድመኹም ክንደይ ምኻኑን መንነትኩም ንምንዳርን የገልግል። ንኣብነት፣ መድሃኒት ካብ ፋርማሲ ክተምጽኡ እንከለኹም፣ ወይ ' ውን ናይ ባንኪ ጉዳያት ክተሳልጡ እንከለኹም፣ ኣይዲ ካርዲ ክተርእዩ ክትሕተቱ ኢኹም። ኣይዲ ካርዲ ንምውጻእ 400 ክሩነር ክትከፍሉ ኣለኩም። እይዲ ካርዲ፣ ካብታ ዝወጽኣትላ ዕለት ን 5 ዓመታት ተገልግል። ንዝያዳ ኣፍልጦ፣ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ስካተቨርከት ኣንብቡ።

ኣይዲ ካርዲ ምእንቲ ክውሃበኩም፣ ኣብ ህዝባዊ መዝገብ ሽወደን ዝተመዝገብኩምን ብዕድመ ኽኣ 13 ዓመት ዝመላእኩምን ክትኮኑ ኣለኩም። ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድመኹም ምስ እትኾኑ ' ሞ፣ ኣይዲ ካርዲ ክውሃበኩም ምስ ዝድለ፣ ፍቓድ ወይ ኣፍልጦ ሓላፍነትኩም ዝወሰዱ ወለዲ ወይ ወላዲ (vårdnadshavare) ወይ ከኣ ናትኩም ተሓታቲ የድሊ። ' ሓላፍነት ትሕቲ ዕድመ ዝውንን ወላዲ ' ክብሃል እንከሎ፣ እቲ ንትሕቲ ዕድመ፣ ማለት ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾነ ውላዱ፣ ሕጋዊ ሓላፍነት ዝውንን ወላዲ ማለትና እዩ።

መንነትኩም ንምርግጋጽ፣ ቅቡል ዝኾነ ወረቐት መንነት ወይ ከኣ መን ምኻንኩም ዝምስክረልኩም ሰብ ክህሉ ኣለዎ። መንነትኩም፣ ብሰብኣይኪ ወይ ሰበይትኻ፣ ምዝጉብ መጻምዲ፣ ወላዲ/ሕጋዊ ሓላፍነት ዘሎዎ፣ ሓው/ሓፍቲ ወይ ብጹሕ ውላድ ጌርኩም ከተረጋግጹ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ገለ ገለ እዋናት ኣስራሒኹም ወይ ጽቡቕ ገይሩ ዝፈልጠኩም ሰራሕተኛ መንግስቲ ' ውን መን ምኻንኩም ክምስክር ይኽኣል እዩ።

ብዛዕባ እቶም መን ምኻንኩም ክምስክሩ ዝኽእሉ ሰባት ብዝምልከት፣ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ በዓል መዚ ኣታዊ ግብሪ **www.skatteverket.se** ኣቲኹም ኣንብቡ።

እዚ መስመር ወይ ሊንክ ' ዚ፣ ኣብ ሓድሽ ገጽ ይኽፈት ' ዩ።

እቲ ብብዓል መዚ ግብሪ ዝዳሎ ወረቐት መንነት፣ ኣብ ሽወደን ተቐባልነት ዘሎዎ ሰነድ መንነት እዩ። ናብ ካልኣ ሃገር ክትገሹ እንከለኹም፣ ነዚ ብብዓል መዚ ኣታዊ ግብሪ ዝውሃበኩም ወረቐት መንነት፣ ኣብ ክንዲ ፓስፖርት

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ክትጥቀሙሉ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ወረቐት መንነትኩም ምስ እተጥፍኡ ናብ 020-323262 ደዊልኩም ካብ ስራሕ ወጻኢ ከም ዝኸውን ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ብኸምዚ ኸኣ፡ ዝኾነ ሰብ ነቲ ወረቐት መንነት ክጥቀመሉ ኣይክእልን። ወረቐት መንነትኩም ምስዝስረቐ ናብ ፖሊስ ክትሕብሩ ኣለኩም።

ቅቡላት ወረቓቕቲ መንነት

እዞም ዝስዕቡ ወረቓቕቲ መንነት፡ ተቐባልነት ኣሎዎም።

ወረቐት መንነት ስእሊ: Skatteverket

- ብቤት ጽሕፈት ስካተቨርከት ዝተዋህበ ወረቐት መንነት።
- ሽወደናዊ ፍቓድ መምርሒ ማኪና (körkort)
- SIS ዝብል ምልክት ዘሎዎ ብባንኪ : ወይ ብመንግስታዊ ትካል ዝተሰርሐ ሽወደናዊ ወረቐት መንነት።
- ኣብ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈት ዘገልግል ወረቐት ስራሕ። (tjänstekort)
- ናይ ሽወደን ታሴራ (ወረቐት መንነት)
- ወይኒ ዝመስል ቅይሒ ገበር ዘሎዎ ፓስፖርት ሃገረ ሽወደን።
- ድሕሪ ሓደ መስከረም 2006 ዓ.ም ኣብ ወጻኢ ዝተዋህበ ፓስፖርት ኤውሮጳዊ ሕብረት።
- ድሕሪ መስከረም ሓደ 2006 ዓ.ም ኣብ ኖርወይ፡ ኣይስላንድ፡ ስዊዘርላንድን ለቸስተንስተይንን ዝተሰርሐ ፓስፖርት።

መንበሪ ፍቓድ ኮይኑ፡ ግን ከኣ ዘይቅቡል መረጋገጺ መንነት።

ቅቡል ወረቐት መንነት ዘይብልካ፡ መንበሪ ፍቓድ ናይ ሽወደን ግን ዘሎካ፡ መን ምኺንካ ዝምስክረልካ ድማ ዘይብልካ፡ ወረቐት መንነት ከተውጽእ ትኽእል ኢኻ። ቤት ጽሕፈት ኣታዊ ግብሪ፡ ማለት ስካተቨርከት፡ ኣብ መመልከቲ ቅጥዒ ንዝመላእካዮ ውልቃዊ ሓበሬታኻ ምስ ኣብ ቦርድ ኢሚግረሽን ዘሎ ስም፡ ቁመት፡ ስእሊ፡ ፊርማ፡ መገሺ ሰነድን መንበሪ ፍቓድን ከነጻጽሮ ይኽእል'ዩ። ፓስፖርትኻን ናይ መንበሪ ፍቓድካን ከተርኢ ኣለካ። ፓስፖርት ምስ ዘይህልወካ፡ ናይ መንበሪ ፍቓድ ጥራይ ተርኢ። በዚ መንገዲ'ዚ መንነትካ ከተነጽር ምስ እትደሊ፡ ወረቐት መንነት ክትሓትት እንከለኻ ብዛዕብኡ ተዛረብ።

ማሕበራዊ ውሕስነት

ማሕበራዊ ውሕስነት፡ ኣገዳሲ ኣካል ናይ ሕብረተሰብ ሽወደን እዩ። ማሕበራዊ ውሕስነት፡ ናይ ስድራቤታትን ህጻናትን፡ ስንኩላን፡ ኣረጋውያንን፡ ሕሙማንን ኣብ ስራሕ ዝተጎድኡን፡ ቀጉጣዊ ድርዒ እዩ።

© ናይ ሽስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ፡ ዮነር

ኣብ ጽላል ማሕበራዊ ውሕስነት፡ "ክትዕቆቡ ይግባኣኩም ድዩ ወይስ ኣይፋሉን?" ንዝብል ሕቶ ዝውስን፡ ብዓል መዚ ውሕስነት (Försäkringskassan) እዩ። ብዓል መዚ ውሕስነት፡ መንግስታዊ ትካል እዩ። ነቲ ዝውሃብ ገንዘብ ዝኽፍሎ' ውን እዚ ትካል' ዚ እዩ። ብዓል መዚ ጉዳያት ጡረታ ድማ፡ (Pensionsmyndigheten) ክፍሊት ጡረታን ካልእ ንኣረጋውያን ዝግበር ደገፋትን ይኽፍል።

ንመጀመርታ ግዜኻ ገንዘባዊ ሓገዝ ክትሓትት እንከለኻ፡ እቲ ናይ ውሕስነት ትካል እዩ መሰል ኣሎካ ድዩ ወይስ የብልካን ዘጽንዕ። እዞም ዝስዕቡ ገለ ገለ ኣብነታት፡ ካብ' ቶም ቤት ጽሕፈት ውሕስነት ዝኽፍሎም እዮም።

ሓገዝ ንኽራይ ገዛ (Bostadsbidrag)

ትሑት ኣታዊ ምስ ዝህልወካ፡ ኣብ ሃገረ ሽወደን እተመዝገብካ ድማ ምስ እትኽውን፡ ካብ ትካል ውሕስነት ንኽራይ ገዛ ዝኽውን ሓገዝ ትረክብ ኢኻ። እዚ ኽኣ ' ሓገዝ ክራይ-ገዛ' ይብሃል። ቆልዑ ምስ ዝህልዉኻ' ውን ሓገዝ ክራይ ገዛ ትረክብ ኢኻ። እቲ እትረኽቦ መጠን ሓገዝ ድማ፡ ብዝሒ ኣባላት ስድራቤት ይውስኖ' ዩ። ዋጋ ክራይ ገዛን መጠን እቶትካን' ውን ወሳኒ እዩ። ዕድመኻ፡ ኣብ መንጎ 18ን 28ን እንተ ኾይኑ፡ ' ሓገዝ ክራይ-ገዛ' ክትወስድ መሰል ኣሎካ። ኣብ እቶትካ ዝርአ ለውጢ እንተሎ፡ ንትካል ውሕስነት ክትሕብሮም ይግባእ። እንተ ዘይኮይኑ ምለሶ ተባሂልካ ኣብ ዕዳ ክትኣቱ ትኽእል ኢኻ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ንመለዲ ዝውሃብ ሓገዝ

ንኣኺ ወላዲት ንዝኾንክን፣ ወይ ወላዲት ንእትኾንን ዝውሃብ ገንዘባዊ ሓገዝ ኣሎ። ነፍሰጾር እንተኺንኪ፣ እሞ ድማ ስራሕኪ ኣዝዩ ጽንኩር ኮይኑ፣ ዕማም ስራሕ ክትቅይሪ ተኽእሎ እንተዘይብልኪ፣ "መተካእታ ደሞዝ - ጥንሲ" (graviditetspenning) ክትውሃቢ መሰል ኣሎኪ።

ቆልዓ ምስ እትወልዱ፣ 'ደገፍ መተካእታ ደሞዝ ንወለድን (Föräldrapenning) ግዝያዊ ደገፍ ደሞዝ ንወለድን' (Föräldrapenning) ክውሃበኩም ይኽእል'ዩ። ብመሰረት ናይዚ ኸኣ፣ 480 መዓልታት፣ "ደገፍ መተካእታ ደሞዝ ወለዲ" እናወሰድኩም፣ ኣመት ዕሸል ውላድኩም ትገብሩ። ዝሓመመ ውላድኩም ንምእላይ፣ ካብ ስራሕ ኣብ እትበኾሩሉ ግዜ'ውን እዚ ደገፍ'ዚ ይውሃበኩም እዩ። እዚ መሰል'ዚ ግን፣ እቲ ቐልዓ 12 ዓመት ምስ መልኣ ደው ይብል።

ኩሉ ወላዲ፣ ናይ ቆልዓ ገንዘባዊ ሓገዝ ክረክብ መሰል ኣሎዎ። እዚ ወርሓዊ ዝኽፈል ሓገዝ ቆልዑ'ዚ፣ ንሓደ ቐልዓ 1250 ክሮነር እዩ። እዚ ሓገዝ'ዚ ነቶም ትሕቲ 16 ዓመት ዝኾኑ ቆልዑ ጥራይ እዩ ዝኽፈል። ብዙሓት ቆልዑ ምስ ዝህልዉኹም፣ "ተወሳኺ ናይ ቆልዑ ሓገዝ" (Flerbarnstillägg) ይውሃበኩም። ወለዲ፣ ሓባራዊ ሓላፍነት ናይ ቆልዑ ምስ ዝህሉዎም፣ ነቲ ናይ ቆልዑ ሓገዝ ክማቐሉዎ ኣለዎም።

ውላድኩም ጎደሎ ኣካል፣ ማለት ስንኩል ምስ ዝኾነ ደገፍ ወይ ሓገዝ ክትረኽቡ መሰል ኣሎኩም። ጎደሎ ኣካል ወይ ስንኩል ውላድ ዘሎዎም ወለዲ፣ ናይ "ሓገዝ ንምንክብኻብ ስንኩል ውላድ" ዝብሃል ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

ስንኩል ኼንካ ምንባር

ስንክልና ኣሎዎ ዝብሃል ሰብ፣ ብምኽንያት ሕማም ወይ መጕዳእቲ ብዝወረዶ ጸገም ዝሰንከለ ኮይኑ፣ ደገፍ ዘድልዮ ሰብ ማለት እዩ።

እቲ ስንኩል፣ ልክዕ ከም ካልኦት ጥዑያት ሰባት፣ ኣብቲ ሕብረተሰብ ክዋሳእ ዕድል ኣሎዎ። ስንክልና ዘሎዎም ህጻናት፣ ልክዕ ከም ካልኦት ጥዑያት ህጻናት፣ ክንክንን ትምህርትን ይውሃቦም እዩ።

LSS (ንስንኩላን ዝውሃብ ደገፍን ኣገልግሎትን) ዝብል ሕጊ ኣሎ። ንሱ፣ ስንኩላን ደገፍ ንምርካብ መሰል ይህቦም። እቲ ሓገዝ፣ ንኣብነት ብሰብ መልክዕ ክኸውን ይኽእል። እቲ ሰብ፣ ኣብ ኩሉ መዓልታዊ ናብራ ናይቲ ስንኩል ደገፍ ይህብ። ብገንዘብ መልክዕ'ውን ይኸውን እዩ። እዚ ማለት፣ እቲ ስንክልናኻ ብዙሕ ወጻኢታት ዝሓትት ምስ ዝኸውን፣ ወይ ድማ ንምስራሕን ንምምሃርን ተወሳኺ ገንዘብ ምስ ዘድልየካ ማለት'ዩ። እቲ ናይ ስንክልና ገንዘባዊ ሓገዝ፣ ካብ ትካል ውሕስነት፣ ማለት ፎርሼክሪንካሳን ኢኻ ትረኽቦ።

ናይ "ዕብየት ኣእምሮ ስንክልና፣ ማለት ኦቲዝም"፣ ወይ ነባሪ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጕድኣት ምስ ዝህልወካ ነቲ ሓገዝ ካብ LSS ኢኻ ትረኽቦ።

ስእሊ፡ ዮነር

ስንኩላን ቆልዑ ምስ ዝህልዉኻ፡ ’መተካእታ ደሞዝ’ ክትረክብ ትኽእል። ንስንክልና ዝምልከቱ ሕቶታት ምስ ዝህልዉኻ፡ ምስ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ናይ ኮምዩንካ ወይ ዝምልከቶ ክፍሊ ምክንኻን ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ።

ኣገልግሎት መጓዓዝያ ንሕሙማን(Färdtjänst)

ብዘይ ሓገዝ ክትጓዓዝ፡ ወይ ልሙድ ህዝባዊ መጓዓዝያ (ኣውቶቡሳት፡ ባቡር፡ ትራም) ክትጥቀም ዘጸግመካ እንተኾይኑ፡ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ንሕሙማን (färdtjänst) ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እዚ ማለት፡ ብታክሲ ወይ ብንእሽቶ ኣውቶቡስ ክትጓዓዝ ይፍቀደካ። ኣገልግሎት መጓዓዝያ ዝግብኣካ ምኺኑን ዘይምኺኑን ዝውስን፡ ኮምዩንካ እዩ።

እንተሓሚምካ ወይ ናይ ኣካላት ስንክልና እንተለካ፡

እናሰራሕካ ምስ እትሓምም፡ እቲ ወሃብ ስራሕካ፡ ነተን ቀዳሞት 14 መዓልታት፡ ’ናይ ሕማም ሓገዝ (Sjuklön)’ ይኽፍለካካ። ብድሕር’ዚ፡ ካብ ትካል ውሕስነት፡ ማለት ፎርሼክሪንካሳን ናይ ’ደሞዝ መተካእታ’ ትወስድ። እዚ ድማ፡ ’መተካእታ ደሞዝ ሕማም (Sjukpenning)’ ይብሃል።

ብምኽንያት ሕማም፡ ብመጕዳእቲ ወይ ብስንክልና፡ ምሉእ ግዜ ክትሰርሕ ዘይትኽእል እንተ ኾንካ፡ ካብ ትካል ውሕስነት፡ ገንዘብ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ምስ ትካል ውሕስነት(Försäkringskassan) ርክብ ምግባር

ሕቶ ምስ ዝህሉወካ፡ ኬድካ እትሓተሉ ናይ ውሕስነት ኣገልግሎት ዝህብ ቤት ጽሕፈት ኣሎ። ስሕት ኢሉ፡ ቆጸራ ምግባር ከድልየካ'ዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ'ዚ **www.forsakringskassan.se** ኣቲኻ ክትነብብ ትኽእል ኢኻ።

ውሳነ ቤት ጽሕፈት ትካል ውሕስነት ግጉይ እዩ' ትብል እንተ ኾንካ፡ እግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ። እቲ እግባይ፡ ብጽሑፍ'ዩ ክቐርብ ዘለዎ። እግባይ ክትብል እንተ ደሊኻ፡ ውሳነ ምስ ተዋህበ፡ ግድን ኣብ ውሽጢ ክልተ ኣዋርሕ ኢኻ እግባይ ክትብል ዘለካ። እቲ እግባይ፡ ናብ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ (Förvaltningsrätten) ኢኻ ትጽሕፎ። መጀመርታ ግን ናብ ቤት ጽሕፈት ውሕስነት ደብዳበ ስደድ። እዚ ድማ ንቤት ጽሕፈት ውሕስነት፡ ውሳነ ክቕይር ዕድል ይህቦ። ነቲ ውሳነ እንተዘይቀይሩዎ ግን፡ ነቲ እግባይ ናብ ምምሕዳር ቤት ፍርዲ ትሰዶ።

ቁጠባዊ ረድኤት (Ekonomiskt bistånd)

ቁጠባዊ ናይ መንበሪ ረዲኤት፡ ኣካል ማሕበራዊ ውሕስነት ኮይኑ፡ ብኮምዩናት ይምእከል። ነብስኹም ዘይትኽእሉ ምስ እትኾኑ፡ ቁጠባዊ ናይ መንበሪ ረድኤት ምእንቲ ክውሃበኩም፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ናይ'ቲ እትነብሩሉ ኮምዩን ብምኻድ ኢኹም ተመልከቱ።

ነዚ ብዝምልከት፡ ኣብቲ ኣብ ምዕራፍ 2 ዝርከብ ''ኮምዩንኩም ከምዚ ይመስል" ዝብል ክፋል፡ ብዝርዝር ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ትምህርቲ ንኣባጽሕ

ኣብ ሃገረ ሽወደን፡ በጽሒ ኪንካ ክትምሃር ልሙድ እዩ። መብዛሕትኦም ድማ፡ ዝነበሮም ሞያ ንኽማዕብሉ ወይ ድማ ካልእ ሞያ ንኽሕዙ እዮም ዝምሃሩ። ገሊኦም ግን ሓድሽ ነገር ንምፍላጥ ኢሎም ይምሃሩ። ምሉእ ህይወትካ ምምሃር እወንታዊ ገጽታ ኣሎዎ። 'ናይ ምሉእ ዕድመ ምህሮ' ድማ ይብሃል።

ቤት ጽሕፈት ኣማኽርቲ ትምህርቲ

እንታይ ክትምሃር ከም እትደሊ ርግጸኛ ምስ ዘይትኾውን፡ ንቤት ጽሕፈት ኣማኽርቲ ትምህርቲ ክትውከስ ትኽእል ኢኻ። እዚ ቤት ጽሕፈት'ዚ፡ ኣባጽሕ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ኮርሳትን ሞያታትን ምኽሪ ዝረኽቡሉ ቤት ጽሕፈት እዩ። ኣብያተ ጽሕፈት ኣማኽርቲ ትምህርቲ፡ ኣብ ኮምዩንካ (ምምሕዳርካ) ዘለዋ ኣብያተ ትምህርቲ ኣባጽሕ ይርከቡ። ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረክብ ምስ እትደሊ፡ ምስ ኮምዩንካ ተዘራረብ።

ኣብ ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ንትምህርቲ፡ ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ'ውን ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፡ -

- ቅዳሕ ነጥቢ ትምህርቲ ኣብ ምሕታት፡

ኣብ ሽወደን፡ ንኣባጽሕ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ናይ ትምህርቲ ዕድላት ኣሎዉ።

ስእሊ: Colourbox

- ኣብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ትምህርትን ኮርሳትን ቦታ ንምርካብ፡
- ኣብ ዝደለኻዮ ዓይነት ትምህርቲ ወይ ኮርስ ንኽትኣቱ እንታይ ከም ዘድልየካ ሓበሬታ ኣብ ምርካብ፡
- ብዛዕባ ንትምህርቲ ዘድሊ ካልእ ሓበሬታ፡

ማእከል ኣማኸርቲ ትምህርቲ (Vägledningscentrum)

ዕድመኻ ትሕቲ 20 ዓመት እንተ ኾይኑ፡ ንትምህርቲ ዝምልከት ምኽሪ፡ ካብ ማእከል ኣማኸርቲ ትምህርቲ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፡

- ኣየናይ ዓይነት ትምህርቲ ወይ ስራሕ ክትመርጽ ከም እትደሊ ኣብ ምዝታይ፡
- ንትምህርትን ስራሕን ዝምልከት ሓበሬታ ባዕልኻ ኣብ ምንዳይ፡
- ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዘሎ ትምህርቲ፡

ሽወደንኛ ንስደተኛታት(SFI)

ኤስኤፍኢ (Sfi)፡ ሽወደንኛ ቋንቋ ኣዲኦም ንዘይኮኑ ኣባጽሕ ዝውሃብ መባእታዊ ትምህርቲ ቋንቋ ሽወደን እዩ። ኤስኤፍኢ፡ ምሉእ ግዜ (ምሉእ መዓልቲ) ወይ ፍርቂ ግዜ (ፍርቂ መዓልቲ) ክትማሃሮ ትኽእል። እዚ ትምህርቲ'ዚ፡ ብናጻ እዩ ዝውሃብ።

ኣብ ውሽጢ ኤስኤፍኢ (Sfi)፡ ኣብ ዝሓለፈ ትምህርትኻ ዝተመርኮሱ ዝተፈላለዩ ስልጠናታት ኣሎዉ። ንኣብነት ንሞያ ዘዳሉ ኤስኤፍኢ፡ ከምኡ'ውን ና'ቶም ኣካዳምያዊ ወይ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዘሎዎም ዝዓለመ ኤስኤፍኢ ኣሎ።

16 ዓመት ምስ መላእካ፡ ኣብ ትምህርቲ ሽወደንኛ ንወጻእተኛታትክትሳተፍ መሰል ኣሎካ። ይኹን'ምበር መብዛሕትኦም ትሕቲ 20 ዓመት ዝዕድመኦም ዘበኡ፡ ናይ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ቋንቋ ሽወደን ትምህርቲ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ክምሃርዎ ብዝያዳ ልሙድ እዩ። መጀመርታኻ ናብ ኤስኤፍኢ ንኽትምዝገብ ክትከይድ እንከለኻ፣ ወረቐት መንነትካ፣ መምርሒ ፍቓድካ ወይ ፓስፖርትኻ፣ ምሳኻ ተማለኣዮ።

ኮምዩናዊ ትምህርቲ ንኣባጽሕ – (Komvux)

ኮምቩክስ (Komvux)፣ ኣባጽሕ ዝማሃሩሉ፣ ብትሕዝቶ ትምህርቲ፣ ልክዕ ምስ መባእታ ደረጃ ዝመሳሰል ቤት ትምህርቲ እዩ። መባእታዊ ትምህርቲ ንኣባጽሕ (Grundläggande vuxenutbildning) ተባሂሉ ድማ ይጽዋዕ። ምስ ደረጃ መባእታ ቤት ትምህርቲ ሽወደን ዝዳረግ ትምህርቲ ዘየጠናቐቕኩም ምስ እትኾኑ ኣብ መባእታ ትምህርቲ ኣባጽሕ (Grundläggande vuxenutbildning) ክትማሃሩ መሰል ኣሎኩም።

ኣብ ኮምቩክስ፣ ከምቲ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ሽወደን ዝውሃብ ዓይነታት ትምህርቲ ክትማሃሩ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ኻኣ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንኣባጽሕ (Gymnasial vuxenutbildning) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ምስ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ሽወደን ዝመጣጠን ትምህርቲ እንተዘይብልኩም፣ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ኣባጽሕ (Gymnasial vuxenutbildning) ክትማሃሩ መሰል ኣሎኩም።

ኣብ ኮምቩክስ፣ ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ እትምሃሮም ኮርሳት' ውን ኣሎዉ። ንኣብነት፣ ትምህርቲ ድሕረ-ምረቓ (Påbyggnadsutbildning) ዝብሃል ኣሎ። እዚ ናብ ኣባጽሕ ዝዓለመ ሞያዊ ትምህርቲ እዩ። ኣብ ኮምቩክስ፣ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ምስ ተማሃርካ፣ ናብ ኮለጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ክትቅጽል ትኽእል ኢኻ። እቲ ኣብ ኮምቩክስ ዝውሃብ ትምህርቲ፣ ካብ' ቶም ኣብ መባእታን ካልኣይ ደረጃን ዝውሃቡ ዓይነታት ትምህርቲ ይቕልጥፍ። ትምህርትኻ በየናይ ኣገባብ ከም ትውጥን ባዕልኻ ክትውስን ኣለካ። ማዓልታዊ ወይ ምሽታዊ ትምህርቲ ክትማሃር ትኽእል ኢኻ። ኣብ ኮምቩክስ ብናጻ ኢኻ ትማሃር። ንመጻሕፍትን ንኻልእ መሳርሒ ትምህርትን ዘድሊ ወጻኢታት ግን፣ ባዕልኻ ኢኻ ትኽፍሎ። ዕድመኻ ልዕሊ 20 ዓመት እንተ ኾይኑ፣ እሞ ድማ እንተ ወሓደ

ስእሊ፡ ዮነር

50% ትማሃር እንተ ኼንካ፡ ካብ ሃገራዊ ቦርድ፡ ደገፍ ንትምህርቲ (Centrala studiestödsnämnden, CSN)፡ ትምህርታዊ ደገፍን ትምህርታዊ ልቓሕን (studiebidrag och studielån) ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ናብ'ቶም ናይ ምግንዛብ ወይ'ውን ስነ ኣእምሮኣዊ ስንክልና ዘሎዎም ተማሃሮ ዝቐንዐ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ኣባጽሕ ኣሎ። ከምዚ ዝዓይነቱ ቤት ትምህርቲ፡ "ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ኣባጽሕ" ወይ (särvux) ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ህዝባውያን ላዕለዋት ኣብያተ ትምህርቲ(Folkhögskolor)

ላዕለዋይ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ (Folkhögskola)፡ ኣባጽሕ ተማሃሮ ዝማሃሩሉ ቤት ትምህርቲ እዩ። ኣብ ላዕለዋይ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ መባእታን ካልኣይን ደረጃታት ትምህርቲ ዝውሃቡ ኮርሳት ወይ'ውን ድሕሪ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምጥንቓቕኩም ዝውሰዱ ሞያዊ ስልጠናታት ክትማሃሩ ትኽእሉ። ኣብ ላዕለዋይ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ትምህርቲ ወይ ኮርሳት ክትማሃሩ ትኽእሉ።

- ሓፈሻዊ ኮርስ (Allmänna kurser)፡ ኣብ ክንዲ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ፡ ስሕት ኢሉ ድማ ኣብ ክንዲ መባእታ ቤት ትምህርቲ ትወስዶ። ዝተማሃርካዮ ዓይነት ትምህርቲ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ከከም ኩነታቱ፡ ካብ ሓደ ክሳብ ኣርባዕተ ዓመት ትምሃር። ኣብዚ፡ ካብ ትምህርቲ ኣባጽሕ (komvux) ህድእ ብዝበለ ኣገባብ ኢኻ ትማሃር።
- ፍሉያት ኮርሳት (Särskilda kurser)፡ ፍሉይ ዓይነት ትምህርቲ ዝሓዙ ኮርሳት እዮም። ንኣብነት ሓደ ፍሉይ ሞያ ጥበብ (ኣርት) ወይ ሙዚቃ ክትምሃር ትኽእል። ከም ናይ ትርፊ ግዜ መራሒ (fritidsledare) ወይ ናይ ኣተኣላልያ ተሓጋጊ (behandlingsassistent) ዝኣመሰሉ ዓይነታት ኮርሳት'ውን ክትምሃር ትኽእል ኢኻ።
- ሽወደንኛ ንወጻእተኛታት፡ ህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ፡ ኮርሳት ኤስኤፍኢ ክህልወን ይኽእል'ዩ።

ነፍሲ ወከፍ ህዝባዊት ቤት ትምህርቲ፡ ንመን ከም ትቕበል ባዕላ'ያ ትውስን። ህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ ነናተን ትምህርታዊ ኣገባብ ነጥቢ ኣሎወን። እቲ ኣብ ህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ እትቐስሞ ትምህርቲ፡ ናብ ኮለጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ዘእቱ 'መባእታዊ' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ብቕዓት ክትረክብ የኽእለካ። እዚ ማለት ከኣ፡ ኣብ ኮለጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ክትማሃር ዘኽእለካ ብቕዓት ትምህርቲ ኣሎካ ማለት'ዩ።

ኮለጅ ሞያዊ ትምህርቲ (Yrkeshögskoleutbildning, YH-utbildning)

ሞያዊ ኮለጅ፡ ኣብ ፍሉይ ሞያ ዘድሃበ ናይ ሞያ ትምህርቲ እትቐስሙሉ ቤት ትምህርቲ እዩ። ንሱ፡ ኣብ ክንዲ'ቶም ኣብ ኮለጅን ዩኒቨርሲቲን ዝዋሃቡ ንውሕ ዝበለ ግዜ ዝወሰዱ ዓይነታት ትምህርቲ ዝውሰድ ኣማራጺ እዩ። ኣብ እዋን ትምህርቲ፡ እቶም ተማሃሮ፡ 'ልምምድ ስራሕ (ፕራክቲክ)' ወይ 'ትምህርቲ ኣብ ስራሕ (Lärande i Arbete)' ስለዝገብሩ ምስቲን ትካላት ጥቡቕ ርክባት ይህሉዎም።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ናይ ሞያ ኮለጃዊ ትምህርቲ ስልጠና፣ ምስ ስራሕ ዝተታሓሓዘ እዩ። ዕላምኡ ኸኣ ትምህርቲ ዛዚሞም ብቐሊሉ ስራሕ ንምርካብ ክቐለሎም ብማለት እዩ። ገለ ካብቲ ስልጠናታት፣ ምስ ሞያ ዝተታሓሓዘ ቋንቋ ሽወደን ከም ተወሳኺ ደገፍ ገይሩ ይህብ።

ብዛዕባ ናይ ሞያ ኮለጃዊ ትምህርቲ፣ ተወሳኺ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ምስ ሃገራዊ ወኪል ላዕለዋይ ትምህርቲ ሞያ፣ (Myndigheten för yrkeshögskolan) **www.myh.se** ርክብ ግበር።

ኣብ ናይ ሞያ ኮለጃዊ ትምህርቲ ንምምሃር፣ ናብ ዩኒቨርሲቲን ኮለጅን ዘእቱ መባእታዊ ብቕዓት ክህልወካ ይግባእ። ከምዚ ክብሃል እንከሎ ድማ፣ ኣብ' ተን ኣብ ዩኒቨርሲቲን ኮለጅን ንኽትምሃር ዘድልያ ዓይነታት ትምህርቲ ባጀላ ክህልወካ ይግባእ።

ዩኒቨርሲቲን ኮለጅን

ኣብ ሽወደን፣ ዩኒቨርሲቲታትን ኮለጃትን ኣለዋ። እቲ ፍልልይ፣ ዩኒቨርሲቲታት፣ ግድን ትምህርቲ ምርምር ክህሉወን ኣለዎ። ኣብ ዩኒቨርሲቲን ኮለጅን ዝውሃቡ ትምህርትታት፣ ሓደ ዓይነት ነጥብን ምረቓን የውህቡ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዞባ - ሽወደን፣ እንተ ወሓደ ሓንቲ ኮለጅ ወይ ሓንቲ ዩኒቨርሲቲ ኣላ።

ትምህርታዊ ፕሮግራም ወይ ንጽል ኮርስ (separata kurser)

ሓደ ትምህርታዊ ፕሮግራም፣ ናብ ምረቓ ዝመርሑ ሓያለ ኮርሳት ይሕዝ። ብዲግሪ ምምራቕ ማለት፣ ፈተና ሓሊፍካ ትምህርትኻ ዛዚምካ ኣለኻ ማለት' ዩ። ኣብ ሓደ ትምህርታዊ ፕሮግራም ዝርከቡ ዝበዝሑ ኮርሳት፣ ግድን ክትማሃሮም ኣለካ። ይኹን' ምበር፣ ባዕልኻ ክትመርጾም እትኽእል ሓደ ሓደ ኮርሳት' ውን ኣሎዉ። ንኣብነት ከም ሓኪም፣ ኪኢላ ስነማሕበር (socionom)፣ ጠበቓ ወይ መሃንድስ ኺንካ ንኽትምረቕ፣ ነቲ ዘሎ ትምህርታዊ ፕሮግራም ግድን ተኸቲልካ ክትመሃር ኣሎካ። ኮርስ፣ ብንጽል ትማሃር እንተ ኺንካ : ኮርሳት ባዕልኻ ትመርጽ፣ ባዕልኻ ብዝደለኻዮ ቅደም ተኸተል ከኣ ትምሃሮም። እቶም ምሉእ ግዜ ዝማሃሩ፣ ኣብ ዓመት 60 ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ነጥብታት (högskolepoäng) ይማሃሩ።

ስእሊ፡ ዮነር

ንዩኒቨርሲቲን ኮለጅን ዘድሊ ብቕዓት፡ እዚ ዝስዕብ እዩ፡

ብመባእታዊ ጽፍሒ፡ ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ክትማሃር፡ ግድን መባእታዊ ብቕዓት ክህልወካ ኣለዎ። ስሕት ኢሉ፡ ፍሉይ ብቕዓት የድሊ። እዚ ማለት ከኣ፡ ኣብ ኮለጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ንኽትኣቱ፡ ገለ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኮርሳት ዝወሰድካ ክትከውን ኣለካ።

መባእታዊ መእተዊ ፍቓድ (Grundläggande behörighet) ዘማልእ ሰብ፡ እዚ ዝስዕብ ክህሉዎ ኣለዎ፡

- ካብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ፡ መዛዘሚ ዲፕሎም ዝወሰደን እንተ ዋሓደ ኣብ 90% ናይቲ ዝወሰዶ ትምህርቲ ድማ፡ መሕለፊ ነጥቢ ዘረጋገጸን ክኸውን ኣለዎ።
- ካብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ኣባጽሕ (ቩክሰን-ኡትቢልድኒንግ)፡ መዛዘሚ ዲፕሎም ዝወሰደን፡ እንተ ወሓደ ኣብ 90% ናይቲ ዝወሰዶ ትምህርቲ ድማ፡ መሕለፊ ነጥቢ ዘረጋገጸ ክኸውን ኣለዎ።
- ምስ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ወይ'ውን ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኣባጽሕ ዝመጣጠን ናይ ሽወደን ወይ'ውን ናይ ካልእ ሃገር ትምህርቲ ዘለዎ። ንኣብነት፡-
  - ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ፡ ከም ዝተማህረ ዘርኢ ባጅላ ሃልዩዎ፡ ነተን መሰረታውያን ዓይነታት ትምህርቲ'ውን ዝተማህረን፡
  - ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ወይ'ውን ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኣባጽሕ ዝመጣጠን ፍልጠት፡ ብኽልእ መገዲ ዘጥረየ።
  - ካብ ሃገረ ዴንማርክ፡ ፊንላንድ፡ ኣይስላንድ ወይ'ውን ኖርወይ፡ መሰረታዊ መእተዊ ነጥቢ (Grundläggande behörighet) ዘለዎ።
  - ብመገዲ ናይ ሽወደን ወይ ናይ ካልእ ሃገር ትምህርቲ፡ ወይ'ውን ብግብራዊ ተመኩሮ፡ ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዝዋሃብ መባእታዊ ኮርስ፡ ከምህሮ ዘኽእል ፍልጠት ዘጥረየ ሰብ።

ትምህርትኹም፡ ናይ ካልእ ሃገር ምስ ዝኸውን፡ ንቋንቋታት ሽወደንን እንግሊዘኛን ዝምልከት'ውን ፍሉይ ከተማልኡዎ ዝግባእ ጠለባት ኣሎ።

ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ፡ ሓደ ፍሉይ ዓይነት ትምህርቲ ክትማሃሩ ምስ እትደልዩ፡ ከተማልኡዎ ዝግባእ ፍሉይ መእተዊ ረቓሒታት (Särskild behörighet) ክህሉ ይኽእል'ዩ። እዚ ፍሉይ ረቓሒታት'ዚ ከከም ዓይነታት ናይ'ቲ ትምህርቲ ክፈላለ ይኽእል'ዩ። ዝኾነ ዓይነት ትምህርቲ ንምምሃር እንታይ ዓይነት ረቓሒታት ከተማልኡ ትሕተቱ ንምፍላጥ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይታ ' ማእከል ላዕለዋይ ትምህርቲ' ወይ'ውን ዩኒቨርሲቲ ኣቲኹም ኣንብቡ።

ንላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዘድልዩ መጻኢታት

ኩሉ ትምህርቲ ዩኒቨርሲቲን ኮለጅን፡ ዝዓበየ ክፋሉ፡ ብናይ መንግስቲ ገንዘብ እዩ ዝካየድ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስለዚ ኩሉ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ፡ ናጻ እዩ። ንመጻሕፍትን ንኽልእ መሳርሒታት ትምህርቲ ዘድሊ ወጻኢታትን ግን፡ ባዕልኻ ክትሸፍን ግድን'ዩ።

ንድሩት ግዜ ዝምሃሩን ካብ EU/EES ወጻኢ ዝመጹን ኣጋይሽ ተማሃሮ፡ ከፊሎም እዮም ዝምሃሩ።

እንተወሓደ፡ ገለ ክፍለ-ግዜ፡ ዋላ'ውን 50% ትማሃር እንተ ኾነ፡ ካብ ሲ.ኤስ.ኤን (CSN) ትምህርታዊ ደገፍን ትምህርታዊ ልቓሕን ክትሓትት መሰል ኣሎካ።

ተወሳኺ ሓበሬታ

ብዛዕባ ትምህርቲ ኮለጅ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ **www.studera.nu** ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

ብዛዕባ ሕግታት ምቕባል ተማሃሮ ዝምልከት ሓበሬታ ድማ፡ ብዝያዳ ኣብ መርበብ ሓበሬታ **www.antagning.se** ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

ምምዛን ብቕዓት (Validering)

ምምዛን ብቕዓት (ቫሊደሪን) ማለት፡ ንሓደ ብልክዕ ክትዕቅኖ ዘጸግም ነገር ምምዛን ማለት'ዩ። ዝቐሰምካዮ ትምህርቲ ወይ ኣብ ሓደ ፍሉይ ሞያ ዘለካ ብቕዓት ክምዘን እንከሎ 'ቫሊደሪን' ወይ 'ምምዛን ብቕዓት' ይብሃል። ናይ ዝሓለፈ ትምህርትኻ ወይ ሞያዊ ተሞክሮኻ ክምዘን እንከሎ፡ ምስቲ ኣብ ሽወደን ዝውሃብ ኮርሳት ዝዳረግ ኮይኑ ክርከብ ይኽእል እዩ። ንሞያዊ ፍልጠትካ ብዝርርብ ወይ ብተግባራዊ ፈተና ከተምዝኖ ትኽእል ኢኻ። ፍልጠትካ፡ ከም ህንጻ፡ ክንክን ጥዕና፡ ኢንዱስትሪ፡ መጓዓዝያን ኣደራሽን/ቤት መግብን ዝኣመሰሉ ሞያታት ከተምዝን ትኽእል ኢኻ።

ግምገማ፡ ኣብ ካልእ ሃገር ንዝተቐስመ ትምህርቲ

ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ናይ ወጻኢ ሃገር እንተለካ፡ እቲ ትምህርቲ 'ብሃገራዊ ወኪል ኣገልግሎት ዩኒቨርሲቲን ላዕለዋይ ትምህርትን' ይምዘን። እቲ ምምዛን ኣይክፈሎን እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ'ዚ ዝስዕብ **www.uhr.se** ኣንብብ።

ገለ ሞያታት፡ በቲ ንሞያዊ ስራሕ ዝምልከት ናይ ሽወደን ሕጊ ይምእዘዙ እዮም። ንኣብነት ምረቓን ሕጋውነትን ብዝምልከት። ኣብ ሓደ ውሱን ሞያ ንምስራሕ፡ ካብ ዝምልከቶ ብዓል መዚ፡ ፍቓድ የድሊ። ንናይ ሓኪም ሞያ ወይ ናይ ነርስነት ሞያ፡ ማሕበራዊ ምምሕዳር እዩ ዘፍቅድ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ንዘድሊ ሞያ ድማ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ የፍቅድ።

ኣብ ወጻኢ ሃገር ንዝተማሃርካዮ ትምህርታዊ ነጥቢ ምትርጓም፡

ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝረኸብካዮ ነጥቢ ትምህርቲ ክምዘን፡ ፈለማ ናብ ሽወደንኛ ክትርጎም ኣለዎ። እቲ ትርጉም፡ ብክኢላ ተርጓማይ ዝተተርጎመ ክኸውን ኣለዎ። ሓድሓደ ግዜ ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ-ስራሕ፡ ነቲ ነጥቢ ኣብ ምትርጓም ክተሓጋገዝ ይኽእል'ዩ። እቲ ነጥቢ ብእንግሊዝኛ፡ ፈረንሳይኛ ጀርመንኛ፡ ስጳኛ ወይ ብቓንቋታት ኖርድ ዝተመዝገበ እንተ ኾይኑ ምትርጓም ኣየድልዮን'ዩ።

ትምህርታዊ ልቓሕ (Studiemedel)

"እቶም ኣብ ትምህርቲ ዝሳተፉ ኣባጽሕ፣ 'ገንዘባዊ ሓገዝ ንትምህርቲ' (Studiemedel) ምእንቲ ክውሃቦም፣ ናብ 'ብዓል መዚ ደገፍ ትምህርቲ' (Centrala Studiestödsnämnden - CSN) ክመልክቱ ኣለዎም። "ደገፍ - ትምህርቲ"፣ ኣብ ሓገዝን ልቓሕን ዝተመርኮሰ እዩ። እቲ "ደገፍ" ናጻ ክኸውን እንከሎ፣ እቲ ""ልቓሕ"" ግን ምስ ወለዱ ክምለስ ኣለዎ። ደገፍ ክውሃበኩም ክተመልክቱ ከለኹም፣ ልቓሕ ክትወስዱ ትደልዩ ዲኹም ኣይትደልዩን ናይ ምምራጽ መሰል ኣሎኩም። እቲ ንመምሃሪ ኢልኩም ዝተለቃሕኩሞ ገንዘብ ግን ዋላ ሃገር ቀይሩ፣ እቲ ዕዳ ኣብ ዝባንኩም ስለዝኾነ ግድን ክምለስ ኣለዎ። ካብታ ናይ መወዳእታ ደገፍ ዝወሰድኩምላ ወርሒ፣ 6 ኣዋርሕ ጸኒሕኩም ኢኹም ነቲ ልቓሕ ምኽፋል ትጅምሩዎ። ቆልዑ ምስ ዝህልውኹም እቲ ዝውሃበኩም ናጻ ሓገዝ ልዕል ይብል። እዚ ኸኣ ተወሳኺ ደገፍ (Tilläggsbidrag) ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ኣብ ሽወደን፣ ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ (PUT) ምስ ዝህልወኩም፣ ካብ 'ብዓል መዚ ደገፍ ትምህርቲ (Centrala Studiestödsnämnden - CSN)' ገንዘባዊ ደገፍ ትምህርቲ ናይ ምርካብ መሰል ኣሎኩም። ብብዓል መዚ ኢሚግረሽን፣ ከም ስደተኛ ወይ' ውን ብሰንኪ ፍሉይ ኩነታት መንበሪ ፍቓድ ዝወሰድኩም' ውን፣ እዚ ሓገዝ ይምልከተኩም እዩ። መንበሪ ፍቓድኩም ገደብ ግዜ ዘሎዎ ዋላ ይኹን፣ ይምልከተኩም እዩ። ካልእ ክግለእ ዝግበኦ ረቛሒ ከኣ፣ እቲ እትማሃሩዎ ትምህርቲ ወይ ኮርስ ደገፍ ትምህርቲ ዘውህብ ክኸውን ኣለዎ።

ሓተትቲ ዑቕባ፣ ማለት ገና መንበሪ ፍቓድ ወይ ወረቐት ዘይሓዙ፣ ነዚ ደገፍ ናይ ምርካብ መሰል የብሎምን።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ሲኤስኤን (CSN) **www.csn.se** ኣሎኩም።

ትርፊ ግዜን ማሕበራዊ ናብራን

እቲ ካብ ስራሕን ትምህርትን ናጻ ዝኾነ ግዜ፣ 'ትርፊ ግዜ (Fritid)' ይብሃል። ብዙሓት ኣብ ሽወደን ዘለዉ፣ ኣብ ትርፊ ግዜኦም፣ ኣብ ማሕበራት፣ ዓማዊል ወይ ኣባላት ብምኻን ኣብ ፍሉያት ዘገድሱዎም ንጥፈታት ይነጥፉ። ኣብ ከምዚ ዝበሉ ማሕበራት ብምንጣፍ ዝንባሌኣዊ ተመኩሮታት ትለዋወጥን ትማሃሃርን። ኣብ ትርፊ ግዜኻ እትገብሮ ፍሉይ ተገዳስነት እንተለካ፣ ዕብይ ዝበለ መርበብ ክትፈጥርን ምስ ማሕበረ ሰብ ሽወደን፣ ዝያዳ ርክብ ክትገብርን ዕድል ኣሎካ። ነቶም ኣብዛ ሃገር ሓደስቲ ዝኾንኩም: ትርፊ ግዜ፣ ሓደስቲ ኣዕሩኽ እተጥርዩሉን ኣብ ሓጺር እዋን ትምህርቲ ቋንቋ እትማሃሩሉን ሓደ ኣገባብ' ዩ። ብመገዲ ማሕበር ጌርካ ድማ ኣብ ዓበይቲ ማሕበረ ሰብኣዊ ጕዳያት ትሳተፍ።

ኣብ ሽወደን፣ ናይ ማሕበራት ናጽነት ኣሎ። እዚ፣ ኣብ ደሞክራስያዊ ክፋል ናይቲ ሕብረተሰብ ኣገዳሲ እዩ። ማሕበራዊ ናጽነት ማለት፣ ኩሉ ሰብ፣ ማሕበር ክምስርት ናጻ እዩ ማለት እዩ። ሓባራዊ ዝንባለን ድሕረ ባይታን ዘሎዎም ሰባት፣ ማሕበር ክምስርቱ ይኽእሉ እዮም።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ኣረጋውያን ዘማሮ ኣንስቲ፡

ስእሊ: Colourbox

ኣብ ሽወደን፡ ብዙሓት ዝተፈላለያ ማሕበራት ኣለዋ። ንኣብነት ናይ ስፖርት፡ ሙዚቃ፡ ባህሊ. ከምኡ ' ውን ሃይማኖታዊያን ማሕበራት ዝኣመሰላ ማለት ' ዩ። ዝበዝሕ ግዜ፡ ንጥፈታት ናይ ሓንቲ ማሕበር፡ ቑጠባዊ መኽሰብን ደሞዝን የብሉን።

ምምስራት ማሕበር

ማሕበር ክትተክል እንከለኻ፡ ቦርድ ማሕበር ከተቕውም ኣለካ። እቲ ቦርድ፡ ኣብቲ ማሕበር ዘገልግል እማመ ናይ መምርሒታት የቕርብ። እቲ ዝጸድቕ ሕጊ ከኣ፡ ' ሕጊ ህንጻ ማሕበር ' ይብሃል። ዝበዝሓ ማሕበራት ኣብ መዛግብ ብዓል መዚ ግብሪ፡ ማለት ስካተቨርከት ዝተመዝገባ ኮይነን፡ ማሕበራዊ ቁጽሪ (organisationsnummer) ' ውን ይውሃበን ' ዩ። ብዘይካ ' ዚ፡ ማሕበራት፡ ሕሳብ ባንኪ ወይ ናይ ፕሎስገርሮ ቁጽሪ ኣሎወን።

ርክብ ምስ ዝተፈላለያ ማሕበራት

ኣባል ሓንቲ ማሕበር ክትከውን እንተደሊኻ : ከምኡ ' ውን ማሕበር ክትተክል ወይ ንማሕበርካ ዝኸውን ገንዘብ ክትሓትት እንተ ደሊኻ፡ ምስ ኮምዩንካ ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ኣብቲ ኮምዩን፡ ንኣብነት ' ክፍሊ. ምምሕዳር ትርፊ ግዜ (fritidsförvaltningen) ' ዝብሃል ክፍሊ፡ ነታ ማሕበር ክሕግዛ ይኽእል ' ዩ።

ማሕበር ብኽመይ ተቕሙን ተማሓድሩን ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዘድልየኩም፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ **www.verksamt.se** ኣቲኹም ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብዚ ገጽ ' ዚ ካብ ብዓል መዚ ትካላት፡ (Bolagsverket)፡ ብዓል መዚ ኣታዊ ግብርን ብዓል መዚ ዕብየትን (Tillväxtverket) ዝተዋጽኡ እኩብ ሓበሬታ ኣሎኩም።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ማሕበራት ስደተኛታት

ማሕበራት ስደተኛታት (Invandrarförening)፡ ነቶም ካብ ሓደ ከባቢ ናይ ዓለምና ዝመጹ፡ ኣብዛ ሃገር'ዚኣ ዝነብሩ ዘለዉ ሰባት፡ ኣብዛ ሓዳስ ሃገር፡ ነንሓድሕዶም ንኽራኸቡ ኣብ ምሕጋዝ ዝነጥፉ ማሕበራት'የን። ማሕበራት ስደተኛታት፡ ሓደስቲ ስደተኛታት፡ ብዛዕባ ሕብረተሰብ ሽወደን ንኽርድኡ ክሕግዛኦም ይኽእላ እየን።

ማሕበራት ባህሊ፡

ሓደ ማሕበር ባህሊ፡ ኣባላቱ ኣብ ሓደ ፍሉይ ዓይነት ሳዕስዒት : ትያትርን ሙዚቃን ዝግደሱ ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም። ሓደ ዓይነት ናይ ዓሌትን ባህልን ድሕረ ባይታ ዘሎዎም ሰባት ዘታኣኻኽብ ማሕበር'ውን ክኸውን ይኽእል'ዩ።

መኽሰብ ኣልቦ ማሕበራት (Ideella organisationer)

መኽሰብ ኣልቦ ማሕበራት፡ ንማሕበረሰብ ከማዕብላን ክቕይራን ይፍትና።

መኽሰብ ኣልቦ ማሕበራት፡ ስሕት ኢለን 'ወለንታውያን ውድባት' ወይ 'ዘይመንግስታውያን ውድባት፡ ማለት NGOs' ተባሂለን'ውን ይፍለጣ'የን። ሓያል ካብ'ዘን ውድባት'ዚኣተን፡ ኣብ ሽወደን፡ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ይሰርሓ። ገለ ካብኣተን፡ ኣብ ወጻኢ ሃገር'ውን ይርከባ'የን።

ካብ'ተን ኣብ ሽወደን ዝርከባ መኽሰብ ኣልቦ ማሕበራት፡ ውሑዳት ንምጥቃስ፡-

ማሕበር ቀይሕ መስቀል'፡ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከብ ዓለም ለኻዊ ውድብ ኮይኑ፡ ኣብ ገለ ኣጋጣሚ፡ 'ማሕበር ቀይሕ ፍርቂ-ወርሒ፡ ማለት ሮዳ ሃልቭሞነን' ተባሂሉ ይፍለጥ። ማሕበር ቀይሕ መስቀል፡ ነቶም ብምኽንያት ውግእ፡ ግጭት ወይ ሓደጋ ዝተበታተኑ ቤተሰባት ኣብ ምርኻብ ይታሓጋገዝ'ዩ።

ማሕበር ቀይሕ መስቀል፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኮምዩናት፡ ብናቱ ኣገባብ ይሰርሕ። ኣብ ገለ ገለ ኮምዩናት፡ ኣብ ዕዮ ገዛ ናይ ትምህርቲ ይሕግዝ። ንሓደስቲ መጻእቲ ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ይታሓጋገዞም። ናይ ሽወደን ቀዩሕ መስቀል፡ ኣብ ብዙሕ ኮምዩናት፡ ናብ'ቶም ኣብ ውግእ ዝተጎድኡን ዝተገፍዑን ዝዓለመ ማእከል ኣሎዎ።

ሕጻናት-ኣድሕን (Rädda barnen)፡ ኣብ ሽወደንን ኣብ ካልኦት ሃገራትን፡ ንመሰል ሕጻናት ዝሰርሕ ዓለም ለኻዊ ውድብ'ዩ።

ኮ.ኤፍ.ኡ.ኤም (KFUM) ክፋል ዓለምለኻዊ ውድብ YWCA/YMCA እዩ። ንሓደስቲ መጻእቲ መንእሰያት ዝኾኑ ንጥፈታት ድማ ኣሎዎ። መንእሰያት ምስ ሓደ ዝመርሖም ኮይኖም ናብ ሲነማን ትያትርን ክኸዱ፡ ወይ ገለ ዓይነታት ስፖርት ክፍትኑ ይራኸቡ።

IM, ማለት፡ 'ኣህጉራዊ ውድብ ውልቀ-ሓጋዚ-ደቂ-ሰባት' ኮይኑ ኣብ ሽወደን'ውን ይሰርሕ እዩ። ንሱ ኣብቲ ኣብ ሕብረተሰብ ዝህሉ ናይ ምትሕውዋስን ምስታፍን ተግባራት ይነጥፍ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ፡ ዮነር

ፖለቲካውያን ማሕበራት

ብፖለቲካ ትግደስ እንተኼንካ፣ ኣባል ሓንቲ ፖለቲካዊት ሰልፊ ወይ ፖለቲካዊት ውድብ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ኣብ ' ተን ዝበዝሓ ፖለቲካውያን ሰልፍታት፣ ነባጽሕን ንመንእሰያትን ዝሰርሓ ጉጅለታት ኣለዋ።

ካልኦት ማሕበራት

ኣገደስቲ ክኾና ዝኽእላ፣ ካልኦት ብዙሓት ማሕበራት ኣሎዋ። ንኣብነት፣ ማሕበራት ኣከባብን እንስሳታትን፣ ማሕበራት ሓልዮት ኣከባቢ (miljöföreningar) ወይ ከኣ ሃይማኖታውያን ማሕበራት ዝኣመሰላ ኣሎዋ። ናይ ጡረተኛታት (pensionärsföreningar) ማሕበራት ኮይነን፣ ምስ ተገዳስነትን ዝንባለን ኣረጋውያን ዝሰርሓ ማሕበራት ' ውን ኣሎዋ።

ህዝባውያን ምንቅስቓሳት (Folkrörelserna) - ልሙዳት ተግባራት ኣብ ሽወደን፡

ህዝባዊ ምንቅስቓስ ዝብሃል፣ ብዕብይ ዝበለ ጉጅለ ሰባት ዝቖመ፣ ንሓደ ዕላማ : ንኣብነት ጸረ መስተ ወይ ሓልዮት ኣከባቢ ክሰርሕ ከሎ ' ዩ። ህዝባውያን ምንቅስቓሳት ኣብ ሽወደን፣ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዞም ክነጥፉ ዝጸንሑ ' ዮም። ህዝባዊ ምንቅስቓስ፣ ዝበዝሕ እዋን ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ሃገር ዝርከብ ውድብ ' ዩ። ህዝባውያን ምንቅስቓሳት፣ ኣብ 19 ክፍለ ዘመንን ኣብ መጀመርታ 20 ክፍለ ዘመንን ኣዝዮም ኣገደስቲ ነይሮም። ሽዑ፣ ብዙሓት ህዝባውያን ምንቅስቓሳት፣ ንሰብኣውያን መሰላትን ንዝያዳ ደሞክራስያዊ ሕብረተሰብን ይቃለሱ ነይሮም።

ምንቅስቓስ ጸረ - መስተ (nykterhetsrörelsen) : ምንቅስቓስ ናጻ ኣብያተ ክርስትያንን (frikyrkorörelsen) ምንቅስቓስ ሰራሕተኛታትን፣ (arbetarrörelsen) እቶም ዝዓበዩ ህዝባውያን ምንቅስቓሳት ' ዮም ነይሮም። ምንቅስቓስ ጸረ - መስተ፣ እቲ ፈለማ ዝተተኽለ ምንቅስቓስ ' ዩ ነይሩ። እዚ ምንቅስቓስ ' ዚ፣ ሰብ ዝሰትዮ መስተ ክንኪ ይጽዕር ነይሩ። ምንቅስቓስ ናጻ ኣብያተ ክርስትያን፣ ክርስትያናዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ' ዩ። ቀዲሙ፣ ኩሉ ሰብ ናይ ምምራጽ መሰል ክህሉዎ ዝተቓለሰ ምንቅስቓስ ' ዩ። ብዙሓት ህዝባውያን

ስእሊ፡ ዮነር

ምንቅስቓሳት፣ ኩሉ ሰብ ክማሃርን ዕድል ትምህርቲ ክረክብን ጽዒረን። ኣብዚ እዋን’ዚ፣ ብዙሓት ህዝባውያን ምንቅስቓሳት ኣብ ፖለቲካዊ ሕቶታት ይነጥፉ። ኣብዚ ግዜ’ዚ፣ ከም መንግስታውያን ትካላት ኮይነን ዝሰርሓ ህዝባውያን ምንቅስቓሳ’ውን ኣሎዋ። ንኣብነት ውሕስነት ሸቕለት - ኣልቦነት፣ ማለት ኣ - ካሳ (a - kassan)። ብሓደ ሓቢርካ ንለውጢ ናይ ምስራሕ ልምዲ፣ ኣብ ሕብረተሰብ ሽወደን፣ ገና ህያው ኣሎ። ሎሚ’ውን፣ ብዙሓት ማሕበራት፣ በዚ ኣገባብ’ዚ እየን ዝሰርሓ ዘለዋ።

ህዝባዊ ትምህርቲ (Folkbildning)

ህዝባዊ ትምህርቲ ማለት፣ ኣባጽሕ፣ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ዝቐስሙሉ መደብ እዩ። ኩሉ’ቲ ኣብ ፈደረሽን ትምህርትን፣ ኣብ ህዝባውያን ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርትን ዝውሃብ ትምህርቲ፣ ’ህዝባዊ ትምህርቲ’ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ህዝባዊ ትምህርቲ፣ ኣብ ሽወደን ካብ ዝዓቢ፣ ልዕሊ 100 ዓመታት ኣቢሉ ገይሩ፣ ክሳዕ ሕጂ’ውን ሓያል ምንቅስቓስ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ዜጋታት ሽወደን፣ ብህዝባዊ ትምህርቲ ተሓጊዞም፣ ኣብ ምህናጽ ደሞክራሲያዊ ሕብረትሰብ ንጡፋትን ተሳተፍትን ክኾኑ ዘኽእሎም ፍልጠት ይቐስሙ።

ፈደረሽን ትምህርቲ (Studieförbund)

ፈደረሽን ትምህርቲ፣ ነባጽሕ ትምህርቲ ዘዳሉ ውድብ’ዩ። ክበብ መጽናዕቲ (studiecirkel) ባህላዊ ፕሮግራምን (kulturprogram) ካልኣ ትምህርትን ነባጽሕ ዘዳልዋ ሓያለ ፈደረሽናት ትምህርቲ ኣሎዋ። ክበብ መጽናዕቲ፣ ማለት ከም ስነ ጥበብ፣ ሙዚቃ፣ ቋንቋን ባህልን ብሓደ ኮይኖም ዘጽንዑ ጉጅለ ሰባት ማለት’ዩ። ኣበኤፍ (ABF)፣ መድቦርያርስኩላን (Medborgarskolan)፣ ፎልክኡኒቨርሲቲት (Folkuniversitetet)፣ ማሕበር መጽናዕቲ ኣባጽሕ (Studieförbundet Vuxenskolan) ዝኣመሰላ፣ ገለ ካብ ፈደረሽናት ትምህርቲ እየን። እዘን ፈደረሽናት ትምህርቲ’ዚኣተን፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት፣ ኣስታት 300 000 ዝኾና ክበባት መጽናዕቲ የዳልዋ። ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ተሳተፍቲ ድማ ኣሎዉወን።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ሓበሬታ ስደተኛታትን (Flyktingguide) ካልእ ተመሳሳሊ ኣገልግሎትን፡

ብዙሓት ኮምዩናትን ወለንታውያን ውድባትን፡ ሓደስቲ ንዝመጹ ስደተኛታትን ወጻእተኛታትን፡ ምስ ሽወደናውያን ናይ ርክባት መስመር ከጥርዩ ኣብ ምሕጋዝ ይነጥፉ። ዕላማ ናይዚ ኸኣ : ሽወደናውያንን ስደተኛታትን ኣብ ትርፊ ግዜኦም ተራኺቦም ክላለዩን ሕድሕድ ተመኩሮ ክለዋወጡን ዝዓለመ ፡ ዩ። እዚ መደብ ፡ ዚ፡ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ብምስራዕ፡ ንኣብነት፡ ቦውሊን፡ ስፖርታዊ ኣጋጣሚታት፡ ቤተመዘክርን ካልኢ ኣገደስቲ ቦታታት ብምብጻሕን ክፍጸም ይኽእል። ኣብ እትነብሩሉ ከባቢ፡ እንታይ ዓይነት ንጥፈታት ወይ መደባት ክህሉ ከም ዝኽእል ንምፍላጥ ንምምሕዳር ኮምዩንኩም ተወከሱ።

ትርፊ ግዜ ንቐልዑን መንእሰያትን፡

መዘናግዒ ማእከላት (Fritidsgårdar)፡

ኣብ ኮምዩናት፡ ነቶም ካብ 12 - 16 ዓመት ዝዕድመኦም መንእሰያት ዘገልግላ መዘናግዒ ማእከላት ኣሎዋ። ዕብይ ንዝበሉ መንእሰያት ተባሂሎም ዝተዳለዉ መዘናግዒ ማእከላት ፡ ውን ክህልዉ ይኽእሉ ፡ ዮም። ኣብ ፡ዞም መዘናግዒ ማእከላት ፡ ዚኣቶም፡ እቶም መንእሰያት፡ ፊልም ክርእዩን ምስ ኣዕሩኽቶም/መሓዙቶም ክራኸቡን ይኽእሉ። ኣብ ገለ ገለ እዋናት፡ እዘን ማእከላት ፡ ዚኣተን፡ ነቶም መንእሰያት፡ ትምህርቲ ሳዕስዒት፡ ተዋስኦን ፎቶግራፍን የዳልዋ። ኣብ እትነብሩሉ ከባቢ እንታይ ዓይነት ንጥፈታት ወይ መደባት ክህሉ ከም ዝኽእል ንምፍላጥ፡ ንኮምዩንኩም ተወከሱ። ወይ ከኣ፡ ኣብ ናይቲ ኮምዩን መርበብ ሓበሬታ ኣቲኹም ኣንብቡ።

ስእሊ፡ ዮነር

ንመንእሰያት ዝግበሩ ጻዕርታት

ብዘይካ መዘናግዒ ማእከላት፣ ብዙሓት ኮምዩናት፣ ንመንእሰያት ንምሕጋዝ ፍሉይ ተበግሶታት ይወስዳ እየን። ንኣብነት ማእከል መንእሰያት ወይ ካልእ መእሰያት ዝራኸቡሉ መኣዲታት እናረኣኻ፣ ዝተፈላለየ ፕሮጀክትታት ወይ ጕጅለታት ምድላው ከጠቓልል ይኽእል። ኣብ እትነብሩሉ ከባቢ፣ እንታይ ዓይነት ንጥፈታት ወይ መደባት ክህሉ ከም ዝኽእል ንኮምዩንኩም ክትውከሱ ወይ ኣብ ናይቲ ኮምዩን መርበብ ሓበሬታ ኣቲኹም ክተንብቡ ትኽእሉ።

ማሕበራት ስፖርት

ማሕበራት ስፖርት (Idrottsföreningar)፣ ንብዙሓት ኣብ ሽወደን ዘለዉ ቆልዑን መንእሰያትን ኣገደስቲ ማእከላት እየን። ኣብ'ዘን ማእከላት'ዚኣተን፣ ኣብ ዝተፈላለየ ስፖርታዊ ንጥፈታት ክትሳተፉ ትኽእሉ። ንኣብነት ከም ኩዕሶ እግሪ፣ ምግላብ ፈረስን ምሕምባስን የጠቓልል። መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ ስፖርታዊ ንጥፈት ዘዘውትሩ መንእሰያት ካብ'ቶም ዘየዘውትሩ ዝበለጸ ኩነተ ጥዕና ኣሎዎም።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ሕቶታት ዘተ፡ ምዕራፍ 3

ብጸሊም ምስ እትሰርሕን ግብሪ ምስ ዘይትኸፍልን እቲ ሕብረተሰብ እንታይ ይኸውን?

ኣብ ናይ ሞያ ማሕበር ምእታው እንታይ ጥቕምን ጉድኣትን ኣሎዎ?

ኣብቲ ናይ ስራሕ ኣልቦነት-መድሕን ወይ ኣ-ካሳ ምእታው እንታይ ጥቕምን ጉድኣትን ኣሎዎ?

ዝበዝሑ ስራሓት፡ ብመራኸብቲ ሰብን ብማሕበራዊ ሰንሰለትን እዮም ዝርከቡ። ኣብ ሽወደን፡ ብኸመይ መንገዲ እዩ ማሕበራዊ ሰንሰለት ዝምስረት?

እቲ ዝኽፈል ግብሪ፡ ኣብ ምንታይ ዝውዕል ይመስለካ?

ኣብ ሽወደን፡ ዝቑረጽ ግብሪ፡ ኣዚዩ ላዕሊ ድዩ ወይስ ኣዚዩ ታሕቲ?

ኣብ ሽወደን፡ ነቲ ዝሓለፈ ተመኩሮኻ፡ ኣብ ስራሕ ምድላይ ብኸመይ መገዲ ትጥቀመሉ?

ትምህርቲ ክትመርጽ እንከለኻ፡ እንታይ ክትሓስብ የድልየካ?

ኣብ ግዜ ዕረፍትኻ እንታይ ትገብር?

ኣብ ሽወደን፡ ትግደሱ ሞያ ኣየናይ እዩ?

ትምህርቲ ክትቅጽል መደብ ኣሎካ ዶ?

ምስ ገለ ዘገድሱኻ ማሕበራት ርክብ ኣሎካ ዶ?

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ: Colourbox

4. መሰላትን ግቡኣትን ውልቀ ሰብ

ትሕዝቶ

ማዕርነትን ሰብኣዊ መሰላትን

ምክልኻል ኣድልዎ

ስድራቤትን ውልቀ ሰብን

መሰላት ቆልዑ

ዓመጽ ሰብኡት ኣብ ልዕሊ ኣንስትዮን ዓመጽ (våld) ኣብ ልዕሊ ናይ ቀረባ ዝምድናታትን፡

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ማዕርነትን ሰብኣዊ መሰላትን

ማሕበራዊ ማዕርነት ክብሃል እንከሎ፣ ኩላቶም ደቅሰባት፣ ዓሌታዊ መበቆሎም፣ ጾታዊ ዝንባለታቶም ወይ ‘ውን ስንክልናታቶም ብዘየገድስ፣ ማዕረ እዮምን ብማዕረ ኣገባብ ከኣ ክታሓዙ ኣለዎምን ማለት እዩ።

‘ገፍሚኪሄት’ ትብል ቃል: ብ1948 ዓ.ም. ካብ ሓፈሻዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ው.ሕ.ሃ ዝመጸት ቃል ‘ያ። ሓፈሻዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ው.ሕ.ሃ፣ ኩላቶም ደቅሰባት ማዕረ ክብርን መሰልን ከምዘለዎም ዘመልክት ‘ዩ። ‘ገፍሚኪሄት’ ማለት፣ ኩሉ ሰብ ሓደ ክብሪ ሃልዩዎ ብሓደ ዓይኒ ክርኢ እንከሎ ማለት ‘ዩ። ኩላቶም ሰባት ዝመስሎም ክዛረቡ፣ ዝደለዩዎ ኣምላኽ ክኣምኑን ዝደለዩዎ መጻምዲ ክመርጹን መሰሎም ‘ዩ።

ሓፈሻዊ ኣዋጅ "ውዕል ሰብኣዊ መሰላት" ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ንዘሎ ህዝቢ ይምልከት። ሰብኣዊ መሰል ኣብ ዘይክበረሉ ቦታን ሃዋሁውን ምዕቡል ደሞክራሲ የለን ወይ ኣይሰርሕን። ሓደ መንግስቲ፣ ንህዝቡ፣ ካብ ዓሌታዊ ኣፈላላይን ጭቆናን ክከላኸለሉ ኣሎዎ። ኣብ ሽወደን፣ "ውዕል ሰብኣዊ ድሕነት" ነዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ነጥብታት የኽብሮምን ይከላኸለሎምን። ‘ቅጥዒ መንግስቲ፣ ማለት (regeringsformen)’: ‘ሕጊ ናጽነት ሕትመት ወይ ሕጊ ፕረስ፣ (tryckfrihetsförordningen)’: ‘ሕጊ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነት (yttrandefrihetsgrundlagen)’ ማለት ‘ዩ። እቲ ሕጊ፣ መንግስትን ኮምዩናትን ንኹሉ ነባሪ፣ ናይ ስራሕ፣ መንበሪ ቤትን ትምህርትን መሰላቱ ንኽሕሉዉ ይሰርሑ ይብል።

ብዛዕባ ሰብኣውያን መሰላት ዝምልከት፣ ኣብ መርበብ ሓበሬታ መንግስቲ ሽወደን፣ **www.manskligarattigheter.se** ክትነብብ ትኽእል ኢኻ።

ኤውሮጳዊ ውዕል

ካብ 1950 ዓ.ም ኣትሒዙ፣ ንሰብኣውያን መሰላት ዝሕሉን ዝከላኸልን ኤውሮጳዊ ውዕል ኣሎ። "ውዕል ኤውሮጳ (Europakonventionen)" ድማ ይብሃል። ከምዚ ዝበለ ውዕል፣ ምስ ብዙሓት ሃገራት ብምስምማዕ እዩ ዝግበር። ገለ ካብ’ቶም ኣብቲ ውዕል’ቲ ዘለዉ መሰላት ንምጥቃስ፣

ስእሊ: ዮነር

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

- መሰል ናጽነትን ውልቃዊ ድሕነትን
- መሰል ንፍትሓዊ ፍርዲ
- መሰል ክብረት ንውልቃውን ንስድራቤታውን ህይወት

እዚ፡ ብ1995 ዓ/ም ናይ ሽወደን ሕጊ ኮይኑ። ሃገር፡ መንግስትን ኮምዩናትን፡ ነዚ ሕጊ ’ውዕል ኤውሮጳ’ ’ዚ ኣብታ ሃገር ኣብ ግብሪ ከም ዝውዕል ይገብሩ።

ጾታ፡ ጾታዊ ማዕርነትን ኣንስታይነትን፡

ጾታዊ ማዕርነት፡ ’ማዕርነት ኣብ መንጎ ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን’ ዝብል ትሕዝቶ ኣሎዎ። ንገዛእ ህይወቶምን ሕብረተሰቦምን ክጸልዉ ማዕረ ሓይልን ዕድልን ኣሎዎም። ጾታዊ ማዕርነት ማለት፡ ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ማዕረ መሰላትን ግቡኣትን ክህሉዎም ኣሎዎ ማለት እዩ። ኩነታት ደቅሰባት፡ ጾታ ገዲፍካ፡ ብኻልእ ረቂሒታት ክጽሎ ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ከኣ፡ ኩላተን ደቀንስትዮ ወይ’ውን ኩላቶም ደቂ ተባዕትዮ፡ ሓደ ዓይነት ተመኩሮታት ህይወትን ኩነተ - መንብሮን የብሎምን።

ጾታ፡ ቀሊል መፍለዩ ነጥቢ ኣይኮነን። ንነብሶም ኣይከም ዓለንስተይቲ ኣይከም ወዲ ተባዕታይ ዝቐጽሩዋ ሰባት ኣለዉ። ገለ ገለ’ውን እቲ መበቆል ጾትኦም ገዲፎም ናብ ካልእ ጾታ ዝሳገሩ ኣሎዉ። ኩላቶም ደቅሰባት፡ ጾትኦም ብዘየገድስ፡ ብልሙድ ጾታዊ ኣረዳድኣታትን ሕብረተሰብን፡ ኣብኡ ሰፊኑ ዝርከብ ክብራዊ መለክዒታት ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን፡ ክጽለዉ ባህርያዊ እዩ።

ኣንስታይነት (ፈሚኒዝም)፡ ኣብ ሕብረተሰብ፡ "ደቀንስትዮ ብደቂ ተባዕትዮ ዝተጸቕጣ ወይ ከም ንኡስ ክፋል እየን ዝቑጸራ" ካብ ዝብል እኩብ ርድኢት ዝነቅል፡ እሞ ኻኣ፡ ነዚ ክቕይር ዝህቅን ጠማሪ መረዳእታ እዩ። ኣንስታይነታዊ ፖለቲካዊ ምንቕስቓስ፡ ብዝተፈላለየ ኣገባባት ኣቢሉ፡ ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ኣብ ሕብረተሰብ ማዕረ ዕድላት፡ መሰላትን ግቡኣትን ንኽህሉዎም ይቃለስ። ብግብሪ ክርእ እንከሎ፡ ጾታዊ ማዕርነት ንምርግጋጽ ዝግበር ጻዕርታት፡ ኣግላሊ ወይ ፈላላዩ ዝኾነ ሕግታት ንምውጋድን፡ ጾታዊ ዓመጽ ንምቅላስን፡ ቀጽሪ ደቀንስትዮ ኣብ ወሳኒ ቦታታት ክብ ንምባል ምቅላስ፡ ከምኡ’ውን ካልእ ዓይነት ጸቕጥታት ምስ ጾታ ዝተታሓሓዘ ምኺኑ ምዝኽኻርን ከጠቓልል ይኽእል።

ጾታዊ ማዕርነት፡ ኣብ ፖለቲካዊ መዳያን ኣብ ቤትን

ኣብ መጀመርታ ናይ 20 ክፍለ ዘመን፡ ኣብ ሽወደን፡ ኣብ መንጎ መሰላት ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዓቢ ፍልልይ ነይሩ። ቅድሚ 1921 ዓ.ም፡ ደቀንስትዮ፡ ናይ ምድማጽን ኣብ ባይቶ ናይ ምምራጽን መሰል ኣይነበረንን። ኣብቲ እዋን’ቲ ግን፡ ምርዑዋት ደቀንስትዮ ከም ብጹሓት ተቐጺረን። እዚ ማለት ከኣ : ንኣብነት ንቐጠባዊ እቶተን ብዝምልከት፡ ንመጀመርታ ግዜ፡ ናይ ምውሳን መሰልን ናጽነትን ረኺበን። ኣብዚ እዋን’ዚ፡ ኣብ ፓርላማ፡ ብቑጽሪ ክንዲ’ቶም ደቂ ተባዕትዮ ዝኾና ደቀንስትዮ ኣለዋ። ጾታዊ ኣቃውማ መንግስቲ ምስ እንዕዘብ’ውን ብተመሳሳሊ ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ዝኾና ሚኒስተራት ደቀንስትዮ ንረክብ። ኣብ ኮምዩናት ሽወደን ካብ ዝተሓርዩ ፖለቲከኛታት፡ 43% ደቀንስትዮ እየን።

ቅድሚ ብርክት ዝበሉ ዓመታት፣ መብዛሕተአን ምርዑዋት ደቀንስትዮ እየን ደቀን ዝከናኸናን ገዝአን ዝኣልያን ነይረን። ኣብ 1970ታት ግን፣ ንህጻናት ተባሂለን ዝቑማ ብርክት ዝበላ መውዓሊ ህጻናትን ማእከላት ትርፊ ግዜን ተሃኒጸን። ወለዲ፣ ቆልዓ ምስ ወለዱ፣ ነቲ ብሕጊ ዝተፈቕደሎም ዕረፍቲ፣ ከም ዝማቑሉዎ ዝገብር ' ስርዓተ - ውሕስነት - ወለዲ (Föräldraförsäkringen) ' ኣብቲ እዋን' ቲ ተኣታትዩ። እዚ ምቅይያራት' ዚ ኸኣ፣ ደቂ ኣንስትዮ ክሰርሓን ኣታዊ ክህልወንን ገይሩ። ኣብ 1970ታት ኣብ ዝነበረ ግዜ፣ ምንጻል ጥንሲ ዘፍቅድ ሕጊ ተኣታትዩ። ብመሰረት እዚ ሕጊ' ዚ ኸኣ፣ ደቀንስትዮ፣ ጥንሲ ምስ ዘጋጥመን፣ ክንጽለኡ ወይ ክወልድኡ ክውስና መሰል ረኺበን።

ኣቐዲሙ፣ ናይ ገዛ ስራሕ ብደቀንስትዮ እዩ ዝካየድ ነይሩ። ስራሕ ገዛ ክብሃል እንከሎ፣ ንኣብነት፣ ቆልዓ ምክንኻን፣ ምሕጻብ ክዳውንቲ፣ ምጽራይ ገዛን ምሕጻብ ኣቐሑን ማለት እዩ። ኣብዚ እዋን' ዚ፣ ስራሕ ገዛ፣ ብሰብኣይን ሰበይትን ብሓባር ዝዕየ እኳ እንተኾነ፣ ዝበዝሐ ክፋል ናይቲ ስራሕ ግን፣ ገና ብደቂ ኣንስትዮ እዩ ዝዕመም ዘሎ።

ጾታዊ ማዕርነት፡ ኣብ ቦታ ስራሕን ቤት ትምህርትን፡

ኣብ ዓመተ 1927፣ ኣዋልድ፣ ልክዕ ከም ኣወዳት፣ ኣብ መንግስታዊ ትምህርቲ ናይ ምስታፍ ማዕረ ዕድል ተዋሂበን። ኣብዚ እዋን' ዚ ኣብ መባእታን ካልኣይን ደረጃ ዘሎ ውጥን ትምህርቲ ምስ እንዕዘብ፣ ዝውሃብ ትምህርቲ እንታይ ከጠቓልል ከምዘለዎ ብደቂቕ ሰፊሩ ንረኽቦ። መምሃራን፣ ማዕርነት ንምርግጋጽ ክጽዕሩ ከም ዝግባእ' ውን ኣብቲ ውጥን ትምህርቲ ሰፊሩ ይርከብ። እዚ ማለት ከኣ፣ መምሃራን፣ ነዋልድን ኣወዳትን ብማዕረ ክሕዙዎምን ክርእዩዎምን ዝጽውዕ እዩ። ኣብዚ እዋን' ዚ መንእሰያት ዝመርጹዎ ሞያ ወይ ዓይነት ትምህርቲ፣ ምርጫ ከም ወዲ ወይ ጓል ክትገብሮ እትኽእል ነገራት፣ ማለት ጓል እንተትኸውን ወይ ወዲ እንተትኾኒ ዝኣመሰሉ ኣብ ጾታ ዝተመስረቱ ተዛመድቲ ምርጫታት' ዮም።

ኣብ 1980 ዓ/ም፣ እዚ ' ብሕግ - ጾታዊ - ማዕርነት (jämställdhetslagen) ' ዝፍለጥ ሕጊ' ዚ፣ ቅድሚ ኹሉ፣ ንጾታዊ ማዕርነት ኣብ ቦታ ስራሕን ንምዕራይ ደሞዝን ማእከል ዝገበረ እዩ። ኣብዚ እዋን' ዚ 80% ናይ' ተን ኣብ ክሊ ዕድመ 20 ክሳብ 64 ዘለዋ ደቀንስትዮ፣ ኣብ ስራሕ ዓለም ተዋፊረን ይርከባ። ኣብ መንጎ ጾታታት፣ ዓቢ ናይ ደሞዝ ጋግ ኣሎ። ብጠቕላላ ክረአ እንከሎ፣ ደቀንስትዮ 87% ናይ' ቲ ንደቂ ተባዕትዮ ዝውሃብ ደሞዝ የእትዋ። ሓደ ካብ ቀንዲ ምኽንያታት ናይዚ ኸኣ፣ ደሞዝ ናይቲ ብደቂ ተባዕትዮ ዝዕብለል ሞያታት፣ ካብ ናይ' ቲ ደቀንስትዮ ዝሰርሓሉ ሞያታት፣ ልዕል ዝበለ ስለዝኾነ እዩ። ካብ ቁጽሪ ደቂ ተባዕትዮ ዝበዝሕ ቁጽሪ ዘለወን ደቀንስትዮ፣ ፍርቂ መዓልቲ ይሰርሓ። ነዊሕ ናይ ወለዲ ዕረፍቲ ይወስዳን ብሰንኪ ምእላይ ዝሓመመ ቆልዓ' ውን ብብዝሒ ካብ ስራሕ ይቦኽራን። ብኸምዚ ኸኣ፣ ፍልልይ ዓመታዊ ኣታዊ ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን መሊኡ ይዓቢ። ክሳብ' ዚ እዋን' ዚ፣ እቶም ብብዝሒ፣ ሓለቓታት ናይ ስራሕ ዝኾኑን ሓድሽ ትካል ዝምስርቱን፣ ደቂ ተባዕትዮ እዮም።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ፖለቲካዊ ጾታዊ ምዕሩይነት ኣብ ሽወድን

ኣብ ዓመተ 2006፣ ፓርላማ ሽወደን፣ ዕላማ ናይ ' ቲ ንጾታዊ ማዕርነት ዝምልከት ፖለቲካዊ ጻዕርታቱ፣ ንደቀንስትዮን ደቂተባዕትዮን ኣብ ሂወቶምን ኣብ ሕብረተሰቦምን ዝጻወቱዎ ተራ ብዝምልከት፣ ማዕረ ዝኾነ ስልጣንን ዕድላትን ክውሃቦም ዝብል ውሳነ ኣጽዲቑ። ነዚ ኣጠቓላሊ ዕላማ ' ዚ ሽድሽተ ክፊል - ዕላማ ኣለውዎ።

1. ምዕሩይ ምምቕራሕ ስልጣንን ጽልዋን። ደቀንስትዮን ደቂተባዕትዮን፣ ንጡፋት ዜጋታት ንኽኾኑን ኣብ ፖለቲካዊ ውሳነ ጽልዋ ኬሕድሩን፣ ማዕረ መሰላትን ዕድላትን ክህሉዎም ኣሎዎ።

2. ቀጠባዊ ማዕርነት። ደቀንስትዮን ደቂተባዕትዮን፣ ንምሉእ ህይወት ቁጠባዊ ሓርነት ዘረጋግጽ ደሞዝ ዝኽፈሎ ስራሕ ንዚምልከት፣ ማዕረ ዕድላትን ኩነታትን ክህሉዎም ኣሎዎ።

3. ትምህርታዊ ማዕርነት። ንትምህርቲ፣ ምራጫ ትምህርቲን ውልቃዊ ምዕባለን ንዚምልከት፣ ደቀንስትዮን ደቂተባዕትዮን፣ ኣዋልድን ኣወዳትን ማዕረ ዕድላትን ኩነታትን ክህልዎም ኣሎዎ።

4. ማዕረ ምምቕራሕ ነቲ ዘይክፈሎ ስራሕ ገዛን ስራሕ ሓልዮትን ክንክንን። ደቀንስትዮን ደቂተባዕትዮን፣ ንናይ ገዛ ስራሕ ማዕረ ሓላፍነት ክወስዱን፣ ብማዕረ ኩነት ሓልዮትን ክንክንን ክህቡን ክወስዱን ዕድላት ክህልዎምን ኣሎዎ።

5. ጥዕናዊ ማዕርነት። ደቀንስትዮን ደቂተባዕትዮን፣ ኣዋልድን ኣወዳትን ሓደ ዓይነት ቅድመ - ኩነት ንምሉእ ጥዕና ክህልዎምን ከምኡ ' ውን ብማዕረ ኩነት ሕክምናን ሓልዮትን ክቕረበሎም ኣሎዎ።

6. ጐነጽ ደቂተባዕትዮ ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ ደው ክብል ኣሎዎ። ደቀንስትዮን ደቂተባዕትዮን፣ ኣዋልድን ኣወዳትን፣ ሓደ ዓይነት መሰለን ዕድልን ንኪጥሓስ ዘይግብኡ ኣካላዊ ክብረት ክህልዎም ኣሎዎ።

ብዛዕባ ፖለቲካዊ ጾታዊ ማዕርነት ኣብ ሽወደንን መንግስታዊ ስርሓትን ብዝምልከት፣ ኣብ መርበብ ሓበሬታ መንግስቲ ሽወደን **www.regeringen.se/feministiskregering** ኣቲኹም ኣንብቡ።

ምክልኻል ኣድልዎ(ኣፈላላይ)

ንኣድልዎ (ኣፈላላይ) ምክልኻል፣ ሰብኣዊ ግዴታ ወይ ሓላፍነት እዩ። ኣድልዎ ወይ ኣፈላላይ፣ ማለት ገለ ሰባት ወይ ጕጅለታት፣ ካብ ካልኦት ብዝተሓተ ኣገባብ ወይ ኩነታት ይርኣዩ ማለት እዩ። እዚ ድማ፣ ገበን ኣብ ልዕሊ ሰብኣዊ መሰላት እዩ።

ስእሊ፡ ዮነር

ወኪል ማዕርነት (Diskrimineringsombudsmannen)

ወኪል ማዕርነት (Diskrimineringsombudsmannen, DO)፡ ንምዕራይ መሰላትን ዕድላትን ኩላቶም ሰባት ዝሰርሕ መንግስታዊ ትካል እዩ። ንሱ፡ ንሕጊ "ኣንጻር ኣድልዎ" ኣብ ግብሪ ከውዕል ግቡኡ እዩ።

ብመሰረት ሕጊ "ኣንጻር ኣድልዎ"፡ ሓደ ትካል ወይ ውድብ፡ ንገለ ሰባት፡ ብመሰረት ጾታን ጾታዊ ዝንባለን ወይ ጾታዊ ርእይቶ፡ ሃይማኖት ወይ እምነት፡ ዕድመ፡ ዓሌት፡ ስንክልና ወይ ጾታዊ መርገጺ፡ ካብ ካልኦት ኣትሒቱ ክርኢ ኣይግባእን።

ቦታታት ስራሕን (ትካላት)፡ ኣብያተ ትምህርትን፡ ግድን ናይ "ጸረ-ኣድልዎ" መደብ ክህሉወን ኣለዎ። ኣድልዎ እንተ'ጋጢሙካ፡ ምስ ወኪል ማዕርነት (DO) ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ "ወኪል ማዕርነት (DO)" **www.do.se** ኣቲኻ ኣንብብ።

ኣብ ሽወደን፡ ብርክት ዝበላ ናጻ ዝኾና ከባቢታት (ንኡሳን ምምሕዳራት፡ ገዛውቲ ወይ እንዳ)፡ ከምኡ'ውን ኣውራጃዊ ናይ ጸረ ተነጽሎ (ምጉናይ) ኣብያተ ጽሕፈት ኣለዋ። እዘን ኣብያተ ጽሕፈት'ዚኣተን፡ ነቶም ግዳያት ተነጽሎ ዝኾኑ ሰባት፡ ምኽርን ደገፍን ይልግሳ።

ብዛዕባ'ዘን ኣብያተ ጽሕፈት'ዚኣተን ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ **www.adbsverige.se** ብምእታው ከተንብቡ ትኽእሉ።

ብዛዕባ ጾታን ጾታውነትን ዘሎ ስነ ምግባራዊ መለክዒታት፡

ኩሉ ሕብረተሰብ፡ ሰባት ከመይ ገይሮም ክነብሩ ከም ዘለዎም ዘርእዩን ዝነግሩን ኣብ ጽሑፍ ዘይሰፈሩ ሕግታትን ደምብታትን ኣለውዎ። እዞም ሕግታትን

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

እታ ቀስተደበና ትመስል ባንዴራ (ባንዴራ ፕራይድ ተባሂላ'ውን ትጽዋዕ'ያ) ኣርማ ናይቲ ንመሰላት ሕደ-ጾታውያን(ሓደ ዓይነት ጾታ)፡ ድርብ-ጾታውያን፡ ስግረ-ጾታውያንን ሰዶማውያንን ዝጣበቐ ምንቕስቓስ (HBTQ-rörelsen) ኣርማ እያ። ትርጕም ናይዛ ኣርማ'ዚኣ ኽኣ፡ ኣብ መንን ጷቅሰባት፡ ተጻዋርነት ክዓዝዝ፡ ኣብ ክሊ ናይ'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ወሲባዊ ዝንባለታት ዘሎዎም ሰባት'ውን ብዙሕነት ክዓዝዝ ዝብል ትርጕም ዘለዎ እዩ።

ስእሊ: Colourbox

ደምብታትን ' ዚኣቶም፡ ኣየናይ እዩ ቅኑዕ ወይ ዘይቅኑዕ ብምባል ዝሕብሩ፡ ሰባት እንታይ ባህርታት ክህልዉዎም ከም ዘለዎም ዝገልጹ፡ ርእይቶታትን ሓሳባትን እዮም። ገለ ሕብረተሰባት፡ ' ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን በበይኖም ስለዝኾኑ ነናቶም ደምብታት ኣለዉዎም ' ፡ ዝብል ኣረኣእያታት ኣሎዎም። ደምብታትና፡ ኣረኣእያታትና ኣብ ጾታታትን ዝምድናታትን ' ውን ይጸልዉና ' ዮም። መብዛሕቱ ሰብ፡ ኣብ ተቓራኒ ጾታዊ ኣተሓሳስባ ጥራይ የተኩር ስለ ዘሎ፡ ንነገራት ኣገዳሲ ከበድቲ ይገብሩዎም ኣለዉ።

ኣብ ሃገረ ሽወደን፡ ኩሉ ሰብ መምስዝደለዮ መጻምዲ ክምርዖን ክነብርን መሰል ኣሎዎ። ንሓደ ሰብ፡ ንጾታዊ መንነቱ ዝውስኖ ስምዒቱ እዩ። ጾታዊ መንነት፡ ምስ ኣካል ዝተኣሳሰረ ኣይኮነን። ምስ ስምዒት ዝተኣሳሰረ እዩ። ስለዚ፡ ኩሉ ሰብ ንጾታዊ መንነቱ ዝውስኖ ባዕሉ ' ዩ።

HBTQ ዝብል መጸውዒ፡ ኣሕጽሮተ ቓል፡ ናይ ሕደ ወይ ድርብ ጾታዊ፡ ስግረ - ጾታዊ ወይ ሰዶማዊ ስምዒታትን መንነትን ' ዩ። ' ስግረ ' እትብል ቃል፡ ነቶም ንጾታዊ መንነቶም ከም ኣንስታይ ወይ ተባዕታይ ክቑጽሩዋ ዘይደልዩ ሰባት እትጥርንፍ ቃል እያ። ስግረ - ጾታዊ መንነት ዘሎዎም ሰባት ንነብሶም፡ መበቆላዊ ጾታኦም ብዘየገድስ፡ ከም ሰብኣይ፡ ሰበይቲ፡ ከም ክልቲኡ፡ ማለት ሰብኣይ/ሰበይቲ ወይ ' ውን ኣየናይ ተፈጥሮኣዊ ጾታ ኣሎዎም ብዘየገድስ፡ ካብዚ ዝተጠቕሰ ወጻኢ፡ ከም ነጻ ክቑጽሩዋ ይኽእሉ። ስግረ - ጾታውያን ዝኾኑ ሰባት፡ ጾታዊ ስምዒት ዘይክህሉዎም ወይ ከኣ ክጠቕሱ ዘይክደልዩ ይኽእሉ እዮም። " Q " ትብል ቃል ከኣ፡ ነቶም ብሽወደንኛ " queer " ተባሂሎም ዝጽውዑ ሰዶመኛታት እትውክል ቃል ኮይና፡ ንፍሉየ - ጾታዊ ዝምባለ ኣብ ሕብረተሰብ ዝነቅፍ ክፍሊ ወይ ቀጽሪ እዩ። ' ሰዶመኝነት ' ወይ ' ክዊር ' መግለጺ ጾታዊ ዝምባለ ክኸውን ይኽእል ' ዩ። እዚ ማለት ከኣ ንኣብነት፡ ሓደ ሰብ ምስ ኣየናይ ጾታ ይዝብምል ወይ ፍቕሪ ይሕዞ ዘየገድሶ ክኸውን ይኽእል። ብዘይካ ' ዚ ክዊር፡ ሓደ ሰብ ንወሲባዊ ዝምባሊኡ ብልሙድ ባህላዊ ኣገላልጻ መሰረት ገይሩ ክገልጽ ዘይደሊ ዝዓይነቱ ርድኢት ' ውን ክስምዕ ይኽእል።

ንተወሳኺ ሓበሬታ፣ ብዛዕባ መሰላት ናይ ሕደ-ጾታውያን፣ ድርብ-ጾታውያን፣ ስግረ-ጾታውያንን ሰዶማውያንን፣ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ማሕበሮም **www.rfsl.se** ኣቲኹም ከተንብቡ ትኽእሉ።

ዝኾነ ሰብ፣ ጾታዊ መንነቱ ብዝደለዮ መልክዕ ናይ ምግላጽ መሰል ኣሎዎ። ሕደ ሰብ፣ ሕደ-ጾታዊ፣ ድርብ-ጾታዊ ወይ ስግረ-ጾታዊ ብምኽኑ፣ ኣብ ሰንኮፍ ኩነታት ምስ ዝኣቱ ወይ'ውን ብልሙድ ዘይከደ ዝዓይነቱ ምጉጣጥ ምስ ዝገጥሞ ከም ኣግልሎ እዩ ዝቑጸር።

ናጽነት እምነት

ሽወደን፣ ካብ 1951 ዓ/ም ኣትሒዙ 'ናጽነት እምነት' ኣሎዋ። ናጽነት እምነት ማለት፣ ዝደለኾዮ ዓይነት ሃይማኖት መሪጽካ ምእማን ማለት'ዩ። ናጽነት እምነት፣ ኣብ ሕገ መንግስቲ ሽወደን፣ ሓደ ካብ'ቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝኾኑ መሰላት እዩ ዝጽብጸብ። ኣብ ሓያለ ዓለምለኻውያን ውዕላት፣ ንኣብነት ኣብ ሓፈሻዊ ኣዋጅ ሰብኣውያን መሰላትን ውዕል ህጻናትን ናይ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት፣ ንናጽነት ሃይማኖት ዝምልከት ሓበሬታ'ሎ። መንግስቲ፣ ንናጽነት እምነት፣ ከኽብር፣ ከከላኸልን ከሰርሕን ኣለዎ።

- ኩላቶም ደቅሰባት፣ እምነቶም ክመርጹ: ክቕይሩን ክገድፉን መሰል ኣሎዎም።
- ኩላቶም ደቅሰባት፣ እምነቶም ክኽተሉ ወይ ብተግባር ክጥቀሙሉ መሰል ክህሉዎም ኣሎዎ። እዚ ማለት ከኣ፣ ንኣብነት ኩሉ ሰብ፣ ሃይማኖታዊያን ማሕበራት ናይ ምቑም መሰል ኣሎዎ ማለት'ዩ።
- ኩላቶም ደቅሰባት፣ ሓበሬታ ክጽሕፉን ጋዜጣ ክሓትሙን መሰል ኣሎዎም።
- ኩላቶም ደቅሰባት፣ ትምህርቲ ሃይማኖት ክምህሩን ሃይማኖታውያን በዓላት ክኽብሩን መሰል ኣሎዎም።
- ዝኾነ ሰብ፣ ብሰንኪ እምነቱ ግዳይ ኣድልዎ ክኽውን የብሉን።
- ወለዲ፣ ብመሰረት እምነቶም፣ ንደቆም ብሃይማኖታዊ ኣገባብ ክዕብዩ እንተደልዮም መሰል ኣሎዎም።
- ወሃብቲ ስራሕ፣ ሰራሕተኛታቶም፣ ኣብ ቦታ ስራሕ፣ እምነቶም ከተግብሩ እንተደልዮም ክገድፉዎም ኣገዳሲ እዩ።

ዓሌታዊ ምትእስሳር [Etnisk tillhörighet]

ኣብ ሽወደን፣ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝመጽኡ ሰባት ኣሎዉ። ዓሌታዊ ምትእስሳር ማለት ከኣ፣ ኩሉ ሰብ ነናቱ መበቆል ባህልን ቀቢላን ኣሎዎ ማለት እዩ። ኩሉ ሰብ፣ ሓደ ወይ ብዙሕ ዓሌታዊ ምትእስሳር ኣሎዎ። ብዓሌት ምኽንያት ብሕማቕ ዓይኒ እንተተራእዩ ወይ እንተተታሒዝካ፣ ኣድልዎን ንሰብኣዊ መሰላት ዘፍርስን ገበን እዩ።

ስንክልናን ተቐባልነትን

ብዙሓት ሰባት፣ ሓደ ወይ ካብኡ ዝበገሰ ስንክልና ኣሎዎም። ሓደ ሰብ ንኣብነት፣ ናይ ምርኣይ፣ ምዝራብ፣ ምስማዕ፣ ምርዳእ፣ ናይ ምንቅስቓስ ወይ'ውን ናይ ኣተኩሮ ጸገም ክህሉዎ ይኽእል'ዩ። ሕብረተሰብ ግን፣ ንኹሉ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ንምሕቋፍ ድሉው ክኸውን ኣለዎ። እዞም ስንክልናዊ ጸገማት እዚኣቶም፣ ነዞም ሰባት እዚኣቶም፣ ኣብ ሕብረተሰብኣዊ ንጥፈታት ካብ ምስታፍ ከሰናኽሉዎም የብሎምን። እቶም ብመደያይቦ ክኸዱ ዘይክእሉ ሰባት፣ ኣብ ህዝባዊ ቀጽርታት ኣትዮም ብዘይዝኾነ ጸገም ምእንቲ ክንቀሳቐሱ ነቲ ቀጽርታት ህንጻዊ ምምቕቻኣት ምግባር ገለ ካብ' ቶም ብሕብረተሰብ ክውሰዱ ዝግብኦም ሓቐፍቲ ወይ ሓወስቲ ተበግሶታት እዮም።

ዕድመ

ኣዚኻ ዝሸምገልካ፣ ወይ ኣዚኻ ንእሽተይ ብምኺንካ፣ ብሕማቕ መገዲ ክትታሓዝ እንከለኻ፣ ንባዕሉ ኣድልዎ እዩ። ኣረግቶትን ነኣሽቱን፣ ብሓደ ዓይኒ ክረኣዩ ከም ዘሎዎም ርዱእ ኮይኑ፣ ኣብ ዝተወሰኑ ነገራት ግን ገለ ፍልልይ ከም ዘሎዎም ዝነግር ሕግን ስርዓትን ኣሎ። ንኣብነት ኣብ ዝተወሰነ ናይ ዕድመ ገደብ፣ ሓደ ሰብ፣ ፍቓድ ምዝዋር ማኪና ወይ ኣልኮል ምስታይ ይኽልከል እዩ።

ስድራቤትን ውልቀሰብን

ስድራቤት ክብሃል እንከሎ፣ እንታይ ማለት' ዩ? እዛ ሕቶ' ዚኣ ኣብ ዝተፈላለዩ ባህልታትን ሕብረተሰባትን፣ ዝተፈላለዩ መልስታት ክህልዉዋ ይኽእሉ' ዮም። ኣብ ገለ ገለ ክፋላት ዓለም፣ ኣዝማድካ ወይ እትዛመዶም ጉጅለታት፣ ከም ክፋል ሓደ ስድራቤት ይጽብጸቡ። ኣብ ሽወደን፣ ወለዲ፣ ኣሕዋትን ደቅን ጥራይ እዮም ከም ስድራቤት ዝጽብጸቡ። መን ከም ውልቀ ሰብ ይጽብጸብ' ውን ከከም ባህልታቱን ሕብረተሰቡን ክፈላለ ይኽእል' ዩ። ንውልቀ ሰባት፣ ብኽልተ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ንርእዮም። ውልቃዊ ኣረኣእያን (individualistiskt synsätt) ጥርኑፍ ኣረኣእያን (kollektivistiskt synsätt) ማለት' ዮም።

ውልቃዊ ኣረኣእያ

ውልቃዊ ኣረኣእያ ማለት፣ ሓደ ውልቀ ሰብ፣ ካብ ጉጅለ ንላዕሊ ጸብለል ኢሉ ወይ ኣገዳሲ ኮይኑ ክረአ ይኽእል' ዩ ማለት' ዩ። ነፍሲ ወከፍ ሰብ፣ ናቱ ሓሳባትን ርእይቶታትን ክህልዉዎ ይተባባዕ ማለት' ዩ። እቲ ውልቀ ሰብ፣ ንነብሱ፣ ከም ርእሱ ዝኽእል፣ ኣብ ህይወቱ፣ ምኾቱን መጻኢ ናብርኡን ሓላፍነት ዝወስድ ገይሩ ይርእዮ። ንሱ/ንሳ ብመጀመርታ፣ ነብሱ/ሳ ዝኽኣለ/ት ሰብ እዩ/እያ። ብድሕሪኡ ድማ ኣካል ናይ ዝተፈላለያ ጉጅለታት ይቐጸር ወይ ትቐጸር።

ጥርኑፍ ኣረኣእያ

ጥርኑፍ ኣረኣእያ ማለት፣ ናይ ጉጅለ ረብሓ ካብ ናይ ውልቀ ሰብ ረብሓ ዝዓቢ ኣገዳስነት ኣሎዎ ማለት እዩ። እቲ ንስኻ ከም ውልቀ ሰብ እትገብሮ፣ ንምሉእ ጉጅለ ይጸልዎ። ኣብ ሓደ ጥርኑፍ ሕብረተሰብ፣ መብዛሕትኡ ግዜ፣ ጽኑዕ ምትእስሳር ኣሎ። ኣብቲ ጉጅለ ዘሎዉ ውልቀ ሰባት፣ ኣብ መንጎኦም፣ ናይ ሓድሕድ ሓላፍነት ምስኽኻም ኣሎ። ጥርኑፍ ኣረኣእያ ምውናን ማለት፣ ዝበዝሕ እዋን ኣብ ስድራኻ ዝያዳ ካልእ ሰብ ሓላፍነት ምስካም ወይ ክኣ ክንዲ ብዙሓት ክትቁጸር እንከለኻ ማለት' ዩ። መብዛሕትኡ እዋን፣ እቲ ዓጽመ ስጋን እቲ ጉጅለን፣ ከም ሓደ ስድራ ይቐጸሩ።

ዝተፈላለየ ስርዓተ ሕብረተሰብ

ዝተፈላለየ ስርዓተ ሕብረተሰብ፡ ነቲ ሕብረተሰብ ዝተፈላለየ ኣመለኻኽታ ከም ዝህሉዎ ይገብሮ። ሽወደን፡ ብብዙሕ መልክዓ፡ ውልቃዊት ሕብረተሰብ እያ። እቲ ንስኻ እትገብሮ ዝበዝሕ እዋን፡ ንዓኻ እምበር ንስድራኻ ወይ ነዝማድካ ኣይጸልዎምን እዩ።

ኣብ ሽወደን፡ ንናይ ህዝቢ ድሕነት ዝሕሉ ወይ ውሕስነት ዝህብ፡ መንግስቲ እዩ። ከምዚ ክብሃል እንከሎ፡ ሓደ ሰብ፡ ድሕነት ንኽስምዖ ብምሕሳብ፡ ኣብ ኣዝማድ ክምርኮስ የብሉን ማለት እዩ። ኣብ'ተን ንህዝበን ሓላፍነት ዘይወስዳ ሃገራት ወይ መንግስታት ግን፡ እቲ ህዝቢ ንድሕነቱ ክብል ብዝያዳ ኣብ ኣዝማድ (ሰበይ ሰብካ) ይምርኮስን ይኣምንን።

ኣብ ሽወደን፡ ሓደ ሰብ ገበን ምስ ዝፍጽም፡ ንሱ ዳኣ' ምበር ስድራቤቱ ወይ ኣዝማዱ ብሰንኩ ኣይሕተቱን ወይ ኣይቅጽዑን እዮም።

መሰላት ቆልዑ

ዳርጋ ኣብ ኩላተን ሃገራት፡ ንህጻናትን መንእሰያትን ዝከላኸሉ ሕጋጋትን መምርሒታትን ኣለዉ። ኣብ ሽወደን፡ ቆልዑን መንእሰያትን፡ ብኣህጉራውን ብሃገራውን ሕጋጋት መሰረት፡ ውሕስነት ይረኽቡ። ሽወደን፡ ነቲ ኣንጻር "ምፍርራህን ዓመጽን ንህጻናት" ዝቃለስ ሕጊ፡ ብዕቱብ መገዲ እያ ትርእዮ። ቆልዑን መንእሰያትን ብጽቡቕ ምእንቲ ክዓብዩ፡ መንግስትን ኩምዩናትን ዓቢ ጻዕሪ ይገብሩ።።።

ስእሊ፡ ዩሃና ንይሆልም፡ ዩነር

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ውዕል መሰላት ቆልዑ (Barnkonventionen)

ሽወደን፣ ንውዕል ' መሰላት ቆልዑ ሕቡራት ሃገራት ' ፈሪማትሉ እያ። ውዕል ክብሃል እንከሎ፣ ብዙሓት ሃገራት ዝተሰማምዓሉ መምርሒ ማለት እዩ። ኣብ ውዕል ቆልዑ፣ ንሰብኣውያን መሰላት ቆልዑ ዘውሕሱ መምርሒታት ኣለዉ።

ሽወደን፣ ነዚ ውዕል ' ዚ ስለ ዝፈረመትሉ፣ ኣብዛ ሃገር ' ዚኣ ንዘለዉ ቆልዑን መንእሰያትን ዝምልከቱ መምርሒታት ከነኽብር ቃል ኣቲና ኣለና። እዚ ውዕል ' ዚ፣ " ዓናቐጽ " ዝብሃሉ መምርሒታት ዝሓዘ እዩ። ውዕል ቆልዑ፣ 54 ዓናቐጽ ዝሓዘ ውዕል ' ዩ።

ካብ ' ቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ነጥብታት ንምጥቃስ፣ -

- ቆልዑ ካብ ኣድልዎ ክሕለዉ ኣለዎም። ካብ ካልኦት ብዝሓመቐ ኣገባብ ክተሓዙ የብሎምን።
- ፖለቲከኛታት፣ ትካላት መንግስትን ኣብያተ ፍርድን፣ ኣብ ኩሉ ውሳነታቶም፣ ኩሉ ሳዕ፣ ንረብሓ ቆልዑ ክሓስቡ ኣለዎም።
- ወለዲ ንደቆም፣ ምስ ዕድመኦምን ብስለቶምን ብዝሰማማዕ ኣገባብ ከዕብዩዎም ኣለዎም።
- ቆልዑ፣ ብህይወት ክነብሩን ክምዕብሉን መሰል ኣሎዎም። እዚ ማለት ክኣ፣ እታ ሃገር፣ ቆልዑ ብሰንኪ ህውከት (ውግእ) ወይ ሕማም ንኽይሞቱ ክትሕሉዎም ኣለዋ ማለት ' ዩ። ' መሰል ምዕባለ ' ማለት፣ ቆልዑ ጽቡቕ ቁልዕነት ከሕልፉ መሰል ኣሎዎም ማለት እዩ።
- ቆልዑ፣ ዝመሰሎም ክዛረቡን ክሰምዑን መሰል ኣሎዎም። መንግስታውያን ትካላትን ኣብያተ ፍርድን፣ ቆልዑ እንታይ ከም ዝደልዩ ክሓትኦም ኣለወን።
- ቆልዑ፣ መሰል ብሕታዊ ህይወት ኣሎዎም። ንኣብነት ቆልዑ ኣብ ዲያሪ ወይ ኣጀንዳ (መዓልታዊ ንጥፈታትካ እትምዝግበሉ ደብተር) ወይ ኣብ ደብዳበ ዝጽሕፉዎ ዘበለ፣ ወለዶም ክነቡዎ የብሎምን።
- ቆልዑ፣ ኣብ ገዛ፣ ካብ ዓመጽ ክሕለዉ ኣለዎም። ንደቆም ካብ ዝዕምጹ፣ ብሕማቕ ኣተሓሕዛ ካብ ዝሕዙን ዘይከናኸኑን ወለዲ ወይ ኣባጽሕ ክሕለዉ ይግባእ።

ኣብያተ ትምህርቲ ሽወደን፣ ነቲ ናይ ' ውዕል ቆልዑ ' መምርሒታት መሰረት ብምግባር፣ ብዙሕ ' የን ዝሰርሓ። ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ ' ዚ፣ **www.barnkonventionen.se** ብዛዕባ መሰላት ቆልዑ፣ ብተወሳኺ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

መሰል ቆልዑ ኣብ ሕብረተሰብ

ብሪስ (Bris - barnets rätt i samhället) (መሰል ቆልዑ ኣብ ሕብረተሰብ)፣ ጸገም ንዘሎዎም ወይ ኣብ ናይ ጭንቂ ኩነታት ንዘለዉ ቆልዑን መናእሰያትን ዝሕግዝ ውድብ ወይ ማሕበር እዩ። ናብቲ ናይ ብሪስ ናይ ኣገልግሎት መስመር ተሌፎን 116 111 ንምድዋል፣ ካብ ክፍሊት ናጻ እዩ። ኩላቶም ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም፣ ናብ ብሪስ ደዊሎም ምስ ሓደ በጽሒ ዝኾነ ሰብ፣ ብዛዕባ ዝደለዩዎ ጉዳይ ክዘራረቡ ይኽእሉ ' ዮም።

ብሪስ፣ ጻውዒት ተሌፎን ካበይ ይመጽእ ከም ዘሎ ኣይፈልጥን እዩ። ምኽንያቱ ናብ ብሪስ ከም ዝተደወለ፣ እቲ ቑጽሪ ስልኪ ኣብ መኽፈሊ ሕሳብ ተሌፎን ስለዘይረአ።

ብሪስ፣ ነቶም ብዛዕባ ቆልውኦም ዝሻቐሉ ኣባጽሕ'ውን ይሕግዝ'ዩ። ናብ ብሪስ ስልኪ - ኣባጽሕ (vuxentelefon)፡ ቁ. ስ. 077 - 150 50 50 ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ኢንተርነት **www.bris.se** ኣሎ።

ዓመጽ ኗቂ ተባዕትዮ ኣብ ልዕሊ ኗቀንስትዮን ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ናይ ቀረባ መዛምድን፡

ዓመጽ ኣብ ልዕሊ. ናይ ቀረባ መዛምዲ ማለት፣ ንናይ ቀረባ ሰብኻ ምዕማጽ ኮይኑ፣ ብሓይሊ. ብምቑጽጻር፣ ብማህረምቲ ወይ ብምፍርራህ ሓይልኻ ምጥቃም ክካየድ ይኽእል።

ኣብ ሽወደን፣ ኣንጻር ካልኦት ሰባት ዝቐንዐ ጎንጽን ፈኺራን ምጥቃም ክልኩል እዩ። ከምዚ ምግባር፣ 'ምግሃስ ሰብኣዊ መሰል ናይ ካልኦት ሰባት' ስለዝኾነ ርእሱ ዝኽኣለ ገበን እዩ።

ኣብ ስድራቤት ዓመጽ ምጥቃም'ውን ብሕጊ ክልኩል እዩ። ኣብ ልዕሊ. ናይ ቀረባ መዛምዲ (Våld i nära relationer) ዝግበር ዓመጽ ክብሃል እንከሎ፣ ኣብ ልዕሊ. ናይ ቀረባ ሰብኻ ዝካየዱ ኩሎም ዓይነታት ዓመጻዊ ተግባራት ማለት እዩ። ናይ ቀረባ ሰብ ክብሃል እንከሎ፣ ንኣብነት ፍሉየ - ጾታ ወይ'ውን ሓደ - ጾታዊ መጻምዲ፣ ኣብ መንጎ ኣሕዋትን ቤተሰብን ወይ'ውን ኣዝማድ ማለት እዩ። ውላድካ ወይ መጻምድኻ ምህራም ክልኩል እዩ ንምባል'ውን እዩ። እዚ ኾይኑ ግን፣ ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ዓመጽ ኣይተረፈን። መብዛሕትኡ ግዜ፣ ሰብኡት እዮም ነንስቶም ዝሃርሙ። ኣብ ገዛ ዝካየድ ዓመጽ፣ ኣካላዊ፣ ስነ ኣእምሮኣዊ፣ ቁጠባዊ፣ ነገራዊ ወይ ወሲባዊ ዓመጽ ክኸውን ይኽእል። ዓመጽ ክብሃል ከሎ፣ ምስ ወሲብ ዝተኣሳሰር ጥራይ ኣይኮነን። ኣብ ዝኾነ ጉዳያት ጎንጺ ወይ ሓይሊ. ምጥቃም ማለት ኮላይ እዩ።

ከም ቆልዓ መጠን፣ ወላዲኻ/ትካ ክግፋዕ/ክትግፋዕ ክትርእይ እንከለኻ፣ እቲ ዝኽፍእ ናይ ኣእምሮ ስቓይ እዩ። ኣብ ስድራቤት ዝካየድ ዓመጽ፣ ዳርጋ ኣይንገረሉን እዩ። እንታይ ንምባል እዩ፣ እቲ ዝሃረመ ይኹን ዝተሃርመ፣ ክልቲኡም ከምኡ ዓይነት ጸገም ከም ዘጋጠመ ይኽሕዱዎ ወይ ይሸፍኑዎ። ቆልው ግን ይርእዩ፣ ይሰምዑን ይርድኡዎን እዮም። ቆልዓ ከይተረፈ ክውቃዕ ወይ ክግፋዕ'ውን ልሙድ'ዩ። እቲ ሃስያ ዘስዕብ ፍርሂ ናይ ዓመጽ ንባዕሉ፣ ንጥዕናና ሰፍ ዘይብል ኣካላውን ስነ ኣእምሮኣውን ተጽዕኖ የስዕበሉ።

ኣካላዊ መጥቃዕቲ ዝብሃል፣ ሓደ ሰብ ምስ ዝውቃዕ፣ ጸጉሩ ምስ ዝምንጨጭ ወይ ከኣ ምስ ዝድፋእ እዩ። ስነ ኣእምሮኣዊ መጥቃዕቲ ዝብሃል ከኣ፣ ንኣብነት ከም ምፍርራሕ፣ ምድሃል፣ ምንዓቕ ወይ ምንእኣስ ክኸውን ይኽእል። ሓደ ሰብ ብዛዕባ ካልእ ሰብ ኣነዋሪ ዝኾነ ነገራት ምዝራብ'ውን ስነ ኣእምሮኣዊ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ: Ida Edgren

መጥቃዕቲ እዩ። ሓደ ሰብ ዓርከ መሓዝኡ ካብ ምርካብ ምስ ዝእገድ ′ ውን ብተመሳሳሊ ክትርጎም ይኽእል። ቀጠባዊ ዓመጽ ዝብሃል ድማ፡ ምግባት ማለት ኮይኑ፡ ንኣብነት ሓደ ካብ መጻምዲ፡ ነቲ ገንዘባዊ ኣታዊታት ይቆጻጸሮ፡ እቲ ኻልእ ከኣ ብሕጽረት ይሳቐ። ንዋታዊ ዓመጽ ′ ውን ክኸውን ይኽእል እዩ። ንኣብነት፡ ሓደ ሰብ ናይ ካልእ ሰብ ንብረት ምስ ዘዕኑ ማለት ′ ዩ። ወሲባዊ ዓመጽ ክብሃል እንከሎ ኸኣ፡ ብዘይድልየት ወይ ብሓይሊ ዝካየድ ስጋዊ ርክብ ወይ ′ ውን ካልእ ዓይነት ወሲባዊ ተግባራት የጠቓልል። እዚ ድማ ኣይፋል ከምዘይትብል ዝገብር ኩነታት ብምፍጣር ክትግበር ይኽእል።

ንኽብረት ዝምልከት ዓመጽ

ኣብ ውሽጢ ስድራቤትን ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮን ዝካየድ ዓመጽ፡ ኣብ ኩላተን ሃገራትን ኣብ ኩላቶም ባህልታትን ኣሎ። ምስ ክብረት ዝተተሓሓዘ ዓመጽ ክብሃል እንከሎ፡ ኣንጻር ሓደ ሰነ ምግባርን ልምድን ናይ ስድራቤትን ኣዝማድን ዝካየድ ዓመጽ ማለት ′ ዩ።

ዝበዝሕ እዋን: ምስ ክብረት ዝተሓሓዝ ዓመጽ፡ ኣብ ልዕሊ ምስ ናይ ኣንስትን ኣዋልድን ጾታነት ዝተኣሳሰረ ዓመጽ እዩ። ኣዋልድ ክምርዓዋ እንከለዋ፡ ምስ ድንግልንአን ክጸንሓ ኣሎወን ዝብል ድማ ′ ዩ። ክብረት ዝመሰረቱ ዓመጽ፡ ብተሪር ብምቁጽጻርን ብምክትታልን መልክዕ ′ ውን ክካየድ ይኽእል። ንኣብነት ሓደ ሰብ፡ መናብርቲ ወይ ዝምርዓዎ ሰብ ክመርጽ ዘይፍቀደሉ፡ ምፍርራህን ምህራምን፡ ካብኡ ሓሊፉ ′ ውን ክሳብ ሞት ዘብጽሕ ማህረምትን ክጠቓልል ይኽእል። ኣብ ሽወደን፡ ኣንጻር ካልኦት ሰባት ዝቐንዐ ራዕዲ ወይ ጎነጽ ምጥቃም፡ ክልኩል እዩ ጥራይ ዘይኮነስ ገበናዊ ተግባር ′ ውን እዩ።

ዝበዝሕ ግዜ፡ ግዳያት ናይቲ ምስ ክብረት ዝተተሓሓዘ ዓመጽ ዝኾና፡ ኣዋልድን ንኣሽቱ መርዑትን እኳ እንተኾና፡ ንኣወዳት′ ውን የረኻኽበሎም እዩ። ግብረ-ሰዶማውያን (HBTQ-personer)፡ ብፍሉይ ነዚ ሓደጋ′ዚ ዝተቓልዑ ጉጅለ′ዮም። ክብረት ዝማእከሉ ዓመጽ፡ ኣብ ሓደ ብጥምረት ዝነብር ወይ ከኣ ሰብኡት ካብ ኣንስቲ ኣብ ዝሕይሉሉ ሕብረተሰብ፡ ልሙድ ተርእዮ እዩ። ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን፡ ምስ ክብረት ብዝተኣሳሰረ፡ ኣብ ልዕሊ′ቲ ነቲ ናይ ስድራቤት ወይ ናይ ዘመድ ልምድን ስርዓትን ዝጠሓሰ ሰብ ዓመጽ የውርዱሉ። ብሓደ ኮይኖም ከኣ′ዮም ነቲ ዓመጽ ንምፍጻም ዝውስኑ።

ሽወደን፡ ንሓፈሻዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣጽዲቓቶን ተቐቢላቶን እያ። ላህመት ናይ′ዞም መሰላት እዚኣቶም፡ "ዝኾነ ሰብ ብዛዕባ መጻኢኡን ናብርኡን ኣመልኪቱ ናይ ምውሳን መሰል ኣሎዎ" ዝብል እዩ። እዚ ማለት ከኣ፡ ኩላቶም ደቅሰባት፡ ኣብ ነብሶም፡ ጾታኦምን መጻምድቲ ኣብ ምምራጽን፡ ባዕላቶም ክውስኑ ክኽእሉ ኣለዎም ማለት እዩ።

እቲ ሕጊ ከምዚ ይብል፡

እቲ ኣብ ልዕሊ ናይ ቀረባ መዛምድቱ ዝኾነት ጓል ተንስተይቲ ዓመጽ ዝጥቀም ሰብ፡ ብ "ጽንኩር ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ" (grov kvinnofridskränkning) ተኸሲሱ ክፍረድ ይኽእል እዩ። ንኻልኣይ ደረጃ ወይ ዓይነት ናይ ቀረባ መዛምድቱ ዝምልከት እንተ ኾይኑ፡ እቲ ዓመጽ ዝጥቀም ሰብ፡ ብ "ጽንኩር ዓመጽ" (grov fridskränkning) ተኸሲሱ ይፍረድ። ኣብ ናይ ቀረባ መዛምድቲ ዓመጽ ዝተጠቀመ ሰብ፡ ብስም "መጥቃዕቲ ወይ ምፍርራሕ" ክፍረድ ይኽእል እዩ።

ሓገዝ ምርካብ ይክኣል'ዩ።

ነቶም ብናይ ቀረባ ኣዝማዶም ዓመጽ ዝወርዶም ቆልዑ፡ ኣንስትን ሰብኡትን ሓገዝ ናይ ምሃብ ዓቢ ሓላፍነት ዝውንን መንግስታዊ ኣካል፡ "በዓል መዚ ማሕበራዊ ኣገልግሎት" (Socialtjänsten) እዩ። ኮምዩናት ብወገንኡ፡ ነቶም ዓመጽ ዝወረዶም ወገናት፡ ናብ ውሑስ መዕቆቢ ስፍራ ክወስዳኡም ሓላፍነት ኣሎዎን።

ማሕበር ጽላል (kvinnojour)′፡ ነቶም ኣብ ክሊ ስድራቤታት፡ ማለት ብናይ ቀረባ ኣዝማድ፡ ግዳያት ዓመጽ ዝኾኑ ደቀንስትዮን ቆልዑን፡ ደገፍን መዕቆብን ዝህብ ማሕበር እዩ። መብዛሕትኡን ማሕበራት "ክቪኑኹር"፡ ወለንታውያን ኣባላት ዘለውወን ዘይረብሓውያን ማሕበራት እየን። ንኣንስትን ኣዋልድን ንምሕጋዝ ዝዓለመ መስመር ጽላል ወይ ደገፍ፡ ኣብ ምሉእ ሽወደን ኣሎ።

ዝርዝር ናይ′ዘን ማእከላት′ዚኣተን ክትርእዩ ምስ እትደልዩ፡ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ **www.unizon.se** ኣቲኹም ኣንብቡ።

ብዙሓት ኮምዩናት፡ ዓመጽ ንዝወረዶም ኣንስትን ቆልዑን ዝዓለመ ናይ ጽጉማት መቐበሊ ቦታ krismottagningar ኣሎወን። ሰብኡት፡ ናይ ዓመጽ ተግባራቶም ደው ንኽብሉ ዝዓለመ ፍሉይ መቐበሊ ወይ መጽንሒ ቦታ′ውን ኣሎ። ንስኻ ከም ሰብኣይ፡ ግዳይ ዓመጽ ምስ እትኸውን′ውን፡ መዕቆቢ ቦታ ኣሎካ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ምፍርራህን ዓመጽን ምስ ዘጓንፈኪ፡ እሞ ድማ ሓገዝ ትደልዩ እንተ ኾንኪ፡ ናብ "ክቪኖፍሪድስሊንየን" (Kvinnofridslinjen) ዝብሃል ዝምልከቶ ኣካል ጕዳያት ደቀንስትዮ ደውሊ። እዚ ትካል' ዚ ኩሉ ሳዕ ክፋት ኮይኑ፡ ብናጻ ክትድውሊ ትኽእሊ። ክትድውሊ ከለኺ፡ መን ምኺንኪ ምንጋር ኣየድልየክን እዩ። ቁጽሪ ስልኩ ድማ፡ 020-50 50 50 እዩ።

ኣብዚ ስዒቡ ዘሎ መርበብ ሓበሬታ፡ 'ክቪኖፍሪድስሊንየን' **www.kvinnofridslinjen.se** ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝተዘርዘረ ሓበሬታ ኣሎ።

ናብ "ተራፈም (Terrafem)" ዝብሃል ካልኣ ዝምልከቶ ኣካል ጕዳያት ደቀንስትዮ' ውን ክትድውሊ ትኽእሊ ኢኺ። እቶም ኣብኡ ዘለዉ ሰራሕተኛታት፡ 50 ቋንቋታት ክዛረቡ ይኽእሉ' ዮም። ኣብ ናይ ስራሕ መዓልታት፡ ካብ ሰዓት 08-17 ክትድውሊ ትኽእሊ ኢኺ። እትድውልዮ ደወል፡ ገንዘብ ኣይክፈሎን እዩ። ስምክን ቁጽሪ ተሌፎንክን ምስ እትገድፍሎም ድማ፡ ባዕላቶም ክድውሉልኪ ይኽእሉ እዮም። ተሌፎን ቁጽሮም፡ 020-52 10 10 እዩ።

ወሲብ ዝዕላምኡ ዝሙታዊ ንግዲ ሰብ፡

ወሲብ ዝዕላምኡ ዝሙታዊ ንግዲ ሰብ (människohandel)፡ ብመንግስቲ ሽወደን፡ ከም ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ እዩ ዝቐጸር። ስለዚ' ዩ ድማ መንግስቲ ሽወደን፡ ነተን ወሲብ ብዝዕላምኡ ንግዲ ሰብ ዝተቓልዓ ኣንስቲዮ ዘይፈርድ ሕጊ ክሕግግ መሪጹ። ኣብ ክንድኡ ግን፡ እቶም ወሲባዊ ኣገልግሎት ዝዕድጉ ወይ ክብረተን ንኻልኦት ንኽሸጣ ዘገድዱን እዮም ከም ገበነኛታት ተቐጺሮም መቕጻዕቶም ዝቕበሉ።

ጾታዊ ኣካል ደቀንስትዮ ምጕዳል(ምኽንሻብ)

ኣዋልድ ኣብ ብዙሓት ሃገራት፡ ጾታዊ ኣካለን ይጎድላ እየን። ጾታዊ ኣካል ምጕዳል ማለት፡ ንኣገዳሲ ክፋል ብልዕቲ ቆሪጽካ ምእላይ (ምኽንሻብ) ማለት እዩ። ንኣገዳሲ ክፋል ናይ ብልዕቲ ቆሪጽካ ብምእላይ፡ ዝተረፈ ርሕሚ ምስፋይ ማለት' ውን ክኸውን ይኽእል እዩ።

ሳዕቤን ኣብ ጥዕና

ጾታዊ ኣካለን ዝንደላ ደቀንስትዮ፡ ኣብ ልዕሊ ጥዕንኣን ብዙሕ ጸገም ከጋጥመን ይኽእል። መብዛሕትኡን፡ ክሸና የጸግመን። ምኽንያቱ፡ እቲ ሻምብቆ ሽንቲ ክጕዳእ ስለ ዝኽእል። ብዙሓት ደቀንስትዮ፡ ኣብ ምሉእ ህይወትን፡ ብልዕተን የቐንዝወን። ወሲባዊ ህይወተን ብኣሉታ ይጽሎ። ኣብ ጽግያት ይሸገራን ረኽሲ የስዕበለንን። ኣብ ግዜ ሕርስን ጥንስን ድማ ጸገም የጋጥመን።

ኣብ ሽወደን፡ ኣንጻር "ምጕዳል ጾታዊ ኣካል" ዝግበር ጻዕሪ፡

ኣብ ሽወደን፡ ምጕዳል ጾታዊ ኣካል ደቀንስትዮ፡ ክልኩል እዩ። እቲ ሕጊ፡ "እቲ ሰብ ይድለ ኣይድለ ብዘየገድስ፡ ምጕዳል ጾታዊ ኣካል ክልኩል እዩ" ይብል። ጾታዊ ኣካል ደቀንስትዮ ዘጕድል ሰብ፡ ንማእሰርቲ ክፍረድ ይኽእል' ዩ። እቲ ምጕዳል ኣካል፡ ዋላ ኣብ ካልእ ሃገር ይገበር፡ እቲ ሰብ፡ ኣብ ሽወደን ተኽሲሱ ክፍረድ ይኽእል' ዩ። ርሕሚ ንለንስተይቲ ምስፋይ፡ ንኣብነት ድሕሪ ሕርሲ' ውን ክልኩል' ዩ።

ኩላቶም ኣብ ሽወደን ምስ ቆልዑን መንእሰያትን ዝሰርሑ ዘበሉ፣ ሓንቲ ጓል፣ ‘ጾታዊ ኣካላ ጎዲሉ’ ወይ ‘ክንድል እዩ’ ኢሎም ዝጥርጥሩ እንተኾይኖም፣ ንቤት ጽሕፈት "ማሕበራዊ ኣገልግሎት" (socialtjänsten) ግድን ክፍልጡ ኣለዎም።

ኣብ ሽወደን፣ ኣብ "ጸረ ምጕዳል ጾታዊ ኣካል ደቀንስትዮ" ዝሰርሓ ሓያለ ማሕበራት ኣሎዋ። ንኣብነት ከም ማሕበር "ምጕዳል ጾታዊ ኣካል ደቀንስትዮ ደው ይበል" (Riksföreningen stoppa kvinnlig könsstympning, RISK) ከምኡ’ውን "ፈደረሽን ጾታዊ ሓበሬታ" (Riksförbundet för sexuell upplysning, RFSU) እየን። እዘን ክልተ ውድባት’ዚኣተን፣ ብዛዕባ ምጕዳል ጾታዊ ኣካል፣ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ሓበሬታ ይህባ።

ክንክንን ሓገዝን ጾታዊ ኣካለን ንዝጎደላ ደቀንስትዮ፡

ሕቶታት ዘለክን ወይ ክንክን ትደልያ ደቀንስትዮ እንተለኽን፣ ምስ ሓኪም ቤት ትምህርትኽን፣ መቐበል መንእሰያት፣ (ungdomsmottagning) ከምኡ’ውን ምስ ጋይነኮለጅያዊ (ማህጸናዊ) መቐበሊ (gynekologisk mottagning) ወይ ከኣ ኣብቲ ሆስፒታል ምስ ዝርከብ ክሊኒክ ደቀንስትዮ (kvinnokliniker) ርክብ ክትገብራ ትኽእላ ኢኽን። ብዙሓት ደቀንስትዮ፣ ሓገዝ ረኺበን እየን። ድሕሪ ሕክምና ኽኣ ናብ ንቡር ህይወተን ተመሊሰን።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ሕቶታት ዘተ፡ ምዕራፍ 4

ስድራቤት፡ ንዓኻ እንታይ ማለት’ዩ ወይ እንታይ ትርጉም ይህበካ?

ሰብኣዊ መሰላትን ጾታዊ ማዕርነትን ክብሃል እንከሎ፡ እንታይ ማለት’ዩ?

ጾታዊ ማዕርነት፡ ንኹሉ ዘርብሕ ድዩ? ካብ ጾታዊ ማዕርነት ዝኽስብ መን’ዩ? ዝኽስር ወገን ከ ኣሎ ዶ?

ኣብ መንጎ ጾታዊ ማዕርነትን ማሕበራዊ ማዕርነትን ዘሎ ፍልልይ እንታይ እዩ?

ኣድልዎ(ኣፈላላይ) ዝብል ኣምር እንታይ ትርጉም ይህበካ?

ኣድልዎ ክግበረሎም ዝኽእሉን ዝግመቱን ኣባላት ወይ ጕጅለታት ሕብረተሰብ ኣየኖት እዮም?

ኣብ ሽወደን፡ ብዛዕባ ናጽነት ሃይማኖት፡ እንታይ ተሞክሮ ኣሎካ?

ኣብቲ ብዛዕባ መሰላት ቆልዑ ዝምልከት ናይ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ውዕል፡ ’ነቲ ናይ ህጻናት ጥቕምታት የቕድም።’ እዚ ምናልባት ንኹሉ ሰብ ማዕረ ትርጉም ዘይክህቦ ይኽእል እዩ’ሞ ንዓኻ ኸ እንታይ ትርጉም ይህበካ?

’ክብሪ ወይ ክብረት’ ዝብል ቃል እንታይ ትርጉም ይህበካ?

ንኽብረት ኢልካ ዝግበሩ ጸቕጥታት፡ ፍሉይነቶም ኣበወዳትን ኣበዋልድን ከመይ ይመስሉ ወይ ከመይ ይርኣዩ?

ሓደ ሰብ፡ ብናይ ቀረባ ቤተሰብ ንዓመጽ እንተዝቃላዕ፡ እንታይ ክትገብር ምኽኣልካ?

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ: Colourbox

5. ኣብ ሽመደን፡ ሓዳር መስሪትካ ምስ ደቅኻ ምንባር፡

ትሕዝቶ

ዝተፈላለዩ ኣገባባት ሓቢርካ ንምንባር
ንኞልዑን መንእሰያትን ምክንኻን
ክንክን ቆልዑ (Barnomsorg)
መባእታ ቤት ትምህርቲ (Grundskola)
ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ (Gymnasium)
ቤት ትምህርትን ደሞክራስን
ቑጠባዊ ደገፍ ንወለዲ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ዝተፈላለዩ ኣገባባት ሓቢርካ ንምንባር፡

ኣብ ሽወደን፣ ከይተመርዓኻ ብሓደ ምንባርን ቆልዓ ምውላድን ልሙድ ' ዩ። ብዙሓት ' ውን፣ ተጻሚዶም ብሓደ ክነብሩ ' ምበር ንኽይምርዓዉ ይውስኑ ' ዮም። ' ሳምቦ (sambo) ' ተባሂሉ ብዝፍለጥ ናይ ኣነባብራ ኣገባብ ድማ፣ ብሓደ ይነብሩ።

ቃልኪዳን

ቃል ኪዳን ማለት፣ ምምርዓው ማለት እዩ። ኣብ ሽወደን፣ 18 ዓመት ዕድመ ምስ መላእካ ኢኻ ቃል ኪዳን ክትኣስር ትኽእል። ኣብ ሕጊ ' ውን ሰፊሩ ' ሎ። እዚ ሕጊ ' ዚ፣ ኣብ ሽወደን ዝቕመጥ ዘበለ ሰብ፣ ዋላ ሽወደናዊ ዜጋ ኣይኹን፣ ንኹሉ ' ዩ ዝምልከት። ኣብ ካልኦት ሃገራት፣ ካልኦት ሕግታት ክህልዉ ይኽእሉ ' ዮም። ትካላት መንግስቲ ሽወደን ግን፣ ነቶም ሕጊ ሽወደን ዝኽተሉ ቃል ኪዳናት ናይ ወጻኢ ጥራይ ' ዮም ዝቕበሉዎም።

ስእሊ: Colourbox

ቅድሚ ምምርዓውካ፣ ግድን ምርመራ ዕንቅፋት (hindersprövning) ክትገብር ኣሎካ። እዚ ማለት ከኣ፣ ንኽይትምርዖ ዝዕንቅፍ ምኽንያት ከይህሉ ይምርመር ማለት ' ዩ። ምርመራ ዕንቅፋት፣ ኣብቲ እትቕመጠሉ፣ ማለት ናይ ክብሪ መዝገብ ዝሓዝካሉ ዞባ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ግብሪ፣ ማለት ' ስካተቨርከት ' (Skatteverket) እዩ ዝፍጽሞ። ዝዕንቅፍ ነገር እንተዘየልዩ፣ እቲ ዝውሃበካ ናይ ምስክርነት ወረቐት፣ ን4 ኣዋርሕ የገልግል። ናብ ዝምልከቶ ክፍሊ ፈጻሚ ቃልኪዳን ኢኻ ሒዝካዮ ትኽይድ። ሓደ ካብ ' ቶም ዝምርዓዉ፣ ኣብ ሽወደን ከም ተቐማጢ ምዝጉብ፣ ማለት ናይ ክብሪ መዝገብ ዘለዎ እንተዘይኮይኑ ፡ እቲ መርመራ፣ ኣብቲ ዝተመዝገበሉ ሃገር ክግበር ኣለዎ።

ብመሰረት ሕጊ ሽወደን፣ እዞም ዝስዕቡ ሰባት፣ ቃልኪዳን ከይኣስሩ ዝኽልክል ዕንቅፋት ኣሎ፣ -

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

- ዕድመኻ/ኺ፡ ትሕቲ 18 ዓመት እንተኾይኑ፡
- ምስቲ ክትምርዓዎ ትደልዮ ሰብ፡ ናይ ቀረባ ዝምድና እንተለካ፡
- ንስኻ ወይ መጻምድኻ ምርዑው እንተ ኾይኑ፡ ወይ ከኣ፡ ሓደኹም ምዝጉብ መጻምዲ (registrerad partner) እንተ እንተኾይኑ፡

ሕጊ ሽወደን፡ ግዱድ ቃል ኪዳን ይኽልክል'ዩ። እዚ ማለት ከኣ፡ 'ዝኾነ ሰብ፡ ንዝኾነ ሰብ፡ ንመን ክምርዖ ከም ዘለዎ ከገድዶ የብሉን' ማለት እዩ። እቲ ዝምርዖ ሰብ፡ ንዕኡ ዘድልዮ ሰብ ዝውስን፡ ባዕሉ'ዩ።

ምምርዓው ክትኣቢ'ውን ናይ ኩሉ ግዜ መሰልካ'ዩ።

እቲ መርዓ፡ በስገዳድ ዝተገብረ እንተኾይኑ፡ ትካላት መንግስቲ ሽወደን፡ ነቲ ካብ ሽወደን ወጻኢ ዝተኣስረ ቃል ኪዳን፡ ክነጽገኡ ይኽእላ'የን።

ስነ ስርዓት ቃል ኪዳን፡ ክልተ መጻምዲ ዝምርዓዉሉ ጽምብል'ዩ። ጽምብል ቃል ኪዳን፡ ሃይማኖታዊ ወይ ሲቪላዊ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ሕጊ ንኽለብስ ግን፡ ብሓደ ምዝጉብ ወይ ቅቡል ፈጻሚ - ቃልኪዳን (vigselförrättare) ዝተገብረ ክኸውን ይግባእ። ንኣብነት ብቐሺ፡ ብኢማም ወይ ከኣ ብሲቪላዊ ፈጻሚ ቃል ኪዳን ክኸውን ይኽእል። ሲቪላዊ ስነ ስርዓት ቃል ኪዳን፡ ብምምሕዳር ዞባ (länsstyrelsen) ብዝተመዘዘ ሰብ'ዩ ዝፍጸም። ሲቪላዊ ስነ ስርዓት ቃል ኪዳን፡ ምስ ዝኾነ ዓይነት እምነት ወይ ሃይማኖት ምትእስሳር ዘይብሉ ጽምብል'ዩ። ቃልኪዳን፡ ብሓደ ሕጋውነት ዘይብሉ ኣፈጻሚ መርዓ ተመሪሑ ብሃይማኖታዊ መገዲ እንተ ዳኣ ተፈጺሙ ግን፡ እቲ ቃል ኪዳን፡ ሕጋውነት ዝለበሰ ኣይኮነን። ሕጊ ንኽለብስ፡ ግድን ብሲቪላዊ ኣገባብ ድማ ክፍጸም ኣለዎ።

ስእሊ፡ ዮነር

ኣብ ሽወደን፣ ቃል ኪዳን፣ ኣብ ጾታ ዝተሰረተ ኣይኮነን። እዚ ማለት ከኣ፣ "ክልተ ሕደ ዝጾተኦም ውልቀ ሰባት፣ ክማራዉ ይኽእሉ እዮም" ማለት እዩ። ሓደ ሲቪላዊ ፈጻሚ ቃል ኪዳን (borgerlig vigselförrättare)፣ ክልተ ሕደ ዝጾተኦም ሰባት፣ 'ቃልኪዳን ክንኣስር ደሊና' ምስ ዝብሉዎ፣ 'ኣይፋሉን' ክብሎም ኣይክእልን'ዩ። ሃይማኖታውያን ፈጸምቲ ቃልኪዳን፣ ንኣብነት ኣቐሽሽቲ ቤተክርስትያን ሽወደን፣ 'እወ ወይ ኣይፋል' ክብሉ ይኽእሉ'ዮም። ሓደ ቐሺ 'ኣይፋል' ምስ ዝብል ከኣ፣ ካልእ ቀሺ ምንዳይ እዩ።

ነቶም ምርዑዋት፣ 'ሕጊ መውስቦ (äktenskapsbalken)' ዝብሃል ሕጊ ይምልከቶም'ዩ። ኣብቲ ሕጊ መውስቦ፣ ንውርሻ ዝምልከቱ ሕግታት'ውን ኣለዉ። ኣብዚ ሕጊ'ዚ፣ እቲ ድሕሪ ሞት ብጻዩ ዝተርፍ ሰብ፣ ምስ'ቶም ቐልዑ ኮይኑ ንኹሉ ይወርሶ።

ብዛዕባ ውርሻ ዝምልከት፣ ኣብ ምዕራፍ 8 ኣንብብ።

ሳምቦ

ቃል ኪዳን ከይኣሰሩ፣ ብሓደ ዝቕመጡ ክልተ መጻምዲ፣ 'ሳምቦ' ተባሂሎም ይፍለጡ።

ኣብ ሽወደንን ሃገራት ኖርድን፣ ሳምቦ ኺንካ ምንባር ልሙድ'ዩ። ቃል ኪዳን ከይኣሰርካ ቐልዓ ምውላድ'ውን ልሙድ'ዩ። ንሳምቦ ዝምልከት ሕጊ፣ 'ሕጊ ሳምቦ (sambolagen)' ይብሃል። እዚ ሕጊ'ዚ ነቶም ሳምቦኣውያን መናብርቲ፣ ዝነብሩዎ ገዛን ዝውንኑዎ ንብረትን ዝምልከት ሕግታት ዝሓቐፈ እዩ። ሓደ ካብ'ቶም ሳምቦ ምስ ዝመውት፣ እቲ ካልኣይ መናብርቲ፣ ኣብቲ ብሓንሳብ ዝነብሩዎ ዝነበሩ ገዛ፣ ናይ ምንባርን ብሓባር ዝውንኑዎ ዝነበሩ ንብረት ናይ ምውራስን መሰል ኣሎዎ። ካልእ ሃብቲ ንምውራስ፣ ንኣብነት፣ ኣብ ባንኪ ዝተቐመጠ ገንዘብ ንምውራስ ግን፣ መዋቲ ዝገደፎ ኑዛዜ ክህሉ ይግባእ።

ፍትሕ

ኣብ ሽወደን፣ ካብ ሰበይትኻ ወይ ካብ ሰብኣይኪ ክትፋትሑ ትኽእሉ ኢኹም። ዋላ እቲ ካልኣይካ ወይ ካልኣይትኻ ፍትሕ ኣይድለ/ኣይትድለ፣ ምፍታሕ ይክኣል እዩ። ክፋታሕ ዝደሊ ሰብ፣ ኣብቲ ዝነብረሉ ኮምዩን ናብ ዝርከብ ከባብያዊ ቤት ፍርዲ (Tingsrätten) ብምኻድ፣ ብዛዕባ ፍትሕ ክመልክት ይኽእል'ዩ።

ሰብ ሓዳር ክልቲኦም፣ ብሓደ ኮይኖም፣ መመልከቲ ቅጥዒ ፍትሕ ክእትዉ ይኽእሉ'ዮም። እንተዘይተሰማሚዖም ግን: ሓዲኦም ንበይኑ፣ መመልከቲ ቅጥዒ ፍትሕ ክመልእን ክመልክትን ይኽእል'ዩ።

ቐልዑ ዘይብሎም ሰብሓዳር፣ ናይ ፍትሕ ጠለብ ምስ ዘቕርቡ፣ ቤት ፍርዲ፣ ቀልጢፉ ፍትሕ ክውስነሎም ይኽእል። ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሚኡ ቐልዓ ምስ ዝህሉዎም ወይ'ውን ሓዲኦም ክፋታሕ ምስ ዘይደሊ፣ ቤት ፍርዲ፣ ንኽውስን ግዜ ክወስድ ይኽእል'ዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ፣ እቶም ክፋትሑ ዝደልዩ ሰብ ሓዳር፣ ነቲ ጉዳይ ክሓስቡሉ ግዜ ክህቦም ብምሕሳብ'ዩ። እዚ ኽኣ፣ ናይ ዳግመ ግምት ግዜ (betänketid) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ናይ ዳግመ ግምት ግዜ፣ እንተሓጸረ ሽድሽተ ወርሒ እንተነውሐ ኽኣ፣ ሓደ ዓመት እዩ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

እቶም 6 ናይ ዳግመ ግምት ኣዋርሕ ምስ ሓለፉ፡ እሞ ኽኣ ነቲ ናይ ምፍታሕ ውሳነኹም ምስ ዘይትቕይሩዎ፡ ምስቲ ቤት ፍርዲ ተራኺብኩም ክትዘራረቡ ኣለኩም። እዚ ኽኣ ነቲ ዝጀመርኩሞ ናይ ፍትሕ መስርሕ ኣብ መፈጸምትኡ ምብጻሕ ይብሃል። ነቲ ፍትሕ ናብ መፈጸምትኡ ንምብጻሕ ዝብል ደብዳበ ናብ ቤት ፍርዲ ምስ ዘይትልእኩ፡ ቤት ፍርዲ ነቲ ዝጀመርኩሞ ናይ ፍትሕ መዝገብኩም ይዓጽዎ። ቤት ፍርዲ፡ ሓደ ካባኻትኩም፡ ናብቲ ሓዳር፡ ብድልየቱ ዘይኮነ ብግዴታ ክም ዝኣተዎ ምስ ዝግንዘብ፡ እቲ ናይ ፍትሕ ጠለብኩም ብዘይ ናይ ዳግመ ግምት ግዜ ክም ዝውሰን ይገብር።

መጕዚትነት ቕልዓ

መጕዚትነት ቕልዓ ማለት፡ እቲ ኣላዩ፡ ዝበዝሐ ግዜ ግን ወላዲ፡ ሕጋዊ ሓላፍነት ናይቲ ቕልዓ ኣለዎ ማለት እዩ። እዚ ማለት ክኣ፡ ነቲ ቕልዓ ናይ ምእላይ መሰልን ግቡእን ኣሎዎ ማለት ′ዩ። ብመሰረት ሕጊ፡ ቕልዓ 18 ዓመት ክሳዕ ዝመልእ፡ መጕዚት (መዕበዩ) ክህሉዎ ኣሎዎ። መንእሰይ ውላድኩም ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዝምሃር ምስ ዝኸውን፡ ክሳብ 21 ዓመት ዝመልእ፡ ናይ ምዕንጋሉ ወይ ናይ ምጣሩ ሓላፍነት ዝህልወኩም፡ ንስኻትኩም ኢኹም።

ሓባራዊ መጕዚትነት ማለት፡ ክልቲኦም ወለዲ፡ ኣብ ውላዶም ሓባራዊ ሓላፍነት ኣሎዎም ማለት ′ዩ። ንውላዶም ዝምልከት ጕዳይ ′ውን ብሓባር ክውስኑ ኣለዎም። ክልቲኦም ወለዲ፡ ብሓደ ዘይቅመጡ ዋላ ይኹኑ፡ ሓደ ዓይነት ግቡእን ሓላፍነትን ኣሎዎም። መጕዚት እንተ ኾነካ፡ ብዛዕባ ውላድካ ሓበሬታ ክትረክብ መሰል ኣሎካ። እዚ ማለት ክኣ፡ ካብ መውዓሊ ህጻናት፡ ካብ ቤት ትምህርቲ፡ ካብ ሓለዋ ጥዕና፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ካብ ፖሊስን ካልኦት ትካላት መንግስትን፡ ንውላድካ ዝምልከቱ ጕዳያት ክትፈልጥ፡ መሰል ኣሎካ ማለት ′ዩ።

ንጽል መጕዚትነት ክብሃል ከሎ፡ ሓደ ካብ ወለዲ ጥራይ ሓላፍነት ቕልዓ ኣሎዎ ማለት ′ዩ። እዚ ወላዲ ′ዚ፡ በይኑ ′ዩ ንጕዳይ ናይቲ ቕልዓ ኣመልኪቱ ናይ ምውሳን መሰል ዘሎዎ። ምርዑዋት እንተ ኾነኹም፡ ንሓላፍነት ደቅኹም ብዝምልከት ቀጥታዊ ሓባራዊ መጕዚትነት ኣሎኩም ማለት ′ዩ። እንተ ዘይኾነኩም ግን፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት (ቤት ጽሕፈት መሰል ስድራቤት) ኬድኩም ኣቦ ቕልዓ፡ መን ምኻኑ ወረቐት ክትመልኡ ኣለኩም። ሽዑ ኽኣ ነቲ መጕዚትነት ካብ ሓደኹም ናብ ክልተኹም ከተቐይሩዎ ትኽእሉ።

ክትፋትሑ እንተ ወሲንኩም፡ እሞ ድማ ′መንኩም መጕዚትነት ቕልዓ ይውሰድ?′ ኣብ ዝብል ሕቶ፡ ኣብ ስምምዕ እንተ ዘይበጺሕኩም፡ ምስ ቤት ጽሕፈት ′መሰል ስድራቤት (familjerätten)′ ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም። ንሳቶም ከኣ፡ ነቲ ዘከራኽረኩም ጕዳይ፡ ፍታሕ ኣብ ምርካብ ክሕግዙኹም እዮም። እቲ ጕዳይ፡ ብመንገዶም ክፍታሕ ምስ ዘይክእል ግን፡ ሕጋዊ መዕለቢ ክግበረሉ ስለዘሎዎ፡ ናብ ቤት ፍርዲ ክሓልፍ ግድን ይኸውን። ቤት ፍርዲ ብወገኑ፡ ′እዚ ወላዲ ′ዚ ሓላፍነት ቕልዓ ይወሃቦ! ምስ ′ዚ ይቀመጥ!′ ዝብል ውሳነ ቅድሚ ምውሳዱ፡ ንቤት ጽሕፈት መሰል ስድራቤት፡ ነዚ ጕዳይ ′ዚ ብዝምልከት፡ መጽናዕቲ ክገብር ይሓቶ።

ስእሊ፡ ዮነር

ንቑልዑን መንእሰያትን ምክንኻን

ወለድን ካልኦት መጕዚታትን፣ ኣብ ውላዶም ሓላፍነት ኣሎዎም። ካብ ሕብረተሰብ ዝርከብ ሓገዝ ′ውን ኣሎ። ኣብ ሽወደን፣ ኩላቶም ቆልዑን መንእሰያትን፣ መሰል ተሳትፎ ኣብ መውዓሊ ህጻናት፣ ትምህርትን ጥዕናዊ ክንክንን ኣሎዎም።

ዝበዝሑ ወለዲ፣ ቆልዓ ቅድሚ ምውላዱ (ኣብ እዋን ጥንሲ) ፣ ምስ ማእከል ክንክን ጥዕና ኣዴታት (mödrahälsovården, MVC) ፣ ብጽሑታትን ጥቡቕ ርክባትን ይገብሩ። ቆልዓ ተወሊዱ እናዓበየ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ከኣ፣ ምስ ማእከል ክንክን ጥዕና ህጻናት (barnhälsovården) ፣ ተመሳሳሊ ርክብ ይህሉዎም። ኣብዚ ክፍሊ ጥዕና ′ዚ፣ ዝተማህራ መሕረስቲ፣ ኣለይቲ ሕሙማንን ሓካይምን ይሰርሑ። ናብዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ክፍልታት ′ዚ እትገብሩዎ ምብጻሕ፣ ገንዘብ ኣይክፈሉን ′ዩ።

ክሊኒክ ሓራሳት(Mödravårdscentralen, MVC)

ክሊኒክ ሓራሳት (MVC) ፣ ብተወሳኺ ንነፍሰ ጾራት ይቕበል። ነፍሰ ጾራት፣ ጥዕነኣንን ጥዕና ዕሸልን ንምቁጽጻር፣ ኣብ ምሉእ ግዜ ጥንሰን፣ ብተኸታታሊ ናብ ክሊኒክ ሓራሳት ይመላለሳ። እተን መሕረስቲ፣ ነታ ነፍሰ ጾር፣ ይመዝናኣ፣ ይዕቅናኣ፣ ብዛዕባ ጥንሲን ሕርስን ይዘራረባኣን ይማኸራኣን። ሓፈሻዊ ሕቶታት ናይ′ቶም ወለዲ ድማ ይምልሳ።

ኣብቲ ብዛዕባ ጥንሲ፣ ሕርስን ቆልዓ ምጥባውን ሓበሬታ ዝውሃበሉ ኣኼባታት ምስታፍ ይክኣል እዩ። ኣቦ ናይቲ ዝውለድ ህጻን፣ ምስ ሰበይቱ ወይ′ውን ምስ መናብርቱ፣ ኣብ ብጽሑን ርክባትን ክሳተፍ ምርኣይ ልሙድ′ዩ። ኣቦ ናይቲ ዝውለድ ህጻን፣ ኣብ እዋን ሕርሲ፣ ኣብ ጎድኒ ሰበይቱ ወይ′ውን መናብርቱ ደው ኢሉ ምርኣይ′ውን ልሙድ′ዩ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ክሊኒክ ቆልዑ (Barnavårdscentralen, BVC)

ክሊኒክ ቆልዑ (BVC)፣ ንወለዲ ይሕግዝን፣ ንጥዕናን ምዕባለን ናይ ቆልዓ ከኣ ይከታተልን። ንውላድኩም ብጽቡቕ ኣገባብ ንምክንኻን ዝሕግዘኩም ምኽርታት'ውን ይህበኩም። ኣብ ክሊኒክ ቆልዑ (BVC)፣ ንዕቤት ቆልዑ፣ ምጥባው፣ ንመግብን ሕማማትን ዝምልከቱ ምኽርታት ክትረኽቡ ትኽእሉ። ሓራሳት፣ ገዛ ምስ ተመልሳ፣ ምስ ክሊኒክ ህጻናት ፈላሚ ርክብ ንኽገብራ ክውከሳኡም ይኽእላ እየን። እቲ በኸሩ ርክብ፣ ስሕት ኢሉ ኣብ ገዛ'ታ ሓራስ ይካየድ'ዩ። ኣብቲ ርክብ፣ እታ ነርስ፣ ብዛዕባ ክሊኒክ ቆልዑ ሓበሬታ ትህብን ነቲ ቐልዓ ኸኣ፣ ጥዕንኡ ከመይ ከም ዘሎ ቁጽጽር ትገብርን። እቲ ዕሽል፣ ከኣ ብሓኪም ይምርመር። እታ ናይ መጀመርታ ናብ ክሊኒክ ህጻናት እትግበር ብጽሒ፣ ዕሽል ካብ 6 - 8 ሳምታት ምስ ኣቕጸረ እያ ትካየድ። ብድሕሪ'ዚ ክሳዕ እቲ ቆልዓ ትምህርቲ ዝጅምር፣ ብዙሕ ብጽሒታት ይካየድ።

ክሊኒክ ቈልዑ (BVC)፣ ኩላቶም ወለዲ፣ ደቆም ከኽትቡ ይዕድሞም። ኣብ ሽወደን ኣንጻር 9 ዝተፈላለዩ ሕማማት ዝቐንዐ ስሩዕ ናይ ክታበት መደብ ኣሎ። ገለ ካብ'ዞም ሕማማት'ዚኣቶም ንምጥቃስ፣ ፖልዮ፣ ትኽትኽታ፣ ዲፍተርያ፣ ቲታኑስ፣ ንፍዮ፣ ጽግዕ ሩቤላን ይርከቡዎም። ዕላማ ናይዚ ክታበት'ዚ ከኣ፣ ንህጻናት፣ ድሕነት ንምሃብን እቲ ሕማም ከይላባዕ ንምቁጽጻርን እዩ።

ሓለዋ ጥዕና ቤት ትምህርቲ (Skolhälsovård)

ኩላቶም ህጻናት፣ ትምህርቲ ክጅምሩ ከለዉ፣ ጉዳይ ጥዕናኡም ንምክትታል ናብቲ ሓለዋ ጥዕና ናይቲ ቤት ትምህርቲ ይኸዱ።

ኩላቶም ኣብ መውዓሊ ህጻናት፣ መባእታ ቤት ትምህርትን ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርትን ዝምሃሩ ተምሃሮ፣ ናብ ሓለዋ ጥዕና ናይ ቤት ትምህርቶም (Skolhälsovård) ክይዶም ክንክን ክረኽቡ መሰል ኣሎዎም።

ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ዝምሃሩ ተምሃሮ፣ 3 ግዜ ኣብ ዓመት፣ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዝምሃሩ ድማ፣ 1 ግዜ ኣብ ዓመት፣ ክምርመሩ ኣለዎም። እቲ ምርመራ፣ ነዚ ዝስዕብ ይጥርንፍ። ዘተ ጥዕና፣ ምቁጽጻር ቁመት፣ ክብደት፣ ምርኣይን ሕቐን። ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ንምዕባለ ጥዕና ተምሃሮ ኣብ ምክትታል ዝተሓጋገዙ ሰራሕተኛታት ኣለዉ። ንሳቶም ከኣ፣ ኣማኸርቲ (kuratorer)፣ ነርሳት ቤት ትምህርቲ (skolsköterskor)፣ ዳይረክተራት (rektorer)፣ ፍሉያት ኪኢላታት ፔዳጎጅን (specialpedagoger) መምህራንን እዮም።

ኩላተን ኣብ ሓምሻይ ወይ ሻድሻይ ክፍሊ ዝምሃራ ኣዋልድ፣ ኣንጻር ናይቲ ብኣሕጽሮተ ቓል 'ሆፒቪ (HPV)' ተባሂሉ ዝፍለጥ፣ ብጾታዊ ርክብን ብኽልኦት ቫይረሳትን ዝምሓላለፍ ሕማም፣ ብናጻ ንክኽተባ ዕድመ ይግበረለን። እዚ ክታበት'ዚ፣ ናይ ክሳድ ማህጸን መንሸፎ፣ ኮንዲሎምን ኣብ ክሳድ ማህጸን ከጋጥም ንዝኽእል ምልውዋጣት ናይ ዋህዮታትን ንምክልኻል ተባሂሉ እዩ ዝውሃብ።

ስእሊ፡ ካለ ብረድበርይ፣ ከተማ ዮተቦርይ

ኣብታ እትነብረላ ሓዳስ ሃገር፣ ወላዲ ምኺን

ናብ ሓንቲ ሓዳስ ሃገር ምምጻእ፣ ንበጽሕታትን ቆልዑን ዓቢ ለውጢ የኽትል እዩ። ገለ ገለ እዋን፣ ቆልዑ ካብ ኣባጽሕ ንላዕሊ፣ ኣብ ሓድሽ ሕብረተሰብ ብቐሊሉ ይጽምበሩ። ስለዝኾነ ኸኣ፣ እቶም ኣባጽሕ፣ ምስቲ ሕብረተሰብ ንኽራኸቡ ኣብ ደቆም ይምርኮሱ። እዚ ኸኣ፣ ኣብቲ ስድራቤት፣ ምቅይያራት ናይ ተራ ከስዕብን ንቐልዑ ኸኣ ከቢድ ሓላፍነት ከሰክሞምን ይኽእል። ወለዲ፣ ምስ መውዓሊ ህጻናት፣ ቤት ትምህርቲ፣ መንግስታዊ ትካላት ወይ'ውን ሕክምና፣ ኣብ ዝራኸቡሉ እዋን፣ ንደቆም ከም ተርጎምቲ ክጥቀሙሉም የብሎምን።

ስለዝኾነ ኸኣ፣ ወለዲ ብዛዕባ'ቲ ተጸምቢረሞ ዘለዉ ሕብረተሰብ ሓበሬታ ክረኽቡ ኣለዎም። ብዘይካ'ዚ፣ እቲ ደቆም ተጸምቢረሞ ዘለዉ ሓድሽ ኩነታት'ውን፣ ኣካሎም ምኺኑ ክፈልጡ ይግባእ። እዚ ምስ ዝገብሩ ኸኣ፣ ጽኑዓትን ንጹራትን ኮይኖም፣ ንደቆም፣ ርጉእ ሃዋህው ክፈጥሩ ይበቕዑ። ወለዲ፣ ንባህልን ልምድን ናይቲ ሓድሽ ሕብረተሰብ መረዳእታ ምስ ዘሕድሩን፣ ምስ ባህሎምን መንነቶምን ዝመሳሰልን ዝፈላለን ነገራት ክላለዩ ምስ ዝኽእሉ፣ ደቆም ርጉእ ህይወት ክህሉዎም ይኽእል። ብዙሓት ጉባዝያታት፣ ነብሶም ካብ ወለዶም ናጻ ክገብሩዋ ይጅምሩ። ኩሉ ባዕላቶም ክገብሩዎ ክጅምሩ ይደልዩ። ነቲ ናይ በጽሒ ህይወት ድማ ይዳለዉሉ። ኣብዚ ናይ ዕቤት መገሻ'ዚ፣ ወለዲ፣ ንውላዶም ክሕግዙዎ ይግባእ። ንውላድኩም ደረት ክትገብሩሉ ክትፍትኑ ከለኹም፣ ሚዛናውነት ይሃልኹም። እቲ ውላድ ድማ፣ ኣብታ ሓዳስ ሃገር ከመይ ኢሉ ክዓቢ ከም ዘለዎ ክፈልጥ ይግባእ።

ፍቕርን ዝምድናታትን፡

ፍቕርን ዝምድናታትን ብኽመይ ይትርጎሙ፣ ካብ ሕብረተሰብ ናብ ሕብረተሰብ ክፈላለ ይኽእል። እቲ ኣረዳድኣ፣ ኣብ ባህርያት ናይ ሰብ'ውን ክምርኮስ ይኽእል'ዩ። ኣብ ሽወደን፡ ምስ እትፈትዎ ሰብ ከይተመርዓኻን ከይወለድካን ብሓንሳብ ምቕማጥ ከም ልሙድ እዩ ዝውሰድ። ሓደ ኹሉ ዝሰማማዓሉ ነገር እንተሃልዩ ኸኣ፡ መንእሰያት ኣብ መስርሕ ዕብየቶም፡ ፍቕሪ፡ ዝምድናታትን

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ጾታዊ መንነቶምን ባዕሎም ክድህስሱ ምግዳፍ፣ ከም ኣካል መስርሕ ዕድመ ዝጠልቦ ገስጋስ ጌርካ እዩ ዝውሰድ። መብዛሕትኦም መንእሰያት ክዓብዩ ኽለዉ፣ ምስ ሓደ ወይ ምስ ሓንቲ ወይ'ውን ካብኡ ንላዕሊ ፍቕራዊ ዝምድናታት ይምስርቱ።

ንቑልዑ ምዕማጽ ክልኩል እዩ።

ኣብ ሕጊ ሽወደን፣ 'ሕገ-ወለዲ (föräldrabalken)' ዝብሃል ምዕራፍ ኣሎ። ብመሰረት ሕገ-ወለዲ፣ ቆልዑ፣ ናይ ሕክምናን ክንክንን፣ ናይ ቅሳነትን ግቡእ ኣተዓባብያን መሰል ኣሎዎም። ገለ ክፋል ናይዚ ሕጊ'ዚ፣ 'ሕገ ጸረ-ማህረምቲ (anti-agalagen)' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኮይኑ፣ ኣብ ሽወደን፣ ካብ 1979 ዓ.ም. ኣትሒዙ ዝጸንሐን ዘሎን ሕጊ'ዩ። 'ኣጋ' ዝብል ቃል ጥንታዊ ናይ ሽወደን ቃል ኮይኑ፣ ትርጉሙ ኸኣ፣ "ክትእርም ኢልካ ውላድካ ምቕጻዕ" ማለት እዩ። ላህመት ናይዚ ሕጊ'ዚ፣ 'ኣንጻር ቆልዑ፣ ኣካላዊ ወይ'ውን ሰነ ኣእምሮኣዊ ዓመጽ ምጥቃም ክልኩል'ዩ' ዝብል እዩ። ኣካላዊ ጎንጺ፣ ኣብ ኣካል ዝወርድ ኩሉ ዓይነት ጎንጽታት የጠቓልል። ፈኩስ ማህረምቲ፣ ጸጉሪ ምምንጫጭ ወይ ምቕንጣው'ውን ከይተረፈ ምስ ኣካላዊ ዓመጽ'ዩ ዝቑጸር።

ንቑልዑ ካብ ሓደጋ ከተድሕን: ንኣብነት ካብ ርሱን እቶን፣ ካብ ክፋት መስኮት ወይ ካልእ ንቑልዑ ክጎድእ ዝኽእል ነገር ክትኣልዮም ኢልካ ምንዝዕ ኣቢልካ ክትስሕቦም ትኽእል ኢኻ።

ስእሊ: Colourbox

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስነ ኣእምሮኣዊ ዓመጽ ማለት ከኣ፣ ኣብ ልዕሊ ሰብ ዝወርድ ኩሉ ዓይነት ምፍርራሕ፣ ምጉህባዕባዕ፣ ምቁጽጻር ወይ ምዕጻው ማለት ' ዩ። ስነ ኣእምሮኣዊ ዓመጽ፣ ልክዕ ከም ኣካላዊ ዓመጽ፣ ናይቲ ቆልዓ ርእሰ ክብርን ምዕባለን ክጎድኦ ይኽእል ' ዩ።

ኣብ ሽወደን፣ ኣብ ኣተዓባብያ ቆልዑ ዘሎ ኣረኣእያ፡

ንዝበገሱ ወለዲ፣ ፍቕሪ ውላድ፣ እቲ ኣውራ ዘገድስ ነገር ' ዩ። ኩላቶም ቆልዑ፣ ወለድን ኣባጽሕን ክህልውዎም ኣድላዩ እዩ። እቶም ዝኣኽሉ፣ ንቐልዑ፣ መምርሕን፣ መተባብዕን ክህቡዎምን ክፍቅሩዎምን ኣለዎም። ኣባጽሕ ንቐልዑ፣ ደረት ' ውን ክገብሩሎም ኣለዎም። ንሓደ ቐልዓ፣ ኣተዓባብያኡ፣ ኣብ ርእሰ ተኣማንነቱን ኣብ ርእሰ ክብሩን፣ ዓቢ ኣገዳስነት ኣሎዎ። ዘተኣማምን መዕበያ ዘሎዎም ቆልዑ፣ ትምህርቲ፣ ቅልል ይብለሎም፣ ምስ ዓበዩ ' ውን ኣብ ናብራ ኣይጽገሙን።

ኣብ ሽወደን፣ ኣብ ኣተዓባብያ ቆልዑ ዘሎ ኣረኣእያ፣ ኣብ ውሽጢ ' ዚ 100 ዓመታት፣ ለውጢ ኣርእዩ ' ዩ። ኣብ መጀመርታ 20 ክፍለ ዘመን፣ ወለዲ ሕይል ዝበሉን ደቆም ክእዘዙዎም ዝደልዩን እዮም ነይሮም። ኣካላዊ መቕጻዕቲ ማለት ' ኣጋ ' ድማ፣ ብብዙሓት፣ ከም ኣካል ናይ ጽቡቕ መዕበያ ኮይኑ ይረአ ነይሩ።

ኣብ 1950ታት ከምኡ ' ውን ኣብ 1960ታት፣ እዚ ዓይነት ኣረኣእያታት ' ዚ ክብዳህ ጀሚሩ። ብዙሓት፣ ኣብ ኣተዓባብያ ቆልዑ ዘሎዎም ኣረኣእያታት ክልውጡዎ ጀሚሮም። ብዛዕባ ክብሪ ዝሓዘለ ናይ ህጻናት ኣተዓባብያ ክዝረብ ጀሚሩ። እንተኾነ ግን፣ እቲ ንውላድካ ክትእርሞ ኢልካ ምህራም ኣይተረፈን ነይሩ።

ኣብ 1970ታት፣ እቲ ደሞክራስያዊ ኣገባብ ኣተዓባብያ ክመጽእ ጀሚሩ። ዕላማኡ ድማ፣ ቆልዑ፣ ባዕላቶም ክሓስቡ ንኽጅምሩ፣ ሓላፍነቶም ንኽወስዱን ርእሰ ተኣማንነት ንኽህሉዎምን እዩ።

ስእሊ: Colourbox

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ማሕበራዊ ኣገልግሎት (Socialtjänsten)

ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት (Socialtjänsten)፡ ቆልዑ፣ ኣብ ትሕቲ ርጉእ ሃዋህው፣ ምዩቕ ከይበሉ ምእንቲ ክዓብዩ፣ ብዝተፈላለየ መንገድታት ዝከኣሎ ጻዕርታት ይገብር። ቆልዑ ዝግበኦም ምእላይን ቅሳነትን ክረኽቡ፣ ናይ ወለዲ ሓላፍነት እዩ። ኣድላዩ ምስ ዝኾነ፣ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፣ ንወለዲ፡ ኣብ መስርሕ ናይ ወላዲ ዕማመም ክድግፎም ይኽእል እዩ። ኣብ ናይ ወላዲ ዕማምካ፣ ደገፍ ምሕታት ማለት፣ ከም ወላዲ ሓላፍነት ናይ ምውሳድ ድሉውነትካ ዘርኢ እዩ። እቶም ብኣግኡ ደገፍ ዝሓቱ ወለዲ፡ ንደቆም፣ ኣብ መጻኢ ህይወቶም ካብ ከጋጥሞም ዝኽእል ሽግር የናግፉዎም።

ኩነታት ቆልዓ ናብ ሓደገኛ ኣንፈት ገጹ ምስ ዝኾነይድ፡ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፣ ምስ ስድራቤትን ካልኦት ኣባጽሕን ብሓባር ብምኻን፣ ነቲ ሓደገኛ ኣንፈት ብዝተኻእለ መጠን፣ ናብ ንቡር ክመልሱዎ ይፍትኑ። እዚ ኸኣ፡ ንኹነታት ናይቲ ቆልዓ፣ ንምምኽኻእ ዝዓለመ እዩ። ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፣ ነቶም ኣብ ክሊ ስድራቤት ዝኽሰቱ ሽግራት ንምፍታሕ ዘኽእሎ እኹል ዓቕሚ ኣሎዎ። ገለ ካብቲ ሽግራት ንኣብነት፡ ኣብ ገዛ ባእሲ ምስ ዝበዝሕ፡ ኩነታት ጥዕናኦም ዘተሓሳስቦምን ንደቆም ከይጸልዎም ዝፈርሁን ወለዲ፡ ተነጽሎ ዝስምዖም ቆልዑ፡ ግዳይ ዓመጽ፡ ምፍርራሕ፡ ምጭናቕን ዘለፋን ዝኾኑ ቆልዑ፡ ገበን ዝፍጽሙ፡ ኣልኮላዊ መስተ ዝሰትዩ ወይ፡ ውን ልምዲ ሓሽሽ ዘሎዎም ቆልዑ፣ ወይ፡ ውን ምስ ወልፍታት ዘሎዎም ወለዲ ዝቕመጡ ቆልዑ፡ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፣ ንሕማቕ ኣተሓሕዛ ቆልዓ ዝምልከት ናይ ስክፍታ ጥርዓን ወይ ሓበሬታ ክመጽኡ ይኽእል እዩ። ከምዚ ዓይነት፡ ዚ ሓበሬታ፣ ንኣብነት ካብ መምህር፡ ዳይረክተር፡ ፖሊስ ወይ፡ ውን ሰራሕተኛታት ሕክምና ክመጽኡ ይኽእል፡ ዩ። እዞም ዝተጠቕሱ ኣካላት፡ ዚኣቶም፣ ዘሰክፎም ኩነታት ናይ ቆልዑ ምስ ዝዕዘቡ፣ ንቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክሕብሩ ግዴታ ኣለዎም። ብዘይካ፡ ዞም ዝተጠቕሱ ኣካላት፡ ካልኣ ሰብ፡ ውን፣ ብገለ ምኽንያት ምስ ወለዲ ናይ ሓደ ቆልዓ ድሕሪ ምርኻብ፣ ዘሰክፍ ኩነታት ምስ ዝርኢ፡ ውን ክሕብር ይኽእል እዩ። ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፣ ሓበሬታ ምስ መጽኦ፣ እቲ ግዳይ ዝኾነ ቆልዓ ቅልጡፍ መዕቆቢ የድልዮ ድዩ ወይስ ኣይፋሉን፣ ብቕልጡፍ ገምጋም ይገብር። እቲ ቆልዓን ስድራቤቱን፣ እንታይ ዓይነት ደገፍ ክግበረሎም ኣለዎ ንምንጻር፡ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፣ ነቲ ዘጋጠመ ከጽንዖ ኣለዎዶ የብሉን ንዝብል ነገር፡ ውን ንጹር ውሳነ ክወስድ ኣለዎ። ኣብቲ ዝግበር ገምጋማዊ መጽናዕቲ፡ ቲ፣ ቆልዓን ስድራ ቤቱን ይሳተፉ እዮም።

እቲ ልሙድ ውጽኢት ናይዚ ገምጋማዊ መጽናዕቲ፡ ዚ ኸኣ፡ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ወለድን፡ ነቲ ቆልዓን ስድራቤቱን ዘድልዮም ደገፉት፣ ብንጹር ምውሳን እዩ። እቲ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝህቦ ደገፍ፣ ወለዲ እንተላይ ክሳተፉዎን ድሉውነቶም ከረጋግጹሉን የድሊ።

ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ፍሉይ ጠባይ ናይቲ ቆልዓ ወይ ፡ ውን ኣብቲ ህጻን ዝነብረሉ ገዛ ዝሰፈነ ሃዋህው መሰረት ገይሩ፡ ፡ ዕብየትን ጥዕናን ናይቲ ቆልዓ ክድቆስ ይኽእል፡ ዩ፡ ኣብ ዝብል መደምደምታ ምስ ዝበጽሕ ግን፡ እቲ ኣብዚ ጉዳይ፡ ዚ ተመርኩሱ ዘውጸኡ ናይ ደገፍ መደብ፣ ዋላ

ወለዲ ይቃወሙዎ ከተግብሮ ይኽእል እዩ። እዚ ማለት፣ ንኣብነት፣ እቲ ህጻን ንሓጺር ወይ ንነዊሕ ግዜ ምስ ካልእ ስድራ ቤት (jourhem eller familjehem) ወይ'ውን ኣብ ማእከል ክንክን ትሕቲ ዕድመ (HVB) ከም ዝቕመጥ ክገብሩ ይኽእሉ።

ክንክን ቆልዑ (Barnomsorg)

ክንክን ቆልዑ፣ ሓባራዊ መጸውዒ ናይቲ ናብ ነኣሽቱ ቆልዑ ዘተኮረ ትምህርታዊ ንጥፈት ዝግበረሉ እዩ። ኣብ ውሽጢ ክንክን ቆልዑ፣ ወለዶም ኣብ ዝሰርሑሉ ወይ ዝምሃሩሉ ምዓልቲ፣ ቆልዑ ዝጸንሑሉ፣ ንኣብነት ከም ምውዓሊ ህጻናት (förskola)፡ ስድራቤታዊ መጽንሒ ህጻናት (familjedaghem)፣ ከምኡ'ውን ማእከላት ትርፊ ግዜ (familje - daghem) ዝኣመሰሉ ማለት'ዩ። ወለዲ ክሰርሑ ወይ ክመሃሩ ከለዉ፣ ንደቆም ኣብኡ የጽንሑዎም።

ኣብ ኩላተን ኮምዩናት፡ በቲ ኮምዩን ዝምእከል ኣገልግሎት ክንክን ቆልዑ ኣሎ። ብውድባት ወይ ብማሕበራት ዝካየድ፣ ናጻ ወይ ብሕታዊ ክንክን ቆልዑ'ውን ኣሎ። ካብ 1 - 5 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት፣ ናብ መውዓሊ ህጻናት ወይ ስድራቤታዊ መጽንሒ ህጻናት ክኸዱ መሰል ኣሎዎም። ኣናደይቲ ስራሕ ወይ'ውን ናይ ወላዲ ዕረፍቲ ወሲድኩም ኮፍ ዝበልኩም ምስ እትኾኑ፡ ካብቲ ሒዝኩሞ የዕረፍኩምሉ ዘለኹም ህጻን ዝዓቢ ወይ ዝዓብዩ ደቅኹም፡ ኣብ መዓልቲ ሰለስተ ሰዓታት፡ ማለት ኣብ ሰሙን 15 ሰዓታት፡ ጥራይ እዮም ኣብ ማእከል ክንክን ቆልዑ ክውዕሉ ዝፍቀደሎም።

መውዓል ህጻናት (Förskola)

መውዓል ህጻናት፣ "ዳግሀም" ወይ 'ዳጊስ' ተባሂሉ'ውን ይጽዋዕ'ዩ። ካብ 1 - 5 ዝዕድመኦም ቆልዑ፣ ቀዳማይ ክፍሊ (förskoleklass, första klass) ቅድሚ ምጅማሮም ዝውዕሉ ቦታ'ዩ። ብዙሓት መውዓሊ ህጻናት፡ ከመይ ገይረን ከም ዝምህራ ዝግልገላሉ ፍሉይ ኣገባብ ኣሎወን። ስርዓተ ትምህርቲ (läroplan)'ውን ኣሎወን ። እዚ ስርዓተ ትምህርቲ'ዚ፣ ቆልዑ፣ እንታይ ክምሃሩ ከም ዘለዎም ዝሕብር ጽሑፍ'ዩ። ኩላተን መውዓሊ ህጻናት፣ ንሽወደናዊ ስርዓተ ትምህርቲ ምርኩስ ብምግባር'የን ዝሰርሓ።

ክፉት መውዓሊ ህጻናት (öppen förskola)

ክፋት መውዓሊ ህጻናት፣ እቶም ብምኽንያት ህጻን ካብ ስራሕን ትምህርትን ናጻ ዝኾኑ ወለዲ ምስ ደቆም ዝራኸቡሉ ቦታ እዩ። ኣብኡ፣ ምሁራን ሰራሕተኛታት ኣለዉ። ምስ ካልኦት ወለድን ደቆምን ንኽትላለ ድማ ግሩም ቦታ እዩ። ክፋታት መውዓሊ ህጻናት፣ ኣብ መብዛሕትኡን ናይ ሽወደን ኮምዩናት ይርከባ።

ቀዳማይ ክፍሊ (Förskoleklass / sexårsverksamhet)

ኩላቶም ቆልዑ፡ ኣብታ 6 ዓመት ዝመልኡላ ዓመት፡ ቦታ ቤት ትምህርቲ ህጻናት ይረኽቡ። ቤት ትምህርቲ መውዓሊ ህጻናት : ቆልዑ ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ፡ ቀዳማይ ክፍሊ ቅድሚ ምጅማሮም፡ ናብ ትምህርቲ ምኽኑድ ዝለመዱሉ ቦታ'ዩ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ፡ ዮነር

ማእከል ትርፊ ግዜ ’ፍሪቲድስ’ (fritids)

ካብ 6 - 12 ዓመት ዝዕድመኦም ቆልዑ፡ ቅድሚ ትምህርትን ድሕሪ ትምህርትን፡ ናብ ማእከል ትርፊ ግዜ ክኸዱ መሰል ኣሎዎም። ቆልዑ፣ ናብ ’ፍሪቲድስሄም’ ክኸዱ ክፍቀደሎም፡ ወለዶም ግድን ዝሰርሑ ወይ ዝመሃሩ ክኾኑ ኣለዎም። ’ፍሪቲድስሄም’ ዝበዝሕ እዋን፣ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ’ዩ ዝርከብ። ካብ 10 - 12 ዓመት ዝዕድመኦም ቆልዑ፣ ጥቓ ቤት ትምህርቶም ናብ ዝርከብ ’ክፉት ንጥፈት ትርፊ ግዜ’ ክኸዱ ይኽእሉ’ዮም።

ስነ ትምህርታዊ ክንክን ‘ፋሚልየዳግሄም‘ (Pedagogisk omsorg / familjedaghem)

ገለ ክፋል ናይ ህጻናት ናይ ክንክን ቦታ፡ ስነ ትምህርታዊ ክንክን ወይ ስድራቤታዊ መጽንሒ ይብሃል። ብስነ ትምህርቲ ዝሰልጠነ ሰብ እዩ ንቐልዑ ኣብ ገዝኡ ተቐቢሉ ዝከናኸኖምን ስነ ትምህርታዊ ንጥፈታት ዝህቦምን። ናብ ቤት ትምህርቲ ዝኸዱ ህጻናት፣ ድሕሪ ትምህርቲ፣ ናብ ስድራቤታዊ መጽንሒ ክኸዱ ይኽእሉ እዮም። ከም ማእከል ትርፊ ግዜ ድማ’ዩ ዘገልግል።

ምስ ወለዲ ምትሕብባር

ወለዲ፣ ንደቆም ኣዐርዮም ስለ ዝፈልጡዎም፣ ንማሕበራዊ ክንክን ቆልዑ ኣገደስቲ’ዮም። ። ህጻናት፣ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ወይ ኣብ ’ፋሚሊዳግሄም’ ክጅምሩ ከለዉ፡ ክሳብ ቀሲኖም ዝለማመዱ ወለዶም የሰንዩዎም’ዮም። እዚ ድማ፣ ምልምማድ (inskolning) ይብሃል። ኣስታት ክልተ ሰሙን ኣቢሉ ድማ ይወስድ። ኣብ መውዓሊ ህጻናትን ኣብ ማእከላት ትርፊ ግዜን

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ዝሰርሑ ሰባት፣ ንወለዲ ኣብ ዘተ ምዕባለ (utvecklingssamtal) ክሳተፉ ይዕድሙዎም'ዮም። ሽዑ ድማ፣ ቆልዑ ከመይ ይኸዱ ከም ዘለዉ ኣልዒሎም ይዛተዩ። ንስኻ'ውን ከም ወላዲ መጠን፣ እቲ መውዓል ህጻናት ብኸመይ መገዲ ክሰርሕ ከም ዘለዎ፣ ሓሳባት ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ማእከል ክንክን ቆልዑ፤ ቦታ ምሕታት

ኣብ መውዓሊ ህጻናትን ኣብ ማእከላት ትርፊ ግዜን፣ ቦታ ንምርካብ ኣቐዲምካ ደቅኻ ከተመዝግብ ኣለካ። ነዚ ድማ ኣብ ኮምዩንካ ኢኻ ትገብሮ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኮምዩን፣ ዝተፈላለየ መምርሒታት ኣሎ። መብዛሕትኡ ግዜ ግን፣ ገለ ኣዋርሕ ኣቐዲምካ ከተመልክት ኣለካ። ውላድካ፣ ናብ መውዓሊ ህጻናት ንምኻድ፣ ብዉሑዱ ወዲ ሓደ ዓመት ክኸውን ይግባእ።

መባእታ ቤት ትምህርቲ (Grundskola)

ኣብ ሽወደን፣ ኩሉቶም ቆልዑ፣ ንትሽዓተ ዓመት፣ ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ይምሃሩ። እዚ፣ ብሕጊ ትምህርቲ ሽወደን ዝተሓገገ ኮይኑ፣ 'ግዴታ ትምህርቲ' ይብሃል። ነፍሲ ወከፍ ዓመት ትምህርቲ፣ መንፈቐ-ጽድያን (hösttermin)፣ መንፈቐ-ቀውዕን (vårtermin) ኣሎዎ። ኩሉቶም ቆልዑ፣ ካብታ ደቂ ሽውዓተ ዓመት ዝኾኑላ ወይ ትምህርቲ ዝጀመሩላ ቀዳመይቲ መንፈቐ-ጽድያ፣ ክሳብ'ታ መንፈቐ-ቀውዒ ናይ ታሽዐይቲ ዓመት፣ ናብ ትምህርቲ ክመላለሱ ግዴታ ኣሎዎም።

ንኣከያይዳ ትምህርቲ ዝምልከት ትምህርታዊ ወይ ናይ ኣመሃህራ ፕላን ኣሎ። ኣብዚ ፕላን'ዚ፣ ቆልዑ፣ እንታይን ብኸመይን ክምሃሩ ከምዘለዎም ይሕብር። ኣገባብ ኣመሃህራን መጻሕፍትን፣ ኣብ መባእታ ንዝምሃሩ ተማሃሮ ብነጻ እዩ ዝውሃብ። ዘይክፈሎ ምሳሕ'ውን ይውሃቦም እዩ።

ኩላቶም ቆልዑ፡ ንዘመታት፡ ናብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ይኸዱ።

ስእሊ: Colourbox

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ከም መጠን ወላዲ፡ ንደቅኻ ዝኸውን ቤት ትምህርቲ ክትመርጽ መሰል ኣሎካ። ቆልዓ፡ ኣብቲ ትነብሩሉ ከባቢ ዘሎ ቤት ትምህርቲ ክምሃር መሰል ኣሎዎ። ካልኢ ቤት ትምህርቲ ምስ እትደሊ፡ ናብቲ እትደልዮ ቤት ትምህርቲ ብምኻድ ምስቲ ዳይረክተር (rektor) ርክብ ብምግባር ኢኻ ቦታ ትሓትት። ቦታ እንተሎ ድማ ንደቅኻ ይቕበሉዎምን ትምህርቲ ድማ ክጅምሩ ይኽእሉን።

ነቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ክምሃሩ ዘይክእሉ ቆልዑ ተባሂሉ ዝተዳለወ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ (specialskola och särskola) ኣሎ። ንኣብነት "ስፐሻል-ስኮላን"፡ ጽሙማን ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም ንዘሎዎም ቆልዑ የእንግድ። "ሳር-ስኩላን" ከኣ፡ ነቶም ተገንዝቦኣዊ ወይ ውን ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ዘሎዎም ተማሃሮ የእንግድ። እዞም ኣብ ዘን ፍሉያት ኣብያተ ትምህርቲ ዚኣተን ዝምሃሩ ተምሃሮ፡ ብቤት ትምህርቶም፡ ፍሉይ ናይ ኣመሃህራ ደገፍ ይግበረሎም።

ዓይነት ትምህርቲ(ሳብጀክት) ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ

ዓይነት ትምህርቲ (Ämne) ዝብሃል: እቲ ተማሃሮ ዝምሃሩዎ ዓይነት ትምህርቲ ንኣብነት ከም ሕሳብ: ወይ ሽወደንኛ ዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝውሃብ ነፍሲ ወከፍ ዓይነት ትምህርቲ: ናይ ትምህርቲ ፕላን ዘሎዎ ኮይኑ፡ ተምሃሮ፡ መባእታ ቤት ትምህርቲ ምስ ወድኡ ክኾኑዎ ዘሎዎም ዝሕብር መደብ ትምህርቲ (kursplan) ኣሎዎ።

ትምህርቲ ጾታን ጾታዊ ዝምድናን

ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ሽወደን: ትምህርቲ ጾታን ጾታዊ ዝምድናን (sex och samlevnad) ኣካል ናይ ስርዓተ ትምህርቲ ዩ። ትሕዝቶ ናይዚ ትምህርቲ ዚ ኸኣ፡ ብዛዕባ ፍቕሪ ኮይኑ፡ ምስ ካልኣይካ፡ ክብረትን ማዕርነትን ዝዓሰሎ ማሙቕ ፍቕራዊ ዝምድና ብኸመይ ትምስርት ዝብል እዩ። ትምህርቲ ጾታውነትን ጾታዊ ዝምድናን፡ ኣብ ሽወደን፡ ንልዕሊ 50 ዓመታት ክውሃብ ዝጸንሐ ዓይነት ትምህርቲ እዩ።

ነጥቢ (Betyg)

ተማሃሮ፡ ካብ ሻድሻይ ክፍሊ ኣትሒዞም፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መንፈቐ ትምህርቲ ነጥቢ ይውሃቡ ዮም። እቶም ቆልዑ፡ ኣብ መወዳእታ መንፈቕ ናይ 9ይ ክፍሊ፡ ማለት መዛዘሚ ናይ መባእታ ቤት ትምህርቲ፡ ናይ መባእታ ናይ መዛዘሚ ነጥቢ (slutbetyg) ይውሃቡ ዮም።

ነጥቢ፡ ደረጃታት ኣሎዎ። ማለት A: B: C: D: E: ከምኡ ውን F። ነጥቢ F ማለት፡ እቲ ተማሃራይ ብሓደ ዓይነት ትምህርቲ ኣይሓለፈን ማለት ዩ። A ድማ፡ እቲ ዝለዓለ ነጥቢ ዩ።

ነጥቢ ብኸመይ ከም ዝውሃብ መምርሒታት ዘውጽኣ ሃገራዊ ወኪል ትምህርቲ ሽወደን (Skolverket) እዩ። ሃገራዊ ወኪል ትምህርቲ ሽወደን፡ መንግስታዊ ትካል ዩ። እዚ ትካል ዚ፡ ተማሃሮ ሽወደን፡ ኣብ ውሕስነት ዘሎዎ ኣከባቢ፡ ግሩም ትምህርቲ ንኽቐስሙ ይጽዕር።

ትምህርቲ ቋንቋ

ሓደ ካብ ወለዲ፡ ወይ ክልቲኦም ወለዲ፡ ካብ ሽወደንኛ ወጻኢ ቋንቋ ኣደ ዝዛረቡ እንተኾይኖም፡ እሞ ድማ፡ እቲ ቋንቋ ኣብ ገዛ ዝጥቀሙሉ ቋንቋ እንተኾይኑ፡ እቲ ቐልዓ፡ ነዚ ቋንቋ ' ዚ ክምሃሮ መሰል ኣሎዎ። ግን ከኣ፡ እቲ ቐልዓ፡ መባእታዊ ኣፍልጦ ናይቲ ቋንቋ ክህሉዎ ይግባእ። ኣብ ገዛ ' ውን ኩሉ ግዜ ዝጥቀመሉ ክኸውን ይግባእ።

ካልእ ቋንቋ ኣደ ዘሎዎም ተማሃሮ ' ውን፡ ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ (Svenska som andraspråk) ክምሃሩ መሰል ኣሎዎም። ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ፡ ንጀመርትን ነቶም ድሮ ሽወደንኛ ዝኽእሉን ተማሃሮ ' ዩ ተዳልዩ። ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ፡ ከም መደባዊ ትምህርቲ ሽወደንኛ እዩ። እቲ ኣመሃህራ፡ ምስቲ ናይቲ ካልእ ቋንቋ ኣደ ዘሎዎ ሰብ ከም ዝመቻቻእ ተገይሩ እዩ ዝካየድ።

መቀራረቢ ወይ መዳለዊ ክፍሊ (Förberedelseklass)

ኣብ ሽወደን ሓደስቲ ዝኾኑ ቆልዑ፡ ዝመሃሩሉ መቀራረቢ ወይ መዳለዊ (Förberedelseklass) ዝብሃል ክፍሊ ኣሎ። ኣብዚ ክፍሊ ' ዚ፡ ተማሃሮ፡ ሽወደንኛ ይለማመዱን ዝተፈላለዩ ዓይነታት ትምህርቲ ድማ ይምሃሩን። እዞም ተማሃሮ ' ዚኣቶም፡ ብዝተኻእለ መጠን ብቕልጡፍ፡ መደበኛ መባእታ ቤት ትምህርቲ ምእንቲ ክቕጽሉ፡ ትምህርቲ ይውሃቦም። ንዕድመ፡ ቋንቋ ኣደን ዝሓለፈ ደረጃ ትምህርትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቲ ትምህርቲ ዝተፈላለየ መልክዕ ክሕዝ ይኽእል ' ዩ። ኣብ ብዙሓት ኮምዩናት ሽወደን፡ መቀራረቢ ክፍልታት ኣሎዉ።

ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ (Gymnasium)

እቶም ኣብ መባእታ ትምህርቲ፣ ናይ መወዳእታ ዓመት፣ ማለት ታሽዓይ ክፍሊ ዝምሃሩ ተማሃሮ፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ንምቕዳል ክምዝገቡ ይኽእሉ። ኣብ ሽወደን፣ ዝኾነ ሰብ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ክምሃር፣ ወለንታዊ ወይ ናይ ድላይ ጕዳይ እዩ። ዝኽፈል ክፍሊት ' ውን የብሉን። እቶም ኣብ መንጎ 16~20 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያት፣ ናይ መባእታ ደረጃ ትምህርቶም ምስ ዝውድኡ፣ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ክምሃሩ ይኽእሉ። ዳርጋ ኹሎም መንእሰያት፣ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ክምሃሩ ይደልዩ።

ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ' ውን፣ ብ ' ብዓል መዚ ትምህርቲ ' ዝተሓንጸጸ ስርዓተ ትምህርትን ውጥን ኮርሳትን ኣሎዎ። ውጥን ኮርስ ክብሃል ከሎ፡ ተማሃሮ፣ ትምህርቲ ክዛዝሙ ከለዉ እንታይ ክኾኑ ከም ዘሎዎም ዘነጽር እዩ። ስርዓተ ኣወሃህባ ነጥቢ፣ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ' ውን፣ ክምቲ ናይ መባእታ ደረጃ ኣወሃህባ ነጥቢ እዩ።

እቲ ክማሃሮ ዝደልዮ ዓይነት ትምህርትን ክማሃረላ ዝደልያ ቤት ትምህርትን ዝሓሪ፡ እቲ ተማሃራይ ባዕሉ ' ዩ ። እቲ ተማሃራይ፣ ኣብ መመልከቲ ቅጥዒ፣

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ዝመረጸን ብዙሓት ኣብያተ ትምህርትን ዝመረጾም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ትምህርትን ከስፍር ኣሎዎ። ኣብታ ቀዳመይቲ ምርጫኡም ዝኾነት ቤት ትምህርቲ፣ ቦታ ክረኽቡ ርጉጽ ኣይኮነን።

ከምረጹ ዝኽእሉ ብዙሓት ዓይነታት ትምህርቲ ኣሎዉ። ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ፣ ቅድሚ ምርጫ፣ ምኽርን ሓበሬታን ዝህቡ ኣማኸርቲ ትምህርቲ (studievägledare) ኣሎዉ።

ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ እቶም ተማሃሮ፣ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ወይ ሞያዊ መሰልጠኒ ማእከል ከምህሮም ዘኽእል፣ እኹል ሓበሬታ ከምዝቐስሙ ይግበሩ።

ሓደ ተማሃራይ፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዝውሃብ ሃገራዊ መደብ ትምህርቲ ንምስታፍ፡ ኣብ መባእታ ደረጃ ትምህርቶም፣ ኣብ ' ቋንቋ ሽወደን ' ወይ ' ውን ' ቋንቋ ሽወደን ከም ካልኣይ ቋንቋ ' ፡ ቁጽርን፡ እንግሊዘኛን ዝሓለፉ ክኾኑ ኣሎዎም።

- ኣብ ሞያዊ ፕሮግራም ንኽትኣቱ፣ ብተወሳኺ እንተ ወሓደ፣ ብሓሙሽተ ካልኦት ዓይነታት ትምህርቲ፣ ዘሕልፍ ነጥቢ ክህልወካ ኣሎዎ።
- ኣብ ናይ ኮለጅ ምድላው መደብ ንኽትኣቱ ድማ፣ እንተ ወሓደ ኣብ ትሽዓተ ካልኦት ዓይነታት ትምህርቲ፣ መሕለፊ ነጥቢ ክህሉወካ ይግባእ።

እቶም ኣብ ' ዘን ዓይነታት ትምህርቲ ' ዚኣተን ዘሕልፍ ነጥቢ ዘይረኽቡ ተማሃሮ፣ ኣብ መተኣታተዊ ፕሮግራም (introduktionsprogram) ክምሃሩ ይኽእሉ ' ዮም። እዚ መተኣታተዊ ፕሮግራም ' ዚ፣ ትምህርቶም ንኽቕጽሉ ይሕግዞም። ሓምሽተ ዝተፈላለዩ ናይ መተኣታተዊ መደባት ኣለዉ። ሓደ ኽብኣቶም፣ ብፍሉይ ናብ ' ቶም ሓደስቲ መጻእቲ መንእሰያት ዘተኮረ ናይ ቋንቋ መተኣታተዊ እዩ። ኣብቲ ፕሮግራም ' ቲ፣ እቶም መንእሰያት፣ ሽወደንኛን ካልእ ዓይነት ትምህርትን (ሳብጀክትን) ይወስዱ። ኣብቲ እትነብረሉ ኮምዩን፣ እንታይ ዓይነት ተኽእሎታት ከም ዘሎ ንምፍላጥ ንኮምዩንካ ተወከሱ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ መደባት ካልኣይ ደረጃ ትምህርትን ናይ ምስታፍ ተኽእሎኻን፣ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ፣ ማለት ኢንተርነት፡ **www.utbildningsinfo.se** ኣንብብ።

ስእሊ፡ ዮነር

ስእሊ: ሚካኤል ጆንሶን

ቤት ትምህርትን ደሞክራስን

ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ሽወደን፣ ብዛዕባ ደሞክራሲ ብዙሕ ይዝረበሉ። ሓደ ካብቲ ዕላማታቱ ድማ፣ እቶም ተምሃሮ ምስ ዓበዩ፣ ተሳተፍትን ኣብቲ ሕብረተሰብ ድማ ሓላፍነት ዝስመዖምን ንክኾኑ እዩ።

ተማሃሮ፣ ኣብ ደሞክራስያዊ ሃዋሁው ንኽነብሩ ዘኽእሎም ፍልጠት ክዓጥቁ፣ መሰላቶምን ግቡኣቶምን ክፈልጡን ኣለዎም። ከም ኣካል ናይቲ ዝውሃቦም ትምህርቲ ከኣ፣ 'ደሞክራሲ እንታይ ማለት'ዩ?' ዝብል ኣርእስቲ ኣልዒሎም ምይይጣትን ክትዕን ክኣይዱ ዕድል ይውሃቦም።

ቀደም ዝነበረ ኩነታት ትምህርቲ

ኣብያተ ትምህርቲ ሽወደን፣ ካብ መፋርቕ 20 ክፍለ ዘመን ኣትሒዙ ኣዝዩ ብዙሕ ለውጢ ኣርእዩ'ዩ። ቀደም፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ጽኑዓት መምርሒታት ነይሮም። መምህር፣ ንተማሃሮ ክሃርም መሰል ነይሩዎ። እዚ ኸኣ፣ 'ምቕጻዕ' ይብሃል። ክሳብ 1958 ዓ.ም ድማ፣ ይስርሓሉ ነይሩ። ድሕሪ'ዚ ዓመት'ዚ ግን ከም ዝኽልከል ተገይሩ።

ተማሃሮ ንመምህሮም፣ ብስሙ ኣይጽውዑዎን ወይ "ኣታ" ኣይብሉዎን ነይሮም። ኣብ ክንድኡ ግን 'መምህር (fröken, magistern)' ይብሉዎ ነይሮም። ተማሃሮ፣ ካብ ቀዳመይቲ ዓመት ትምህርቲ ኣትሒዞም፣ ከመይ ከም ዝሰርሑ ዝገልጽ ነጥቢ ይውሃቡ ነይሮም። ብኽልተ ወይ ሰለስተ ዓይነታት ትምህርቲ ዘይሓለፉ ተማሃሮ፣ ትምህርቲ ክደግሙ ይግደዱ ነይሮም።

ቤት ትምህርቲ ሎሚ

ሎሚ፣ ተማሃሮ ናጻ ክሓስቡ፣ ክምሃሩን ኣብ ትምህርቶም ባዕላቶም ክውስኑን ዘኽእላ ደሞክራሲያውያን ኣብያተ ትምህርቲ ኣሎዋና። መምህር፣ መራሒ ጉጅለ ናይ ተማሃሮ'ዩ። እቲ ኣብ መንጎ መምህርን ተማሃሮን ዘሎ ርክብ ግን ምዕሩይ እዩ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ኣብያተ ትምህርቲ ሽወደን፣ ካብ ሓፈሻዊ ኣዋጅ ሰብኣውያን መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝብገሱ ክብርታት ኣሎወን። ክብሪ ክብሃል ከሎ፣ ከም መጠን ቆልዑ፣ መንእሰያትን ኣባጽሕን ንሕድሕድና ዘሎና ኣተሓሕዛ ይምልከት። እዚ ክብሃል ከሎ፣ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ሽወደን፣ ዝኾነ ሰብ ብሕማቕ ክተሓዝ የብሉን ማለት ' ዩ። ኣዋልድን ኣወዳትን፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ሓደ ዓይነት ዕድል ክህሉዎም ይግባእ። ተማሃሮ፣ ኣብ ኣኼባታትን ቤት ምኽሪ ተማሃሮን (klassmöten, klassråd) ብምስታፍ ነቲ ዝውሃብ ትምህርቲ ክጸልውዎ ይኽእሉ።

ቤት ትምህርትን ስድራቤትን

ኣብ ሽወደን፣ ወለዲ፣ ኣብ ናይ ውላዶም ናይ ትምህርቲ ስራሓት ክሳተፉ ትጽቢት ይግበረሎም። ወለዲ፣ መማህራንን ተማሃሮን፣ እቶም ቆልዑ ብዝተኻእለ መገዲ ደስ ኢሉዎም ክምሃሩ ዝኽእሉሉ ሃዋህው ንምፍጣር፣ ብሓደ ሓቢሮም ይሰርሑ። እቲ ቤት ትምህርቲ፣ ነቶም ወለዲ፣ ኣብቲ ናይ ውላዶም ህይወት ንጡፋት ክኾኑ፣ ውላዶም ኣብቲ ቤት ትምህርቲ እንታይ ይገብር ወይ ከመይ ከም ዘሎን ክፈልጡ ይደልዩዎም።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ መንፈቐ ትምህርቲ፣ ኣብያተ ትምህርቲ ምስ ወለድን ተማሃሮን ብሓደ ኮይኖም ዘተ ምዕባለ (utvecklingssamtal) የካይዱ። ኣብቲ ዝግበር ዘተ፣ ወለዲ ብህድኣት ምስ መማህራን ይዝትዩ። ቆልዑ እንታይ ሓገዝ ከም ዝደልዩ፣ ብኽመይ ከም ዝምዕብሉን ከም ዝምሃሩን ናይ ምዝርራብ ዕድል ኣሎ። ኣብቲ ዝግበር ዘተ ምዕባለ፣ እቲ መምህር ' ውልቃዊ መደብ ምዕባለ (utvecklingsplan, IUP) ' የውጽእ። ካብ ሽወደንኛ ወጻኢ ዝኾነ ቋንቋ ኣደ እንተለካ : ኣብቲ ዝግበር ዘተ፣ ኣስተርጓሚ ክግበረልካ መሰል ኣሎካ።

እቲ ቤት ትምህርቲ : ወለዲ ሓበሬታ ንኽረኽቡን ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝትግበሩ ስርሓት ድማ ኣበርክቶ ምእንቲ ክገብሩን ' ኣኼባታት ወለዲ (föräldramöten) ' የካይድ ' ዩ።

ከም መጠን ወለዲ፣ ናብ ቤት ትምህርቲ መጺእካ ኩሉ ነገራት ብኽመይ ከም ዝካየድን፣ ደቅኻ ከመይ ይኽዱ ከም ዘለዉን ክትዕዘብ ዕዱም ኢኻ። ሕቶታት ከተቕርብ ወይ ብዛዕባ ውላድካ ክትዘራረብ እንተ ደሊኻ ' ውን ናብ መምህር ወይ ዳይረክተር ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

ቁጠባዊ ደገፍ ንወለዲ

ቆልዑ ዘሎዉዎም ወለዲ፣ ካብ ቤት ጽሕፈት ትካል ውሕስነት፣ ማለት ' ፎርሼክሪንካሳ ' ፣ ' ሓገዝ ክራይ - ገዛ (bostadsbidrag) ' ፣ ' መተካእታ ደሞዝ ወላዲ (föräldrapenning) ' ፣ ' መናበዩ ደገፍ (underhållsstöd) ' ከምኡ ' ውን ' ሓገዝ ክንክን (vårdbidrag) ' ክወስዱ ይኽእሉ ' ዮም።

ኩላተን ኣብ ሽወደን ቆልዑ ዘለዉወን ስድራቤታት፣ ' ሓገዝ ቆልዑ ' (barnbidrag) ይወስዳ ' የን። ' ሓገዝ ክራይ - ገዛ ' ፣ ትሑት እቶትን ልዑል ወጻኢታት ክራይን ንዘሎዎም ይውሃብ። ' ሓገዝ ክንክን ' ፣ ስንኩል ቆልዓ

ኣቦ ንሙላዱ ካብ መሙዓል ህጻናት የምጽኡ።

ስእሊ: Colourbox

ንዘሎወን ስድራቤታት ይኽፈል። ዝተፋታሕካ ምስ እትኽውን፣ እሞ ድማ ደቅኻ ምሳኻ ምስ ዝነብሩ፣ መጻምድኻ ነቲ ቀለብ ቆልዓ ይኽፍሎ። እዚ ክፍሊት ' ዚ፣ ነቲ ናይቲ ቐልዓ ወጻኢታት ይሸፍኖ። እቲ መጻምድኻ ምስ ዘይከፍል ወይ ድማ ኣዚዩ ትሑት እቶት ምስ ዝህሉዎ፣ ካብ ' ትካል ውሕስነት ' ፣ ማለት ፎርሽክሪንካሳን፣ ገንዘብ ትወስድ። እዚ ድማ፣ መናበዩ ይብሃል።

ብዛዕባ ' ዚ፣ ኣብ መርበብ ኢንተርነት ትካል ውሕስነት፣ ማለት ፎርሼክሪንካሳን **www.forsakringskassan.se** ኣቲኻ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ውሕስነት ወለዲ (Föräldraförsäkringen)

ነቶም ዝሰርሑ ወለዲ፣ ደቆም ንምእላይ ዕረፍቲ ንኽወስዱ ዘቃልለሎም ወይ ዝሕግዞም፣ ' ውሕስነት - ወለዲ (Föräldraförsäkringen) ' እዩ። ' መተካእታ ደሞዝ ዕረፍቲ - ወላዲ (Föräldrapenning) ' ብማዕከን ውሕስነት፣ ማለት ፎርሼክሪንካሳን፣ ነቶም ቆልዓ ንምእላይ ገዛ ዝውዕሉ ወለዲ ዝኽፈል ቑጠባዊ ሓገዝ እዩ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ሰብኡት ይኹኑ ኣንስቲ፣ ምስ ውላዶም ኣብ ገዛ ንምውዓል፣ ካብ ስራሕን ትምህርትን ዕረፍቲ ክወስዱ ምርኣይ ልሙድ እዩ። ብብዝሒ ዘዕርፉ ግን፣ ደቂ ኣንስትዮ እየን። ሰብኣይን ሰበይትን ንዕረፍቲ ውሕስነት ወለዲ ብማዕረ ንኽማቐሉዎ ንምትብባዕ ካብ ዝብል ሓሳብ፣ እቲ ሓደ ወላዲ ግድን ክወስዶም ዘሎዎ ናብ ካልእ ክሰጋገሩ ዘይክእሉ ምዓልታት ኣሎዉዎ።

መተካእታ ደሞዝ ወላዲ ን480 መዓልታት ክትወስድ ትኽእል ኢኻ። ኣብ'ተን ቀዳሞት 390 መዓልታት፣ 80% ናይ ደሞዝካ ትወስድ። ኣብ'ተን ዝተረፋ 90 መዓልታት ድማ፣ 180 ክሮኖር ንመዓልቲ ትወስድ።

ስራሕ ዘይብሎም፣ ወይ ከኣ፣ ትሑት እቶት ዘሎዎም ወለዲ፣ ን480 መዓልታት፣ ንመዓልቲ 250 ክሮኖር ክወስዱ መሰል ኣሎዎም። ኣቦ፣ ብምኽንያት ምውላድ ሓድሽ ማማይ፣ ናይ ስራሕ ዕረፍቲ ወሲዱ ገዛ ኮፍ ክብልን ካብ 'ትካል ውሕስነት'፣ ማለት ፎርሼክሪንካሳን ድማ ን10 መዓልታት ገንዘብ ክኽፈሎን መሰል ኣሎዎ።

ናብ ሽወደን፣ ሓደስቲ መጻእቲ ኮይኖም፣ ቆልዓ ዘሎዎም ምስ ዝኾኑ፣ 'መተካእታ ደሞዝ ዕረፍቲ ወለዲ' ክሓቱ ይኽእሉ'ዮም። እቲ ዝረኽቡዎ ሓገዝ፣ ንዘይፍሉጥ ወይ ንዝተፈላለዩ ምዓልታት፣ ማለት ኣብ ዕድመ ናይቲ ቆልዓ ዝምርኮስ እዩ።

ትሰርሕ ምስ እትኸውንን፣ ውላድካ ድማ፣ ብሕማም ምኽንያት ካብ መውዓሊ ህጻናት ወይ ቤት ትምህርቲ ተሪፉ ኣብ ገዛ እንተ ውዒሉ፣ ንስኻ ድማ ምስኡ እንተ ውዒልካ፣ ደሞዝ ወላዲ ክትወስድ መሰል ኣሎካ። እዚ ግዜያዊ 'መተካእታ ደሞዝ ወላዲ (tillfällig föräldrapenning)' ወይ 'ክንክን ቆልዓ (vård av barn, VAB)' ይብሃል። 80% ናይ ደሞዝካ ድማ ትኽፈል። እንተ ዛየደ ንሓደ ቆልዓ 120 መዓልታት ኣብ ዓመት ክትወስድ ትኽእል።

ዝሓጸረ ናይ ስራሕ ግዜ፡

ቀዳማይ ክፍሊ ዘይወደአ ወይ ትሕቲ 8 ዓመት ዝዕድመኡ ቆልዓ እንተሎካ፣ ንሕጽር ዝበለ ናይ ስራሕ ግዜ መሰል ኣሎካ። እዚ ማለት ከኣ: ኣብ ክንዲ 8 ሰዓታት፣ 6 ሰዓታት ንመዓልቲ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ ማለት'ዩ።

ውሕስነት ስራሕ (Anställningsskydd)

ወሃብቲ ስራሕ፣ ንስራሕ ዝሓታ ነፍሰ ጾራት: ካብ ካልኦት ፈልዮም ሕምቐ ዝበለ ዕድል ክህቡወን ሕጊ ሽወደን ኣየፍቅድን'ዩ። ብምኽንያት ጥንሲ ሰራሕተኛ ምስንግ'ውን ክልኩል'ዩ።

ሓገዝ ቆልዓን ሓገዝ ትምህርትን (Barnbidrag och studiebidrag)

ትካል ውሕስነት (Försäkringskassan)፣ ንኹሎም ቆልዑ፣ 'ሓገዝ ቆልዓ (barnbidrag)' ይኽፍል። እታ ፋልመይቲ ሓገዝ ቆልዓ: ሓደ ወርሒ ድሕሪ ምውላዱ፣ ወይ'ውን ሓደ ወርሒ ድሕሪ እቲ ቆልዓ ናብ ሽወደን ምምጽኡ፣ ትኽፈል። ሓገዝ ቆልዓ፣ እቲ ቆልዓ 16 ዓመት ዕድመ ክሳብ ዝበጽሕ ይኽፈል። ወሰኽ ሓገዝ ንዝሰደሩ (flerbarnstillägg): ነቶም ክልተ ወይ

ካብኡ ንላዕሊ ቆልዑ ዘለዉዎም ስድራቤታት ይኽፈል። መጠን ናይቲ ዝውሃብ ወሰኽ፣ ኣብ ብዝሒ ቆልዑ ' ዩ ዝምርኮስ። ሓገዝ ቆልዓ : ወርሒ ወርሒ ከባቢ ዕለት 20 ይኽፈል። ክልቲኦም ወለዲ፣ ሓባራዊ መጕዚትነት ናይቲ ቐልዓ ወይ ቆልዑ ምስ ዘህሉዎም፣ ነቲ ዝኽፈሎም ሓገዝ - ቆልዓ/ዑ ክማቐሉዎ ኣለዎም። ንሓደ ቐልዓ፣ ነፍሲ ወከፎም ኣብ ወርሒ፣ 625 ክሮነር ይኽፈሎም። ከምዚ ክኸውን ዝኽእል ግን እቲ ቆልዓ 1 መጋቢት 2014 ወይ ውን ድሕሪኡ ዝተወልደ ምስ ዝኸውን እዩ። እቲ ቐልዓ ቅድሚ 1 መጋቢት 2014 ዝተወልደ ምስ ዝኸውን ግን፣ ሓገዝ - ቆልዑ፣ ንወላዲት እዩ ዝኽፈላ። ተሓታቲ ቆልዑ እቲ ሓደ ወላዲ በይኑ ምስ ዝኸውን፣ እቲ ሓገዝ፣ ማለት 1250 ኣብ ወርሒ፣ ንዕኡ/ኣ ይኽፈሎ/ላ። ሓገዝ ቆልዓ ይኹን ወሰኽ ሓገዝ ንዝሰደሩ ግብሪ ኣይክፈሎን ' ዩ።

ሓገዝ - ቆልዓ ' ፣ ውላድኩም 16 ዓመት ክሳብ ዝመልእ ይኽፈል። እቶም 16 - 20 ዓመት ዝዕድመኡም መንእሰያት፣ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዝምሃሩ ምስ ዝኾኑ ናይ ትምህርቲ - ሓገዝ (studiebidrag) ይውሃቦም። ናይ ትምህርቲ - ሓገዝ፣ ኣብ ወርሒ 1250 ክሮነር ኮይኑ፣ ኣብ ' ተን ካብ መስከረም ክሳብ ሰነ ንዘለዋ ዓሰርተ ኣዋርሕ ጥራይ እዩ ዝኽፈል። እዚ ሓገዝ ' ዚ እቶም መንእሰያት 20 ዓመት ክሳብ ዝመልኡላ ኣብ ዘላ ቀውዒ ናይ ትምህርቲ ግዜ ጥራይ እዩ ዝውሃብ። ብዙሕ ዘይምኽኑይ ብኩራት ትምህርቲ ዘሎዎ ተማሃራይ፣ ናይ ትምህርቲ - ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰሉ ብኣሉታ ክጽሎ ይኽእል ' ዩ። እቶም ኣብ ክሊ. 16 - 18 ዓመት ዘለዉ መንእሰያት፣ እዚ ሓገዝ ' ዚ ዝወሃቦም ኮይኑ፣ እቲ ገንዘብ ግን ናብ ናይ ወለዶም ሕሳብ ' ዩ ዝኣቱ። እቶም መንእሰያት 18 ዓመት ምስ መልኡ ግን፣ በጽሒታት ስለዝቐጸሩ፣ እቲ ሓገዝ ብቐጥታ ንዓኣቶም ' ዩ ዝኽፈል። ስድራ ናይቲ ተማሃራይ ትሑት ኣታዊ ዘሎዎም ምስ ዝኾኑ፣ እቲ ተማሃራይ ' ተወሳኺ - ሓገዝ ' (extra tillägg) ክረክብ መሰል ኣሎዎ።

ቦርድ ማእከል ትምህርታዊ ደገፍ CSN እዩ ነቲ ናይ ትምህርቲ ሓገዝ ዝኽፍሎ።

እቶም ናይ ወጻኢ ዜግነት ዘሎዎምን ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝምሃሩን፣ ብዛዕባ መባእታዊ መሰል ትምህርታዊ - ሓገዝ ክሓቱ ይግባእ። ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ **www.csn.se** ኣንብቡ።

ሓገዝ ክራይ-ገዛ፡ ቆልዑ ንዘሎዉወን ስድራቤታት፡

ቆልዑ ዘሎዉወን ስድራቤታት፣ ሓገዝ ክራይ - ገዛ ክሓታ መሰል ኣሎወን። ሓገዝ - ክራይ ገዛ ክትወስድ እንተኾንካ፣ ግድን ኣብ ሽወደን ተመዝጊብካ እትቕመጥ ክትከውን ኣለካ።

ክንደይ ዝመጠኑ ሓገዝ ክራይ - ገዛ ክትወስድ ከምዝግብኣካ ዝውስኖ፣ ቑጽሪ ኣባላት ስድራ እዩ። መጠን ዝኽፈል ክራይ - ገዛን ዘሎካ ኣታውን ' ውን ይውስኖ ' ዩ።

እቶትካ ለውጢ ምስ ዘርእይ፣ ንትካል ውሕስነት፣ ማለት ' ፎርሼክሪንካሳ ' ክትሕብር ኣገዳሲ እዩ። እንተዘይኮይኑ ዝምለስ ክፍሊት ክህልወካ ይኽእል እዩ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ሕቶታት ክትዕ ምዕራፍ 5

ብዛዕባ ምስ መናብርቲ ምቕማጥ እንታይ መርገጺ ኣሎካ? ማለት ከይተመርዓኻ ምስ መጻምድቲ ምንባር?

ኣብ መንጎ ሽወደንን ሃገርካን ንምዕባይ ህጻናት ዚምልከት ፍልልያት ወይ ተመሳሳልነት ኣሎዶ?

ንምኽርን ደገፍን መኣስ ኢኻ ንማሕበራዊ ኣገልግሎት እትውከሶ?

ኣብ ከመይ ኩነታት እዩ እቲ ማሕብራው ኣገልግሎት ንህጻን ኪወስዶ ዘለዎ?

ዝበዝሑ ህጻናት ሽወደን ቅድሚ ናብ መባእታዊ ቢትትምህርቲ ዝኸዱ ናብ መዋእለ ህጻናት ይኸዱ፡ እዚ እንታይ ይመስለካ?

ብዛዕባ ናይ ሽወደናዊ ቤትትምህርቲ መሰረታዊ ክብሪ እንታይ ትሓስብ?

ከም ወላዲ ብኽመይ መገዲ ናይ ውላድካ ኣብ ትምህርቱ ትሕግዞ?

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ባይቶ ሽወደን

ስእሊ: መልከር ዳህልስትራንድ

6. ንምዕራፍ 6 ዳውንሎድ ግበሮ

ትሕዝቶ

ደሞክራሲ እንታይ ማለት’ዩ?
ምዕባለ ደሞክራሲ
ምዕባለ ደሞክራሲ ኣብ ሽወደን
ስርዓተ ደሞክራሲ ኣብ ሽወደን
ኣርባዕተ መሰረታውያን ሕግታት ሽወደን
ፖለቲካዊ ስነ ሓሳባትን ሰልፍታትን
ናይ ሽወደን ስርዓተ ምርጫ
ደሞክራሲ ኣብ ምርጫን መዓልታዊ መነባብሮን

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ደሞክራሲ እንታይ ማለት'ዩ?

ደሞክራሲ ዝብል ቃል፣ ካብ ግሪኽ ዝመጸ ቃል ኮይኑ፣ ሓፈሻዊ ትርጕሙ ድማ፣ "ህዝባዊ ምምሕዳር" ማለት እዩ። ንደሞክራሲ ዝምልከት ሕቶ፣ ንኣሽሓት ዓመታት ክትዕ ተኻፍዱሉ እዩ። እንተኾነ ግን፣ ኩሉ ህዝቢ ዓለም ዝሰማምዓሉ ሓደ ዓይነት መግለጺ ኣይተረኽበሉን። ምኽንያቱ ድማ፣ ደሞክራሲ፣ ኩሉ ግዜ ቀጻሊ፣ ማዕባልን ተለዋዋጥን ብምኾኑ እዩ። ይኹን' ምበር፣ ኩሉ ሰብ ዝሰማምዓሉም ነጥብታት ኣለዉ። ገለ ኣብነታት ንምጥቃስ፣ 'ናይ ወድሰብ ማዕርነት፣ መሰል፣ ናጻ ርእይቶ፣ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነትን፣ ኩሉ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ሓደ ምኾኑን ናጻ ምርጫ ምክያድን' ዝብሉ እዮም።

ኣብ ደሞክራስያውን ናጻ ምርጫ ዘለዎን ሕብረተሰብ፣ ሓደ ሰብ፣ ነቲ ዝደልዮ ሰልፍን ፖለቲከኛን ይመርጽ። እቲ ዝምረጽ ድማ፣ ኣብቲ ብሃገራዊ፣ ዞባውን ከባቢያውን ዝውሰድ ውሳነ፣ ነቲ ዝመረጾ ይውክሎ። እቶም ዝበገሐ ድምጺ ዝረኸቡ ፖለቲከኛታት ወይ ሰልፍታት : ማለት እቶም ኣብቲ ፓርላማ ብዝሒ ዘሎዎም፣ ዝያዳ ውሳነታት የሕልፉ።

እቶም ዝተመርጹ ፖለቲከኛታት፣ ነቶም መረጽቲ ስለ ዝውክሎዎም፣ እቲ ኣገባብ፣ 'ወካሊ ደሞክራሲ' ይብሃል። ወካሊ ደሞክራሲ፣ ሎሚ ኣብ ዓለም ዝውቱር ስርዓት እዩ። እዚ ስርዓት'ዚ ከኣ'ዩ ኣብ ሽወደን ዝስራሐሉ ዘሎ።

ሽሕ'ኳ፣ እቶም ብዙሃን ዝውስኑ እንተኾኑ፣ እቶም ውሑዳን'ውን በቶም ብዙሃን ዘይጠሓስ ወይ ዘይርገጽ መሰል ኣሎዎም። ኣብ ሓደ ደሞክራስያዊ ሕብረተሰብ፣ እቲ ስልጣን፣ ንኽልኦት ብምሕሳብን ሰብኣውያን መሰላት ብምኽባርን እዩ ዝዝወር። ከምዚ ክብሃል ከሎ ድማ፣ እቶም ዝውስኑ፣ ነቶም ካልእ ኣረኣእያ ዘሎዎም ሰባት ወይ ጉጅለታት፣ ክጭቁኑዎም የብሎምን። ኣብቲ ሕብረተሰብ፣ ኩሉ ሰብ ነናቱ ሓሳባት ክቐምጥ መሰል ኣሎዎ።

እቲ ሓፈሻዊ ምርጫ፣ እታ ሃገር ብኽመይ መንገዲ ክትመሓደር ከም ዘለዋ ዝጸሉ ወይ ዝገብር ናይ ህዝቢ መሳርሒ እዩ። ኣብ ሓንቲ ሃገር፣ ደሞክራሲ ብዝግብኦ ኣገባብ ምእንቲ ክሰርሕ፣ እቲ ህዝቢ ክነጥፍን ክሳተፍን ይግባእ። ደሞክራሲ ሓያል ዝኽውን፣ ኩሉ ሰብ ኣብቲ ምርጫ እንተዳኣ ተሳቲፉ እዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ዘይመንግስታውያን ማሕበራት፣ ወይ ምስ ኣዕሩኽን ብጾትን፣ ኣብ ፖለቲካዊ ክትዕ ምክፋል'ውን ንደሞክራሲ የሐይሎ እዩ። ምስ ፖለቲከኛታት ምርኻብን ሓሳባቶም ንምፍላጥ ምስኣቶም ምዝታይን። ብዙሓት ተቐማጦ ምስ ዘድምጹ፣ እቲ ዝካየድ ዘሎ ፖለቲካዊ መስርሕ፣ ብዙሕ ህዝቢ ዝደልዮ ምኾኑ ምርግጋጽ ይክኣል።

ኣብ መስርሕ ደሞክራሲ፣ ብዙሕ ሰብ ስለዘድመጸ ጥራይ ንበይኑ እኹል ኣይኮነን። እቲ ኣብ መንጎ ምርጫታት ዝፍጸም ነገራት'ውን ንመስርሕ ደሞክራሲ ኣገዳሲ እዩ።

ደሞክራሲ፣ ተኽባቢርካ ንዝካየድ ዘተ ከም ቅድመ ኩነት ይወስዶ እዩ። ሓሳባት ናይ ካልኦት ምስማዕን ናትካ ሓሳባት ምግላጽን ዝብል ትሕዝቶ ኣሎዎ። ኣብ ቅኑዕ ደሞክራሲ፣ እቲ ነባሪ ህዝቢ ኣካል ናይቲ ሕብረተሰብ ኮይኑ ክስምዖ ኣሎዎ። ኣብ ሓፈሻዊ ምርጫ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ኣብ መዓልታዊ ህይወት፣ ማለት

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ኣብ ስራሕ፣ ኣብ ከባቢ ገዛውቶምን ኣብ ስድራቤቶምን ጽልዋ ንምፍጣር ክኽእሉ ኣሎዎም።

ምስ ካልኦት ብዛዕባ እንታይነት ደሞክራሲ ምዝታይ፣ ኣብ ሕብረተሰብ ኣገዳሲ እዩ። ዘተ ደው ምስ ዝብል፣ ደሞክራሲ ዝብሃል ነገር ኣገዳሲ ከም ዘይኮነ ይሕብር። እዚ ኽኣ ምልክተ ድኽመት ደሞክራሲ እዩ።

ሕቶ ደሞክራሲ፣ ካብ ዝተላዕለሉ ግዜ ጀሚሩ ብሕማቕን ብጽቡቕን ተዘትዩሉ ’ዩ። ደሞክራስያዊ ስርዓት፣ ቅልጡፍን ውጽኢታውን ከም ዲክታቶርያዊ መንግስቲ፣ ብቕልጡፍ ዘይውስን ወይ ስለዘይውስን ዝመስሎም ኣለዉ። ኣብ ዝወስዶም ስጉምትታትን ውሳነታትን ማዕረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ፍጡንን ውጽኢታውን ኣይኮነን። ኣብ ደሞክራሲ፣ ሰብ፣ ምርጭኡ ንኽፈልጥን ክሰምዕን ክጸቕጠሉን ኣብ ውሳነታት ድማ ብትሪ ክዛረብን የድሊ። ዋላ ኣብ ደሞክራስያውያን መንግስታት ’ውን ኣብ ፍጻመታት፣ እቲ መንግስቲ ኣብ ውሳነታቱ ውጽኢታውን ቅልጡፍን ምእንቲ ክኸውን ክዛረቡን ክጸቕጡን ግቡኦም ’ዩ። ኣብ ግዜ ቅልውላው ’ውን እንተኾነ ደሞክራስያዊ ስርዓት እንተኾይኑ ነገራት ኣብ ምውህሃድ ብዝሓሸ ክሰርሕ ዝቐለለ ’ዩ።

ሰብኣዊ ጭቆናን ራዕድን ዝመለለይኦም ብዙሓት ኢደሞክራስያዊያን ስርዓታት ኣለዉ። ኣብ ዲክታቶርያውያን ስርዓታት፣ ዜጋታት ብሰንኪ ርእይቶኦም ወይ ’ውን ብሂራዊ መበቆሎም፣ ኣብ ማሕዩርን መዳጎኒ ማእከላትን ክበልዩ ይኽእሉ። ታሪኽ ከም ዝሕብሮ፣ እቲ ዝበለጸ ናጽነት ውልቀ ሰባትን መሰል ደቂ ሰባትን ዘውሕስ ስርዓተ ምሕደራ፣ ደሞክራስያዊ ስርዓተ ምሕደራ እዩ። ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝርከቡ ሰባት ሕድሕዳዊ ርክባት ክምስርቱ እንከለዉን ኣብ ሕድሕዳዊ ምልውዋጥ ንግዲ ክጽመዱ እንከለዉን፣ ሰላምን ደሞክራስን ይጥዕሙ።

ምዕባለ ደሞክራሲ

ደሞክራሲ ዝብል ቃል፣ ካብ ‘ደሞስ’ ማለት ህዝቢ፣ ‘ክራተይን’ ክኣ ምምሕዳር ዝብላ ቃላት ግሪኽ ዝቐመ ’ዩ። ስርዓተ ደሞክራሲ፣ ድሕረ ባይታኡ ቅድሚ ግዜና እዩ ጀሚሩ። 500 ዓመት ቅድሚ ግዜና ኣብ ጥንታዊት ግሪኽ ሓደ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ተተኺሉ። ሽዑ እታ ግሪኻዊት ከተማ ኣተንስ ካብ ውልቀ መላኽነት ናብ ሓደ ደሞክራሲያዊ ዓይነት ምሕደራ ተቐዪራ። እንተኾነ ግን ሰብኡት ጥራይ ’ዮም ክውስኑ ዝኽእሉ ነይሮም። ኣንስቲ፣ ባሪያን ወጻእተኛታትን ኣብ ውሳነ ምንም ተራ ኣይነበሮምን። ኣብዚ እዋን ’ዚ ኺንና ክንርእዮ እንከለና፣ እቲ ናይ ኣተንስ ደሞክራሲ፣ ከም ደሞክራሲ ክርኢ ኣይክእልን ’ዩ።

ኣብ ታሪኽ ኤውሮጳ፣ ከምዚ ሎሚ ኣብ ሽወደን ዘሎ ደሞክራሲ ተራእዩ ኣይፈልጥን። ደሞክራሲ ክዓቢ ዝኸኣለ፣ ሰባት ነቲ ኣብ ሕብረተሰብ ዝነበረ ዘይምዕራይነት ክጻረሩዎ ምስ ጀመሩ እዩ።

ንኣማኢት ዓመታት ቤተክህነት ኣብቲ ሕብረተሰብ ዓቢ ስልጣን ነይሩዎ። ናይ ሽዑ ነጋውስን ሃጸያትን ስልጣንና ካብ ህዝቢ ዘይኮነስ ካብ ኣምላኽ ዝመጸ ’ዩ ይብሉ ነይሮም። ኣብ 16 ክፍለ ዘመን ግን፣ እቲ ናይ ቤተክርስትያን ስልጣን እናተዳኽመ መጺኡ። ምኽንያቱ ድማ ብዙሓት ሰባት እምነቶም ክልውጡ

ስለ ዝደለዩ እዩ። ' ካቶሊካዊት ቤትክርስትያን፡ ነቲ እምነት ክርስትና ዘይኮነስ ንስልጣንን ገንዘብን እዩ ደው ኢሉ ዘሎ' ዝብል እምነት ሓዲሩዎም። እዚ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ' ዚ ድማ ' ሪፎርመሽን ወይ ተሃድሶ' ይብሃል። ተሃድሶ፡ ነቲ ክርስትናዊ ቤተክርስትያን ከፋፊሉዎን ኣዳኺሙዎን። ሽወደን፡ ብ16 ክፍለ ዘመን ነቲ ካቶሊካዊ እምነት ገዲፋ ፕሮተስታንታዊት ሃገር ኮይና።

ካብ መፋርቕ 18 ክፍለ ዘመን ጀሚሩ፡ ኣብ ኤውሮጳ ዘመነ ምንቅቓሕ (upplysningstiden) ዝብሃል ምንቅስቓስ ተጀሚሩ። ሰባት በቲ ናይ ሳይንስ ምዕባለ ተደሪኾም ንቤተክህነትን ነቶም ስልጣን ካብ ኣምላኽ እዩ ዝመጽእ ዝብሉን ክነቕፉ ጀሚሮም። ኣብቲ ዘመን' ቲ ዝነበረ ፈረንሳዊ ፈላስፋ፡ ሓንቲ ሃገር ብኽመይ ዝበለ ፖለቲካዊ መንገዲ ክትመሓደር ከም ዘለዋ ዝነግር ርእይቶ ነይሩዎ። ንሱ፡ ቻርለስ ሎዊስ ደ ሞንተስኩዩ ይብሃል ነይሩ። ስልጣን እንተ ደኣ ተኸፋፊሉን ተፈላሊዩን፡ ግሩም ሚዛን ከም ዝፈጥር ሓሲቡ። እቲን ሰለስተ ክፍልታት ስልጣን: ሓጋጊ ስልጣን (den lagstiftande makten): ፈጻሚ ስልጣን (den verkställande makten): ፈራዲ ስልጣን (den dömande makten) ይብሃላ።

ኣብ ኤውሮጳ ዝተራእየ ኣገዳሲ ፍጻመ፡ እቲ ብ1789 ዓ.ም ዝተኸስተ ሰውራ ፈረንሳ' ዩ። ሸው ድማ' ዩ ህዝቢ ፈረንሳ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ንጉስ ኣድማ ገይሩ። ድሕሪ እቲ ሰውራ' ቲ፡ ሃገረ ፈረንሳ በቲ ናይ ዘመነ ምንቅቓሕ ምንቅስቓስ ዝተደረኸ ሕግታት ኣስፊራ። ንሱ ድማ፡ ስልጣን ካብ ህዝቢ ከም ዝነቅልን ሓደ ሰብ ካብ ካልኣ ሰብ ኣይበልጽን ዝብልን እዩ። ይኹን' ምበር፡ ሰብኡት ዘበሉ ዜጋታት ጥራይ እዮም ብዛዕባ ውሳነታትን ወሰንትን ከድምጹ ዝኽኣሉ።

ኣብ 19 ክፍለ ዘመን ሶሻሊዝም ተላዒሉ። እዚ ድማ በቲ ኣዚዩ ፍሉጥ ሰብ ካርል ማርክስ እዩ ተኸሲቱ። ብመሰረት ሶሻሊዝም፡ ኣብ መንጎ ኩሉ ሰብ፡ ማዕርነትን ፍትሕን ክነግስ ይምከር ነይሩ። እቲ ሓሳባት ኣብ ኩሉ ተዘርጊሑ፡ ናይ ሰራሕተኛታት ውድባትን ማሕበራትን ናይ ሶሻሊዝም ሰልፍታትን ኣብ ኩሉ ኤውሮጳ ተጀሚሩ። ኣብ መወዳእታ 19 ክፍለ ዘመን እቲ ማዕርነትን ፍትሕን፡ ንኣንስትዮ' ውን ክጥርንፍ ድምጹ ኣቃሊሑ።

ምዕባለ ደሞክራሲ ኣብ ሽወደን

ነዚ ናይ ሽወደን ምዕባለ ደሞክራስን ህዝባዊ ኣቃውማ ናይ' ዚ እዋን' ዝን፡ ዝተፈላለዩ ፍጻመታት እዮም ጸልዮሞ። ብፍላይ ኣብ 19 ክፍለ ዘመንን ኣብ መጀመርታ 20 ክፍለ ዘመንን ዝተኸስቱ ፍጻመታት፡ ኣገደስቲ ነይሮም። እዞም ፍጻመታት' ዚኣቶም ድማ፡ ነዛ ዘመናዊትን ደሞክራስያዊትን ሽወደን' ዚኣ መሰረት ኣንቢሮሙላ።

ቅጥዒ መንግስቲ 1809 ዓ.ም

ሽወደን፡ ካብ 14 ክፍለ ዘመን ጀሚራ፡ ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ ሕግታት ነይሩዋ። እቲ ንናይ ሽወደን ደሞክራሲ መሰረት ዝኾነ ቀዋም ከኣ፡ "ቅጥዒ ወይ ቅርጺ መንግስቲ" ይብሃል። እቲ ቅርጸ - መንግስቲ፡ ካብ 1809 ዓ.ም ጀሚሩ፡ ንደሞክራስያዊ ምዕባለ ሽወደን ኣዚዩ ኣገዳሲ ትርጉም ነይሩዎ። እዚ ድማ፡ እቲ ንጉስ፡ ስልጣን ከይብሕትን ነቲ ስልጣን ኣብ ኣርባዕተ ክኸፍሎን ገይሩዎ።

© ናይ ቨስተራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ: ኣና ባክሉንድ, ©Nordiska museet

ሰላማዊ ሰልፊ: ንመሰል ምድማጽ ደቀንስትዮ ኣብ ዮተቦሪ 1918 ዓ.ም:

- ናይ ኣፈጻሚ ኣካል ስልጣን፣ ኣብ ኢድ ንጉስ ' ዩ ነይሩ።
- ናይ ኣታዊ ግብሪ ስልጣን፣ ኣብ ኢድ ባይቶ ሽወደን ነይሩ።
- ሕግታት ናይ ምውጻእ ስልጣን፣ ንጉስን ባይቶን ተማቒሎሞ።
- ናይ ምፍራድ ስልጣን፣ ኣብ ኢድ ቤት ፍርዲ ነይሩ።

ዋላ ' ኳ ስልጣን፣ ብመሰረት እቲ ሓድሽ ሕጊ፣ ተኸፋፊሉ እንተነበረ፣ ኣብ ሽወደን፣ ምዕቡል ደሞክራሲ ኣይነበረን። ይኹን ' ምበር እቲ ሓድሽ ሕጊ፣ ንቐጻሊ ምዕባለ ደሞክራሲ መንገዲ ከፊቱ እዩ።

መሰል ሕትመት፡ መሰል ርእይቶን መሰል እምነትን፡

ካብ 1809 ዓ.ም ጀሚሩ፣ እቲ መንግስቲ፣ ነቲ መሰረታዊ ህዝባዊ ናጽነትን መሰልን ኣደልዲሉዎ። ካብ 1766 ዓ.ም ጀሚሩ፣ ሽወደን፣ ኩሉ ሰብ፣ ሓሳባቱ፣ ርእይቶኡን ስምዒቱን ብጽሑፍ ኮነ ብዘረባ ክገልጽ ከምኡ ' ውን ንመሰላት ሕትመትን ርእይቶን ዘረጋግጽ ሕጊ ኣተኣታትያ። ካብ 1809 ዓ.ም ክኣ፣ ኩሉ ነባሪ፣ ሃይማኖቱ ባዕሉ ንኽመርጽ መሰል ተዋሂቡዎ።

ሓፈሻዊ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ

ብ1842 ዓ.ም፣ ኣብ ሽወደን ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ተጀሚሩ። ከምዚ ክብሃል ከሎ ድማ፣ ኩሉ ቐልዓ ናብ ቤት ትምህርቲ ይኸይድ ማለት እዩ። ብዙሓት ሰባት ክጽሕፉን ክንብቡን ክኢሎም። እዚ ድማ ነቲ ናይ ሽወደን ምዕባለ ደሞክራሲ ኣገዳሲ ቅድመ ኩነት እዩ ነይሩ።

ህዝባዊ ምንቅስቓስን ማሕበራዊ ናጽነትን

ኣብ መወዳእታ 19 ክፍለ ዘመን፣ ከም ብዓል " ብዓቐን ምስታይ፣ ናጻ ኣብያተ ክርስትያን፣ ምንቅስቓስ ደቀንስትዮ፣ ምንቅስቓስ ሰራሕተኛታትን ምዕባለ ፖለቲካዊያን ሰልፍታትን ዝኣመሰሉ እናዓበዩ መጺኦም። እዚ ድማ፣ ንደሞክራሲ ኣዚዩ ኣገዳሲ ነይሩ። ኣብ ሓደ ጉጅለ ብምጥርናፍ፣ ሰባት ነቲ ኣብ ሕብረተሰብ ክልውጡዎ ዝደልዩዎ ብቐሊል መገዲ ክገብሩዎ ይኽእሉ ነይሮም። ህዝባዊ ምንቅስቓስ፣ ሰባት ንኽውደቡ፣ ክተኣኻኽቡን ለውጢ ከምጽኡን

ደፋፊኡዎም። ዝተፈላለያ ውድባት፣ ኣብ ዝተፈላለየ ጕዳያት ይነጥፉ ነይረን። እቲ ናይ ሰራሕተኛታት ምንቅስቓስ ንኣብነት፣ ጾታን ትሕዝቶን ዘይፈለ. ዝሓሸ ናይ ስራሕ ቅድመ ኩነትን ናይ ምድማጽ መሰልን ኣማዕቢሉ።

ብ1909 ዓ.ም መብዛሕትኦም ሽወደናውያን ተባዕትዮ፣ ናይ ምድማጽ መሰል ረኺቦም። ብ1919 ዓ.ም፣ ደቀንስትዮ፣ ብውሑዱ፣ ኣብ ኮምዩናት ከድምጻ መሰል ረኺበን። ካብ 1921 ዓ.ም ኩላቶም በጽሕታት ኣንስትዮን ተባዕትዮን፣ ኣብ ሓፈሻዊ ምርጫ ንኽድምጹ መሰል ረኺቦም።

ስርዓተ-ደሞክራሲ ኣብ ሽወደን

ሽወደን፣ ወካሊ ደሞክራሲ (representativ demokrati) ኣሎዋ። ብመሰረት ናይቲ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሕብረተሰብ ዘሎ ደሞክራስያዊ ቅርጽታት ከኣ ትማሓደር። ግን ከኣ እንተላይ ንጉሳዊት እያ። እዚ ማለት ድማ፣ ከም ናይቲ ሃገር መራሒቲ ኮይኖም ዘገልግሉ ንጉስን ንግስትን ኣሎውና ማለት ′ዩ። እቲ መራሕ ሃገር ግን ንስሙ እምበር ምንም ፖለቲካዊ ስልጣን የብሉን። እቶም ብደሞክራስያዊ መገዲ ዝምረጹ ፖለቲከኛታት እዮም ነታ ሃገር ዝመርሑዋ።

ገዛ ናይ ምዕራባዊ ቤት ምኽሪ፡ ምዕራባዊ ሽነኹ ኣብቲ ወሓዚ የንጸባርቕ ኣሎ፡

ስእሊ፡ መልከር ዳህልስትራንድ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

እቲ ቅጥዒ መንግስቲ እዩ ከም መሰረታዊ ሕጊ ኮይኑ፣ ሽወደን ብኽመይ መገዲ ክትምራሕ ከም ዘለዋ ዝውስን። ' ኩሉ ህዝባዊ ስልጣን፣ ካብቲ ህዝቢ እዩ ዝብገስ ' ዝብል መምርሒ ከኣ ኣሎዎ። ከምዚ ክብሃል ከሎ ድማ፣ ኩሉ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሕብረተሰብ ዝግበር ውሳነታት፣ ኣብቲ ናይ ህዝቢ ሽወደን ርእይቶን ዝንባለን ዝተመስረተ ' ዩ ማለት ' ዩ።

ኣብ ሽወደን፣ ብሰለስተ ፖለቲካዊ ጽፍሕታት እዩ ውሳነታት ዝሓልፍ። ንሳተን ድማ፣ ኮምዩናዊ፣ ኣውራጃውን መንግስታውን እየን። ሽወደን፣ ኣባል ኤውሮጳዊ ሕብረት ብምኻና፣ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ዝውስን ከኣ ኣሎ። ኤውሮጳዊ ሕብረት፣ 28 ሃገራት ዘጠቓለለ ምትእኽኻብ እዩ። ኣብኡ ድማ፣ ኣብ ሓፈሻዊ ምርጫ ብህዝቢ ዝተመርጹ ፖለቲከኛታት ኣለዉ። እዚኣቶም፣ ኣባላት ባይቶ ይብሃሉ። ንሳቶም፣ ኣብቲ ዝተመርጹሉ ጽፍሒ፣ ክውስን ዝኽእል ክልል ይቕመጡ። ኣብ ኮምዩናዊ ባይቶ (kommunfullmäktige)፣ ዞባዊ ባይቶ (landstingsfullmäktige)፣ ኣብ ሃገራዊ ባይቶን (riksdagen) ኤውሮጳዊ ባይቶን ማለት ' ዩ።

ኣብ ደሞክራስያዊ ስርዓት፣ ንብልሽውናን ስልጣንካ ብዘይ ኣገባብ ምጥቃምን ዝቆጻጸር ኣካል ክህሉ ኣገዳሲ እዩ። ነዚ ንምግባር ድማ ነቲ ስልጣን ኣብ ዝተፈላለየ ኣተግበርቲ ኣካላት ምምቃል እዩ። በዚ መገድ ' ዚ ድማ፣ ሓድሕዳዊ ምቁጽጻር ክህሉ ይከኣል። ኣብ ናይ ሽወደን ደሞክራስያዊ ስርዓት፣ ነዚ ዝምልከቱ ብዙሓት ኣብነታት ኣለዉ። ሓደ ኣብነት ከኣ፣ ኮምዩናትን ኣውራጃታትን ነናይ ባዕለን ኣመራርሓ ኣሎዎን። እዚ ድማ፣ ነቲ ማእከላውነትን ናይ መንግስቲ ውሳነን ይብድሆ። ካልእ ኣብነት ከኣ፣ እቲ መንግስታዊ ስልጣን፣ ኣብ ሓጋጊ ኣካል ዝኾነ ባይቶ፣ ኣብ ፈጻሚ ኣካልን ኣብ ፍርዲ ዘሕልፍ ኣብያተ ፍርድን ይምቀል። እቲ ባይቶ፣ ንመንግስቲ ይቆጻጸሮ። እቲ መንግስቲ ብስርዓት ምስ ዘየመሓድር፣ እቲ ባይቶ ነቲ መንግስቲ፣ ካብ ስልጣኑ ንኽወርድ ይግድዶ። እቲ ቅዋም፣ ነቲ ህዝብን መራኸቢ ብዙሃንን፣ ሽወደን ብኽመይ ከም እትመሓደር ስእሊ ይህቦም። እዚ ኹሉ ድማ፣ ንሽወደን፣ ከም ካልኦት ብዙሓት ሃገራት፣ ብብልሽውናን ስልጣንካ ብዘይኣገባብ ምጥቃምን ከይትጥቃዕ ኣስተዋጽኦ ይገብር።



ሃገረ-መንግስቲ

እቲ ሃገረ - መንግስቲ፣ ብባይቶ፣ ብመንግስቲ፣ ብኣስታት 350 መንግስታዊ ትካላት፣ ካምፓንታት፣ ቦርድን በዓልመዝን ዝተመስረተ እዩ። እቲ ባይቶ፣

ብዛዕባ ኣብቲ ሕብረተሰብ እንታይ ክግበር ከም ዘለዎ ይውስን። መንግስቲ ድማ፣ ምስ ቤትምኽሪ መንግስትን ትካላቱን ኮይኑ ነቲ ውሳነ ኣብ ግብሪ የውዕሎ።

ባይቶ ሽወደን

ባይቶ ሽወደን፣ ሕግታት ዘውጽእ ኣካል እዩ። ብደረጃ ሃገር ክርአ ከሎ፣ ባይቶ፣ እቲ ዝዓበየ ናይ ምውሳን ስልጣን ዝውንን ኣካል እዩ። ኣባላት ባይቶ፣ እቶም ህዝቢ ሽወደን ብደረጃ ሃገር ዝመረጾም፣ ወከልቲ ህዝቢ ዝኾኑ ፖለቲከኛታት እዮም። እዞም ፖለቲከኛታት ' ዚኣቶም ወከልቲ ፖለቲካዊያን ሰልፍታት ' ውን ስለዝኾኑ፣ ፖለቲካዊ ስልጣን ሃገር ፖለቲካዊ ሰልፋዊ ምትእስሳር ኣሎዎ። ባይቶ ሽወደን፣ 349 ወከልቲ ዝሓቁፍ ኮይኑ፣ እቶም ወከልቲ ኣባላት ባይቶ ከኣ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣርባዕተ ዓመት ይምረጹ። ናይ ባይቶ ኣገደስቲ ዕዮታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፣ -

- ሓደስቲ ሕግታት ምምሕላፍን ነቲ ኣረጊት ደው ምባልን፣
- ሃገራዊ ባጀት ምውሳን፣ ማለት ናይቲ ሃገር ዓመታዊ ኣታውን (ግብርን ክፍሊትን) ከምኡ ' ውን ወጻእን ይውስን።
- መንግስትን ትካላት መንግስትን ከመይ ከም ዝሰርሓ ምቁጽጻር፣
- መንግስቲ ዘቕውም ጠቕላሊ ሚኒስተር ምምራጽ፣

መንግስቲ ሽወደን

መንግስቲ፣ ናይ ምትግባር ስልጣን ኣሎዎ። እዚ ማለት ከኣ፣ መንግስቲ፣ ምስ ምምራሕ ሃገር ዝተተሓሓዘ መዓልታዊ ስራሕ የማእክል ማለት እዩ። ኣብ ሃገራዊ ባጀት ውጥን የቕርብ፣ ንኣጠቓቕማ ገንዘብ ሃገር ብዝምልከት መምርሒታት የውጽእ፣ ንምክልኻል ሃገር ምምራሕ፣ ምስ ባይቶ ኮይኑ ንናይ ወጻኢ ፖሊሲታት ሃገራት ሓላፍነት ምውሳድን ዝብሉ ገለ ካብ ' ቶም መንግስቲ ዘማእክሎም ዕማማት እዮም። ነዚ ኹሉ ተሰኪሙዎ ዘሎ ዕማማት ንምስልሳል፣ መንግስቲ፣ በቲ ብዙሓት ሰራሕተኛታት ዝሓቁፍ ቤት ጽሕፈት መንግስቲ (Regeringskansliet) ይድገፍ።

እታ ዓብላሊ ድምጺ ዝረኸበት ፖለቲካዊት ሰልፊ፣ ወይ ብዙሓት ልፍንቲ ዝመስረታ ሰልፍታት ' የን መንግስቲ ዘቕማ። እቲ መራሒ ሃገር (statsminister) ኮይኑ ዝምረጽ ፖለቲከኛ ኸኣ ' ዩ ነቶም ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ መዳያት ዝመርሑ ምኒስተራት ዝመርጽ። ነፍሲ ወከፍ ምኒስተር፣ ንሱ ዝመርሐን ፍሉያት ክፍልታት (departement) ኣለዋ። እተን ክፍልታት ከኣ፣ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ኣመልኪተን ዝሰርሓ ነኣሽቱ ጨንፈራት ኣለወኣን። ክፍሊ ትምህርቲ ንኣብነት፣ ንምህሮን ቤት ትምህርትን ዝምልከት ሕቶታት ማእከል ገይሩ ክሰርሕ እንከሎ፣ ክፍሊ ባህሊ ኸኣ ንባህላዊ ሕቶታት ማእከል ገይሩ ይሰርሕ።

ሃገራዊያን መንግስታዊያን ትካላት፡

እተን መንግስታዊያን ትካላት፣ ኣብያተ ፍርድን ምምሕዳራዊ ተልእኾ ዘሎዎም መንግስታዊያን ትካላትን የጠቓልላ። ገለ ካብ ' ዚኣቶም ንምጥቃስ፣ ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ - ስራሕ፣ ማዕከን ማሕበራዊ ውሕስነትን በዓል መዚ ትራፊክን

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

(Trafikverket) ክጥቀሱ ይኽእሉ። መንግስቲ፡ ኣብ ስርሓት ናይ’ዘን ዝተጠቕሳ መንግስታዊያን ኣካላት ኢዱ ኣየእቱን እዩ። ንኣብነት ኣጠቓቕማ ሕግታት ወይ’ውን ምስላጥ ዝተፈላለዩ ጕዳያት ብዝምልከት ማለት’ዩ። እዘን ትካላት’ዚኣተን፡ ርእሰን ዝኸኣላ ወይ ናጻ እየን’ኳ እንተተባህለ፡ ሕጊ መሰረት ብምግባርን መንግስቲ ዝሓንጸጾም መምርሒታትን ብምኽታል እየን ዝሰርሓ። ኣብ ብዙሓት ካልኦት ሃገራት፡ ስልጣን ዘሎዎ ምኒስተር፡ ስልጣኑ ተጠቒሙ ኣብ ስርሓት መንግስታዊያን ትካላት ጠብሎቕሎቕ ክብል ልሙድ እዩ። ኣብ ሽወደን፡ ከምዚ ዓይነት ተኽእሎ የለን። ንስልጣን ምኒስተር ዝድርት ሕግታት ኣሎ።

ሽወደን ብኽኖይ ትምራሕ ንዝብል ዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ መንግስቲ **www.regeringen.se** ኣቲኹም ኣንብቡ።

ክፍሊ ፍትሒ

ኣብ ክፍሊ ፍትሒ፡ እተን ንውሕስነት ፍርድን ርጉጸንት ፍርድን ሓላፍነት ዝወስዳ መንግስታውያን ትካላት ይርከባ። ኣብያተ ፍርዲ፡ ናይ ፍትሒ መሰረት እየን። ኣብ ፍትሒ ከም ተወሳኺ፡ ናይ ምክልኻል ገበንን ናይ ምርመራን ትካልላት ማለት፡ ከም ፖሊስን ማእከል ግዳያት ገበንን ዝኣመሰላ ትካላት ኣለዋ።

ናይ ሽወደን ኣብያተ ፍርዲ፡ 80 ዝኾና ዝተፈላለያ ትካላትን ቦርድታትን ኣሎወን። ኣብ ሽወደን ሰለስተ ዓይነት ኣብያተ ፍርዲ ኣለዋ። ንሳተን ድማ፡ ህዝባውያን ኣብያተ ፍርዲ፡ ምምሕዳራዊያን ኣብያተ ፍርድን ፍሉያት ኣብያተ ፍርድን እየን። ኣብያተ ፍርዲ፡ መቕጻዕቲ ይውስና፡ ንባእሲ ድማ ይፈትሑ። እተን ህዝባውያን ኣብያተ ፍርዲ፡ ብኽባብያዊ ቤትፍርዲ፡ ናይ ይግባይ ቤት ፍርድን ላዕለዋይ ቤት ፍርድን ዝቕማ እየን። እዘን ህዝባውያን ኣብያተ ፍርዲ’ዚኣተን፡ ንገበን፡ ምስ ቤተሰብ ንዝተኣሳሰረ ጕዳያትን ነቲ ኣብ መንጎ ዋኒንን ውልቀ ሰብን ዝለዓል ጕዳያትን ይርእያ። እተን ምምሕዳራዊያን ኣብያተ ፍርዲ፡ ብምምሕዳራዊ ፍርዲ፡ ናይ ይግባይ ቤት ፍርዲ ከምኡ’ውን ብላዕለዋይ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ዝቕማ እየን። ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ፡ ንባእሲ፡



ብፍላይ ድማ ኣብ መንጎ ትካላትን ውልቀ ሰባትን ይውስን። ንግብሪ፣ ንናይ ወጻእተኛታትን ዜጋታትን ጕዳይ (ናይ ኢሚግረሽን ቤት ፍርዲ)፣ ምስ ትካል ውሕስነት ወይ ምስ ኮምዩን ዝካየድ ባእሲ'ውን፣ ውሳነ ይህብ።

ፍሉይ ቤት ፍርዲ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ፍሉይ ጕዳያት ይውስን፣ ንኣብነት ኣብ ናይ ስራሕ መሰላት ወይ ናይ ተጠቃማይ ጕዳያት።

ብዛዕባ'ዘን ኣብያተ ፍርዲ'ዚኣተን ዝምልከት ዝተፈላለየ ጕዳያት፣ ኣብቲ ናይ ሽወደን ናይ ኣብያተ ፍርዲ መርበብ ሓበሬታ **www.domstol.se**. ተመልከት።

ጕዳዩ ኣብ ቤት ፍርዲ ብዘይ ኣድሉዎን ብናጻ መገድን ክረአየሉ፣ ንኹሉ ኣብ ሽወደን ዝነብር ሰብ፣ መሰረታዊ መሰሉ እዩ። ብመሰረት ቅዋም ሽወደን፣ እቲ መስርሕ ቤት ፍርዲ፣ ብሕጊ እዩ ዝምራሕ። ግን ከኣ ናጻ እዩ። ኣባላት ባይቶ ይኹኑ ምኒስተራት፣ ነቲ ናይ ቤት ፍርዲ ውሳነ ክጸልውዎ ኣይክእሉን'ዮም።

ስርዓተ ሕጊ ማለት፣ ኩላቶም ሰባት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዮም ማለት'ዩ። ዝኾነ ሰብ፣ ጕዳዩ ብቤት ፍርዲ ተራእዩ ገበነኛ ተባሂሉ ውሳነ ክሳብ ዘይተዋህቦ፣ ከም ንጹህ ወይ ገበን ዘይፈጸመ እዩ ዝቑጸር። ስርዓተ ሕጊ፣ ሓደ ካብ ኣገደስቲ የዕኑድ ደሞክራሲ ኮይኑ፣ ንሕጋዊ ዝምድናታት ኣብ መንጎ ውልቀ ሰባትን ሃገርን ዝምልከት'ዩ። ስርዓተ ሕጊ ኽኣ'ዩ፣ ሰባት፣ ብኽልኦት ሰባት፣ ወነንቲ ስልጣን ወይ'ውን ብሕብረተሰብ፣ ወጽዓ ከይወርዶም ዝከላኸለሎምን ናጽነቶምን መሰላቶምን ዝሕልወሎምን። ሕጊ፣ ንጹር ክኸውን ኣለዎ። እንታይ'ዩ ሕጋዊ? እንታይ'ዩ ኽ ዘይሕጋዊ? ብንጹር ዝሰፈረ ክኸውን ኣለዎ። ገበን ዝፍጽም ሰብ፣ ሳዕቤናት ናይቲ ገበን እንታይ ምኺኑ ብንጹር ክርድኦ ክኽእል ኣለዎ።

ቤት ጽሕፈት ውሕስነት፣ ማለት ፎርሼክሪንካሳ፣ ወይ ኮምዩን ግጉይ ውሳነ ሂቡ ኢሉ ዝኣምን ሰብ፣ ይግባይ ክብል ይኽእል እዩ። እቲ ውሳነ ዝህብ ኣካል፣ ከመይ ጌርካ ይግባይ ከም ዝብሃል ይሕብር እዩ። እቲ ሓበሬታ፣ ኣብቲ መወዳእታ ክፋል ናይቲ ብጽሑፍ ዝውሃብ ውሳነ ይርከብ።

ስእሊ: ፓትሪክ ስቨድበርደ (www.domstol.se)

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ኮምዩናት

ኩላቶም ተቐማጦ ሽወደን፡ ኣብ ኮምዩን ይቕመጡ። ኣብ ሽወደን፡ 290 ኮምዩናት ኣለዋ። ኩሉተን ኮምዩናት ከኣ፡ ነብሰን ባዕላተን የማሓድራ። ሓደ ኮምዩን፡ በቲ ህዝቢ ዝመረጾ ባይቶ - ኮምዩን (kommunfullmäktige) ንሱ ዝመዘዘን ካልኦት ኮሚቴታትን (styrelser) ተጸዋዕትን (nämnder) ይምራሕ። ኣብ ሕጊ - ኮምዩናት (kommunallagen)፡ ዞባታትን (landsting/regioner) ኮምዩናትን፡ እንታይ ሓላፍነታትን ግቡኣትን ኣሎወን ብንጹር ሰፊሩ ይርከብ። ኣብ ሽወደን፡ እተን 3 ዝዓበያ ኮምዩናት፡ ስቶክሆልም፡ ዮተቦሪን ማልመን እየን። ልዕሊ 100.000 ተቐማጦ ዘለዉወን ብዙሓት ኮምዩናት ኣለዋ። ኮምዩናት፡ ከተማታት ተባሂለን' ውን ክጽውዓ ይኽእላ እየን።

እተን ኮምዩናት፡ ኣብያተ ትምህርቲ፡ መውዓል ህጻናት፡ ኣብያተ መጻሕፍቲ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንኣረጋውያንን ሓገዝ ንዝደልዩ ድማ ክንክን ንኽህሉን ይነጥፋ። መጥፋእቲ ሓውን ሓለዋ ጽሬትን ዝኣመሰሉ ንኽህሉዉ፡ ጽርግያ፡ መንበሪ ኣባይቲ፡ ማይን ኤለክትሪክን ንኽህሉ ውጥን የውጽኣ። እዘን ኮምዩናት' ዚኣተን ነዚ ኹሉ ንኽገብራ ገንዘብ ክህሉወን ኣለዎ። ንሳተን፡ ነቲ ገንዘብ፡ ብናይ ኮምዩናዊ ግብሪ፡ ካብ ክፍሊታትን ካብ መንግስቲ ብዝወሃበን ሓገዝን ይረኽባኡ። እቶም እቶት ዘሎዎም ኣብቲ ኮምዩን ዝተመዝገቡ ነበርቲ፡ ግብሪ ይኸፍሉ። መጠን ናይቲ ዝኽፈል ግብሪ ኸኣ፡ ትነብረሉ ኮምዩንን መጠን ደሞዝካን' ዩ ዝውሰኖ።

ምምሕዳር፡ ዞባን ምምሕዳራዊ ክፍልን

ኣብ ሽወደን፡ 21 ዞባታት ኣለዋ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዞባ ድማ ብዙሓት ኮምዩናት ኣለዋ። ነፍሲ ወከፍ ዞባ፡ ናታ ዞባዊ ምምሕዳር፡ ማለት ሌንስቲይረልስ ኣሎዋ። እቲ መንግስቲ፡ ነተን ዞባዊያን ምምሕዳራት ዝመርሑ ናይቲ ቦታ ሹመኛታት ይምዝዝ። መራሕቲ ዞባዊያን ምምሕዳራት፡ ናይቲ መንግስቲ ወኪላት እዮም። እቲ ኣዚዩ ኣገዳሲ ስርሖም፡ ነቲ ብባይቶን ብመንግስትን ዝተወሰነ ዕላማ ምትግባር እዩ። ማዕረ ማዕሪኡ፡ ናይ' ተን ዞባታት ኩነታት' ውን ይከታተሉዎ እዮም።

ኣብ ሽወደን ኣውራጃ' ውን ኣሎ። ኣውራጃታት ከምቲ ናይ ዞባ ጂኦግራፍያዊ ስፍሓት ዘሎወን ፖለቲካውያን ውድባት እየን። ንሳተን ግብሪ የኽፍላን ነቲ ናይ ሕብረተሰብ ክፍሊት ድማ ይቆጻጸራን እየን። ብቐዳምነት ንጥዕናን ክንክንን ብዝምልከት። ነቲ ናይ ባህሊ፡ ዞባዊ መጎዓዝያን ኣውራጃዊ ውጥናትን' ውን ይከታተላኡ እየን። ኣብዚ ግዜ' ዚ፡ ኣብ ሽወደን 20 ኣውራጃታት ኣለዋ። ንሳተን በቲ ብህዝቢ ዝተመርጸ ጉባኤ፡ በቲ ኣውራጃዊ ባይቶን በቲ ምምሕዳራዊ ባይቶን ይምርሓ። ንኣብነት ከባቢ ቨስትራ ዮታላንድ፡ ብሕጊ ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ዞባዊ ምምሕዳር ይምራሕ።

ኤውሮጳዊ ሕብረት (EU)

ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ኣብ መንጎ ገለ ኤውሮጳውያን ሃገራት ዘሎ ቑጠባውን ፖለቲካውን ዝምድና እዩ። ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ኣብ መንጎ በልጅዩም፡ ፈረንሳ፡ ጣልያን፡ ሉክሰምበርግ፡ ሆላንድን ሽዑ ዝነበረት ምዕራብ ጀርመንን እተመስረተ ቑጠባውን ፖለቲካውን ምትሕብባር እዩ።

ኤውሮጳዊ ባይቶ ኣብ ብራስለስ፡

ስእሊ: www.europaparlamentet.se

ኤውሮጳዊ ሕብረት፣ ነቲ ኣብ ኤውሮጳ ዝሰፈነ ሰላም ንምዕቃብን ንግዲ ኣብ መንጎ ሃገራት ኤውሮጳ ንምትብባዕን ' ዩ ተተኺሉ። እቲ ቀንዲ ሓሳብ፣ ኩሉተን ብቕጠባዊ መገዲ ሓንቲ ካብታ ሓንቲ እትደሊ ኮይነን ግጭት ዘይብለን ንክኾና እዩ። ብሓጺሩ ነፍስ ወከፍ ሃገር ነቲ ናታ ስልጣን ብምጕዳል ብሓባር ኮይነን ኣብ ዓለም ዓቢ ጽልዋ ንኽህሉወን እዩ ሓሳባቱን።

ሽወደን፣ ኣብ 1995 ዓ.ም ኣባል ኤውሮጳዊ ሕብረት ኮይና። እቲ ሕብረት፣ ኣብዚ እዋን ' ዚ፣ 28 ኣባላት ሃገራት ኣለወኡ። ንሳተን ድማ ኣብ ናጻ ምንቅስቓስ ናይ ኣቕሑ፣ ኣገልግሎት፣ ርእሰ ማልን ህዝብን፣ ከምኡ ' ውን፣ ናይ ኣከባቢ ዕቃበ፣ ንጸጥታን ምክልኻልን ዝምልከቱ ጕዳያትን ይነጥፋ። መብዛሕትኡን ኣባላት፣ ሓባራዊ ባጤራ ኤውሮ ይጥቀማ። ሽወደን ግን ኣይትጥቀመሉን እያ።

ኤውሮጳዊ ሕብረት፣ ሕግታት ዝሕግጋ ሰለስተ ዓበይቲ ክፍልታት ኣለወኡ : -
ንሳተን ድማ፣ ኤውሮጳዊ ኮምሽን (Europeiska kommissionen) : ኤውሮጳዊ ባይቶ (Europaparlamentet) ከምኡ ' ውን ቤት ምኽሪ ምኒስተራት፣ (ቤት ምኽሪ ኤውሮጳዊ ሕብረት) (Europeiska unionens råd) እየን። እዘን ሰለስተ ትካላት ' ዚኣተን፣ ኣብ ዋና ከተማ በልጁም - ብራስለስ፣ ኣብ ፈረንሳዊት ከተማ - ስትራስበርግ፣ ከምኡ ' ውን ኣብ ሃገረ - ሉክሰምበርግ ይርከባ። እዘን 28 ኣባላት ሃገራት ' ዚኣተን ብሰለስተ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ይታሓጋገዛ : -

- **ልዕለ-መንግስታዊ ጽፍሒ (Överstatlig nivå)**
  ኩሉተን ኣባላት ሃገራት ዝኽተሉኡ ግዱድ ውሳነ። እቶም ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝሕግጎም ሕግታት ምስዚ ውሳነ ' ዚ ይጽብጸቡ። ሕጊ ኤውሮጳዊ ሕብረት፣ ልዕሊ ኸኡላቶም ሕግታት ኣባላት ሃገራት ' ዩ። ብዙሓት ሕግታት፣ ንግዲ : መገሻን ስራሕን ኣብ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ንምቕላል ' ዮም ዝሕገጉ። ንሕጊ ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝምልከት ርእሱ ዝኸኣለ ቤት ፍርዲ ኣሎ። ቤት ፍርዲ ኤውሮጵዊ ሕብረት ተባሂሉ ድማ ይጽዋዕ። መደበሩ ኸኣ ኣብ ሉክሰምበርግ ' ዩ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

- **በይነ-መንግስታዊ ጽፍሒ (Mellanstatlig nivå)**
  ሕግታት ዘይክተል፡ ብወለንታዊ ኣገባብ ኣብ መንጎ 28 ኣባላት ሃገራት ዝግበር ምትሕብባር። ንኣብነት ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ብዛዕባ ፖሊሲ ጕዳያት ወጻእን ወተሃደራዊ ዕማምን ውሳነ ከሕልፍ ከሎ ብበይነ-መንግስታዊ ጽፍሒ' ዩ ዝካየድ።
- **ሃገራዊ ጽፍሒ (Nationell nivå)**
  ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ሃገር፡ ኣብ ጕዳያ ክትውስን መሰል ኣሎዋ። ኩሉቶም እዘን ሃገራት' ዚኣተን ዝውስናኦም ሕግታትን መምርሕታትን ግን ምስ' ቶም ብጽፍሒ ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ማለት ' ልዕለ-መንግስታዊ ጽፍሒ' ዝሓለፉ ሕግታትን መምርሕታትን ክሳነዩ ኣለዎም።

እቲ ስልጣን ኣብ ብዙሓት ዝተኸፋፈለ'ዩ፡

ዋላ' ኳ እቲ ወግዓዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ዝከፋፈል እንተኾነ፡ ማለት ኮምዩን፡ ኣውራጃ፡ ሃገረ-መንግስትን ኤውሮጳዊ ሕብረትን፡ ኣብቲ ሕብረተሰብ ነቲ ደሞክራስያዊ ስርዓት ኣገዳሲ ዝኾነ ብዙሕ ናይ ስልጣን ማእከላት ኣሎ። መራኸቢ ብዙሃንን ዕዳጋን፡ ከምኡ' ውን ሲቪላዊ ማሕበረሰብን፡ ኣብ ሓደ ደሞክራስያዊ ሕብረተሰብ ኣገደስቲ ተዋሳእትን መድረኽን እዮም።

መራኸቢ ብዙሃን፡ (ጋዜጣታት፡ ራድዮ፡ ቲቪን ኢንተርነትን) ምስ መንግስታዊ ስልጣን ዝምድና የብሎምን። ከምዚ ክብሃል ከሎ ድማ፡ ናጻ ኮይኖም ይሕብሩን ንፖለቲካውያንን ካልኦት ሰብ ስልጣንን ድማ ይግምግምዎምን ማለት እዩ። መራኸቢ ብዙሃን፡ ኣብቲ ንሕብረተሰብ ዝምልከት ጕዳያት ክትዕ ንምክያድ፡ ኣገዳሲ ዕማም ይዓሚ።

ናይ ሽወደን ራድዮን (SR) ተለቪዥንን (SVT), በተን ካብ መንግስቲ ናጻ ዝኾና ትካላት እየን ዝውነና። እቲ ስራሕ፡ በቲ ንቲቪን ራድዮን ብህዝቢ ዝኽፈል እቶት እዩ ዝካየድ። እዚ ድማ ' ቲቪ ላይሰንስ' ይብሃል። እተን ቻነላት፡ ብመወዓውዒ ወይ ብናይ መንግስቲ ኣበርክቶ ኣይኮነን ዝምወላ። ስለዚ ህዝባዊ ኣገልግሎት ይብሃላ። ዕማመን፡ ኣድልዎ ብዘይብሉ፡ ደሞክራስያዊ መሰረት ዘሎዎ ስራሕ ምክያድ እዩ። ኣብ ሽወደን፡ ብዙሓት ብመወዓውዒ ዝምወላ ናይ ቲቪን ረድዮን መስመራት ኮይነን ንሰበስልጣን ዝግምግማ ኣለዋ፡ ንኣብነት ቲቪ4።

እቲ ዕዳጋ፡ በቶም ብሓባር ነቲ ናይታ ሃገር ቀጠባን ዕዳጋ-ዕዮን ዝጸልዉ ርእሰማላውያን ዋኒናትን ኣህለኽትን ዝቕመ እዩ። እቲ ቀጠባዊ ናይ ንግዲ ዕብየት፡ ነቲ ናይ መንግስቲ ናይ ግብሪ ኣታዊ ይጸልዎ እዩ።

ሲቪላዊ ሕብረተሰብ ክብሃል ከሎ፡ ክፋል ናይቲ ብዘይ ጣልቃ መንግስቲ ነንሕድሕዱ ዝተሓባበርን ዝተሓጋገዝን ሕብረተሰብ እዩ። እቲ ሲቪላዊ ሕብረተሰብ፡ ከም ዋኒናት ዝመሰሉ ንምምራሕ ዘገልግሎ ገንዘብ የብሉን። እቲ ሲቪላዊ ሕብረተሰብ ሓድ ሓደ ግዜ፡ ዘይረብሓዊ ጽላት፡ ወለንታዊ ጽላት ወይ ሲቪላዊ ጽላት ተባሂሉ ይጽዋዕ እዩ። ከም ተዋሳእቲ ናይቲ ሲቪላዊ ሕብረተሰብ ንኣብነት፡ እዘን ዝስዕባ ክጥቀሳ ይኽእላ። ውድባት ግብረ ሰናይ፡ ናይ ስፖርት ማሕበራትን ፖለቲካውያን ሰልፍታትን እየን። እዚኣተን፡ ብቐጥታ ብመንግስቲ ኣይምወላን ገንዘብ ንምርካብ' ውን ኣይሰርሓን።

ናይ ሽወደን ህዝባዊ ምንቅስቓሳት፣ ንኣብነት፣ ናይ ሰራሕተኛታት፣ ናይ ኣከባቢ ወይ ናይ ዓቂንካ ምስታይ ምንቅስቓሳት፣ እቲ ሲቪላዊ ሕብረተሰብ፣ ኣብቲ ሕብረተሰብ ናይ ስልጣን ረቓሒ ክኸውን ከም ዝኽእል ኣብነት እየን። ኣብዚ ኽኢ፣ መንግስቲ ይኹን ዕዳጋ ብሓፈሻ፣ ዝደፍእ ሓይሊ የብሉን። ሲቪላዊ ሕብረተሰብ፣ ናይ ደሞክራስያዊ ሕብረተሰብ ኣገዳሲ ክፋል እዩ። ንስኻ ከም ነባሪ ድማ፣ ኣብኡ ኺንካ ነቲ ሕብረተሰብ ክትጸልዎ ትኽእል።

ኣብ'ተን ደሞክራስያውያን መሰላት፣ ከም ናይ ሕትመትን ርእይቶን መሰላትን ማሕበር ናይ ምምስራት መሰላትን፣ ነቶም ተቐማጦ ኣብ ፖለቲካ ንኽሳተፉ ዝድርኽ ዘይቀጥታዊ ጻውዒት ኣሎ። ሰባት ብዝተፈላለየ መገዲ፣ ኣብ ፖለቲካ ክሳተፉ ይኽእሉ። ንኣብነት ኣብ ፖለቲካዊ ሰልፊ፣ ውድባት ወይ ማሕበራት ብምጥርናፍ ብዙሓት ኣርእስቲታት ኣልዒሎም ክዋስኡ ይኽእሉ። ሰባት ኣገዳሲ ዝብሉዎ ጉዳያት ንምልዓል፣ ንመራኸቢ ብዙሃን ከም ናይ ምቅላሕ መስኖ ክጥቀሙለን ይኽእሉ። ምስ ጋዜጠኛ ኣብ እትገብሩዎ ርክብ፣ መንነትኩም፣ ማለት ስምኩም ናይ ምዕቃብ መሰል ኣለኩም። ብዘይካ'ዚ፣ ሰባት፣ ምስ'ቶም ኣብቲ ዝነብሩሉ ኮምዩን ዝነጥፉ ፖለቲከኛታት ተራኺቦም ንዝተወስደ ውሳነታት ብዝምልከት፣ ዘሎዎም ርእይቶን ሓሳባትን ክቕርቡ ይኽእሉ።

ኣርባዕተ መሰረታውያን ሕግታት ሽወደን

ደሞክራሲ ንኽሰርሕ ሕግን ስርዓትን የድሊ። ኣብ ሽወደን፣ እዞም መሰረታውያን ሕግታት'ዚኣቶም ኣገደስቲ ሕግታት እዮም። እዚኣቶም፣ ነቲ ካልእ ሕግታት መሰረት ይኾኑ። ሽወደን ብኽመይ ክትመሓደር ከም ዘለዋ ድማ ቅርጺ ይፈጥሩ። እዞም ሕግታት'ዚኣቶም፣ ንደሞክራሲ ይዕቅቡ፣ ልዕሊ ኩሉ ሕጋጋት ከኣ'ዮም። ይኹን'ምበር ትሕዝቶ ናይ'ቶም ናይቲ ሃገር ሓፈሻዊ ሕግታት ምስ'ቶም መሰረታውያን ቅዋማት ዝጻረሩ ክኾኑ የብሎምን።

ነዚ ቅርጺ'ዚ ንምውሓስን ድሕሪ ምርጫ ድማ ዕልዋ መንግስቲ ከይፍጸምን ብማለት፣ እቶም ሕግታት ብዘይ ምኽንያት ኣይልወጡን እዮም። ነዚ ንምልዋጥ እቲ ባይቶ ንሓደ ውሳነ ክልተ ግዜ ክውስኖ ኣለዎ። ብዛዕባ'ተን ክልተ ውሳነታት ድማ፣ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሓፈሻዊ ምርጫ ክካየድ ኣለዎ። እዚ ድማ፣ መንግስቲ ኣዚዩ ቅልጡፍ ውሳነ ንኽይህብ ተባሂሉ እዩ። እዚ ናይ መሕሰቢ ግዜ፣ ነቲ ሕጊ ቅድሚ ምልዋጡ ጥንቁቕ ግምገማ ንምግባር ይሕግዝ። እዞም ሕግታት'ዚኣቶም ንደሞክራሲና ይዕቅቡ። ኣብ ሽወደን ኣርባዕተ መሰረታውያን ሕግታት ኣለዉ፡ -

- ቅጥዒ መንግስቲ (**Regeringsform፡ RF**)፣ ሽወደን ብኽመይ ከም ትምራሕ ይሕብር። ናይዚ ግዜ'ዚ ቅጥዒ መንግስቲ፣ ናይ 1974 ዓ.ም ቅጥዒ እዩ ። ኣብዚ ሕጊ'ዚ፣ መንግስቲ፣ ብኽመይ ከም ዝሰርሕን ምርጫ ባይቶ ብኽመይ ክዕመም ከም ዘለዎን ዝሕብሩ መምርሒታት ኣለዉ። ቅጥዒ መንግስቲ፣ ብዛዕባ መሰረታዊ ናጽነትን መሰላትን ዝምልከቱ ሕግታት ኣለዉዎ። ንኣብነት፣ ንምጅም ማሕበራትን ንናጽነት እምነትን ዝምልከቱ መሰላት'ውን ኣለዉዎ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

- ሕጊ ምውራስ ዓራት (**Successionsordning፡ SO**)፡ ኣብ ሽወደን፡ መን ንጉስ ወይ ንግስቲ ከም ዝኸውን ዝምልከት ሕጊ፡ ’ሕጊ ምውራስ ዓራት’ እዩ።
- ሕጊ ናጻ ሕትመት (**Tryckfrihetsförordning፡ TF**) ኣብ ጋዜጣታትን መጻሕፍትን እንታይ ክሕተም ከም ዘለዎ ዝምልከት ሕጊ፡ ’ሕጊ ናጽነት ሕትመት’ እዩ። ኣብ ሽወደን ሰብ ዝደለዮ ክጽሕፍ መሰል ኣሎዎ፡ እቲ ጽሑፍ ገበናዊ ጽሑፍ ክሳዕ ዘይኮነ።
- ሕጊ ናጻ ርእይቶ (**Yttrandefrihetsgrundlagen፡ YGL**) ኣብ ሬድዮ፡ ተሌቪዥን፡ ፊልምን ኢንተርነትን እንታይ ክትብል ከም ትኽእል ዝምልከት ሕጊ፡ ’ሕጊ መሰል ናጻ ርእይቶ’ እዩ። ኣብ ሽወደን ሓደ ሓደ ፍሉያት ኩነታት ገዲፍካ፡ ዝለደኸዮ ክትብል ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት፡ ንክብሪ ሰብ ዝደፍር ነገር ምዝራብ ኣይፍቀድን’ዩ። እዚ፡ ንውልቀ ሰባት ወይ ከኣ ንጉጅለ ሰባት ዝምልከት ክኸውን ይኽእል’ዩ።

ፖለቲካዊ ስነ ሓሳባትን ሰልፍታትን

ኣብ ምርጫ ክትሳተፉ ከለኹም፡ እትድግፉዎ ፖለቲካዊት ሰልፊ ትሓርዩ። ፖለቲካዊት ሰልፊ፡ ተመሳሳሊ ሓሳባት ዘለዎም፡ ንኹነታት ሃገር ክጸልዉ ዝደልዩ ኣባላት ዝሓቖፈት ውድብ እያ። ነፍሲ ወከፍ ሰልፊ፡ ሕብረተሰብ ንምምዕባል ዝዓለመ፡ ሓሳባት ዝሓቖፈ ፖለቲካዊ መደብ-ዕዮ ኣሎዎ። መብዛሕትአን ናይ’ዘን ኣብዚ እዋን’ዚ ኣብ ሽወደን ዝርከባ ፖለቲካዊያን ሰልፍታት፡ ውጽኢት ናይቲ ኣብ 19 ክፍለ ዘመን ዝማዕበለ ስነ ሓሳብ እየን።

ሊበራልነት

’ሊበር’ (liber) ትብል ቃል፡ ብቋንቋ ላቲን ኮይና፡ ትርጉማ ድማ፡ ’ናጽነት’ ማለት’ዩ። እቶም ቀዳሞት ሊበራላውያን (ናይ 18 ክፍለ ዘመን)፡ ዕላምኦም፡ ምውሓስ መሰላትን ናጽነታትን ደቂ ሰባት ዝብል እዩ ነይሩ። ንሳቶም ንኣብነት፡ ኩሉ ሰብ ሓሳቡ ብቻል ይኹን ብጽሑፍ ምእንቲ ክገልጽ፡ መሰል ሓሳብካ ምግላጽን መሰል ሕትመትን ንምውሓስ ይቃለሱ ነይሮም።

ሊበራላውያን ብተወሳኺ፡ እቶም ኣብ ምግዛእን ምሻጥን ኣቑሑ ዝኽፈሉ ዝነበሩ ክፍሊታትን ዝትግበሩ ዝነበሩ ተግባራትን ክእለዩ’ውን ይደልዩ ነይሮም። በዚ መገዲ’ዚ፡ ኣብ መንጎ ሃገራት ዝግበር ንግዲ ብኹሉ መዳዩ ምወሰኽ። እዚ ኸኣ፡ ንቑጠባ ሃገር ኣድማዒ ምኾነ፣ ሓደጋ ውግእ’ውን ምነከየ።

ዓቃባውነት

’ኮንሰርቫቲቭ’ (ዓቃባዊ) ትብል ቃል፡ ካብ ’ኮንሰርቫረ’ (conservare) ትብል ናይ ላቲን ቃል ዝመጸት ኮይና፡ ትርጉማ ድማ ምዕቃብ ማለት’ዩ። እቶም ቀዳሞት ዓቃባውያን (ኣብ 18 ክፍለ ዘመን)፡ ታሪኽ ሃገር፡ ልምድታትን ሃይማኖትን ክዕቅቡ ይደልዩ ነይሮም። ስልጣን፡ ምስ ንጉስ፡ ምስ ቤተ ክርስትያንን ምስ ልኡላን ማሕበረሰብን ክኸውን ይደልዩ ነይሮም። ቀንዲ ሓሳባት ዓቃባውያን ዝነበረ፡ ኣብቲ ሕብረተሰብ ዝርአ ዝነበረ ቅልጡፍ ለውጢ ንምጽራር፡ ነቲ ልምዲ ድማ ብመሰረት ናይ ስድራቤትን እምነትን ክብርታት ምሕላው እዩ።

ሶሻሊዝም (ማሕበርነት)

ሶሻሊዝም' እትብል ቃል፡ ካብ 'ሶስዩስ' (socius) ትብል ቃል ላቲን ዝመጸት ኮይና፡ ትርጉማ ድማ 'ብጻይ' ማለት'ዩ። እቶም ቀዳሞት ማሕበርነታውያን (ኣብ 19 ክፍለ ዘመን) ንመሰላት ሰራሕተኛታት ከውሕሱ ይደልዩ ነይሮም። ፋብሪካታትን ትካላትን ብብሕቲ ክውነና ኣይደልዩን ነይሮም። ኣብ ክንድኡ ግን፡ ሰባት ብሓባር ኮይኖም ክውንኡዎ ይደልዩ ነይሮም። እቲ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ዞም ማሕበርነታውያን ድማ፡ ኣብ መንጎ ሰባት ምዕሩይነት ምስፋን እዩ።

ካልኣ ፖለቲካዊ ርእየት

ኣብ 20 ክፍለ ዘመን፡ ካልኣ ርእዮተ ዓለም በቕሉ። እቲ ሓሳባት ድማ፡ ንመላእ ዓለም፡ ብዝተፈላለየ መገዲ ጸልዩዋ።

መሰል ደቅንስትዮ፡ ካብ ቀደም ዝነበረ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ 20 ክፍለ ዘመን ግን እናሓየለ መጺኡ። ንመሰል ደቀንስትዮ ዝጣበቐ፡ "ኣብ ሕብረተሰብ፡ ሰብኣይ ካብ ሰበይቲ ንላዕሊ ስልጣን ምውናኑ ቅኑዕ ኣይኮነን" ይብሉ ነበሩ። ፖለቲካዊ፡ ቑጠባውን ማሕበራውን መሰላት ደቀንስትዮ ኣብ ምሕያል ድማ የተኩሩ ነይሮም።

ስነ ኣከባቢያዊነት፡ ከም ስነ ሓሳባት፡ ንሰብ ከም ሓደ ክፋል ተፈጥሮ እዩ ዝወስዶ። ፖለቲካዊ ስነ ኣከባቢያዊነት ድማ፡ ንግሩም ተፈጥሮን ቀጻልነት ንዘለዎ ስነ ኣከባብያዊ ምዕባለን ይነጥፍ።

ሃገራውነት ከም ስነ ሓሳብ ድማ፡ ነቲ ኣብ ሓንቲ ሃገር ዘሎ ሕብረተሰብኣውነት ይገልጾ። ሃገራውያን፡ ንሃገሮም፡ ነቲ ናይ ሃገሮም ባህልን ታሪኽን ክዕቅቡ ይደልዩ። ሃገራውያን፡ ንምትሕንፋጽ ባህልታት ይነቕፉ።

ፋሺሽትነትን ናዚስትነትን ዝተሰምዩ ስነ ሓሳባት፡ ኣብ መጀመርታ 20 ክፍለ ዘመን እዮም ተቐልቂሎም። ቀንዲ ምጉት ፋሺስታውን ናዚስታውን ስነ ሓሳብ፡ ሓደ ሕብረተሰብ፡ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ብዝተሓርዩ ፖለቲከኛታት ዘይኮነ ብሓያላት ኢሊታት (በሃራት ኢና በሃልቲ) ክምራሕ ኣለዎ ዝብል እዩ። እዞም ክልተ ስነ ሓሳባውያን'ዚኣቶም፡ ማእከላይ ስነ ሓሳባቶም፡ ሃገራውነት ኮይኑ፡ "ባህልና ካብ ካልኦት ባህልታት ዝበለጸ'ዩ" ዝብል ልዕልናዊ እምነት ኣሎዎም። ናዚስታዊ ስነ ሓሳብ፡ ጀርመን ብኣዶልፍ ሂትለር ትምራሕ ኣብ ዝነበረትሉ ግዜ፡ ማለት 1930ታት፡ ድልዱል ሰረት ዝነበሮ ስነ ሓሳብ እዩ። ናዚስታውያን፡ ካልኣይ ኩናት ዓለም ኣሳዊሮምን ብሚልዮናት ዝቕጸሩ ኣይሁዳውያን፡ ሮመራውያን፡ ስንኩላንን ካልኦት ንናዚስታዊ ስነ ሓሳብ ዝተቓወሙን ቀቲሎም።

ፖለቲካውያን ሰልፍታት

ፖለቲካዊያን ሰልፍታት፡ ወሳኒ ዝኾነ ደሞክራስያዊ ተራ ኣሎወን። ንኣባላተን ከኣ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ምርጫ ከድምጹ፡ ኣብ ጕዳያት ክጸልዉ፡ ተሳተፍትን ሓላፍነታውያንን ዝኾኑ ዕድላት ይኸፍትሎም። ፖለቲካውያን ሰልፍታት፡ ካብ ትኳቦ ናጻ ኾይነን፡ ነዊሕ ዝጠመተ መደብ ሒዘን ክሰርሓ ዘኽእለን ገንዘባዊ ሓገዝ ይግበረለን እዩ። ሰልፍታት፡ ካብ 'ቦርድ ምወላ ንሰልፍታት' ቁጠባዊ ሓገዝ ክረኽባ ይኽእላ'የን። እቲ ቑጠባዊ ሓገዝ፡ ንሓፈሻዊ ወይ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ህዝባዊ ትግባረታትን ንጥፈታትን ናይ ' ተን ሰልፍታት፣ ኣብ ውሽጥን ካብኡ ወጻእን ናይ ' ቲ ፓርላማ ይውሃበን። ውጽኢት ዓወት፣ ንመጠን ቁጠባዊ ሓገዝ ይጸልዎ ' ዩ።

እዘን ሎሚ፣ ኣብቲ ካብ 2014 - 2018 ዓ.ም ዝምጠጥ ናይ ሰልጣን ዕድመ፣ ኣብ ፓርላማ ተወኪለን ዘለዋ ሰልፍታት፣ ማእከላይ - ሰልፊ (Centerpartiet)፣ ሊበራላውያን (Liberalerna)፣ ክርስትያናዊ - ደሞክራሲ (Kristdemokraterna)፣ ከባቢኣዊ ሰልፊ (Miljöpartiet)፣ ሰልፊ - ማእከሎት (Moderaterna)፣ ሰልፊ ማሕበራዊ ደሞክራሲ፣ (Socialdemokraterna)፣ ሽወደናዊ ደሞክራሲ (Sverigedemokraterna)፣ ከምኡ ' ውን ጸጋማዊ - ሰልፊ (Vänsterpartiet) እየን። ድሕሪ ናይ መስከረም 2014 ዓ.ም ምርጫ፣ ማሕበራዊ ደሞክራስያዊ ሰልፍን ከባቢኣዊ ሰልፍን እዮም መንግስቲ ኣቕሚሞም። መራሒ ሃገር እስቴፋን ሎፍቬን ከኣ፣ ኣባል ሰልፊ ማሕበራዊ ደሞክራሲ (ሶሻል ደሞክራተርና) እዩ።

ገለ ካብ ' ዘን ሰልፍታት ' ዚኣተን፣ ' ኣልያንስ (Alliansen) ዝተሰምየ ፖለቲካዊ ልፍንቲ ኣቕሙን ኣለዋ። ኣባላት ናይዚ ምሕዝነት ' ዚ ዝኾና ሰልፍታት ከኣ፣ ሞደራተርና፣ ሰንተር - ፓርቲ፣ ሊበራለርናን ክሪስቲ - ደሞክራተርናን እየን። እዘን ኣርባዕተ ሰልፍታት ' ዚኣተን እየን ካብ 2006 - 2014 ዓ.ም ዝነበረ፣ ዕድመ ስልጣን መንግስቲ ሒዘኦ ዝነበራ።

ናይ ሽወደን ስርዓተ ምርጫ

ክውክሱና እንደልዮም ሰባት፣ ብሓፈሻዊ ድምጺ ምምራጽና፣ መሰረት ደሞክራስያዊ ሕብረተሰብ እዩ። ምርጫ ኣዚዩ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ፣ እቲ ህዝቢ፣ ነቲ ዝካየድ ፖለቲካ፣ ብምርጫ እዩ ዝጸልዎ።

ምርጫን ተሳትፎን

ኣብ ምርጫ፣ ብዙሓት ሰባት ክሳተፉ ምርኣይ፣ መርኣያ ናይቲ ኣብ ፖለቲከኛታትን ኣብቲ ደሞክራስያዊ ስርዓትን ዘሎ እምነት እዩ። ባይቶ፣ ኣውራጃታትን ኮምዩናትን ብልክዕ ከም ወከልቲ ህዝቢ ጌርካ ክትቆጽሮም እንተኾነ፣ ዝበዝሑ ካብ ' ቶም ናይ ምድማጽ መሰል ዘለዎም ሰባት፣ ኣብ ዝግበር ህዝባዊ ምርጫ ክሳተፉ ኣለዎም። ኣብቲ ኣብ ሽወደን፣ ኣብ ዓመተ 2014 ዝተኻየደ ባይቶኣዊ ምርጫ፣ 86% ናይ ህዝቢ ሽወደን ተሳቲፉ። ኣብቲ ናይ ዞባን ኮምዩናትን ምርጫ ግን፣ ተሳትፎ መረጽቲ፣ ቁሩብ ውሕድ ይብል ነይሩ። ኣብ ምርጫ ክትሳተፉ እንከለኹም፣ ከምቲ ናትኩም ሓሳብ ዘሎዎም ሰባት፣ ብሓንሳብ ኮይኖም ንሕብረተሰብ ዝጸልዉሉ መገዲ ናይ ምፍጣር ተኽእሎታት ዓቢ ይኸውን።

ዝተፈላለዩ ሰባት፣ ዝተፈላለየ ናይ ምስታፍ ባህሪ ኣሎዎም። ትሑት እቶትን ትሑት ትምህርትን ዘሎዎም ሰባት፣ ካብቶም ልዑል እቶትን ልዑል ትምህርትን ዘሎዎም ሰባት ዝተሓተ ተሳትፎ ናይ ምርጫ ኣሎዎም። ካብ ነኣሽቱ ድማ፣ ዓበይቲ ብብዝሒ የድምጹ። ተሳትፎ ምርጫ፣ ኣብ ' ቶም ኣብ ወጻኢ ዝተወልዱ ' ውን ትሑት እዩ። እቲ ኣብ ሽወደን ኣብ ምድማጽ ናይ ምስታፍ ዝንባለ፣ ብዙሕ ዓመታት ምስ እትቕመጥ፣ እናለዓለ ይኸይድ።

ሰብ ዘድምጸሉ ናይ ምርጫ ነጫጣ ዘርኢ ስእሊ፡

ስእሊ፡ ዮነር

ሓፈሻዊ ምርጫ

ኣርባዕተ ዓይነታት ሓፈሻዊያን ምርጫታት ኣሎው ፡ -

- ምርጫ ሃገራዊ ባይቶ
- ምርጫ ኣውራጃዊ ባይቶ
- ምርጫ ኮምዩናዊ ባይቶ
- ምርጫ ኤውሮጳዊ ባይቶ

እቶም መራጹ፡ ንሓደ ሰልፊ ይመርጹ። ኣብኡ ኸለዉ ድማ፡ ንሓደ ካብ ' ቶም ኣብቲ መድመጺ ካርዲ ዘለዉ ሕጹያት ክመርጹ ይኽእሉ። ኩሉ ሰብ፡ ነቲ ዝደለዮ ሰልፊ ክመርጽ ይኽእል።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስርዓተ ምርጫ ሽወደን፡ ሚዛን ዝሓለወ እዩ። እተን ሰልፍታት፡ ብመጠን ዝረኽበኦ ብዝሒ ድምጺ፡ ኣብ ' ቶም ዝተመርጹ ጉጅለታት ወኪላት ይህልዉወን።

ባይቶኣዊ፡ ኣውራጃውን ናይ ኮምዩንን ሓፈሻዊ ምርጫ ሽወደን፡ ኣብ ኣረርባዕተ ዓመታት ሓንሳብ፡ ኣብ ወርሒ መስከረም ይካየድ። እዞም ምርጫታት ' ዚኣቶም ኩላቶም፡ ኣብ ሓደ መዓልቲ ይካየዱ። ናብ ፓርላማ ኣውሮጳዊ ሕብረት ዝቐንዐ ምርጫታት፡ ኣብ ሓሓሙሽተ ዓመታት ሓንሳብ፡ ከምቲ ልሙድ ኣብ ወርሒ ሰነ ይካየድ።

ህዝባዊ ረፈረንደም

ህዝባዊ ምርጫ፡ ነቶም ኣብ ሃገራዊ፡ ዞባውን ከባብያውን ጽፍሕታት ዘለዉ ፖለቲከኛታት፡ ህዝቢ ብዛዕባ ሓደ ፖለቲካዊ ጕዳይ፡ እንታይ ዓይነት ርእይቶ ከም ዘለዎ ንምፍላጥ ዕድል ይህቦም። ኣብ ሽወደን፡ ክልተ ዓይነት ህዝባዊያን ረፈረንደማት ኣሎዉ። ምኽሪ ዝህብ ህዝባዊ ረፈረንደምን ንቕዋም ዝምልከት ሕቶ ንምምላስ ዝግበር ህዝባዊ ረፈረንደምን እዮም። እቲ ምኽሪ ዝህብ ረፈረንደም፡ ኣሳሪ ኣይኮነን። እቶም ፖለቲከኛታት፡ ነቲ ውጽኢት ረፈረንደም ዝጻረር ውሳነ ክህቡ ' ውን ይኽእሉ እዮም። እቲ ንቕዋም ዝምልከት ረፈረንደም፡ ምስ ባይቶኣዊ ምርጫ ብሓደ ብምትእስሳር ይካየድ። ኩሉ ግዜ ድማ፡ ኣሳሪ እዩ። ይኹን ዳኣ ' ምበር፡ ከምዚ ዓይነት ምርጫ ' ዚ፡ ኣብ ሽወደን ተገይሩ ኣይፈልጥን ' ዩ።

ኣብ ሽወደን ዝተኻየደ ናይ ቀረባ ዝብሃል ህዝባዊ ረፈረንደም፡ እቲ ብ2003 ዓ.ም. ዝተኻየደ ረፈንደም እዩ ነይሩ። እቲ ረፈረንደም ' ቲ ዝተገብረሉ ምኽንያት ከኣ፡ "ባጤራ ሽወደን (ክሮና) ብባጤራ ኤውሮ ይተካእ ' ዶ?" ዝብል ሕቶ ንምምላስ ዝተገብረ ረፈረንደም ' ዩ ነይሩ። እቲ ዓብላሊ ድምጺ ከኣ፡ ' ኣይፋል ' ዝብል እዩ ነይሩ። ብደረጃ ከባቢ ክርአ እንከሎ፡ ዓመታዊ፡ ኣብ ገለ ወይ ' ውን ብርክት ዝበላ ኮምዩናት፡ ረፈረንደም ይካየድ እዩ። ንዝኾነ ሕቶ ብዝምልከት፡ ንምኽሪ ዝዓለመ ረፈረንደም ምእንቲ ክካየድ፡ እቲ ጕዳይ ብውሑዱ 10% ዝኾኑ ናይ ምድማጽ መሰል ዘለዎም ሰባት ክልዕሉዎ ኣለዎም። እዚ ኽኣ ህዝባዊ ተበግሶ (folkinitiativ) ይብሃል። ክልተ ሲሶ ናይ ኣባላት መሪሕነት ኮምዩን ወይ ኣውራጃ፡ ነቲ ሓሳብ ምስ ዝቃወሙዎ ረፈረንደም ክካየድ ኣይክእልን እዩ።

መሰል ድምጺ

ሽወደናዊ ዜግነት ዘለካን 18 ዓመት ዝመላእካን እንተዳኣ ኺንካ ኣብ ምርጫ ባይቶ ሽወደን ከተድምጽ መሰል ኣሎካ ።

18 ዓመት ዝመላእካን ዜጋ ሓንቲ ሃገር ካብ ኣባላት ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት እንተዳኣ ኺንካን፡ ኣብ ምርጫ ኤውሮጳዊ ባይቶ ከተድምጽ መሰል ኣሎካ።

እቶም 18 ዓመት ዝመልኡ፡ ኣብ ሽወደን ብዉሑዱ፡ ብወግዓዊ ምዝገባ 3 ዓመት ዝተቐመጡ ሰባት፡ ኣብ ናይ ኮምዩንን ኣውራጃን ምርጫታት ክሳተፉ መሰል ኣሎዎም። ኣብዚ ምርጫታት ' ዚ ንምስታፍ፡ ሽወደናዊ ዜግነት ኣይሓትትን እዩ።

ስእሊ፡ ማርኩስ ኦንድስተት፡ ዩነር

ብዓል መዚ ምርጫ (Valmyndigheten)፥ ቅድሚ ምርጫ፥ ናብ'ቶም ከድምጹ መሰል ዘሎዎም ሰባት፥ መድመጺ ወረቐት ይልእኽ። መድመጺ ወረቐት፥ ናብቲ ዝተመዝገብካሉ ኣድራሻ ይልኣኽ። ንኸተድምጽ፥ መድመጺ ወረቐትን መንነትካን ክትማላእ ኣለካ።

ከተድምጽ መሰል እንተሎካ፥ ንፖለቲካዊ ዕማም ክትምረጽ'ውን መሰል ኣሎካ። እዚ ማለት ከኣ፥ ኣብ ሃገራዊ ባይቶ፥ ኣብ ኣውራጃዊ ባይቶን ኮምዩናዊ ባይቶን ክትምረጽ ትኽእል ኢኻ ማለት'ዩ።

ከተድምጽ ከለኻ፥ ነታ እትድግፋ ሰልፊ ትመርጽ። ስም ናይቲ ክትድግፎ እትደልዮ ሰብ'ውን ናይ ኤክስ፥''X" ምልክት ብምግባር ክትመርጾ ትኽእል ኢኻ። እዚ ምርጫ'ዚ ኸኣ፥ ውልቀ ሰባዊ ምርጫ (personrösta) ይብሃል።

ምርጫታት ሽወደን፥ ብስቱር መልክዕ እዮም ዝካየዱ። እዚ ማለት ከኣ፥ ነየነይቲን ሰልፊ ድምጽኹም ሂብኩም ምዝራብ ኣየድልየኩምን እዩ ማለት'ዩ። እቶም ንመስርሕ ምርጫ ዘመሓድሩን ድምጽኹም ዝቕበሉኹምን ሰባት'ውን ኣየነይቲ ሰልፊ ከም ዝሓረኹም ክበጽሑዎ ኣይክእሉን እዮም።

ገደብ ንንኣሽቱ ሰልፍታት

ሓንቲ ሰልፊ፥ ኣብ ባይቶ ክትውከል እንተኾይና፥ 4% ሃገር-ለኻ ድምጺ ወይ'ውን 12% ድምጺ ካብ ሓደ ናይ ምርጫ ነቕኡጣ ክትረክብ ኣለዋ። ሓንቲ ሰልፊ፥ ኣብ ኣውራጃ ንኽትውከል እንተወሓደ፥ 3% ድምጺ ክትረክብ ኣለዋ። ኣብ ፓርላማ ኤውሮጳዊ ሕብረት ንምውካል'ውን ከምቲ ናይ ባይቶ፥ 4% ድምጺ የድሊ። ኣብቲ ኣብ ዓመተ 2018 ዝካየድ ምርጫ ናይ ኮምዩናዊ ባይቶ፥ ንነኣሽቱ ሰልፍታት ዝምልከት ሓድሽ ናይ ትሑት ድምጺ ገደብ ክተኣታቶ እዩ። እቲ ገደብ 2% ወይ'ውን 3% ድምጺ ምርካብ ክኸውን እዩ። 2% ወይ 3% ዝኾነሉ ከኣ፥ ኣብ ቑጽሪ ናይ'ቶም ኣብቲ ኮምዩን ዝርከቡ ናይ ምርጫ ነቕኡጣታት ዝተመርኮሰ እዩ።

ኣብ ባይቶ ሽወደን ቦታ ዘይብለን ኣብ ኮምዩናትን ዞባታትን ግን ኣባላት ዘለዉወን ሰልፍታት ኣለዋ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ደሞክራሲ፡ ኣብ ግዜ ምርጫን መዓልታዊ ህይወትን

ኩሉ ሰብ፡ ኣብ ምርጫ ብምስታፍ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብዝተፈላለዩ መገድታት ድምጹ ከስምዕ ኣገዳሲ እዩ።

እቶም ነባሮ፡ ኣብ መንጎ ክልተ ምርጫታት ዘሎ ግዜ ብምጥቃም፡ ብምድራኽን ብምስታፍን ነቲ ፖለቲካዊ ናይ ውሳነ መስርሕ ብኽምቲ ዝምነዩዎ ክጸልውዎ ይግባእ። ነዚ ድማ፡ ንኣብነት፡ ንሓደ ፖለቲከኛ ብምርካብ፡ ዝተፈረመ ኣስማት ብምእካብ፡ ወይ ብሰላማዊ ሰልፊ ክግበር ይኽእል እዩ።

ነቲ ንኣኻን ንመዓልታዊ ህይወትካን ብዝምልከት ዝውሃብ ውሳነ ክትጸሉ ምኽኣል ' ውን ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ' ዘን ዝሓለፋ ዓሰርተታት ዓመታት፡ ብዙሓት ኣብ ሽወደን ኣብ ሞያዊ ናብራ፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ኣብ ስድራቤት፡ ኣብ ማሕበራትን ኣብ ከባቢ መንበሪ ገዛውትን፡ ተሳታፍነትን ደሞክራስን ንምዝያድ ፈቲኖም እዮም።

ኣብ ሞያዊ ናብራ ተኽእሎታት ጸላውነት ምዝያድ ማለት፡ ኩላተን ትካላትን ውድባትን ንሰራሕተኛታተን ኣብ ስራሕ ተሳተፍቲ ንምግባሮም ምጽዓር ማለት ' ዩ። ኩሉ ሰብ፡ ንስርሑ ክጸሉ ዕድል ክረክብ ኣለዎ። ይኹን ' ምበር ገና ክሳዕ ሕጂ ሓለፍቲ ' ዮም ውሳነ ዘሕልፉ።

ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ተሳትፎን ናይ ምክፋል ዕማምን ምዕባይ ማለት፡ ቆልዑ ብነቐፌታዊ ዓይኒ ክሓስቡ ክኽእሉን ሓላፍነት ምስካም ክትምህሮም ምፍታንን ማለት ' ዩ። መምህር፡ ኣብ ኩሉ ነገራት ኣይውስንን ' ዩ። ተማሃሮ፡ ትምህርቲ ኣብ ምውጣን ክሳተፉ ይኽእሉ ' ዮም።

ኣብ ስድራቤት ሓባራዊ ናይ ዕማም ምትእስሳር ምዕባይ ማለት፡ ቆልዑ ብርእሶም ከም ዝተኣማመኑን ድሕነቶም ዘረጋገጹን ክትገብሮም ምድላይ ማለት ክኽውን ይኽእል ' ዩ። ብዙሓት ወለዲ፡ ምስ ደቆም ኮይኖም ውጥን የውጽኡ። ኣብ ስድራቤታዊ ውሳነታት ምሕላፍ ' ውን ንደቆም የሳትፉዎም።

ኣብ ሽወደን ዝርከባ ብዙሓት ማሕበራት፡ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዘን፡ ስርዓተ - ደሞክራሲ ጸኒሑወን ' ዩ። ንኣብነት፡ ኣኼባን ምርጫን በየናይ ኣገባብ ክዕመም ከም ዘለዎ ዝሕብር መምርሒታት ኣሎወን። ኩላቶም ኣባላት ከድምጹ ኽኣ ኣገዳሲ ' ዩ። ኩሉ ድምጺ ኣባል ' ውን፡ ብሓደ ዓይኒ ' ዩ ዝርአ።

ተሳታፍነትን ሓባራዊ ናይ ምውሳን ዕማምን ኣብ ከባቢ መንበሪ ገዛውቲ ማለት፡ እቶም ኣብቲ ከባቢ ዝቕመጡ ሰባት ክሳተፉን ክውስኑን ምኽኣል ማለት ' ዩ። ንኣብነት፡ ኣብቲ ገዛውቲ፡ ኩሉ ሰብ ብሓባር ዝጥቀመሎም ነገራት ዝምልከት ክኽውን ይኽእል ' ዩ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ሕቶታት ዘተ፡ ምዕራፍ 6

ደሞክራሲ ንዓኻ እንታይ ማለት’ዩ?

ደሞክራሲ ምህላዉ ብኽመይ ተስተማቕሮ?

ኣብ ሓደ ደሞክራስያዊ ሕብረተሰብ፡ ንብልሽውና ብኽመይ መገዲ ክትቃለሶ ይክኣል?

ናጽነት ርእይቶ ምህላው፡ ንሓደ ሕብረተሰብ እንታይ ትርጉም ይህቦ?

ናጽነት ርእይቶ ብኽመይ መገዲ ኣብ ሕማቕ ክውዕል ይኽእል?

ሓሳብካ ምግላጽ፡ ኣብ ደሞክራሲ ኣገዳሲ ዝኽውን ስለምንታይ እዩ?

ሓደ ሕብረተሰብ፡ በየናይ ፖለቲካዊ ስነሓሳብ እንተ ተመርሐ ይሓይሽ ኢልካ ትሓስብ?

ኣብ ምርጫ ምስታፍ፡ ከም ደሞክራስያዊ ሕቶ ኮይኑ ዝርአ? ብኽመይ እዩ?

ኣብ ሓፈሻዊ ምርጫ ምድማጽ ስለምንታይ እዩ ኣገዳሲ ዝኽውን?

ንደሞክራሲያዊ መሰላትካ፡ ኣብ መዓልታዊ ህይወትካ፡ ብኽመይ መገዲ ክትጥቀመሎም ትኽእል?

ኣብ ሕብረተሰብ፡ እንታይ ክትቅይሩ ምደለኹም?

ከመይ ኢላ እያ ሽወደን፡ ከም ደሞክራስያዊት ሃገር ትፍለጥ?

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ: Colourbox

7. ኣብ ሽወደን፡ ጥዕናኻ ምሕላው

ትሕዝቶ

ጥዕና እንታይ ማለት‘ዩ?
ሓሺሽ፡ ኣልኮላዊ መስተን ትንባኾን
ሓለዋ ጥዕና ኣብ ሽወደን
ርክብ ምስ ሕክምና
ንመን ትውከስ?
ሕክምና ስኒ
ዕጉብ እንተ ዘይኸንካ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ጥዕና እንታይ ማለት‘ዩ?

ጥዕና ምውናን ማለት፡ ምስ ጥዕናኻ ምህላውን ጽቡቕ ጥዕናዊ ስምዒት ምስማዕን ማለት‘ዩ። ጥዕናኻ፡ በቲ እትበልዖ መግቢ፡ ብጸቕጢ፡ ብድቃስ፡ ምትካኽ፡ ብኣልኮላዊ መስተን ናርኮቲክን‘ውን ይጽሎ‘ዩ። ምስ‘ቶም ኣብ ጥቓኻ ዘለዉ ምንባር ዝሰማምዓካ እንተ ኾይኑ፡ እሞ ኻኣ ህይወትካ ትርጉም ዘለዎ ኮይኑ እንተ ተሰሚዑካ‘ውን ጥዕናኻ ብእኡ ይጽሎ‘ዩ።

እቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ጥዕናኻ ኣዝዩ ዓቢ ኣገዳስነት ኣሎዎ። ብኽእመይ ትነብር፡ እንታይ ዓይነት ስራሕ ትሰርሕ፡ ከም ኣካል እቲ ሕብረተሰብ ዝኾንካ ኮይኑ ዶ ይስምዓካ? ዝብሉ ነጥብታት‘ውን ንጥዕናኻ ይጸልዉዎ እዮም።



ናይ ጥዕና መሰንቲ ረቓሒታት፡ ናጻ ካብ ዳልግረንን ዊትሀድን

ህዝባዊ ጥዕና (Folkhälsa)

ህዝባዊ ጥዕና፡ ንጥዕና ህዝቢ ናይ‘ዛ ሃገር ይምልከት። መሰል ጥዕና፡ መሰል ኩሉ ወድሰብ እዩ። መንግስቲ፡ ኩሉ ሰብ፡ እቲ ዘድልዮ ሕክምናዊ ክንክን ንኽረክብ ክሰርሕ ግዴታ ኣሎዎ። ኣብ ሽወደን፡ መንግስትን ዝተፈላለያ ትካላት መንግስትን፡ ህዝቢ ጥዕና ክህሉዎ ይሰርሑ።

ሃገራዊ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ሽወደን (Folkhälsomyndigheten)፡ ንህዝባዊ ጥዕና ዝምልከት ጉዳይ፡ ሃገራዊ ሓላፍነት ኣሎዎ። ኩሉ ሰብ ጽቡቕ ጥዕና ንኽህሉዎ ይሰርሕ። ሃገራዊ ትካል ህዝባዊ ጥዕና፡ ጥዕና ንምምሕያሽ፡ ብዓሰርተ ሓደ መገድታት ይሰርሕ። እተን ዕላማታት እዘን ዝስዕባ እየን፡-

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ሰለስተ ወለዶታት

ስእሊ: Colourbox

- ተሳትፎን ጽልዋን ኣብ ሕብረተሰብ፡
- ቀሩጠባውን ማሕበራውን ኩነታት
- ቐልዑን መናእሰይን
- ጥዕና ኣብ ናይ ስራሕ ህይወት
- ኣከባብን ፍርያትን
- ንጥዕናን ክንክንን ምድንፋዕ
- ምክልኻል ለበዳ
- ጥዕና ጾታን መፍረን
- ኣካላዊ ንጥፈታት
- ኣገባብ ኣመጋግባን መግብን
- ኣልኮል፡ ዕጸፋርስ፡ ሓሽሽ፡ ትምባኾን ጠላዕን

ዋላ ' ኳ ትካላት መንግስቲ ሽወደን፡ ነቲ ናይ ህዝቢ ጥዕና ከመሓይሻ እንተ ጸዓራ፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ናይ ' ዚ ሕብረተሰብ ' ዚ ግን፡ ናይ ጥዕና ፍልልያት ኣሎ። እቶም ትሑት ትምህርትን ትሑት እቶትን ዘሎዎም ሰባት፡ ዝበዝሐ ግዜ፡ ካብ ' ቶም ልዑል ትምህርትን ልዑል እቶትን ዘሎዎም ሰባት፡ ዝደኽመ ጥዕና ኣሎዎም።

ጽቡቕ ልምዲ ኣመጋግባ፡

እቲ እትበልዖን እትሰትዮን፡ ኣብ ጥዕናኻ ኣዝዩ ዓቢ ኣገዳስነት ኣሎዎ። ጽቡቕ ኣመጋግባን ኣካላዊ ምንቅስቓስን፡ ካብ ብዙሕ ጥዕናዊ ጸገማት ንኣብነት፡ ሕማማት ልብን ሻምብቆታት ደምን (hjärt- och kärlsjukdomar)፡ ሕማም ሽኮር (diabetes)፡ ሕማም መንሽሮን (cancer) ሕማማት ስነ-ኣእምሮን ዝኣመሰሉን ክከላኸሉልካ ይኽእሉ።

ኣካላት ወድሰብ ዝተፈላለዩ ንጥረ ነገራት ይደሊ። ኩሉቶም እቶም ዘድልዩ ንጥረ ነገራት ንምርካብ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት መግብታት ክትምገብ ኣገዳሲ ' ዩ። ኣብ ውሱናት ግዜታት፡ ቁሩሲ : ምሳሕን ድራርን እንተ በሊዕካ : ብዕቅን ክትበልዕ ይቐለልካ።

ንጥዕናና ብሉጻት ብዛዕባ ዝኾኑ መግብታት ዝምልከቱ ምኽርታት፡

ሃገራዊ ወኪል መግቢ (Livsmedelsverket) ' ፡ ምስ መግቢ ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ኣመልኪቱ ዝሰርሕ መንግስታዊ ትካል ' ዩ። ሃገራዊ ወኪል መግቢ፡ ንጥዕናና ብሉጻት ዝኾኑ መግብታት ብዝምልከት ዝተፈላለዩ ምኽርታት ኣለዉዎ። ንኣብነት፦

- ፍሩታ፡ ኣሕምልትን ጥረምረን ወይ ፍረታትን ብብዝሒ ብልዑ። ገዘፍቲ ኣሕምልቲ፡ ከም ሰራውር ዘለዎም ኣሕምልቲ፡ ካውሎ፡ ካውሎ - ፍዮሪ፡ ብሮኮሊ፡ ባልደንን - ኣዳጉራን ሽጉርትን ምብላዕ ኣዘውትሩ። ኣሕምልቲ፡ ፍሩታ፡ ጥረታትን ካልኦት ዓይነታት ኣትክልትን ብብዝሒ ምብላዕ፡ ብዙሕ ጥዕናዊ መኽሰብ ኣሎዎ።
- ባኒ፡ ኮርንፍሌክ፡ ግዓት፡ ፓስታን ሩዝን ክትበልዕ ከሎኻ፡ ኣዚዩ ዘይተነፈየ ዓይነት እኽሊ ዘሎዎ ሓርጭ ምረጽ።
- ኣብ ሰሙን፡ ክልተ ሰለስተ ግዜ፡ ዓሳ ወይ ' ውን ፍርያት እንስሳታት ባሕሪ ተመገቡ። ስብሒ ዘሎዎምን ዘይብሎምን እናዛነቐኩም ብልዑ። ንኣከባቢ ዘይሃሰ ዝብል ምልክት (miljömärkt) ዘሎዎም ሃለኽቲ ' ውን ኣዘውትሩ።

ስእሊ: Colourbox

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

- መግቢ ክትክሸኑ ከለኹም፣ ሃብታም መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘሎዎ ዘይቲ ተጠቐሙ። ንኣብነት ራፕስኦልያ ወይ ‘ውን ካብ ራፕስ (ፍረ) ዝተሰርሑ ዘይቲ - መግብን ዝልከዩ ማርጋሪንን ተጠቐሙ።

ዓይኒ መፍትሕ (Nyckelhålet)

ኣብ ድኳናት - መግቢ፣ ዓይኒ መፍትሕ ዝመስል ስእሊ. ዘለዎም ሃለኽቲ መግብታት ኣለዉ። እዞም ዓይነታት ሃለኽቲ መግብታት ‘ዚኣቶም ንኣካላትና ብሉጻት እዮም። ውሑድ ትሕዝቶ ስብሒ : ሽኮርን ጨውን ድማ ኣለዎም። ካብ ‘ቶም እዚ ምልክት ስእሊ.’ዚ ዘይብሎም ተመሳሰልቲ ሃለኽቲ መግብታት ‘ውን ዝያዳ ጽሕጎ (fibrer) ኣለዎም። ሃገራዊ ወኪል መግቢ (Livsmedelsverket) ፣ ምልክት ዓይኒ - መፍትሕ ዘለዎም መግብታት ክትዕድጉ ይመኽረኩም።

ምኽሪ ንዓበይቲ

ብዙሓት ኣባጽሕ፣ ውሕድ ዝበለ ጽዑቕ ስብሒ. (mättat fett) እንተ ዝምገቡ፣ ጽቡቕ ጥዕና ምሃለዎም። ጽዑቕ ስብሒ፣ ኣብቲ ካብ እንስሳታት ዝስራሕ መግቢ ይርከቡ። ንኣብነት፣ ካብ ሓፊስ ጸባ : ርግኦ : ጠስሚ : ፎርማጆ : ስቡሓት ፍርያት ስጋ : ስብቆ : ጀላቶን ችኮላታን። ካብ ገለ - ገለ ኣትክልቲ ዝወጹ ቅብኣታት፣ ንኣብነት ከም ዘይቲ ዓካትን ስየን (kokos - och palmolja) ‘ውን ይርከብ’ዩ። ጽዑቕ ስብሒ፣ ሕማማት ልብን ሻምብቆታት ደምን ናይ ምሕማም ሓደጋ ከዛይድ ይኽእል ‘ዩ።

ዘይጽዑቕ ስብሒ (Omättat fett) ፣ ንኣካላት ወድሰብ ጽቡቕ ‘ዩ። ሓደጋ ሕማማት ልብን ሻምብቆታት ደምን ክንኪ ድማ ይኽእል። ዘይጽዑቕ ስብሒ፣ ኣብ ዝበዝሑ ኣሕምልታውያን ቅብኣታት፣ ኣብ ልምሉማትን ፈሰስትን ቅብኣታት መግቢ፣ ኣብ ዓሳ፣ ኣብ ዓካዓካን (nötter) ሉዝን (mandlar) ይርከብ።

ኣብ ፍረታትን ኣሕምልትን፣ ብዙሓት ንኣካላት ወድሰብ ዘድልዩ ንጥረ ነገራት፣ ንኣብነት ከም ቪታሚናት፣ ማዕድናትን ጽሕጎን ኣለዉ። ጽሕጎ፣ ኣብ ካሮቲ፣ ብሮኮሊ፣ ዓይኒ ዓተርን ካውሎ ካቡቺን ዝኣመሰሉ ኣሕምልቲ ይርከብ። መዓልቲ - መዓልቲ ፍረታትን ኣሕምልትን ምብላዕ ጽቡቕ ‘ዩ።

ኣብ ዓሳታትን ፍርያት እንስሳታት ባሕርን (skaldjur) ፣ ቪታሚናትን ማዕድናትን ይርከቡ። ኣብ ዓሳ፣ ኦሜጋ - 3 ዝብሃል ስብሒ ኣሎ። ኦሜጋ - 3፣ ንልቢ፣ ንደምን ንብዝሒ ደምን ጽቡቕ ‘ዩ።

ሚዛን ክትንኪ እንተ ደሊኻ፣ ሽኮርን ቅብኣትን ዘሎዎም መግብታት ኣይተብዝሕ። ብዙሕ ለስላሳ ምስታይን ከም ብዓል ካራሜላታት፣ ቺፕስ፣ ዶልሽን ችኮላታን ምብላዕ ‘ውን እንተ ዘየዘውተርካ ግርም ’ዩ።

ምኽሪ ንቑልዑ

ቆልዑ፣ ኣብ ፍሉጥ ግዜ፣ ንጥዕና ጠቓሚ ዝኾነ መግቢ ክበልዑ ኣለዎም። በዚ ኣገባብ ’ዚ ድማ፣ ብግቡእ ክዓብዩን ክምዕብሉን ይኽእሉ።

ንዕሸላት፣ እቲ ዝበለጸ መግቢ፣ ጸባ ጡብ ኣደን ንዕኡ ዝትክእ ብሉጽ መግብን እዮም። ኣብ መቐበሊ ክሊኒክ ቆልዑ (BVC - mottagning)፣ ብዛዕባ ንቐልዑ ዝበቅዕ ጽቡቕ መግቢ፣ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ' ብዓል መዚ ወኪል መግቢ ' ፣ **www.slv.se** ብዛዕባ ጽቡቕ መግቢ ዕሸላት ክትነብብ ትኽእል ኢኻ።

ኣካላዊ ምንቅስቓስን ልምምድን፣

ወድሰብ ንኽጥዒ፣ ክንቀሳቐስ ኣለዎ። ምንቅስቓስ ኣካላት፣ ንሕማማት ልቢ፣ ንሕማማት ሻምብቆታት ደምን ንገለ - ገለ ዓይነት ሕማማት መንሽሮን ናይ ምኽሳት ተኽእሎኦም ይንክዮ። ምንቅስቓስ ኣካላት፣ ሕጉስ ' ውን ይገብረካ ' ዩ። ጽቡቕ ትድቅስ፣ ጸቕጢ ትጸወር፣ ሚዛንካ ኽኣ ትሕሉ። ኣባጽሕ፣ እንተ ውሓደ፣ 30 ደቓይቕ ኣብ መዓልቲ ክንቀሳቐሱ ይግባእ። ጥዕናኻ ንኽመሓየሽ ወይ ንኽትጥዒ፣ ብርቱዕ ምንቅስቓስ ኣካላት ኣየድልየካን ' ዩ። ጉዕዞ እግሪ ምግባር እኹል ' ዩ።

ቆልዑ፣ ካብ ኣባጽሕ ንላዕሊ፣ ምንቅስቓስ የድልዮም። ቆልዑ ንኽጥዕዩ፣ እንተ ወሓደ 60 ደቓይቕ ንመዓልቲ ምንቅስቓስ የድልዮም።

ጸቕጢ

ንብዙሓት ሰባት፣ ጸቕጢ ይስምዖም። ጸቕጢ፣ ግድን ሓደገኛ ' ዩ ማለት ኣይኮነን። ጸቕጢ፣ ጽንኩር ኩነታት ንኽትጻወር ሓይሊ ይህብ። ዓቕን ዘይብሉ ጸቕጢ ግን፣ ንጥዕና ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል ' ዩ። ጸቕጢ ዝስምዓካ እንተ ኾይኑ፣ ምኽንያቱ ምፍላጥ ጽቡቕ ' ዩ። ሽዑ፣ ኩነታትካ ተኽታቲልካ ክትቅይር ክትፍትን ትኽእል ኢኻ።

ገለ ካብ ምልክታት ጸቕጢ፣ ድቃስ ምስኣንን ሕዙን ምኽንን ' ዮም። ኣተኩሮ ክትገብር የጸግመካ፣ ናይ ምዝካር ክእለትካ ይንኪ፣ ጸገማት ስቶማኮ ይመጸካ፣ ርእስኻ ትሓምም ወይ ኣካላትካ የቐንዝወካ።

ትንቀሳቐስ እንተኾንካ፣ ኣመጋግባኻ ጽቡቕ እንተ ኾይኑ፣ ዝኣክል ትድቅስ እንተ ኾንካ፣ ነብስኻ ጸቕጢ ንኽጻወር ይሕገዝ።

ድቃስ

ንኽትጥዒ፣ ዝኣክል ድቃስ ክትረክብ ኣገዳሲ ' ዩ። ሓደ በጽሒ፣ ምዓልታዊ ካብ ሽድሽተ ክሳብ ትሸዓተ ሰዓታት ኣዘውቲሩ ክድቅስ ኣለዎ። ቆልዑን መናእሰይን ግን፣ ዝያዳ ድቃስ የድልዮም።

ጸገም ድቃስ ከጋጥም ልሙድ ነገር ' ዩ። ብዙሕ ምኽንያት ክህሉዎ ይኽእል ' ዩ። ንኣብነት፣ ሽጋራ ምትካኽ፣ ኣልኮላዊ መስተ፣ ምሕርናኽ፣ ሕማም፣ ሻቕሎትን ጸቕጥን፣ ወይ ከኣ ኣምሲኻ ምብላዕ።

ባዕልኻ ሕይሽ ዝበለ ድቃስ ክትረክብ ክትጽዕር ትኽእል ኢኻ። እዚ ማለት ከኣ፣ እቲ ገዛ፣ ጸልማት፣ ህዱእን ዝሑልን ምስ ዝኸውን ማለት ' ዩ። ቀቅድሚ ምድቃስካ ዘይምብላዕ ' ውን ጽቡቕ ክትድቅስ የኽእለካ። ኩሉ ግዜ፣ ትድቀሰሉን ትትስኣሉን ሰዓታት ሓደ ምስ ዝኸውን ' ውን ጽቡቕ ድቃስ ክትድቅስ የኽእለካ።

እቲ ናይ ምድቃስ ጸገም ነዊሕ እንተ ቐጺሉ ግን፣ ሕክምና ምኽድ፣ ዝሓሸ ክኸውን ይኽእል ' ዩ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ጾታውን መፍረኣውን ጥዕና፡

ጾታዊ ጥዕና ማለት፡ ጾታ ሰረት ዝገበረ ኣካላዊ፡ ስምዒታዊ፡ ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ምቹእነት ምስማዕ ማለት እዩ። ንዓመጽ፡ ምስግዳድ ወይ ኣድልዎ ከይተቓላዕካ፡ ኣብ ልዕሊ ኣካላትካን ጾታኻን ናይ ምውሳን ስልጣን ምውናን ዝብል ዛዕባ ድማ የልዕል። መፍረኣዊ-ጥዕና ኽኣ፡ ንኹሉ ሰብ ዝግበረሉ፡ ምስ ቆልዓ ምውላድ ዝተተሓሓዘ መሰል፡ ሓበሬታ፡ ክንክንን ኣገልግሎታትን ዝተተሓሓዘ ዛዕባ ኣሎዎ። ንኣብነት፡ ኣብ እዋን ሕርሲ ግቡእ ኣገልግሎት ምርካብ፡ መከላኸሊ ጥንሲ ምርካብን ብውሑስ መገዲ ጥንሲ ምንዳልን ዝብሉ ነጥብታት ከጠቓልል ይኽእል። ኩላቶም ሰባት፡ ብዛዕባ ቆልዓ ምውላድን ምዓስን ናይ ምውሳን መሰል ኣሎዎም።

ኣልኮላዊ መስተ፡ ሓሺሽን ትንባኾን፡

ኣብ ሽወደን፡ ኣልኮላዊ መስተ ክገዝኣ ዝደለ ውልቀሰብ፡ 20 ዓመት ዝመልኣ ክኸውን ኣሎዎ። ኣልኮላዊ መስተ፡ ኣብቲ ብመንግስቲ ዝውነን ኩባንያ 'ሲስተምቡላገት' ዝብሃል ድኳን 'ዩ ዝሸየጥ። ቁሩብ ኣልኮል ጥራይ ዘለዎም መስተታት፡ ንኣብነት ገለ ዓይነታት ቢራን ሲደርን (ብከም ብዓል ኣፕል ዝስርሑ መጠናዊ ኣልኮል ዘለዎም መስተታት)፡ ኣብ ድኳናት መግቢ 'ውን ይሸየጡ 'ዮም። ካብ ከምዚ ዓይነት ድኳን ኣልኮል ክትገዝኣ፡ ግድን 18 ዓመት ዝመላእካ ክትከውን ኣለካ። ልዕሊ 18 ዓመት ምስ እትኸውን፡ ኣብ ቤት መግቢ 'ውን ኣልኮል ክትእዝዝ ትኽእል ኢኻ።

ንነዊሕ እዋን መስተ ምስታይ፡ ቅዛነት፡ ጭንቀትን ናይ ድቃስ ጸገምን ከስዕብ ይኽእል 'ዩ። ብዙሕ ኣልኮላዊ መስተ ትሰቲ እንተ ኾንካ ወልፊ ክሕዘካ ይኽእል 'ዩ። ክትሓምምን መጕዳእቲ ክወርደካን 'ውን ይኽእል እዩ።

ስእሊ፡ ሲስተምቡላገት

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ሓሺሽ/ዕጸ ፋርስ

ኣብ ሽወደን፡ ኩሉ ዓይነት ሓሺሽ ክልኩል ' ዩ። ዕጸ ፋርስ ምሻጥን ምግዛእን ካብ ሕጊ ወጻኢ ' ዩ። ገበን ሓሺሽ ወይ ዕጸ ፋርስ (narkotikabrott) ጽንክር ዝበለ መቕጻዕቲ፡ ዝበዝሕ እዋን ግን ማእሰርቲ የኽትል።

ናይ ሓሺሽ/ዕጸ ፋርስ ወልፊ ምስ ዝሀሉወኩም፡ ባዕልኻትኩም ደው ከተብሉዎ ከቢድ እዩ። ስለዝኾነ ኽኣ፡ ኩላቶም ወልፈኛታት ሓሺሽ፡ ነቲ ወልፊ ደው ከብሉዎ፡ ሓገዝ ሰራሕተኛታት ሕክምና የድልዮም።

ኣብ ሽወደን፡ እቶም ዝውቱራት ዓይነታት ሓሺሽ/ዕጸፋርስ፡ ካናቢስ (ሃሽ/ማሪዋና)፡ ኣምፈታሚን፡ ኮከይንን ሀሮይንን እዮም። ጫት (Kat) ' ውን፡ ከም ሓሺሽ/ዕጸ ፋርስ እዩ ዝቕጸር። ጫት ምሻጥ ወይ ' ውን ምጥቃም፡ ነዊሕ ማእሰርትን ከቢድ መቕጻዕትን የኽትል።

ትምባኾ

ምትካኽ፡ ብዙሓት ሕማማት ከኽትል ይኽእል ' ዩ። ሰባት ካብ ንቡር ዕድሚኦም ኣቐዲሞም ከም ዝሞቱ ' ውን ይገብር። መንሽሮ፡ ሕማማት ሳንቡእ፡ ሕማማት ልብን ሻንብቆ ደምን ከምኡ ' ውን ነድሪ ከስዐ፡ ገለ ገለ ካብ ሳዕቤናት ምትካኽ ' ዮም። ምስ ሓደ ዘትክኽ ሰብ፡ ኣብ ሓደ ክፍሊ እንተለኻ፡ ንስኻ ' ውን ትኪ ትስሕብ ኣለኻ ማለት እዩ። እዚ ኽኣ፡ ዘይቀጥታዊ ምትካኽ (passiv rökning) ይብሃል። ልክዕ ከምቲ ብቐጥታ ዘትክኽ ዘሎ ሰብ፡ ክትሓምም ትኽእል ኢኻ። ምትካኽ፡ ንጥዕና ጎዳኢ ስለ ዝኾነ፡ ሽጋራ ወይ ትንባኾ ክትገዝእ እንተኼንካ፡ 18 ዓመት ዕድመ ክትመልእ ኣለካ።

ጎራዕራዕ

ጎራዕራዕ፡ ብዙሕ ጠሊ ኣሎዎ። ስለዚ ድማ፡ እቲ ነዚ ዘትክኽ ሰብ፡ ካብቲ ሽጋራ ዘትክኽ ሰብ ንላዕሊ ትኪ ይስሕብ ኣሎ ማለት ' ዩ። መጠን ናይቲ ኣብ ሓደ ሰዓት ብጎራዕራዕ ናብ ነብስኻ ዝኣቱ ሓደገኛ ነገራት፡ ካብቲ ብሓንቲ ሽጋራ ዝኣቱ፡ ካብ 100 - 200 ሳዕ ይልዕል። ሓንቲ ጎራዕራዕ፡ ዳርጋ ክንዲ 100 ሽጋራ

ስእሊ: Colourbox

© ናይ ቨስተራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ትጽብጸብ። ምኽንያቱ ምስ ምትካኽ ሽጋራ ክወዳደር ከሎ፣ ጎራዕራዕ፣ ነዊሕ ግዜ ' ዩ ዝወስድ። እቲ ብምትካኽ ዝፍጠር ካርቦን፣ ኣብ ኣካላት ወዲሰብ፣ ካርቦን ሞኖኦክሳይድ፣ መታልን መንሽሮ ዘስዕቡ ነገራትን ይዝርግሕ።

ስኑስ

ስኑስ፣ ኣብ ትሕቲ ከናፍርካ ዝውተፍ ትምባኾ እዩ። ስኑስ፣ ኣብ ኣፍ፣ ጕድኣትን ሕማምን የስዕብ። መንሽሮ ' ውን ከስዕብ ይኽእል ' ዩ።

ኢ-ሽጋራ

ኢ - ሲጋረት (e - cigarett) ፣ ኤለክትሮኒካዊ - ሽጋራ ኮይኑ፣ ካብ ኣብ ኣፍ ዝኣቱ ቀጢን ቱቦ፣ ባተሪ፣ ሃፍ ዝፈጥር ነገርን ፈሳሲ ትክን ዝቐመ እዩ። ሽጋራ/ትምባኾ ከየትከኽካ ንኣካላትካ ኒኮቲን ዘውህብ ሓድሽ ኣገባብ ድማ ' ዩ። ኢ - ሲጋረት፣ ንጥዕና ዝንድኡ ብዙሓት ባእታታት፣ ንኣብነት ኒኮቲን ፕሮፒለንግሊኮልን ግሊሰሪንን ዝሓዘለ እዩ።

ክትረኽቡዎ እትኽእሉ ደገፍ ኣሎ።

ውሉፋት ኣልኮላዊ መስተ ወይ ሓሺሽ/ዕጸፋርስ ምስ እትኾኑ፣ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ቤተሰብ ናይ ከምዚ ዓይነት ወልፍታት ዘሎዎ ሰብ እንተ ኼንኩም ' ውን ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ብዘይካ ' ቲ ንወልፈኛታት፣ ብሕክምና ዝውሃብ ፍወሳታት፣ ደገፍ ዝህባ ካልኦት ወለንታውያን ማሕበራትን ኣብያተ ክርስትያንን ' ውን ኣለዋ። ናብ ቁጽሪ ስልኪ 1177 ደዊልኩም ' ውን ሕክምናዊ ምኽሪ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ሽጋራ ምትካኽ ወይ ' ውን ወልፊ ትምባኾ ደው ከተብሉ ምስ እትደልዩ፣ ምስ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ሕክምና ተዘራረቡ። ንሳቶም፣ ካብቲ ወልፊ ክትላቐቕ ትኽእሉሉ ሜላታት ክነግሩኹም እዮም።

ሓለዋ ጥዕና ኣብ ሽወደን

ኣግልግሎት ሓለዋ ጥዕና (Hälso - och sjukvård) ፣ ኩላቶም ኣባላት ሕብረተሰብ ክግልገሉ መሰል ዝህብ ማእከል ጥዕና እዩ። ኣብ ሽወደን፣ ምስ ሓኪም ንምርኻብ፣ መጥባሕቲ ንምግባር ወይ ' ውን ኣብ ሕክምና ንምድቃስ፣ ብዙሕ ገንዘብ ምኽፋል ኣየድልየኩምን እዩ። ስርዓተ ኣገልግሎት ጥዕና ከመይ ይመስል፣ ምስ እትሓሙ ኽ ናበይ ክትከዱ ኣለኩም ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።

ኩምዩናትን ኣውራጃታትን እተን ሓላፍነት ህዝባዊ ሓለዋ ጥዕና ዝወስዳ ኣካላት እየን።

ርእስኻ ምክንኻን – ባዕለ-ክንክን (egenvård)

ብዙሓት ቀለልቲ ሕማማትን መጕዳእትን፣ ባዕልኻ ክትኣልዮም ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት ኢንፍሉዌንዛ፣ ረስኒ ወይ ከኣ ንኣሽቱ ቊስልታት ዝኣመሰሉ ማለት ' ዩ። ኣብ ሓንቲ ' ኤገንቮርድስጋይደን ' (Egenvårdsguiden) ዝተባህለት መጽሓፍ፣ ብዛዕባ ' ዚ ክትነብብ ትኽእል ኢኻ። እዛ መጽሓፍ ' ዚኣ፣ ካብ ክፍሊት ናጻ ኮይና፣ ኣብ ከባቢኻ ኣብ ዘሎ ማእከል ሓለዋ ጥዕና (vårdcentral) ኸኣ ትርከብ።

ስእሊ፡ ዮነር

ናብ ማእከል ኣማኸርቲ ሓለዋ ጥዕና（sjukvårdsrådgivningen）ደዊልካ ‘ውን ምኽሪ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ማእከል ኣማኸርቲ ሓለዋ ጥዕና፡ ኣለይቲ ሕሙማት ይሰርሑ። ሕክምና ዘድልየካ እንተ ኾይኑ ድማ፡ ናበይ ከም ትኸይድ ይሕብሩካ።

እቲ ብተሌፎን ዝውሃብ ኣገልግሎት ጥዕናዊ ምኽሪ፡ 24 ሰዓታት ክፋት ‘ዩ። ቑጽሪ ስልኮም ከኣ፡ 1177 እዩ። ናብዚ ቁጽሪ ‘ዚ ብምድዋል ብቋንቋታት ዓረብኛን ሶማልኛን ‘ውን ምኽሪ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ማእከል ጥዕናዊ ምኽሪ፡ ኣብ ኢንተርነት ‘ውን እዚ ዝስዕብ ፍሉይ መርበብ ሓበሬታ **www.1177.se** ኣሎዎ። ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ድማ፡ ሓበሬታ ኣለኩም።

መድሃኒት

መድሃኒት፡ ካብ ቤት መሸጢ መድሃኒት（ፋርማሲ）ኢኻ ትገዝኦ። ገለ ገለ መድሃኒታት ንምግዛእ፡ ናይ ሓኪም መእዘዚ ወረቐት（recept）የድሊ። ከምዚ ክብሃል ከሎ ድማ፡ እቲ መድሃኒት ክትወስዶ ዘድልየካ ምኺኑ፡ ሓካይም ‘ዮም ዝውስኑ ማለት ‘ዩ። ንኣብነት ብባክተርያ ዝኽሰቱ ናይ ጎረሮ ወይ ሳምቡእ ነድርታት፡ ኣንቲባዮቲክ መድሃኒት የድልዮም። እዚ ድማ፡ ብሓኪም ክእዘዝ ይግባእ። እቲ ሓኪም፡ ነቲ መድሃኒት፡ ካብ ቤት መሸጢ መድሃኒት ንኽትገዝኦ ወረቐት ትእዛዝ ይህበካ።

እቶም ኣብ ቤት መሸጢ መድሃኒት ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፡ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ሕማማትን መድሃኒታትን ብዙሕ ኣፍልጦ ኣለዎም። ንመብዛሕትኡ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ሕቶታትኩም፣ መልሲ ክህቡኹም ይኽእሉ ‘ዮም። ኣብ ቤት መሽጢ መድሃኒት፣ ብዛዕባ ሕማማት ዝነግር ሓበሬታን ጽሑፋት ሓበሬታ ዝሓዙ ንኣሽቱ ወረቓቕትን ማለት ብሮሹራትን፣ ኣሎዉ።

ዕድመኻ፣ ልዕሊ 18 ዓመት እንተኾይኑ፣ ናይ ሓኪም መእዘዚ ወረቐት ዘይብሎም መድሃኒታት፣ ንኣብነት፣ ፈውሲ ቃንዛ ርእሲ ክትገዝእ ትኽእል ኢኻ።

ንመድሃኒታትኩም ዝምልከቱ ሕቶታት ምስ ዝህልዉኹም፣ ምስ ማእከል ሓበሬታ ኣፋውስ (Läkemedelsupplysningen) ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም። ናብዚ ትካል ‘ዚ ደዊልኩም ንኣብነት፣ እቲ ትወስዱዎ ዘለኹም መድሃኒት፣ ከመይ የገልግል፣ ኣጠቓቕማኡ ከመይ ክኸውን ኣለዎ፣ ኣበይ ከ ክዕቀብ ይግባእ፣ ዝብሉ ሕቶታት፣ መልሲ ክትረኽቡሉም ትኽእሉ ኢኹም። ቁጽሪ ስልኪ ‘ማእከል ሓበሬታ ኣፋውስ (Läkemedelsupplysningen)። 0771 - 467010 እዩ።

ርክብ ምስ ሕክምና

ኣብ ክፍሊ ሕክምና፣ ምስ ዝምልከቶም ሰባት ክትዘራረብ ከለኻ፣ ንኣብነት፣ ምስ ሓኪም ወይ ምስ ኣለይቲ ሕሙማት፣ እንታይ ከም ዝደለኻ ባዕልኻ ክትሕብሮም ኣለካ። ምኽንያቱ፣ ጸገምካ ንስኻ ኢኻ ኣጸቢቕካ ትፈልጦ።

እቶም ኣብኡ ዝሰርሑ ኩላቶም፣ ምስጢርካ ክሕልዉልካ ግዴታ ኣለዎም። ብዛዕባኻን ብዛዕባ ሕማምካን ንኻልእ ሰብ ኣይነግሩን እዮም።

ቋንቋ ኣደኻ ሽወደን ምስ ዘይከውን፣ ተርጓማይ ክግበረልካ መሰልካ እዩ። ቆጸራ ክትገብር ከለኻ፣ ተርጓማይ ዘድልየካ ምኻኡ ንገር። እቲ ተርጓማይ ‘ውን፣ ምስጢርካ ክዕቅብ ግዴታ ኣለዎ።

ስእሊ፡ ዮነር

ስእሊ፡ ዮነር

ንመን ትውከስ?

ንስኻ ወይ ደቅኻ ምስ ዝሓሙ ቅድም ቀዳድም ናብ ማእከል ሓለዋ ጥዕና (ቮርድሴንትራል) ትኸይድ። ማእከል ሓለዋ ጥዕና ምሽትን ቀዳመ-ሰንበትን ዕጹው ‘ዩ። ብቕልጡፍ ሕክምና ዘድልየካ እንተ ኾይኑ ናብ ህጹጽ መቐበል ሕሙማት ‘ሾውርሞታግኒን’ (journmottagning) ትኸይድ። እቲ ንዓኻ ዝቐረበ ህጹጽ መቐበል ሕሙማት ኣየናይ ምኽኑ ክትፈልጥ ኣብ ‘ቲ ማእከል ሓለዋ ጥዕና ሕተቶም ወይከኣ ኣብ ኢንተርነት ዚርከብ መካነ-መርበብ ሓለዋ ጥዕና ኣንብብ

መባእታዊ ኣገልግሎት ሕክምና (Primärvård)

መባእታዊ ኣገልግሎት ሕክምና፡ ካብ ሆስፒታላት ወጻኢ፡ ንኣብነት ኣብ ማእከል ክንክን ጥዕና እትረኽቦ ሕክምና ‘ዩ። ኣብ መባእታዊ ኣገልግሎት ሕክምና ዝጥርነፉ፡ ማእከላት ክንክን ጥዕና (vårdcentraler)፡ ክሊኒክ ኣደታት (mödravårdcentraler)፡ ክሊኒክ ቆልዑ (barnavårdcentraler)፡ ኪኢላታት ኣካላዊ ሕክምና (fysioterapeuter)፡ ሓካይም ሞያዊ ፍወሳ (arbetsterapeuter)፡ ስነ ኣእምሮኛታት (psykologer)፡ ሓካይም ስነ ኣእምሮኣዊ ፍወሳ (psykoterapeuter) ከምኡ’ውን መቐበል መንእሰያትን (ungdomsmottagningar) እዮም።

እንተ ሓሚምካ፡ ብቐዳምነት ምስ ማእከል ሓለዋ ጥዕና ርከብ ግበር።

ከም መጠን ሓድሽ መጻኢ፡ ምሉእ ጥዕናዊ ምርመራ ንኽትገብር ናብ ማእከል ሓለዋ ጥዕና ኪድ። ምሉእ ምርመራ ጥዕና ክትገብር ከለኻ፡ ቃለ መሕትት ትገብር። ብዛዕባ ጥዕናኻ ሕቶታት ትምልስ። ሰራሕተኛታት ሕክምና ከኣ፡ ዝተፈላለዩ ምርመራታት (prover) የካይዱልካ።

ምምራጽ ማእከል ሓለዋ ጥዕና፡

ነቶም ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድመኦም ቆልዑ፡ ወለዲ ወይ መጕዚት ዝወሰዱ ኣካላት’ዮም ሕክምና ዝመርጹሎም። ኣብ ገለ ገለ ኣውራጃታት

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ግን፡ 16 ዓመት ዕድመ ዝመልአ እንተኾይኑ፡ ባዕሉ ሕክምና ክመርጽ ይኽእል እዩ።

ዝበዝሑ ሰባት፡ ነቲ ናብኣቶም ዝቐረበ ማእከል ሓለዋ ጥዕና ይመርጹ። ዝደለኾ፡ ማለት ህዝባዊ ወይ ብሕታዊ ማእከል ሓለዋ ጥዕና ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ናብ ማእከል ሓለዋ ጥዕና፡ ንመጀመርታ ግዜኻ ምስ እትኸይድ፡ እቶም ኣብኡ ትረኽቦም ተቐበልቲ ኣጋይሽ፡ ንኽትምዝገብ ሓገዝ ይገብሩልካ።

ባዕልኻ እንተዘይመሪጽካ፡ ናብቲ ተመዝጊብካሉ ወይ ትነብረሉ ዘለኻ ኣድራሻ ዝቐረበ ማእከል ሓለዋ ጥዕና ትምዝገብ ወይ ትምደብ።

ኣብ ዝደለኾኦ እዋን፡ ማእከል ሓለዋ ጥዕና ክትቅይር ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት ናብ ካልእ መንበሪ ኣድራሻ እንተ ቐይርካ። ማእከል ሓለዋ ጥዕና ክትቅይር እንተ ደሊኻ፡ ናብቲ ክትቅይረሉ እትደልዮ ማእከል ሓለዋ ጥዕና ትኸይድ።

ኣብ ሕክምና ዘለዉ ሰራሕተኛታት፡

ኣብ ሕክምና፡ ዝተፈላለየ ሞያ ዘለዎም ሰባት ይሰርሑ። ትሕት ኢልካ፡ ብዛዕባ' ቶም ኣብ ሽወደን ልሙዳት ዝኾኑ፡ ሞያታት ክንክን ሕክምና፡ ክተንብብ ኢኻ።

ሓፈሻዊ ሓኪም (Allmänläkare)

ኣብ ማእከላት ሓለዋ ጥዕና ዘለዉ ሓካይም፡ ዝበዝሕ እዋን፡ ክኢላታት ሓፈሻዊ ሕክምና' ዮም። እዚ ማለት፡ ነቶም ልሙዳት ሕማማት ዘለዉዎም ሕሙማን ይኣልዩ ማለት' ዩ።

ሓፈሻዊ ሓኪም፡ ኣብ ምክልኻል ሕማማት' ውን ይሰርሕ' ዩ። እዚ ማለት፡ ሕማማት ኣብ ምክልኻል ይሕግዝ ማለት' ዩ። እቲ ደገፍ ንኣብነት፡ ንውልቀ ሰባት፡ ምትካኽ ደው ክብሉ፡ ክብደት ክንክዩ ወይ ኣልኮላዊ መስተ ክቋርጹ ኣብ ምሕጋዝ ዘድሃበ ክኸውን ይኽእል' ዩ።

ሓፈሻዊ ሓኪም ምስ መርመረኩም፡ ኩነተ ጥዕናኹም ርእዩ፡ ምስ ክኢላ ፍሉይ ሕማማት ዝኾነ ፍሉይ ሓኪም ክትራኸቡ ክእዝዝ ይኽእል እዩ። ንኣብነት ምስ ሓኪም ዓይኒ፡ ሓኪም ልቢ ወዘተ። ከምዚ ምስ ዝኸውን፡ እቲ ሓፈሻዊ ሓኪም፡ ናብ መቐበሊ ናይ' ተን ፍሉይ ሕማማት ዝፍውሳ ክሊኒካት፡ መሰጋገሪ ወረቐት (remiss) ይልእከለን።

ኣለይቲ ሕሙማን (Sjuksköterskor)

ኣብ ኩላቶም እቶም ሕክምና ክትገብር ኢልካ እትኸዶም ቦታታት፡ ኣለይቲ ሕሙማን፡ ማለት ነርሳት ኣለዉ። ዝበዝሑ ኣብ ፍሉይ ዓይነት ትምህርቲ ተወሳኺ ፍልጠት ዘለዎም እዮም፡ ንኣብነት ኣብ ስነ ኣእምሮ (psykiatri)።

ተሓጋጋዝቲ ኣለይቲ ሕሙማት (Undersköterskor)

ተሓጋገዝቲ ነርሳት፡ ምስ ላዕለዎት ሓካይምን ምስ ነርሳትን ብሓባር ይሰርሑ። ንኣብነት ንምርመራ ዝኸውን ደም ይወስዱን ቁስሊ ይጅንኑን።

ሓካይም ፊዝዮተራፕን ሓካይም ሞያዊ ፍወሳን (Fysioterapeuter och arbetsterapeuter)

ሓኪም ፊዝዮተራፒ፡ ማለት ኪኢላ ኣካላዊ ሕክምና፡ ምስ ምንቕስቓስ ዝተተሓሓዘ ጸገማት፡ ንኣብነት ቃንዛ ሕቐ ንዘለዎም ሰባት ይሕግዝ።

ሓኪም ሞያዊ ፍወሳ፡ ብሕማም ንዝተጠቕዑ ወይ መጕዳእቲ ንዝወረዶም ሰባት፡ ዝሓሸ መነባብሮ ምእንቲ ክነብሩ ይሕግዞም።

ናይ ስነ ኣእምሮ ሞያውያን፡ ሓካይም ስነ ኣእምሮን ኣማኸርትን (Psykologer, psykiatrer och kuratorer)

ብዓል ሞያ ስነ ኣእምሮ፡ ሓኪም ስነ ኣምሮን ኣማኻርን፡ ስነ ኣእምሮኣዊ ሕማቕ ንዝስምዖም ሰባት፡ ንኣብነት ብሰንኪ ቅዛነት ወይ ጸቕጢ፡ ንዘይጠዓዩ ሰባት ይሕግዙ።

ናይ ኣመጋግባ ክኢላታት (Dietister)

ናይ ኣመጋግባ ክኢላ፡ ውልቀ ሰባት ምእንቲ ክጥዕዩ፡ እንታይ መሪጾም ክበልዑን ክሰትዩን ከም ዘለዎም ኣብ ምሕባር ይሕግዝ።

ንህይወት ዘስግኡ ሕማማትን መጕዳእቲታትን፡

ዘየላቡ ሕማም እንተ ሓሚምካ፡ ወይ ንህይወት ዘስግእ መጕዳእቲ እንተ ወሪዱካ፡ ኣብ ሆስፒታል ናብ ዝርከብ ህጹጽ መቐበል ሕሙማን ኪድ። ናብ ሆስፒታል፡ ብማኪና ወይ ብታክሲ ክትከይድ ዘይትኽእል እንተ ኾንካ፡ ተሌፎን ደዊልካ ኣምቡላንስ ክትጽውዕ ትኽእል ኢኻ። ብቐጽሪ ስልኪ 112፡ ናብ ‘ሶስ ኣላርም’ (SOS alarm) ደውል።

ደቅኻ ኣዝዮም እንተ ሓሚሞም ወይ እንተ ተንዲኦም፡ ናብ ናይ ቆልዑ ህጹጽ መቐበል ሕሙማን ‘ባርንኣኩተን’ (barnakuten)፡ ኪድ። ህጹጽ መቐበል ቆልዑ፡ ካብ ናጽላ ክሳብ 16 ዓመት ዝዕድመኦም ቆልዑ ይቕበል።

ፍሉያት ክሊኒካት (Specialistmottagningar)

ፍሉያት ክሊኒካት፡ ኣብ ሆስፒታላት ይርከባ። ኣብዘን ክሊኒካት’ዚኣተን፡ ኣብ ገለ ሕማማት ፍሉይ ክእለት ዘለዎም ሓካይም እዮም ዝሰርሑ፡ ንኣብነት ሕማማት ከስዐን መዓናጡን። መብዛሕትኡ ግዜ፡ ናይ ከባቢኹም ሓኪም እዩ ናብ’ዘን ፍሉያት ክኢላታት ዝርከቡለን ክሊኒካት ዘሰጋገረኩም። ናብ’ዘን ክሊኒካት’ዚኣተን፡ ብመንገዲ ናይ ሓኪም ሪፈር ጥራይ ክትከዱወን ግን፡ ግድን ኣይኮነን። ሓኪም ኣሰጋጊሩኒ ኢልኩም’ውን፡ ሽው ንሽው ብቐጥታ ናብ’ዘን ክሊኒካት’ዚኣተን ኣይትኸዱን ኢኹም። ንዝተወሰነ ናይ ቆጸራ ግዜ ክትጽበዩ ኣለኩም። ሓኪም ሪፈር ኢሉ ዘሰጋገረኩም ምስ እትኾኑ ድማ፡ ውሑድ ገንዘብ ኢኹም ትኽፍሉ።

መቐበል መንእሰያት

መቐበል መንእሰያት፡ ብዛዕባ ስጋዊ ርክብ፡ ጥዕናን ዝምድናታትን ዝምልከቱ ሕቶታት ንዘለዎም ኣዋልድን ኣወዳትን ይቕበል። መቐበል መንእሰያት፡ ካብ 13 - 25 ዓመት ንዘለዉ መንእሰያት ክፋት’ዩ። ኣብ ዝተፈላለያ ኮምዩናት፡

© ናይ ሸስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ፡ ክላራ ስተንስትሮም

ናብ መቐበሊ መንእሰያት ምኻድ መብዛሕትኡ ግዜ ክፍሊት የብሉን። ሓድሓደ ግዜ ግን፡ ናብቲ ማእከል ጥዕና ዝኸይድ ሰብ፡ ክፍሊት የጋጥም'ዩ። እቶም ሰራሕተኛታት መቐበሊ መንእሰያት፡ ምስጢር ክዕቅቡ ግዴታ ኣለዎም።

እቲ ናይ ዕድመ ገደብ ዝተፈላለየ እዩ። ናብ መቐበል መንእሰያት ምኻድ፡ ካብ ክፍሊት ናጻ' ዩ። ኣብ መቐበል መንእሰያት፡ መሕረስቲ (barnmorskor)፡ ኣማኸርቲ (kuratorer)፡ ሞያውያን ስነ ኣእምሮ፡ ተሓጋገዝቲ ነርሳት፡ ኪኢላታት ማህጸንን ካልኦት ሓካይምን ኣለዉ።

ሆስፒታል

ሓደ ሆስፒታል፡ ብዙሓት ዝተፈላለዩ መቐበሊ ኣጋይሽን ጨናፍር ክፍልታትን ኣለዉዎ። ኣብኡ፡ ፍሉያት ክሊኒካትን ናይ ህጹጽ ረድኤት መቐበልን ኣለዉዎ። ሓያለ ሆስፒታላት፡ ንወሊድ ዝኸውን መቐበሊ ነፍሰ ጾራት ኣለወን።

ገለ ገለ ኣብ ሆስፒታላት ዝርከባ ፍሉያት ክሊኒካት ኣብነት ንምጥቃስ ዝኣክል፦

- ክፍሊ ጽገና (Ortopedisk mottagning)፡- ኣብ ኣዕጽምትን መንቀሳቐሲ ክፍሊ ኣካላትን ንዘጋጥሙ ጸገማት ዝምልከት፡ ንኣብነት መስበርቲ እግሪ።
- ክፍሊ ውሽጣዊ ሕክምና (Medicinsk mottagning)፡- ንውሽጣዊ ሕማማት፡ ንኣብነት ጸገም ከስዐን መዓንጣን ዝምልከት።
- ክፍሊ መጥባሕቲ (Kirurgisk mottagning)፦ መጥባሕቲ ንዘድልዮም ሕማማት ዝምልከት።
- ክፍሊ ማህጸን (Gynekologisk mottagning)፦ ንሕማማት ደቀንስትዮ ዝምልከት፡ ንኣብነት ዝተሓላለኸ ጥንሲ።
- ክፍሊ ዓይኒ (Ögonmottagning)፦ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዓይኒ ዝምልከት።
- ክፍሊ ዓይኒ/ኣፍንጫ/ጎሮሮ (Öron-, näsa- och halsmottagning)፦ ኣብ ዓይኒ፡ ኣፍንጫን ጎሮሮን ንዝኽሰቱ ጸገማት ዝምልከት።
- ክፍሊ ኣእምሮ (Psykiatrisk mottagning)፦ ንጸገማት ኣእምሮ ዝምልከት።

ክፍሊ ህጹጽ መቐበል ሕሙማን (Akutmottagning)

ክፍሊ ህጹጽ መቐበሊ ሕሙማን፣ ኩሉ ሳዕ ክፋት ' ዩ። ሓደገኛ መጕዳእቲ እንተ ኣጋጢሙካ፣ ዘየላቡ ሕማም እንተ ሓሚምካ፣ ወይ እቲ ብልሙድ እትኽዶ ማእከል ሓለዋ ጥዕና ዕጹው እንተ ኾይኑ፣ ናብ ክፍሊ ህጹጽ መቐበል ሕሙማን ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ናብ ክፍሊ ህጹጽ መቐበል ሕሙማን ናይ ሆስፒታል እንተ ኼድካ፣ ካብቲ ንቡር ዝነውሕ ግዜ ክትጽበ ትኽእል ኢኻ። ናይዚ ምኽንያት ከኣ፣ እቲ ሆስፒታል ክንደይ ሕሙማን ከም ዝመጹዎ ስለ ዘይፍለጥ ' ዩ። ኣብ ክፍሊ ህጹጽ መቐበል ሕሙማን፣ እቲ ኣዝዩ ዝሓመመ ሰብ ' ዩ ብቐዳምነት ሕክምና ዝግበረሉ። ስለዚ፣ ከቢድ ሕማም ወይ መጕዳእቲ ምስ ዘይህልወካ፣ ናብ ማእከል ሓለዋ ጥዕና ምኻድ ይሓይሽ። ናብኡ፣ ብቐጸራ ወይ ብዘይ ቐጸራ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ድሮፕ ኢን ወይ ቐጸራ - ቢስ ማለት፣ ትኽ ኢልካ ኣቲኻ ናይ ተርታ ወረቐት ሒዝካ ተራኻ ትጽበ ማለት እዩ።

ቀልዑን መንእሰያትን

ኣብ ዓበይቲ ከተማታት፣ ንቐልዑን መንእሰያትን ዝቕበላ ፍሉያት ሆስፒታላት ክህሉዋ ይኽእላ ' የን። ኣብ ንኣሽቱ ከተማታት፣ ኣብ መንጎ ናጽላን 16ን ዓመት ንዝዕድመኦም ቀልዑን መንእሰያትን ዝቕበል ፍሉይ መቐበሊ ኣሎ።

ስነ ኣእምሮኣዊ ሕማም

ንኹሉ ሰብ፣ ስነ ኣእምሮኣዊ ሕማም ክሕዞ ይኽእል ' ዩ። ሓድ ሓደ እዋን፣ ንስነ ኣእምሮኣዊ ጸገም ክትገልጾ ኣጸጋሚ ' ዩ። ስነ ኣእምሮኣዊ ሕማም፣ ኣብ ኣካላት ሰብ ምልክት ይገብር ' ዩ። ምናልባት ጭዋዳ ከሕምም ይኽእል። ምናልባት ከርህጸካ ይኽእል። ልብኻ ኣበርቲዓ ትሃርም። ድቃስ ይኣብየካ ወይ ርእስኻ ትሓምም።

ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገም ምስ ዝህልወኩም፣ ኣብ ከባቢኹም ናብ ዘሎ ሕክምና ብምኻድ ምስ ሓኪም ተዘራረቡ። እቲ ሓኪም፣ ምስ ኣማኻሪ ወይ ሓኪም ስነ ኣእምሮ ተራኺብኩም ከም እትዘራረቡ ክገብር ይኽእል ' ዩ።

ኣብ ሆስፒታላት፣ ንኣባጽሕ፣ ንቐልዑን መንእሰያትን ዝኾና ክፍልታት ህጹጽ መቐበሊ ስነ ኣእምሮ (Barn - och ungdoms - psykiatri, BUP) ኣለዋ። ክፍልታት ህጹጽ መቐበሊ ስነ ኣእምሮ፣ ልክዕ ከም ' ተን ልሙዳት ክፍልታት ህጹጽ መቐበል ሕሙማን፣ ቀትርን ለይትን ክፋታት ' የን።

ውሕስነት ኣገልግሎት ጥዕና (Vårdgaranti)

ኣብ ሽወደን ውልቀሰባት ሕክምና ኪረኽቡ ስሕት ኢሉ ነዊሕ ይጽበዩ። ምእንቲ ከይትጽበ ኽኣዩ ውሕስነት ኣገልግሎት ጥዕና ዚበሃል ነገር ዘሎ። ውሕስነት ኣገልግሎት ኣብቲ ናይ ጥዕናን ክንክንን ሕጊ ኣሎ፣ ኣብ ውሱን ግዜ ክንክን ንኽትረክብ መሰል ከም ዘሎካ ዚገልጽ ድማ እዩ።

መባእታዊ ኣገልግሎት ሕክምና (Primärvården) ፣ - ምስ ' መባእታዊ ኣገልግሎት ሕክምና ' ፣ ንኣብነት፣ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ' ማእከል ጥዕና ' ፣ ርክብ ክትገብር እንተ ዳኣ ፈቲንካ፣ ሽዑ መዓልቲ ክረኽቡኻ እዮም። ከምዚ ክብሃል ከሎ፣ ኣብቲ ማእከል ሓለዋ ጥዕና ይረኽቡኻ ወይ ከኣ ብስልኪ ምስ ዝምልከቶ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን



ስእሊ: Colourbox

ሰብ ክትዛረብ ትኽእል። ኣብ መባእታዊ ኣገልግሎት ሕክምና፣ ንኣብነት ሓደ ኣላይ ሕሙማን፣ ሓኪም ከም ዘድልየካ ምስ ዝርዳእ፣ ምስ ሓኪም ክትራኸብ ካብ 7 መዓልቲ ንላዕሊ ምጽባይ ኣይከድልየካን'ዩ።

ፍሉይ ኪኢላ ሓኪም (Specialistmottagning)፦ ናብ ፍሉይ ኪኢላ ሓኪም ክትከይድ ረሚስ/ረፈራል ወረቐት እንተዳኣ ሃልዩካ፣ ነቲ ኪኢላ ሓኪም ንምርካብ ካብ 90 መዓልታት ንላዕሊ ምጽባይ ኣይከድልየካን'ዩ። ናብ ኪኢላ ሓኪም፣ ብዘይ ናይ ሪፈር ወረቐት እንተ መጺእካ'ውን ክምኡ'ዩ።

ምሕካም፦ ሓኪምካ፣ 'ምሕካም የድልዮ'ዩ' ኢሉ እንተ ወሲኑ፣ ንኣብነት መጥባሕታዊ ሕክምና ክትገብር እንተ ወሲኑ፣ ካብ 90 መዓልታት ንላዕሊ ምጽባይ ኣይከድልየካን'ዩ።

ውሕስነት ኣገልግሎት ጥዕና'፣ ንህጹጽ ሕክምና ኣይምልከትን'ዩ። ሓደ ብኽቢድ ዝሓመመ ሰብ፣ ብዝተኻእለ መጠን፣ ሽው ንሽው ሕክምና ክግበረሉ ኣለዎ።

ውሕስነት ልዑል ዋጋ (Högkostnadsskydd)

ውሕስነት ልዑል ዋጋ' ፡ ካብ ልዑል ወጻኢታት ሕክምናን መድሃኒትን ዘድሕን ውሕስነት' ዩ።

ውሕስነት ልዑል ዋጋ ሕክምና፡ እዚ ማለት፡ ከም መጠን ሕሙም፡ ኣብ ዓመት 1100 ክሮኖር ጥራይ ምኽፋል እዩ ዘድልየካ ማለት' ዩ። 1100 ክሮኖር ምስ ከፈልካ፡ ኣብቲ ዝተረፈ እዋን ናይታ ዓመት፡ ካብ ክፍሊት ናጻ ሕክምና ይግበረልካ። ናጻ ካርድ (frikort) ትውሃበካ። እዛ ካርድ' ዚኣ፡ ካብታ ፈለማ ናብ ሓኪም ምብጻሕ ዝገበርካላ ዕለት ኣትሒዛ፡ ንዓሰርተ ክልተ ኣዋርሕ ተገልግለካ።

ውሕስነት ልዑል ዋጋ መድሃኒት፡- ብትእዛዝ ሓኪም ንዝውሃብ መድሃኒት፡ ንዓመት 2200 ክሮኖር ጥራይ እዩ ምኽፋል ዘድልየካ ማለት' ዩ። 2200 ክሮኖር ምስ ከፈልካ፡ ኣብቲ ናይታ ዓመት' ቲኣ ዝተረፋ እዋናት፡ ብረሲት ካብ ክፍሊት ናጻ ዝኾነ መድሃኒት ትረክብ። እቲ ግዜ ድማ፡ ካብታ ፈለማ መድሃኒት ዝገዛእካላ መዓልቲ ክቑጸር ይጅምር።

ኮላቶም ህጻናት ናይታ ስድራቤት፡ ኣብቲ ውሕስነት እቱዋት እዮም። እዚ ድማ ንውሕስነት ልዑል ዋጋን ሕክምናን የገልግል።

ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ፡ መድሃኒት ብናጻ ይውሃቦም።

ሕገ-ምክልኻል ተላባዕቲ ሕማማት (Smittskyddslagen)

ኣብ ሽወደን፡ ' ሕገ ምክልኻል ተላባዕቲ ሕማማት (smittskyddslagen)' ፡ ዝብሃል ሕጊ ኣሎ። ዕላማ ናይዚ ሕጊ' ዚ ከኣ፡ ሓደገኛታት ዝኾኑ ተላባዕቲ ሕማማት ከይዝርግሑ ንምክልኻል' ዩ። እዚ ሕጊ' ዚ፡ ብዛዕባ መሰላትን ግቡኣትን ናይ' ቶም ብገለ ካብ' ዞም ሕማማት' ዚኣቶም ንኣብነት፡ ሕማም ኤይድስ፡ ክላሚድያ፡ ዓባይ ስዓል፡ ሕማም ሳልሞኔላ፡ ተላባዒ ወይቦ ወይ ፍንጣጣ ዝተጠቕዑ ሰባት፡ ዝምልከት ሕጊ እዩ።

ኣብቲ ' ሕገ ምክልኻል ተላባዕቲ ሕማማት' ፡ ናይ' ዞም ሕማማት' ዚኣቶም ዝርዝር ኣስማት ኣለዉ። ዳርጋ 60 ኣቢሎም ይበጽሑ' ዮም። ብዛዕባ እዞም ሕማማት' ዚኣቶም ናይ ምሕባር ግዴታ (anmälningspliktiga) ኣሎ።

እዚ ማለት ከኣ፡ ብሓደ ካብዞም ሕማማት' ዚኣቶም ተጠቒዕና ኣለና ዝብል ስግኣት ምስ ዝህሉወኩም፡ ናብ ማእከል ጥዕና ኬድኩም ክትዘራረቡ ኣለኩም። እዚ ሕማም' ዚ ካብ መን ከም ዝሓለፈኩም' ውን ክትሕብሩ ኣለኩም። ገለ ካብዞም ኣብ ' ሕገ ምክልኻል ተላባዕቲ ሕማማት' ተጠቒሶም ዘለዉ ሕማማት፡ ብጾታዊ ርክብ ዝማሓላለፉ እዮም።

ብሓደ ካብ' ዞም ዝተጠቕሱ ሕማማት' ዚኣቶም ምስ እትልከፉ፡ ኩሉ ክግበረልኩም ዝኽእል ሕክምናዊ ምርመራ፡ ፍወሳን መድሃኒትን ብናጻ እዩ። ነቶም በዚ ሕማም' ዚ በኪልኩሞም ክትኮኑ እትኽእሉ ሰባት ረኺብኩም ንኽትሕብሩዎም' ውን ደገፍ ይግበረልኩም' ዩ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ብዓል መዚ ህዝባዊ ጥዕና (folkhälsomyndigheten)፡ ብዛዕባ ’ሕማማትን ሕጊ ምክልኻል ተላባዕቲ ሕማማትን’፡ ሓበሬታ ዘለዎ መንግስታዊ ትካል’ዩ።

ብዛዕባ ’ሕጊ ምክልኻል ተላባዕቲ ሕማማት’ ብዝምልከት፡ ብተወሳኺ ኣብ ኢንተርነት **www.folkhalsomyndigheten.se** ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ክፍሊ ኣካላትካ ምውሓይ፡

ኣብ ሽወደን፡ ዓመታዊ፡ ኣስታት 700 ዝኾኑ ከቢድ ሕማም ዝሓመሙ ሰባት፡ ሓደ ወይ ዝያዳ ክፋላት ኣካላት ወድሰብ ይውሃቦም። ንኣብነት ኩሊትን ልብን ማለት’ዩ። እዚ ድማ፡ ካብ ወሃቢ ናብ ተቐባሊ ብምስግጋር ይትግበር።

ይኹን’ምበር፡ እቲ ብወፈያ ዝርከብ ብዝሒ ኣካላት ሰብ ኣይኣክልን እዩ። ስለዚ፡ ብዙሓት ሕሙማን፡ ብሰንኪ ምጽባይ ወይ ድማ እቲ ዘድልዮም ክፍሊ ኣካላት ስለ ዘይርከብ ይሞቱ።

ሓደ ውልቀ ሰብ፡ ክመውት ከሎ፡ ክፍሊ ኣካላቱ እንታይ ክኸውን ከም ዝደልዮ ክውሰን ይኽእል’ዩ። ከምዚ ዝስዕብ ክግበር ይክኣል’ዩ።

- ክፍሊ ኣካላቱ ንኽይህብ ይውሰን፡
- ናብ ሰብ ንኽሰጋገር ክውፈ፡ ወይ ከኣ፦
- ንምስግጋርን ንሕክምናዊ ምርመራን ክጠቅም ክውፈ፡

ንኽውፈ ክትውሰን ትኽእል ኢኻ። ውሳነኻ፡ ናብቲ ናይ ወፈያ ክፍሊ መዝገብ፡ ብመገዲ እዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክፍሊ ማሕበራዊ ምምሕዳር፡ **www.socialstyrelsen.se/donationsregistret** ክትልእኮ ትኽእል ኢኻ።

ሓደ ሰብ፡ ክፍሊ ኣካላቱ ከመፈ ከም ዝወሰነ ቅድሚ ምማቱ ንቤተሰቡ ዘይነገሮም እንተኾይኑ፡ ባዕላቶም ክውስኑ ይኽእሉ እዮም።

ሕክምና ስኒ

ኣብ ሽወደን፡ ህዝባውን ብሕታውን ሕክምና ስኒ ኣሎ። እቲ ህዝባዊ ሕክምና ስኒ፡ ብምምሕዳር ኣውራጃ (ett landsting eller en region) ይካየድ። ’ህዝባዊ ሕክምና ስኒ፡ ማለት ፎልክታንድቮርደን’ (Folktandvården) ተባሂሉ ድማ ይጽዋዕ። ኣብ ሽወደን፡ ብዙሓት ብሕታውያን ሓካይም ስኒ ኣለዉ።

ንሕክምና ስኒ፡ ክንደይ ክትከፍል ከም ዘለካ ዝሕብሩ መምርሒታት ይፈላለዩ’ዮም። ከከም ኣትቐመጦ ቦታን፡ ከከም ዝመረጽካዮ ሓኪም ስንን ይፈላለ ማለት’ዩ።

ኣብ ሽወደን፡ ሓደ ሰብ ብውሑዱ 21 ዓመት ክሳብ ዝመልእ ብናጻ ዝውሃብ ናይ ክንክን ስኒ ኣገልግሎት ይግበረሉ። እዚ መሰል’ዚ፡ ኣብ ዝኸድኩሞ ክሊኒክ፡ ማለት መንግስታዊ (Folktandvården) ይኹን ናይ ብሕቲ፡

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ: Colourbox

ለውጢ የብሉን። ክንደይ ዓመት ዕድመ ክሳዕ ዝበጽሑ እዮም መንእሰያት ብናጻ ኣገልግሎት ሕክምና ስኒ ዝውሃቦም ንዝብል ሕቶ፣ ካብ ክባቢ ናብ ክባቢ ክፈላለ ይኽእል እዩ።

ኩላቶም ቆልዑን መንእሰያትን፣ ስሩዕ ምርመራ ንኽገብሩ፣ ክሕከሙን ናይ ኣቐዲምካ ምክልኻል ክንክን ክወስዱን፣ ናብ ሓኪም ስኒ ይጽውዑ። ኣባጽሕ ግን፣ ምስ ሓኪም ስኒ፣ ባዕላቶም ርክብ ይገብሩ።

ደገፍ ንሕክምና ስኒ (Tandvårdsstöd)

ኩላቶም ኣብ ሽወደን ዝቕመጡ ውልቀሰባት፣ ካብታ 23 ዓመት ዝመልኡላ ዓመት ኣትሒዞም፣ ደገፍ ንሕክምና ስኒ ክወስዱ መሰል ኣለዎም። ደገፍ ሕክምና ስኒ፣ ፍርቂ ንሓኪም ስኒ ዝኽፈል ሓገዝ (ገንዘብ) ክኸውን ከሎ፣ ፍርቂ ኸኣ ውሕስነት ልዑል ዋጋ ’ዩ።

ነቶም ኣብ መንጎ 23 - 29 ዓመት ዝዕድመኡምን፣ ነቶም ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድመኡምን ዝውሃብ ሓገዝ፣ 600 ክሮኖር ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ’ዩ። ነቶም ኣብ መንጎ 30 - 64 ዓመት ዝዕድመኡም፣ እቲ ዝውሃብ ሓገዝ 300 ክሮኖር ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ’ዩ። እቲ ዝግብኣካ ደገፍ ሕክምና ስኒ፣ ንሓደ ዓመት ዓቕሩካ ኣብቲ ዝቕጽል ዓመት ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ውሕስነት ልዑል ዋጋ ሕክምና ማለት፡ ገለ ክፋል ናይቲ ዝኽፈል ወጻኢ ምኽፋል ጥራይ ዩ ዝግባኣካ ማለት ' ዩ። ዝተረፈ ክፍሊት ድማ፡ ቤት ጽሕፈት ትካል ውሕስነት፡ ማለት ' ፎርሼክሪንካሳ ' ይኽፍሎ።

ውሕስነት ልዑል ዋጋ ሕክምና ' (Högkostnadsskyddet)፡ ን12 ኣዋርሕ የገልግል። እዚ ውሕስነት ' ዚ፡ ኽኣ ' ዩ፡ ንሕክምና ስኒ፡ ካብ 3000 ክሮኖር ንላዕሊ ምስ እትኽፍሉ፡ ውሕስነት ምጉዳል ዋጋ ዝገብረልኩም። በዚ መስረት ኽኣ፡ ፍርቂ ናይቲ ካብ 3000 ክሮኖር ንላዕሊ ዘሎ ወጻኢታት ትኽፍሉ። መሕከሚኹም ልዕሊ 15 ሽሕ ክሮኖር ምስ ዝኽውን፡ 15% ናይቲ ዋጋ ጥራይ ኢኹም ትኽፍሉ።

ኣገልግሎት ጥዕና ስኒ (Frisktandvård)

ኣብ ህዝባዊ ሕክምና ስኒ (Folktandvården)፡ ብቐዋሚ ዋጋ፡ ሕክምና ስኒ ክግበረልካ ይኽእል ' ዩ። ' ፍሪስክታንድቮርድ ' (Frisktandvård) ኽኣ ይብሃል። ወርሒ ወርሒ ቀዋሚ ዋጋ ትኽፍል። ብድሕሪኡ ብናጻ ኣብ ሓኪም ስኒ ክትረአ ትኽእል። ኣገልግሎት ' ፍሪስክታንድቮርድ ' ክትረክብ እንተኺንካ፡ ግድን ውዕል ክትፍርም ኣለካ። ነቲ ዝግበረልካ ኣገልግሎት ፍሪስክታንድቮርድ፡ ሓኪም ስኒ ዋግኡ ምእንቲ ክውስን፡ ምርመራ ክትገብር ኣለካ።

ዕጉብ እንተ ዘይኸንካ

ብዝተገብረልካ ሕክምናን ኣገልግሎትን ዕጉብ እንተ ዘይኸንካ፡ ኣብቲ ዝተሓከምካሉ ኣሃዱ ሕክምና ምስ ዘሎ ሓላፊ፡ ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ።

ገና ዘይዓገብኩም ምስ እትኾኑ፡ ምስ ቦርድ ተሓከምቲ (patientnämnden) ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዞባ፡ ' ቦርድ ተሓከምቲ ' ኣሎ። እቲ ቦርድ ' ቲ፡ ጸገምኩም ኣብ ምፍታሕ ክሕግዘኩም ይኽእል ' ዩ።

ነቲ ንመዳይ ጥዕና ዝምልከቱ ክስታት ዝመሚ፡ ተቐጻጻሪ ኣገልግሎታት ጥዕናን ክንክንን (Inspektionen för vård och omsorg) ' ውን ክትውከሱዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ብዛዕባ ' ዚ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ኣቲኹም **www.ivo.se** ኣንብቡ።

ሕቶታት ዘተ ምዕራፍ 7

ጥዕናኻ ንምሕላው፡ እንታይ ክትገብር ትኽእል?

መንግስቲ፡ ንግሩም ጥዕና ህዝቢ ምስራሑ ኣገዳሲ ዝኾነ ስለምንታይ እዩ?

ዝበለጸ ጥዕና ንምርካብ፡ ኣብ ኣመጋግባኻ ክትቅይሮም እትኽእል ወይ ክትቅይሮም ዝግባኣካ ነገራት ኣለዉ ዶ?

ጭንቀት ዝገብረልካ ነገር እንታይ እዩ? ንጭንቀት ብኽመይ ትከታተሎ?

ጽቡቕ ንኽትድቅስ፡ እንታይ ትገብር?

ኣብ ክንክን ጥዕና ሽወደን ዘለካ ተመኩሮ ወይ ኣፍልጦ ከመይ ይመስል?

ምስ ክፍሊ ጥዕናን ክንክንን ቅድሚ ምርኻብካ፡ ብኽመይ መገዲ ክትቀራረብ ትኽእል?

ምሉእ ኣካላዊ ጥዕና ንኽህሉወካ፡ እንታይ ክትገብር ትኽእል?

ስነ ኣእምሮኣዊ፡ ዘይጣዓኻ ኮይኑ ምስ ዝስምዓካ፡ ሕክምና ምኻድ ኣገዳሲ ዝኾነ፡ ስለምንታይ እዩ?

ብዛዕባ ናይ ሽወደን ክንክን ስኒ፡ እንታይ ተመኩሮ ወይ ኣፍልጦ ኣለካ?

ብመደብን ቀጻልን ናብ ሓኪም ስኒ ምኻድ ኣገዳሲ ዝኾነ ስለምንታይ እዩ?

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ፡ ኮንይ ፍሪድ፡ ዩነር

ፀ. ኣብ ሽመደን ብዕድመ ምድፋእ

ትሕዝቶ

እርጋን
ናብ ኣረጋውያን ዝዓለመ ንጥፈታትን ሓለፋታትን
ጡረታ (Pensioner)
ምክንኻን ንኣረጋውያን (Äldreomsorg)
ሞት ምስ ዘጋጥም
መሰል ውርሻ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ምእራግ

ኣብ ሽወደን ዝነብሩ፡ ነዊሕ ዕድመ ይነብሩ። ብደረጃ ሃገር ክርኢ እንከሎ፡ ማእከላይ ንውሓት ዕምሪ ነበርቲ ሽወደን (Medellivslängden)፡ 82 ዓመት እዩ። ማእከላይ ንውሓት ዕምሪ ደቀንስትዮ 84 ዓመት ክኸውን እንከሎ፡ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ 80 ዓመት እዩ።

ምብዛሕ ቑጽሪ ኣረጋውያን ከኣ፡ ምስዚ እናለዓለ ዝኸይድ ማእከላይ ንውሓት ዕምሪ ዝተተሓሓዘ እዩ። ማእከላይ ንውሓት ዕምሪ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 10 ዓመታት፡ ዳርጋ ብሓደ ዓመት እናወሰኸ ይኸይድ ኣሎ። ምውሳኽ ማእከላይ ንውሓት ዕምሪ፡ ኣብዚ ሒዙዎ ዘሎ ናይ ምውሳኽ ተኽእሎ ደው ክብል ምኽኑ ዘርኢ ምልክት ኣይተቐልቀለን ዘሎ። ካብ’ቶም ኣብዚ እዋን’ዚ 10 ሚልዮን በጺሑም ዘለዉ ህዝቢ ሽወደን፡ 18% ዕድመ ጡረታ (65 ዓመት) ዝተሳገሩ እዮም። ኣብ ዓመተ 2030፡ ልዕሊ 30% ካብ ህዝቢ ሽወደን፡ ልዕሊ 65 ዓመት ዕድመ ክኸውን ይግመት።

ክንደይ ዓመት ክትጸንሕ ምኽንካ፡ ኣብ ብዙሕ ረቐሒታት ዝተመርኮሰ እዩ። ካብ ወለድኻን ኣዝማድካን ዝወረስካዮ ተፈጥሮኣዊ ውርሻ፡ ንዕድመኻ ይጸልዎ እዩ። ከመይን ኣበይን ትነብር’ውን ጽልዋ ኣሎዎ። ክትኣርግ ከለኻ፡ ኣብ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ኩነታትካ፡ ለውጥታት ይርኣዩ እዮም። ወድሰብ፡ ነቲ ካብ ወለዱ ዝወረሶ ተፈጥሮኣዊ ውርሻ፡ ክልውጦ ኣይክእልን’ዩ። ብኣገባብ ኣነባብራኡ ገይሩ ግን፡ ንኣተኣራርጋኡ ክጸልዎ ይኽእል እዩ።



ብዓል መዚ ህዝባዊ ጥዕና’፡ ኣገባቡ ንዝሓለወ ናይ ምእራግ መስርሕ፡ ኣገደስቲ ዝኾና ኣርባዕተ ነጥብታት የቕርብ፦

- ኣካላዊ ንጥፈታት
- ጥዑይ ኣመጋግባ
- ማሕበራዊ ርክባት
- ትርጉም ዘሎዎም ስራሓት/ተደላዩ ኺንካ ክስምዓካ ከሎ

ነቲ ምስ ኣረግካ ዝህሉወካ ኩነታት፡ ብንእስነትካ ከለኻ ኢኻ ትጸልዎ። ሽጋራ፡ ሕማቕ ኣበላልዓ፡ ጭንቀት፡ ዘይምንቅስቓስ፡ ድሮጋን ኣልኮልን ንኹልና ሕማቕ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

እዩ። ጥዑይ ኣበላልዓን ወትሩ ምንቅስቓስን፡ ሰብ ምስ ኣረገ ጥዕና ዝመልኦ ንክኸውን ኣስተዋጽኦ ኣሎዎ። ነዊሕ ንኽነብር ድማ፡ ኣስተዋጽኦ ይገብረሉ።

ኣካላዊ ለውጢ

ክሳዕ 40 ዓመት ዕድመ፡ ኣካላውን ስጋውን ለውጢ፡ ዉሑድ እዩ። ደሓር ግን ይውስኽ። እቲ ኣብ ዋህዮታትና ዘሎ ናይ ውርሻ ታህዋስ (DNA) ነቲ ኣብ ኣካላትና ዝርአ ናይ ምእራግ መስርሕ ይመርሖ። ናይ ምእራግ መስርሕ፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ እዩ። ገሊኦም ቀልጢፎም ይስይቡን ገጾም ዕጥርጥር ይብልን። ኣብ ገሊኦም ግን ጸኒሑ ' ዩ ዝኽሰት።

እቲ ናይ ምእራግ ስጋዊ ለውጢ፡ ከም እንሓጽር፡ ከም እንዝሕትልን ከም እንትክዝን ይገብረና። እቲ ኣብ ኣካላትና ዝካየድ ናይ መግቢ ምሕቃቕ መስርሕ ስለ ዝንኪ፡ ድርቀት ይገብረልና። ስለዚ፡ ብዙሕ ማይ ምስታይ ኣገዳሲ እዩ።

ምንካይ መስርሕ ምሕቃቕን እርጋንን፡ ብዙሕ ከም ዘይትንቀሳቐስን ብዙሕ ከም ዘይትበልዕን ይገብረካ። ስለዚ እቲ እትበልዖ መግቢ፡ ጽቡቕ ብቕዓት ዘሎዎ ክኸውን ይግባእ። ከምኡ ' ውን ሚዛናዊ ማኣዛ፡ ቪታሚንን ሚነራልን ዘሎዎ ክኸውን ይግባእ።

ኣረጋውያን ንኽርእዩ፡ ካብ ናይ መንእሰያት ዝዛየደ ብርሃን የድልዮም። ስለዚ፡ ኣብ ገዛ እኹል መብራህቲ ክህሉ ይግባእ። ምስ ትኣርግ፡ ልዑል ድምጺ ክትጻወር ኣይክኣልን። ልዑል ድምጺ ኣብ ዘሎዎ ከባቢ ድማ፡ ቃላት ክትፈላለ ኣይክኣልን።

ስእሊ፡ ዮነር

ኣረጋውያን፡ ሚዛኖም ክሕሉዉ ስለ ዘይክእሉ ካብ ንኣሽቱ ንላዕሊ ምውዳቕ የዘውትሩ። ኣብ ገዛ ንዘጋጥሙ ምውዳቓት ንምክልኻል፡ ብዙሓት ብልሓታት ኣሎዉ። እቶም ንምውዳቕ ጠንቂ ዝኾኑን ዝዕንቅፉን ንኣብነት፡ ናይ ባይታ ምንጻፍን ክብ ዝበሉ ድርኩኺታትን ክእለዩ ይግባእ።

ኣረጋውያን፡ ብብዙሕ ምኽንያታት ካብ ነኣሽቱ ንላዕሊ ብመድሃኒት ተነቀፍቲ እዮም። ኣረጋውያን፡ ኣብ ኣካላቶም፡ ውሑድ ፈሳሲ፡ ግን ከኣ ብዙሕ ስብሒ ኣሎዎም። ስለዚ፡ ገለ ኣብ ስብሒ ዝሓቁ መድሃኒታት፡ ኣብ ኣካላት ናይ ኣረጋውያን፡ ካብ ዝግብኦም ግዜ ንላዕሊ ይጸንሑ።

ናይ ኣእምሮ ለውጢ

ምስ እርጋን፡ ሓንጎል' ውን ይልወጥ እዩ። ብዝሒ ዋህዮታት ሓንጎል ይንኪ። ሓንጎል ድማ ይንእስ። መስርሕ ዕዮኡ ግን ዓቢ ለውጢ ኣይገብርን እዩ። ናይ ምዝካር ተኽእሎ ብዙሕ ኣይጸልን። ቃላት ኣብ ምዝካርን ኣብ ሓፈሻዊ ፍልጠትን ድማ፡ ኣብ ግዜ እርጋን ብዝበለጸ እዩ ዝውስኽ።

ምስ እርጋን ናይ ምርሳዕ ሕማም ይውስኽ። ምንካይ ዝኽሪ ግን ምስ ናይ ምርሳዕ ሕማም ዝተተሓሓዘ ኣይኮነን። ንኣብነት ጥዑይ ምርሳዕ ዝብሃል፡ መረጼንካ ወይ መፍትሕካ ኣበይ ከም ዘንበርካዮ ምርሳዕ እዩ። መረጼን ዓይንን መፍትሕን ከም ዘሎካ ክትርስዕ ከሎኻ ወይ ድማ ኣብ ሓደ እትፈልጦ ቦታ ኬድካ ኣበይ ከም ዘሎኻ ክጠፍኣካ ከሎ ግን፡ ምልክት ሕማም ረሲዕ እዩ።

ብኣካልን ብኣእምሮን ንጡፍ ምኻን ጽቡቕ እዩ። ሓንጎል ወድሰብ ብመገዲ ቃላት፡ ስእሊ፡ ደርፊ፡ ሙዚቃ፡ ጸወታን ስሓቕን፡ እንስሳታት፡ ተፈጥሮን ማሕበራዊ ርክባትን፡ ኩሉ ግዜ' ዩ ክምሃር ዝደሊ። ሓንጎል ወድሰብ ንኽምሃር እርጋን ኣይፈልጥን እዩ። ምስ ኣረግካ ንሓደ ነገር ክትምሃሮ ግን፡ ነዊሕ ግዜ እዩ ዝወስድ።

ሓንጎል፡ ብብዙሓት መድሃኒታት ተነቃፊ እዩ። ንኣብነት፡ ቅሳነት ዘምጽኡን መደቀስን መድሃኒታት፡ ከምኡ' ውን ቃንዛ ደው ዘብሉ ሞርፊን ዘሎዎም ዝበዝሑ መድሃኒታትን ማለት' ዩ።

ማሕበራዊ ለውጢ

ኣብ ግዜ ጡረታ፡ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ህይወትካ፡ ንግዜኻ ከመይ ጌርካ ከም እትጥቀመሉ እትውሰነሉ እዋን ይጅምር። ድሕሪ 65 ዓመት ዕድመ ጡረታ፡ ኣብ ስራሕ ዝቕጽሉ ኣረጋውያን ብዙሓት እዮም። ገሊኦም ድማ፡ ደሞዝ ዘይብሉ ወለንታዊ ስራሕ ይሰርሑ።

ኣብ ግዜ እርጋን ዝህሉወካ ጽቡቕ ህይወትን ናብራን፡ ግሩም ዝኾነ ህይወት ንኽተሕልፍን ኩነታት ህይወትካ ትርጉም ንኽህሉዎን ንነገራት ከመይ ጌርካ ትወጋግኖም ይውሰኖ እዩ። መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ ህይወት መቐረት ዝህሉዎ፡ ምስ ሕብረተሰብ ምስ ዝተኣሳሰር እዩ። ንጡፍ ምኻን፡ ተደላዪ ምኻንን ምስ ከማኻ ሰባት ድማ ጽቡቕ ምሕዝነት ምህላውን ዝኣመሰሉ ነጥብታት ወሰንቲ እዮም።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ፡ ማቲልዳ ካርልሶን፣ ከተማ ዮተቦርይ

ናብ ኣረጋውያን ዝዓለመ ንጥፈታትን ሓለፋታትን፡

ናብ ኣረጋውያን ዝዓለሙ፣ ብዙሓት ንጥፈታትን ሓለፋታትን ኣለዉ።

ንጡረተኛታት ዝኸውን ንጥፈታት ዘዳሉዋ ብዙሓት ማሕበራት ኣሎዋ። ሓንቲ ካብኣተን፣ 'ሃገራዊ ውዱብ ጡረተኛታት PRO' እያ።

ኣብ ብዙሓት ኮምዩናት ሽወደን፣ ኣረጋውያን፣ ኣብ ምዓልቲ ንዝተወሰኑ ሳዓታት፣ ብናይ ህዝባዊ መጎዓዝያ ገይሮም፣ ብናጻ ወይ ብትሑት ዋጋ ክገሹ ይኽእሉ።

ዕድመ ዝደፋእካ ኺንካ ብህዝባዊ መጓዓዝያ ንኽትገይሽ ዘጸግም ስንክልና ምስ ዝህልወካ፣ 'ናይ ኣገልግሎት መጓዓዝያ' ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ። ስለዚ፣ ኣውቶቡስ ወይ ድማ ባቡር ካብ ትጥቀም፣ ትሑት ዋጋ ከፊልካ ታክሲ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ። ኣገልግሎት መጓዓዝያ ንኽትረክብ፣ ኣብቲ ዝተመዝገብካሉ ኮምዩን፣ ኣቕዲምካ ሕቶ ኣቕርብ። ምስኡ ኸኣ፣ ካብ ሓኪም ዝተዋህበን ብህዝባዊ መጎዓዝያ ክትገይሽ ከም ዘይትኽእል ዝገልጽን ናብ 'ኣገልግሎት መጎዓዝያ'፣ ወረቐት ምስክር ልኣኽ።

ኣብ ውሽጢ ኮምዩንካ ዝካየድ ጉዕዞ ግን፣ ብፍለክስሊንየር (flexlinjer) ክትጎዓዝ ትኽእል ኢኻ። እዘን ኣውቶቡሳት 'ዚኣተን፣ ከብደን ምስቲ ማርሻበዲ ማዕረ ዝኾና ኣውቶቡሳት እየን። ከምዚ ብምኺነን ድማ፣ ዓረብያ ስንኩላን ዝጥቀም ሰብ፣ ንምድያብን ንምውራድን ይቐለሉ ማለት'ዩ። እዚኣተን፣ ካብ'ተን ካልኦት ህዝባውያን መጎዓዝያታት፣ ዝያዳ ናብ መንበሪ ኣባይቲ ቅርብ ኢለን ይጎዓዛ። እተን ኣውቶቡሳት፣ ናብቲ ዝተመዝገባኦን ዝተመደባኦን ቦታ ጥራይ እየን ዝኸዳ ወይ ሰብ ዘውርዳ። ስለዚ፣ እቲ ናይ ጉዕዞ መገድን ግዜን ሓሓሊፉ ይለዋወጥ እዩ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ጡረታ (Pensioner)

ጡረታ፣ ዕድመ ደፊእኩም ስራሕ ደው ምስ ኣበልኩም እትወስዱዎ ገንዘብ ‘ዩ። ክንደይ ዝመጠኑ ጡረታ ይውሃበኩም፣ ክፈላለ ይኽእል ‘ዩ። መጠን ዝውሃበኩም ጡረታ፣ ደሞዝኩም ክንደይ ነይሩ፣ ክንደይ ዝኸውን ግዜ ሰሪሕኩም፣ ክንደይ ዝኸውን ገንዘብ ከ ኣቑሚጥኩም ኣብ ዝብሉ ረቓሒታት ይምርኮስ።

ጡረታኻ፣ ካብ ዝተፈላለዩ ሽንኻት ክመጽእ ይኽእል እዩ። ገለ ክፋሉ ከም ሓፈሻዊ ጡረታ ኮይኑ ካብ ‘ሃገራዊ ወኪል ጡረታ (Pensionsmyndigheten)’ ፣ ገለ ክፋሉ ድማ፣ ከም ናይ ኣገልግሎት ጡረታ ኮይኑ፣ ካብ ውሃብ ስራሕካ እዩ ዝመጽእ። ውልቃዊ ናይ ጡረታ ውህሉል ‘ውን ክህሉወካ ይኽእል እዩ። እዚኣቶም ንሓድሕዶም ኣይጸላለዉን እዮም። ኩላቶም ተደማሚሮም እዮም ድሙር ጡረታኻ ዝኾኑ።

ጡረታ ምኣስ ከም እትወጽእ ዝውስን፣ ንስኻ ባዕልኻ ኢኻ። ካብ ግቡእ ግዜኻ ዶንጊኻ ጡረታ ምስ እትወጽእ፣ ኣብ ወወርሑ ዝበዝሐ ክፍሊት ይውሃበካ። ገለ ክፋል ናይ ሓፈሻዊ ጡረታኻ፣ ኣቑዲምካ 61 ዓመት ምስ መላእካ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ። ግን ከኣ ክሳዕ 67 ዓመት እትመልእ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ። ስራሕካ ክትቅጽል ምስ እትደሊ ከኣ፣ ምስ ውሃብ ስራሕካ ክትሰማማዕ ይግባእ።

ስእሊ: ማግኑስ ግላንስ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ክንደይ ክፋል ናይቲ ጡረታ ክትወስዶ ከም እትደሊ፡ ባዕልኻ ኢኻ ትመርጽ። ኣብ መንጎ 25% - 100% ናይ ጡረታኻ፡ ወርሓዊ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ። ፍርቂ ጡረታኻ እናወሰድካ ፍርቂ ናይ ስራሕ ግዜ ክትሰርሕ ምርጫ ኣሎካ።

ሓፈሻዊ ጡረታ (allmän pension)

ሓፈሻዊ ጡረታ፡ ነቶም ኣብ ሽወደን ዝነብሩን ዝሰርሑን ዝምልከት መሰል እዩ። እዚ ጡረታ ' ዚ መንግስታዊ ኮይኑ፡ ብ ' ሃገራዊ ወኪል ጡረታ (Pensionsmyndigheten) ' ኣቢሉ ይኽፈል። ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብዚ መርበብ ' ዚ **www.pensionsmyndigheten.se** ኣቲኹም ኣንብቡ።

ብዛዕባ ሓፈሻዊ ጡረታኻ ብተወሳኺ ክትፈልጥ ምስ እትደሊ፡ ምስ ' ሃገራዊ ወኪል ጡረታ ' ብተለፎን ወይ ኣብ ቤት ጽሕፈት ውሃቢ ኣገልግሎት ቆጸራ ብምሓዝ ብውልቂ ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ።

ክትሰርሕ : ክትምሃር ወይ ዕረፍቲ ወላዲ ክትወስድ ከለኻ፡ ዓመት ዓመት፡ ንጡረታኻ ዝኸውን ገንዘብ ተዋህልል። ሓፈሻዊ ጡረታ፡ ብእቶታዊ ጡረታን ብክፍሊታዊ ጡረታን ይቐውም። እዚ ድማ፡ ኣብ እቶትካ ይምርኮስ። ውሑድ ወይ ምንም እቶት ዘይነበረካ ምስ እትኸውን፡ ውሕስነታዊ ጡረታ ትረክብ።

- እቶታዊ ጡረታ (**inkomstpension**)
  ክንደይ ዝመጠኑ እቶታዊ ጡረታ ትረክብ፡ ኣብ እቶትካ ' ዩ ዝምርኮስ። ዓመት ዓመት፡ 16% ናይ እቶትካ ወይ ደሞዝካ፡ ንእቶታዊ ጡረታ ትኸፍሎ። ብዘይካ ካብ ስራሕካ እትረኽቦ እቶት፡ ናይ ስራሕ ኣልቦ ካሕሳ፡ ናይ ሕማምን ስንክልናን ካሕሳ፡ ከምኡ ' ውን ናይ ወላዲ ካሕሳ ' ውን ከም እቶት ይቑጸር እዩ።



ምንጪ: Pensionsmyndigheten

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

- ክፍሊታዊ ጡረታ（**premiepension**）
  ዓመት ዓመት 2.5% ናይ ኣታዊኻ ወይ ደሞዝካ፡ ከም ንረብሓዊ ወፈያ ተቐማጢ ትኽፍል። እዚ ኽኣ ክፍሊታዊ ጡረታ ይብሃል። እዚ ረብሓዊ ትካል ' ዚ፡ ብብርክታት ዝቐመ እዩ። ገንዘብካ ኣበየኖት ብርክታት ከም ዝኣቱ ባዕልኻ ኢኻ ትውስን። ስለዚ፡ ክንደይ ዝመጠኑ ክፍሊታዊ ጡረታ ከም እትረክብ፡ እቲ ዝኽፈልካዮ ድምር ገንዘብን ፡ ገንዘብካ ክትወስድ ከለኻ እቲ ኣብቲ ትካል ዘሎ ብርክታት ከመይ ይኽይድ ኣሎን እዩ ዝውሰኖ።
- ውሕስነታዊ ጡረታ（garantipension）.
  ውሕስነታዊ ጡረታ፡ ነቶም እቶት ዘይነበሮም ወይ ትሑት እቶት ናይ ስራሕ ዝነበሮም ' ዩ ዝምልከት። ምሉእ ውሕስነታዊ ጡረታ ክትወስድ፡ ኣብ ሽወደን፡ እንተ ወሓደ 40 ዓመታት ዝተቐመጥካ ክትከውን ኣለካ። ኣብ ሽወደን፡ ካብ 40 ዓመታት ንታሕቲ እንተ ተቐሚጥካ፡ ውሕስነታዊ ጡረታ፡ ትሕት ይብል። ውሕስነታዊ ጡረታ፡ ካልኣ ዓይነት ጡረታ እንተለካ ' ውን ትሕት ክብል ይኽእል ' ዩ። ንኣብነት እቶታዊ ጡረታ እንተለካ።

ሞያዊ ጡረታ (tjänstepension)

ሞያዊ ጡረታ፡ ክፋል ናይ ' ቲ ወሃብ ስራሕካ ዝኽፍሎ ጡረታ ' ዩ። ዝበዝሑ ስራሕተኛታት፡ መሰል ሞያዊ ጡረታ ኣሎዎም። ሞያዊ ጡረታኻ እንታይ ከም ዝመስል፡ ማሕበራት ሞያውያንን ወሃብቲ ስራሕን ዝበጽሑዎ ስምምዕ ' ዩ ዝውሰኖ። ተምሃራይ፡ ሽቕለት ኣልቦኻ፡ ሓባራዊ ውዕል ዘይብሉ ስራሕ ዝሰርሕ፡ ከምኡ ' ውን ብዓል ዋኒን፡ ሞያዊ ጡረታ ኣይረክብን ' ዩ።

ናይ ውልቅኹም ትካል ምስ ዝህልወኩም፡ ባዕልኻትኩም ኢኹም ገንዘብ ጡረታኹም ትኽፍሉ። እዚ ኽኣ ባዕላዊ - ክፍሊት（egenavgift）ይብሃል።

ውልቃዊ ጡረታ (privat pension)

ንጡረታኻ ዝኽውን ገንዘብ፡ ባዕልኻ ክትቁጥብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ባንኪ ወይ ኣብ ሓደ ' ኩባንያ ውሕስነት ጡረታ ' （pensionsförsäkringsbolag）፡ ኣብ ' ማእከል ውሕስነት ናይ ዝተኣከበ ገንዘብ（fondförsäkring）' ክትቁጥብ ትኽእል ኢኻ። ወርሒ ወርሒ፡ ክንደይ ዝመጠኑ ገንዘብ ከም እትቑጥብን ምቑጣብ ምዓስ ከም እትጅምርን ትውስን ባዕልኻ ኢኻ።

ጽገናዊ መናበዩ ሓገዝ ንእርጋን(Äldreförsörjningsstöd)

ዝውሃበኩም መጠን ጡረታ ምስ ዘይኣኽለኩም፡ ' ጽገናዊ መናበሪ ሓገዝ ንኣረጋውያን（Äldreförsörjningsstöd）' ዝተሰምየ ሓገዝ ክግበረልኩም ይኽእል። 65 ዓመት መሊእኩም፡ ኩሉ ዝምልከተኩም ናይ ጡረታ ሓለፋታት እናወሰድኩም፡ ከናብረኩም ምስ ዘይክእል፡ ' ጽገናዊ መናበሪ ሓገዝ ንኣረጋውያን ' ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ሓገዝ ንምርካብ ከተመልክቱ እንከለኹም፡ ብዓል መዚ ጡረታ፡ ተወሳኺ ሓገዝ ክራይ - ገዛ（bostadstillägg）ይግብኣኩም ድዩ ወይስ ኣይፋሉን ' ውን ይርኢ እዩ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ተወሳኺ ሓገዝ ክራይ-ገዛ ንጡረተኛታት

ሓገዝ ክራይ-ገዛ’ ፡ ኣብ ልዕሊ ሓፈሻዊ ገንዘብ ጡረታ ዝውሃብ ተወሳኺ ገንዘብ እዩ። ክንደይ ዝኸውን ተወሳኺ ሓገዝ ክራይ-ገዛ ክውሃበኩም ይኽእል ንዝብል ሕቶ፡ ኣብ እትኸፍሉዎ መጠን ክራይ-ገዛ፡ ኣታዊኹም፡ እትውንኑዎ ንብረት፡ ኩነታት ስድራቤትኩምን ዝኣመሰሉን ረቓሒታት ዝተመርኮሰ እዩ።

65 ዓመት መሊእኩም፡ ምሉእ ገንዘብ ሓፈሻዊ ጡረታኹም ክትወስዱዎ ድሕሪ ምጅማርኩም ኢኹም፡ ነዚ ሓገዝ’ ዚ ክውሃበኩም ክትሓቱ ትኽእሉ። ኣብ ከመይ ዓይነት ኩነታት ትነብሩ ኣለኹም ብዘየገድስ፡ ንኣብነት ኣብ ገዛ-ኽራይ ወይ ኣብ ዝገዛእኩሞ ገዛ፡ ነዚ ሓገዝ’ ዚ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ንብረት ምስ ዝህልወኩም’ ውን ብተመሳሳሊ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ንተወሳኺ ኣፍልጦ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ብዓል መዚ ጡረታ **www.pensionsmyndigheten.se** ኣቲኹም ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ምስ ጡረታኻ ናብ መጻኢ ሃገር ምግዓዝ፡

እቶታዊ ጡረታ፡ ክፍሊታዊ ጡረታ፡ ሞያዊ ጡረታ፡ ከምኡ’ ውን ውልቃዊ ጡረታ ሒዝካ ኣብ ካልእ ሃገርን ንዘይተወሰነ ግዜን ክትቅመጥ ይክኣል እዩ። ነቲ ናይ ውሕስነት ጡረታ garantipension ግን፡ ክትቅጽሎ ትኽእል ኣይመስልን። ነዚ፡ ኣበይ ሃገር ከም ዝገዓዝካን እንታይ ሓለፋታት ከም ዘሎካን እዩ ዝውስኖ። ናብ ውሽጢ ሃገራት EU/EES ስዊዘርላንድን ሓድሓደ ግዜ ድማ፡ ናብ ካናዳ ምስ እትግዕዝ፡ ነቲ ውሕስነት ጡረታ ክትሕዞ ትኽእል ኢኻ። እቲ ’ጽገናዊ መናበሪ ሓገዝ እርጋን’ ግን ካብዛ ሃገር ወጺኻ ክትከይድ ከሎኻ ጀሚሩ እዩ ዘቋርጽ።

ምክንኻን ኣረጋውያን (Äldreomsorg)

ሓደ ሰብ ምስ ዝኣርግ፡ ዝበዝሕ እዋን ኣብ መዓልታዊ ህይወቱ ደገፍ ይደሊ። ኣብ ሽወደን፡ ብመሰረት እቲ ሕጊ፡ ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት ካብቲ ሕብረተሰብ ደገፍን ክንክንን ክረኽቡ መሰል ኣሎዎም። ኣብ ካልኦት ሃገራት፡ እቲ ልምዲ፡ ስድራቤትን ኣዝማድን’ ዮም ብዕድመ ንዝደፍኡ ዝከናኸኑዎም። ኣብ ሽወደን ግን፡ ዝበዝሕ ግዜ፡ እቲ ሕብረተሰብ እዩ ደገፉ ዝውፊ። ስድራቤት፡ ክሳዕ ሕጂ ኣብቲ ናይቲ ኣረጋዊ ህይወት ይሳተፍ እዩ። ምክንኻን ኣረጋውያን፡ ብሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን (socialtjänstlagen) ሕጊ ሓለዋ ጥዕናን (hälso- och sjukvårdslagen) እዩ ዝምራሕን ዝመሓደርን።

ኩሉ እቲ ነቶም ኣረጋውያን ዝውሃቦም ክንክንን ምስ ሓካይምን ክፍሊ ህጹጽ ረድኤትን ዝግበሩ ርክባትን ኮምዩን ወይ ምምሕዳር ዞባ እዩ ሓላፍነት ዝወስደሎም። እዚ ጉዳይ’ ዚ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሽወደን፡ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት እዩ ዝሰርሕ። ብመገዲ ኮምዩን፡ ኣበርክቶ ክንክን ኣረጋውያን ምስ እትደሊ፡ ኣብቲ ናይቲ ኮምዩን ማሕበራዊ ምምሕዳር ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ተወኪሶ። እቲ ኣብቲ ምምሕዳር ዘሎ ሓላፊ ደገፍ (ሃንድሌገረ) ፡ ብዛዕባ ማሕበራዊ ክንክን ኣረጋውያንን መጠኑን ንዘሎ መሰል ይምርምርን ይግምግምን።

ዕላማ ክንክን ኣረጋውያን፣ እቶም ኣረጋውያን፣ ግሩም፣ ናጻን ውሑስን ዝኾነ ህይወት ንኽነብሩ እዩ። ንሳቶም፣ ምስ ካልኦት ብምኽን፣ ትርጉም ዘሎዎ ንጥፈታት ንኽካይዱ ዕድል ክህሉዎም ይግባእ።

መንበሪ ቤት ኣረጋውያን

ብዙሓት ኣረጋውያን፣ ብዝክኣል መጠን ኣብ ገዝኦም ክቕመጡ ይደልዩ። ኣብዚ እዋን’ዚ ኽኣ፣ ብደገፍ ሕብረተሰብን ብዝተፈላለየ ኣብቲ ገዛ ዝግበር ምውግጋንን፣ ኣብ ገገዝኦም ንኽቕመጡ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎዎም። ኣብ ገዛኻ ምእንቲ ክትቅመጥ፣ እቲ ኮምዩን፣ ናይ ክንክንን ኣገልግሎትን ሓገዝ ይገብር እዩ። እዚ ኽኣ ዘቤታዊ ኣገልግሎት (hemtjänst) ይብሃል።

ሰራሕተኛታት ዘቤታዊ ኣገልግሎት፣ ኣብ ምጽራይ ገዛ፣ ምስራሕ መግቢ፣ ምንጻፍ ዓራት፣ ኣካላትካ ንኽትሕጸብን ጭሕምኻ ንኽትላጸን ይሕግዙኻ። ምሽትን ለይትን’ውን ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ሕማም ወይ ጉድኣት ምስ ዝህልወካ፣ ሓደ ኣላዩ ሕሙማን ኣብ ገዛኻ እናመጸ፣ ቁስልኻ ይጅንነልካን ኣፋውስ ኣብ ምውሳድ ድማ ይሕግዘካን።

ኣብ መብዛሕትኡን ኮምዩናት፣ ናይ ቀሊል ዕረያ ሓገዝ ዝህቡ ሰራሕተኛታት’ውን ኣለዉ። እዚኣቶም ሳሕቲ፣ ‘ኣገልግሎት ጽገና’ ይብሃሉ። ንሳቶም፣ ኣሳእል ይሰቕሉልካ ወይ መጋረጃ ይቕይሩልካ። ከምዚ ዝግበር ከኣ፣ እቶም ኣረጋውያን ንኽይወድቁን ንኽይስበሩን እዩ።

ኣብ ገዛ ምቕማጥ ውሕስነት ምስ ዘይስምዓካ፣ ካልእ ተኽእሎታት ኣነባብራ ኣሎ።

ልዑልን ውሑስን ገዛ (Seniorboende och trygghetsboende) ዝብሃሉ ገዛውቲ፣ ንኣረጋውያን ተባሂሎም ዝተሰርሑ ገዛውቲ እዮም። ንሳቶም ንኣብነት፣ ትሕት ዝበሉ ድርኩኺታትን ሰፋሕቲ ሊፍትታትን ኣሎዉዎም። እቲ ኣካራዩ ገዛ፣ ነቶም ኣብ ገዛ ኣረጋውያን ዝቕመጡ፣ እንተወሓደ 55 ዓመት ዝዕድመኦም ክኾኑ፣ እቶም ኣብቲ ውሑስ ገዛ ዝኣትዉ ድማ ካብኡ ዝለዓለ ዕድመ ክህሉዎም ይደሊ። ኣብዚ ገዛውቲ’ዚ ንምንባር ካብ ኮምዩን ፍቓድ ኣየድልን። ባዕልኻ ኢኻ እትካረዮ ወይ እትዕድጎ።

መጽለሊ ወይ ሸልተር (Servicehus) እቲ ኮምዩን ዝውንኖ መንበሪ ኮይኑ፣ ኣረጋውያን ዝካረዩዎ ፍልይ ዝበለ ዓይነት ገዛ ወይ መጽለሊ እዩ። እቲ ሰብ፣ ናብኡ ቅድሚ ምግዓዙ፣ እንታይ ነገራት ከም ዘድልዩዎ ይጽናዕ። ኣብዚ ገዛ’ዚ፣ እቲ ኣረጋዊ፣ ንኣገልግሎት ጽርየት፣ ምስራሕ መግብን ካልኣ ተመሳሳሊ ኣገልግሎታትን ይኽፍል’ዩ።

ፍሉይ መንበሪ ወይ ጉጅለኣዊ መንበሪ፣ ኣብ ክፍሊ ክንክን ጥዕና ዝርከብ ነቶም ብዙሕ ክንክን ዘድልዮም ኣረጋውያን ዝኸውን መንበሪ እዩ። ኣብዚ ንምእታው፣ እቲ ሰብ፣ ከቢድ ሕክምናውን ማሕበራውን ክንክን ዘድልዮን ለይትን መዓልትን ክሕገዝ ዘለዎን ክኸውን ይግባእ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ፡ ጀነይ ጕሙሊትስ፡ ዮነር

ሞት ምስ ዘጋጥም

ሓደ ብዕድመ ዝደፍአ ዘመድ ኣብ ገዛ ምስ ሞተ ነቶም ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ምውካስ ይግባእ። ሓድሓደ ግዜ ንሳቶም ነቲ ሬሳ ብማኪና ናብ ሆስፒታል ይወስዱዎ፣ ኣብኡ ኸኣ እቲ ሓኪም ናይ ሞት ምስክርነት ይህብ። ፍሉይ ለበዋ ምስ ዝህሉዎ፣ ንኣብነት ኣብ ሃይማኖት እተሞርኮሰ፣ ምስ'ቶም ናይቲ ሆስፒታል ሰራሕተኛታት ምዝርራብ ይሓይሽ።

ሽዑ ኣዝማድ ምስ ቀሺ፡ ፓስቶር፡ ራቢን ወይ ኢማም ወይ ናይ ካልእ እምነት ወኪል ርክብ ይገብሩ። ምስ'ቶም ተወከልቲ ማሕበር ኮይኖም ድማ ከከም ኣገባብ እተፈላለየ እምነታት ንቐብሪ ምድላዋት ይገብሩ። ምስ'ቶም ኣብ ርክባትን ኣብ ተግባራዊ ሓገዛትን ዝተሓባበሩኻ ምምሕዳር መካነ-መቓብርን (kyrkogårdsförvaltningen) ምስ ቤት ጽሕፈት ቀብርን (begravningsbyrå) ምዝራብ'ውን ጽቡቕ ክኸውን ይኽእል'ዩ።

ግብኣተ-መሬት

ኣብ ሽወደን ሰብ ሞይቱ ክቕበር ከሎ፡ ኣዝማድን ፈተውትን ኣብ ቀብሪ ምዉት ይርከቡ እዮም። እቲ ስነ ስርዓት ቀብሪ ብኸመይ ክካየድ ከም ዘለዎ ብምዉት ዝቐረበ ለበዋ እንተነይሩ፣ ንዕኡ ምትግባር ልሙድ እዩ። ምዉት ኑዛዜ ዝጸሓፈ ወይ'ውን ኣቐዲሙ ብኸምዚ ክቕበር እደለ ዝበለ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኣንፈት-እምነት መሰረት ዝገብር ዝተፈላለየ ኣገባብ ቀብሪ ኣሎ።

ኣብ ሽወደን ዝበዝሕ እዋን፣ እቲ ስርዓት ቀብሪ ኣብ ቤተ ክርስትያን ወይ ካፐል ይካየድ። ሽወደናዊት ቤተክርስትያን (Svenska kyrkan) ብዘይካ ኣብ'ተን ብኸምዩን ዝካየዳ ስቶክሆልምን ትራኖስን፣ ሃይማኖት ናይ'ቶም ምዉታን ብዘየገድስ፡ ኣብ ልዕሊ መካነ መቓብራት ሓላፍነት ትስከም።

ኣዝማድ ነቲ ናይቲ ኮምዩን ናይ ቀብሪ ወኪል ይውከሱዎ። ንሳቶም ብምምሕዳር ዘጣ ተመዚዞም ነቲ ናይቲ ዝሞተ ለበዋን ናይ'ቶም ኣዝማድ ድሌትን ኣብ ግብሪ የውዕሉ። ንሳቶም ነቶም ኣባላት ሽወደናዊት ቤትክርስትያን

ዘይኮኑ በቲ ናታቶም መገዲ ከም ዝቕበሩ ይገብሩ። ነዚኣቶም ንምርካብ እቶም ኣዝማድ ነቲ ኮምዩን፣ ነቲ ዞባዊ ምምሕዳር ወይ ነቲ ናይቲ ዝሞተ ሃይማኖታዊ ሰበኻ ክውከሱዎ ይግባእ።

ግድን ቀብሪ ከተዳሉ ኣለካ ዝብሉ መምርሒታት የሎዉን። ሬሳ ኣብ ሬሳ ሳጹን ግድን ክኣቱ ‘ለዎ ዝብሉ መምርሒታት ግን ኣለዉ። ምንዳድ - ሬሳ (Kremering) በየናይ ኣገባብ ክትግበር ከም ዘለዎን ፡ ሓመኽኩሽቲ ኣብ መሬት ብኽመይ ክኣቱ ከም ዘለዎን ዝእዝዙ መምርሒታት ‘ውን ኣለዉ። ንደተ - ሬሳ ማለት ፡ እቲ ምዉት ሰብ ምስ ሬሳ ሳጹን ኣብ መንደዲ እቶን ይኣቱ ማለት ‘ዩ። ኣብቲ እቶን ሬሳን ሳጹን ሬሳን ሓሙኽኩሽቲ ክሳብ ዝኾኑ ብሓደ ይነዱ። ኣብ ሓንቲ ንእሽቶ ዕትሮ ድማ ይእከብ፣ ኣብቲ መቓብር ከኣ ይቕበር። እቲ ሓመኽኩሽቲ ኣብቲ መካነ መቓብር፣ ኣብ ፍሉይ ቦታ (minneslund) ‘ውን ክዝሮ ይኽእል ‘ዩ። ነቲ ሓመኽኩሽቲ ኣብ ባሕሪ ክዘርዎ ዝደሊ ፡ ካብ ዞባዊ ምምሕዳር (länsstyrelsen) ግድን ፍቓድ ክረክብ ኣለዎ።

ኣብ መርበብ ሓበሬታ ሽወደናዊት ቤተ ክርስትያን www.svenskakyrkan.se ብዛዕባ መካነ መቓብራትን ኣብቲ እትቕመጠሉ ቦታ ዘሎ መካነ መቓብርን ሓበሬታ ኣለካ።

እቲ ሬሳ ኣብ ወጻኢ ሃገር ንኽቕበር ድሌት እንተሎ፣ ነቲ ሬሳ ናብ ወጻኢ ንምስዳድ ክፍሊት ዘሎዎ ኣገልግሎት ዝህብ ‘ቤት ጽሕፈት ቀብሪ’ ዝብሃል ትካል ኣሎ።

ኣብ ሽወደን ኣብ መንጎ ሞትን ቀብርን ዘሎ ግዜ ብልምዲ ክልተ ሰሙን እዩ። እቶም ኣዝማድ ምስ ዝድልዩ እቲ ሬሳ ቀልጢፉ ክቕበር ይኽእል እዩ። ብሕጊ ሽወደን ግን እቲ ምዉት እንተ ደንጎየ ድሕሪ ሞት ኣብ ሓደ ወርሒ ክቕበር ወይ ክነድድ ኣለዎ።

ኣብ ሽወደን ክፉት ቃሬዛ ልሙድ ኣይኮነን፣ ግን ከኣ ዝኽልክል ሕጊ ‘ውን የልቦን።

ኣብ ሽወደን ናይ ቀብሪ ግብሪ ይኽፈል እዩ። እቲ ክፍሊት ነቲ ቦታን ነቲ ቤትጸሎትን ንምጥቃም መሰል ይህብ። እቲ ክፍሊት ነቲ ካብ ገዛ ናብ መቓብር ዚግበር ናይቲ ቃሬዛ ናይ ጕዕዞ መሰል እውን የጠቓልል እዩ።

ኣብ ሽወደን 83% ናይ ‘ቶም ዝሞቱ ስነ ስርዓት ቀብሪ ኣብ ቤተ ክርስትያን እዩ ዝካየድ። ኣብኡ፣ ካህን ቅዳሴ የስምዕ። ቅዳሴ ክግበረልካ ኣባል ሽወደናዊት ቤተ ክርስትያን ክትከውን ኣለካ። ኣባል ምስ እትኸውን፣ እቲ ናይ ቀብሪ ስነ ስርዓት፣ ክፍሊት የብሉን። ቤተ ክርስትያናዊ ስነ ስርዓት ቀብሪ፣ ኣብ ናጻ ቤተ ክርስትያን፣ ኣብ ናይ ካቶሊክ ወይ ተዋህዶ ኣብያተ ክርስትያን ‘ውን ይካየድ እዩ።

ሲቪላዊ ቀብሪ ካብ ሃይማኖት ናጻ እዩ። ስለዚ፣ ኣብ ቤተ ክርስትያን ኣይካየድን። እዚ፣ ኣብ ሓደ ቤት ጸሎት ኣብ ጃርዲን ወይ ኣብ ክፉት ናይ ተፈጥሮ ቦታ ይካየድ። እቲ ስነ ስርዓት፣ በቲ ሲቪላዊ ናይ ቀብሪ ወኪል ይካየድ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ስእሊ: Colourbox

መሰል ውርሻ

ሓደ ሰብ ምስ ዝመውት መን እንታይ ይወርስ ዝሕብር ሕጊ ኣሎ። እዚ፣ ኣብቲ መሰል ውርሻ ዝብል ሕጊ ሽወደን ሰፊሩ ኣሎ።

መዋቲ ምርዑው እንተ ነይሩ፣ እቲ ብህይወት ዘሎ ብዓል ቤት ንኹሉ ይወርሶ። እዚ ወላዲ'ዚ ምስ ሞተ ድማ፣ ደቆም ይወርሱዎ። እቲ ብህይወት ዘሎ ወላዲ፣ ክሳብ ዝመውት፣ ነቲ ንብረት ድላዩ ክገብሮ ይኽእል'ዩ።

መዋቲ፣ ካብ ካልኣ ዝተወልዱ ደቂ እንተሃልየሞ፣ እቶም ደቂ ንኣለቱ ውርሻኦም ክወስዱ ይኽእሉ'ዮም። ውርሻ ክይወሰዱ'ውን፣ ብዓል ቤት ወይ ብዓልቲ ቤት መዋቲ/መዋቲት ክሳብ ዝመውት ወይ እትመውት ክጸንሑ ይኽእሉ'ዮም። መዋቲ ምርዑው እንተ ዘይነይሩ፣ ደቁ ንኹሉ ይወርሱዎ። መወትቲ፣ ዝወርሱ ደቂ ምስ ዘይህልዉዎም፣ ወለዶም ወይ ኣሕዋቶም ይወርሱዎ።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድመኦም ደቂ ዘለዉዎ ወላዲ ምስ ዝመውት፡ እቶም ደቂ፡ በቲ ኣላዩኦም ሓገዝ ይረኽቡ። ኣላዩ ማለት፡ እቲ ናይ ' ቶም ቆልዑ መሰላት ኣብ ግብሪ ምውዓሉ ዝከታተል ሰብ እዩ።

ንብረት ምዉት

ንብረት ምዉት ዝብሃል፡ ኩሉ ' ቲ እቲ ምዉት ገዲፉዎ ዝኸይድ ገንዘብን ንብረትን እዩ። እቶም መሰል ዘሎዎም ኣዝማድ፡ ነቲ ናይቲ ምዉት ንብረት ብሓባር ይወርሱዎ።

ምምቕቓል ንብረት፡ ምምዝጋብ ንብረትን ምክፋል ውርሻን

እቲ ዝሞተ ምርዑው እንተ ነይሩ ' ሞ ምስ ብጸይቱ ንብረት እንተ ነይሩዎ፡ እቲ ንብረት መጀመርታ ኣብ መንጎ ምርዑዋት ይምቀል። እዚ ድማ፡ ምምቕቓል ንብረት ይብሃል። እዚ ምስተገብረ፡ እቲ ንብረት ይከፋፈል።

ምምዝጋብ ንብረት ማለት፡ ኣብ ልዕሊ ናይቲ ዝሞተ ሰብ ንብረት፡ ጥሪትን ዕዳን ቀጽጽር ይካየድ ማለት እዩ። እዚ፡ ሰለስተ ኣዋርሕ ድሕሪ ሞት ክዛዘም ኣለዎ፡ ንምምቕቓል ድማ መሰረት ይኽውን። እዚ ድማ ናይቲ ዝሞተ ሰብ ንብረት ይከፋፈል ኣሎ ማለት እዩ።

ኑዛዜ (Testamente)

ኑዛዜ፡ ሕጋዊ ሰነድ ' ዩ። እቲ ኑዛዜ ዝገድፍ ሰብ : መን እንታይ ይወርስ ባዕሉ ክውሰን ይኽእል ' ዩ። ፍልይ ዝበለ ነገር ግን ኣሎ። ቀጥታ ወራሲ (ደቂ ምዉት : ደቂ ደቁ ንምዉት ወይ ከኣ ደቂ - ደቂ - ደቁ ንምዉት) ሕጋዊ ብጽሒቱ ክሓትት መሰል ኣሎዎ።

ኑዛዜ፡ ሓድ ሓደ መምርሒታት ክኽተል ኣለዎ። ንኣብነት ብጽሑፍ ክሰፍር ኣለዎ። ክልተ መሰኻኽር ክፍርሙሉ ኣለዎም። ስለ ' ዚ ቅድሚ ኑዛዜ ምጽሓፍካ ንኪኢላ ሕጊ ምሕታት ጽቡቕ ' ዩ።

ከይተመርዓዉ ሳምቦ ኮይኖም ተኣኻኺቦም ዝነብሩ፡ ብዘይ ውዓል ሕደር ንብረት ኣይማቐሉን። ነንሕድሕዶም (እቲ ወይ እቲ ሓደ ምስ ሞተ) ክወራረሱ እንተ ደልዮም ለበዋ ክጽሕፉ ይግባኦም።

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ሕቶታት ዘተ ምዕራፍ 8

መጠን ብዝሒ ኣረጋውያን ካብ ካልኢ ጕጅለታት ዕድመ ንላዕሊ ክውስኽ፡ ንሓንቲ ሃገር እንታይ ማለት እዩ?

ዕድመ ምስ ደፋእካ፡ ደስ የብል እዩ ኢልካ እትሓስቦ እንታይ እዩ?

ኣብ ሽወደን፡ ኣብ ልዕሊ ኣረጋውያን ዘሎ ኣረኣእያ ካብቲ ዝለመድካዮ ወይ ትፈልጦ እንታይ ፍልልይ ኣሎዎ?

ቅድሚ ጡረታ ምውጻእካ፡ እንታይ ክትምድብ የድሊ?

ኣብ መንጎ ሃገርካን ኣብ መንጎ ሽወደንን ብዛዕባ ክንክን ኣረጋውያን እንታይ ተመሳሳልነት ወይ ፍልልይ ኣሎ?

ኣብ መንጎ ሃገርካን ኣብ መንጎ ሽወደንን፡ ንስነ ስርዓት ቀብሪ ብዝምልከት፡ እንታይ ፍልልይ ወይ ተመሳሳልነት ኣሎ?

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ዝተኣከቡ መወከሲታት

1177.se

Adbsverige.se
Almi.se
Antagning.se
ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ - ስራሕ

BankID.com
Barnkonventionen.se

CSN, Centrala Studiestödsnämnden

ተጸዋዒ ኣግልሎ

Ekonomifakta.se
Elpriskollen.se
ብዓል መዚ ጸዓት
ሓበሬታ - ኤውሮጳዊ ሕብረት

ብዓል መዚ ህዝባዊ ጥዕና
ህዝባዊ ክሊኒክ ክንክን - ስኒ (*መንግስታዊ ትካል*)
ውድብ ሕቡራት ሃገራት
ትካል ውሕስነት

ከተማ ዮተቦሪ

ሃሎ ኮንሱመንት

ተቈጻጸርቲ ጥዕናን ማሕበራዊ ሓልዮትን፡ IVO

ብዓል መዚ ሕርሻ

Kronofogden
Kvinnofridslinjen (*መስመር ተሌፎን ሰላም ደቀኣንስትዮ*)

ህያው ታሪኽ (levandehistoria.se)
ሃገራዊ ትካል መግቢ (*ብዓል መዚ ጉዳያት መግቢ*)
ሓበሬታ ሕክምናዊ ፍርያት
ምምሕዳራዊ ሽማግለ ዞባ

Minoritet.se
Manskligarättigheter.se - *ናይ መንግስቲ መርበብ ሓበሬታ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት*
ሚግራሽንስቨርክት
ብዓል መዚ ኣብያተ ትምህርቲ ሞያ

ብዓል መዚ ኣካባብያዊ ሓለዋ

ብዓል መዚ ጡረታ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ ወረዳዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

ፖሊስ

ሃገራዊ ማሕበር መሰል ናይ ግብረ - ሶደሞኛታት፣ ድርብ ጾታዊያን፣ ስግረ - ጾታዊያንን ኩየርን፣ RFSL
ሃገራዊ ማሕበር ንጾታዊ ሓበሬታ፣ RFSU
ሃገራዊ ማሕበር ክልከላ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ፣ RISK

Samer.se
ብዓል መዚ ግብሪ
ብዓል መዚ\ምኒትስሪ ትምህርቲ
ብዓል መዚ ማሕበራዊ ጕዳያት
ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ስታትስቲክስ
Studera.nu
ቤተ ክርስትያን ሽወደን
ኣብያተ ፍርዲ ናይ ሽወደን
ኣብያተ ፍርዲ ናይ ሽወደን (ቤት ፍርዲ ክራይ)
ናይ ሽወደን ተለቪዥን፣ SVT
መንግስቲ ሽወደን
ባይቶ ሽወደን
ናይ ሽወደን ናይ ባይቶ ኤውሮጳዊ ሕብረት - ሓበሬታ
ሲስተምቡላገት (ሃገራዊ ድኳን መሸጣ መስተ)

ቴራፊም
ብዓል መዚ ቀጠባውን ዘባውን ምዕባለ
ብዓል መዚ መንዓዝያ

ሽማገል ዩኒቨርሲቲን ኮለጅን፣ UHR
Unizon.se
Utbildningsinfo.se

ብዓል መዚ መረጻ
Verksamt.se
ቬስትትራፊክ

© ናይ ቨስትራ ዮታላንድ መረጻዊ ምምሕዳርን ከተማ ዮተቦሪን

እዛ መጽሓፍ እዚኣ፡ ነቶም ንሽወደን ንፈለማ እዋን ዚመጹ እያ ተጻሒፉ።።

እዛ መጽሓፍ ብዛዕባ ማሕበረሰብ ሽወደን እትሕብር’ያ።።
ኣብ’ዛ መጽሓፍ እዚኣ፡ ንትካላት መንግስቲ ሽወደን፡ ሕግታትን መምርሕታትን፡ ስራሕን ትምህርትን፡ ጥዕናን ሓለዋ ጥዕናን፡ ቁልዑን ስድራቤትን ዚምልከት ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ።።

እታ መጽሓፍ ብመገዲ **www.informationsverige.se** ኣዝዛ።።

ከተማ ዮተቦሪ

ምምሕዳር ቨስትራ ዮተላንድ

978-91-984845-9-5